# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

6ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-124-4

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሬፐብሊክ ኢትዮጵያ

ዋጋ የኢትዮ 48.95

ትምህርቲ ሕብረተሰብ መፅሓፍ ተምሃራይ 6ይ ክፍሊ

MOE



# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

6ይ ክፍሊ



ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሬፐብሊክ ኢትዮጵያ

## ነዚ መፅሓፍ ኣዝዩ ዝነኣድ ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቕን ዝኾነ ክንክንን ሓለዋን (ኣተሓሕዛ) ይግበሩሉ




እዚ መፅሓፍ ንብረትን ሃፍትን ቤት ትምህርትኹም እዩ።

ንኸይበላሸው፣ ንኸይጉዳእን ንኸይጠፍእን ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቕን ዝኾነ ኣተሓሕዛ ግበሩ።

ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቕን ዝኾነ ኣተሓሕዛ (ክንክንን ሓለዋን) መፅሓፍ ንክህልው ዝሕግዙ ዝስዕቡ ኣገደስቲ ዝበሃሉ 10 (ዓሰርተ) ሓሳባት (ትእዛዛት) ኣለዉ።

1. መፅሓፍ ብላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይድማ ልሙፅ ዓብዪ ወረቐት ወዘተ ምሽፋን (ምጥራዝ)።
2. ኩልሻዕ ኣብ ፅሩይን ደረቕን (ንቑፅን) ቦታ መፅሓፍ ምቕማጥ።
3. መፅሓፍ ንኽትጥቀም እንትትሕዝ ኢድካ ፅሩይን ንፁህን ምዃኑ ምርግጋፅ።
4. ኣብ ሽፋን ይኹን ኣብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ፅሑፍን ምልክትን ዘይምግባር።
5. መፅሓፍ እንትትጥቀም ኣብውሽጡ ቁራፅ ወረቐት ወይድማ ካርዲ ንምልክት ምጥቃም።
6. ካብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ስእሊ ወይድማ ገፅ ዘይምቕዳድ፣ ዘይምውሳድ።
7. ዝተበላሸወ ወይድማ ዝሃሰሰ ፅሑፍ እንትገጥም ምድማቕን ምሕዳስን የድልይ።
8. መፅሓፍ ናብ ቦርሳ እንትተእትዉ ግቡእ ጠመተ ምሃብን ብውነ ምስትውዓልን የድልይ። ህድእ ኢልኩም ከይቕደድን ከይዕፀፍን ጥንቃቓ ክትገብሩ ይግባእ።
9. መፅሓፍ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ እንትሓልፍን ኣብ ምቅብባልን ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር።
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ እንትትጥቀሙ ብስርዓትን ብዝባንን ምሉእ ብምሉእ ገፁ ምቕማጥ። ብሓደ ግዘ ውሑድ ገፃት ጥራሕ ምርኣይ ይግባእ። ኦዐሪኻ ዘይምሕሳይ። ካብ ገፅ ናብ ገፅ ምስግጋር እንትህልው ጠርዚ ሕድሕድ ገፅ ከይጉዳእ ብጥንቃቐ ቀስ ኣቢልካ ምግልባጥ (ክሳብ ዝለምድ)። እዚ ንሽፋንን ጠርዝን መፅሓፍ ብፅቡቕ ኩነታት ንምሓዝ ዝሕግዝ እንትኸውን እቲ መፅሓፍ'ውን ነዊሕ ዕድመ ንኸገልግል ይሕግዝ።

# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

### 6ይ ክፍሊ


መዳለውቲ፤

ሞላ ተድላ ብሩ (M.Sc.)

ፀሃዩ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A.)

ገምገምቲ፤

ሮማን ግደይ

ኣለም ኣፀብሃ

ጠዓመ ገብሩ



ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፈንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ልቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 - ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ።

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ። መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ። ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓላለፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቅዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይከኣልን።

ኣብ ምድላውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ። ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'የ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢሩን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ።

ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣዝዮም ብዙሓት ካርታታትን ስእልታትን ከምኡ'ውን ሰደቓታትን ኣለዉ። እዚኦም ካብ ኢንካርታ፣ በዓልመዚ ስራሕቲ ካርታ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ማእከላዊ ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ፣ ኢንቴርኔትን ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ከምኡ'ውን ብውልቀ ካብ ኣይተ ሞላ ተድላ ብሩ (ዋና መዳለዊ'ዚ መፅሓፍ) ዝተወሰዱ ብምዃኖም ነዚኦም ብምልኦም ግቡእ ኣፍልጦ እናሃብና ስለተጠቐምናሎም ድማ ኣዚና ካብ ልቢ ነመስግን፡፡

© ፈለማ ወርሒ ሓምለ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ

**ምድላው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ**

ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

**ከምኡ'ውን**

ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ

ቑ.ሳ.መ 21073

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሊቑፅሪ


ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-124-4

# ትሕዝቶ

## ምዕራፍ ሓደ


### መርክቦ፧ ኣሰፋፍራን ህዝብታትን ምብራቕ ኣፍሪካ .......... 1




1.1 መርክቦ .......... 2
1.2 ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ .......... 4
1.3 ምክልኻልን ምዕቃብን ስፍራታት ሓድግን ኣብ ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥሙ ፀገማትን .......... 12
1.4 ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ .......... 20
1.5 ቑልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ .......... 35
መጠቓለሊ .......... 41
ማህደረ ቃላት .......... 43
መጠቓለሊ ሕቶታት .......... 45


## ምዕራፍ ክልተ


### መንበሪና ዝኾነት ምድሪ .......... 49





2.1 ገፀ - ምድሪ .......... 50
2.2 ቀንዲ ቕርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ .......... 54
2.3 ሃፍትታት ማይ ምብራቕ ኣፍሪካ .......... 60
2.4 ማይን ቑጠባዊ ረብሕኡን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ .......... 61
2.5 ከባቢ ኣየር .......... 63
2.6 ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ካርታ .......... 65
መጠቓለሊ .......... 68
ማህደረ ቃላት .......... 68
መጠቓለሊ ሕቶታት .......... 69

# ምዕራፍ ሰለስተ

ከባቢና ........................................ 71



3.1 እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራ`ቕ ኣፍሪካ ..... 72
3.2 ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባትን ምዝባዕ ከባብን ምብራ`ቕ ኣፍሪካ ........................................ 77
3.3 ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን .................................. 78
3.4 ብሄራዊ ፓርክታትን ረብሓኦምን ኣብ ኢትዮጵያን ምብራ`ቕ ኣፍሪካን ........................................ 81
መጠቓለሊ ........................................ 85
ማህደረ ቃላት ........................................ 85
መጠቓለሊ ሕቶታት ........................................ 86

# ምዕራፍ ኣርባዕተ


ውራያት ህዝቢ ........................................ 88



4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት ........................................ 89
4.2 መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን ........................................ 98
4.3 ጉዳይ ኣጋርነት ዘጎልብቱ ከባብያዊ ውዳበታት ................ 106
መጠቓለሊ ........................................ 111
ማህደረ ቃላት ........................................ 113
መጠቓለሊ ሕቶታት ........................................ 115

# ምዕራፍ ሓደ

# መርከቦ፣ ኣሰፋፍራን ህዝብታትን ምብራቕ ኣፍሪካ




## ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም:

- መርከቦ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ተለልዩ፣
- ጥንታዊ ስልጣነን ሓድግታትን ምብራቕ ኣፍሪካ ተረድኡ፣
- ፀገማት ምዕቃብ ሓድግታት ትግንዘቡ፣
- ሳዕቤን ነባሪ ኣየርን ሃፍትታት ተፈጥሮን ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ምብራቕ ኣፍሪካ ትግንዘቡ።

## ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ተማዕብሉን ትውንኑን፤

- ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ትርድኡ።
- ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ትዝርዝሩ።
- እዋንን ቀንዲ መግለፂ ባህርያትን ስልጣነ ኑብያ ካብ ስልጣነ ኣኽሱም ትፈልዩ።
- ቀንዲ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነ ምብራቕ አፍሪካ ተለልዩ።
- ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥምዎም ፀገማት ትገልፁ።
- ኣብ ሓድሓደ ከባብታት ስፍራታት ሓድጊ ንምክልኻል ዝጥቀምሉም ሜላታት ተብርሁ።
- ፃዕቕን ሳሕውን ህዝቢ ዘለዎም ከባታት ምብራቅ ኣፍሪካ ተለልዩ።
- መንቀልን ሳዕቤንን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ተብርሁ።
- ምኽንያታት ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ኢትዮጵያ' ኬንያን' ታንዛንያን ትፈልዩ።
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምብራቕ አፍሪካ ተለልዩ።
- ሳዕቤናት ምኽታም ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ትዝርዝሩ።
- ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መናባብርን ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት ትድምድሙ።
- ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን ኩናት ሕድሕድን ከመይ ንህዝቢ ክፀልዉ ከምዝኽእሉ ትመራመሩ።

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ቀዳማይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ መርከቦ፣ ኣሰፋፍራን ህዝብታትን ምብራቕ ኣፍሪካ ዝምልከት እንትኸውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ርእስታት ዝሓዘ'ዩ። ስለዚ ፈለማ ብዛዕባ መርከቦ ክትመሃሩ እንትትኮኑ ኣብ ትሕቲ'ዚ ንኡስ ርእሲ ድማ ኣንፃራዊ መርከቦን ሃገራትን ቀርኒ ኣፍሪካን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካን ዝብሉ ርእስታት ብካርታ እናተሓገዝኩም ክትመሃሩ ኢ'ኹም። እዚኦም ምስተምሃርኩም ድማ መልመድታት ክህልውኹም'ዮም።

ድሕሪ'ዚ ርእሲ ድማ ብዛዕባ ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ ናብዝብል ንኡስ ርእሲ ትቕፅሉ። ኣብዚ ርእሲ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ሸንጥሮ ናይል (ኣባይ) ክትመሃሩ ኢ'ኹም። ኣብዚ ብስእልታትን ካርታታትን እናተሓገዝኩም ኣብ ጥንታዊት ግብፂ፣ ኑብያን ኣኽሱምን ዝነበሩ ስልጣነታት ክትመሃሩ ኢ'ኹም። ብምቕፃል ብዛዕባ ምክልኻልን ምዕቃብን ስፍራታት ሓድግን ኣብ ስፍራታት ሓድግታት ዘጋጥሙ ፀገማት ዝምልከት መመያየጢ ዛዕባ ክትመሃሩ ኢ'ኹም። ኣብ ሓድግታት ኣኽሱም ይግበር ዘሎ ክንክን ሓድግታት ኣብነት ብምግባር ብዛዕባ ረብሓ ሓድግታትን ክግበረሎም ዝግባእ ክንክንን ዝምልከት ክትመሃሩ እንትትኮኑ ነዚ ብስእሊ ኣደጊፍኩም ክትመያየጡሉ ኢ'ኹም። ብምቕፃል ብዛዕባ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝብል ንኡስ ርእሲ ንክትመሃሩ ዝተዳለወ እንትኸውን ኣብ ትሕቲ'ዚ ድማ ኣርባዕተ ርእስታት ኣለዉ። ካብዚኦም ውሽጢ በዝሕን ዝርግሐን ህዝቢ፣ ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ፣ ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከምኡ'ውን ሳዕቤናት ምኽታም ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ዝብሉ ይርከብዎም። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ቑልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ዝምልከት ኣገዳሲ ኣርእስቲ ኣሎ።

ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብዝተፈላለዩ ካርታታትን ስእልታትን ዝተሰነየ እንትኸውን ብፍላይ ካርታ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ሰደቓ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ምስ ባንዴርኣንን ስፍሓተንን ብመንፅር በዝሒ ህዝበንን ፃዕቐንን፣ ንፅፅር ገጠርን ከተማን ከምኡ'ውን ደጉዓን ከበሳን ዝምልከቱ ብሙልኦም ንተምሃሮ ፍሉይ ሓገዝ ዝህቡ መረዳእታታት'ዮም። ኣብዚ ምዕራፍ ኣዝዮም ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ንተምሃሮ ዘተባብዑ'ዮም።


# 1.1 መርከቦ

### 1.1.1 ኣንፃራዊ መርከቦን ሃገራትን ምብራቕ ኣፍሪካ


ተምሃሮ! ኣንፃራዊ መርከቦ ማለት እንታይ ማለት እዩ? እስቲ ተመያየጥሉ። ኣብ 5ይ ክፍሊ ትምህርትኹም ኣንፃሪዊ መርከቦ ማለት ሓደ ቦታ ብመንፅር እቶም ኣብ ዙርያኡ ዝርከቡ ካልኦት ማያዊ ኣካላትን ደረቕ መሬትን ምምልካት ማለት ከምዝኾነ ተማሂርኩም ኔርኩም ኢ'ኹም። ዘኪርኩምዎ ዶ?

ተምሃሮ! እስቲ ብጉጅለ ኮይንኩም ካርታ ኣፍሪካ ብምጥቃም ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣለልዩ? መጀመርያ ነቶም ኣብ 5ይ ክፍሊ ዝተመሃርኩምዎም ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ ተመልከቱ። ብምቕፃል ናይተን ኣብ ካርታ 1.1 ሰፊረን ዘለዋ ስም ሓሙሽተ ክልላት ክፍለዓለም-ኣፍሪካ ዘርዝሩ። ምስዙይ ድማ ካብ ካርታ ዓለም ቀይሕ ባሕርን ውቅያኖስ ህንድን ኣነፅሩ። ኩሎም ካብ ምብራቕ ኣፍሪካ በየናይ ኣንፈት ከም ዝርከቡ ኣቕምጡ። ብምቕፃል ድማ ኣንፃራዊ መርከቦ

ምብረ`ቕ ኣፍሪካ ብትኽክል ገሊፅኩም ኣብ ደፍተርኩም ፀሓፉ። ኣብ መወዳእታ ኣንፃራዊ መርክቦ ምብራ`ቕ ኣፍሪካ (ብመሰረት ካርታ 1.2) ብመንፅር እዘን ሃገራትን ከምኡውን ብመንፅር ቀይሕ ባሕርን ውቅያኖስ ህንድን ኣብ ደፍተርኩም ሰኣሉ።




ካርታ 1.1 ክልላዊ ክፋላት ኣፍሪካ



ካርታ 1.2 ኣንፃራዊ መርክቦ ምብራ`ቕ ኣፍሪካ

## 1.1.2 ሃገራት ምብራ`ቕ ኣፍሪካ

ተምሃሮ! ዝኾነት ሃገር ናይ ባዕላ ዝተነፀረ ዶብ ኣለዋ እዩ። ከም ምብራ`ቕ ኣፍሪካን ዝመሳሰሉን ግና ናይ በይኖም ወይ ናይ ባዕሎም ዶብ ሃልይዎም ዝተቐመጡ ኣይኮኑን። ንኣብነት ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ ሰለስተ እዮም ዝብሉ ኣለዉ፤ ሓሙሽተ ዝብሉ ኣለው፤ ልዕሊ ዓስርተ ሓሙሽተ እየን ዝብሉ እውን ኣለዉ። ተምሃሮ ካርታ ተጠቒምኩም ነዚ ዝምልከት ኣብ ክፍሊ ምይይጥ ምስ ኣካየድኩም ኣብዚ ዝስዕብ ሓፈሻዊ ምርድዳእ ክትበፅሑ ትክእሉ ኢኹም። ሃገራት ምብራቅ ኣፍሪካ ዓሰርተ እየን ንሳተን ድማ እተን ኣብ 5ይ ክፍሊ ዝተመሃርኩምዎን ኣርባዕተ ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካን ከምኡ እውን ካልኣት ሽዱሽተ ሃገራትን እየን። እተን ሽዱሽተ ድማ ሱዳን፣ ኬንያ፣ ታንዛንያ፣ ኡጋንዳ፣ ሩዋንዳን ቡሩንዲን እየን።

### መልመዲ 1.1

ሀ. ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ንቐይሕ ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ህንዲ ዘዋስና ሃገራት ምብራ`ቕ ኣፍሪካ እንመን እየን?
2. ንቀይሕ ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ህንዲ ዘየዋስና ሃገራት ምብራ`ቕ ኣፍሪካ እንመን እየን?
3. ኣንፃራዊ መርክቦ እንታይ ማለት እዩ?

ለ. ብጉጅለ ኾይንኩም ኣብ ደፍተርኩም ካርታ ኣፍሪካ ብምሰኣል እተን ዓስርተ ሃገራት ምብራ`ቕ ኣፍሪካ ኣብቲ ካርታ ኣመልክቱ። እታ ዝስፍሐት ሃገር ኣየነቲ እያ? እታ ዝነኣስት ከ?

## ንጥፈት

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካርታ 1.3 መሰረት ጌርኩም ብጉጅለ ምስተመያየጥኩምሉ ኣብ ደፍተርኩም ስኢልኩም መልሱ።

1. ምብራቕ ኣፍሪካ ብቐይሕ ሕብሪ ቕብእዎ።
2. ስም ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ኣብ ካርታ ኣስፍሩ።
3. ኣብ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከቡ ውቅያኖስን ባሕርን ኣለሊኹም ስሞም ኣብ ትኽክለኛ ቦተኦም ኣስፍሩ።




ካርታ 1.3 ሃገራት ኣፍሪካ

## 1.2 ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ

ኣብ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ ኣፍሪካ ብፍላይ ድማ ሃገርና ኤርትራ ኣትርከበሉ ቀርኒ ኣፍሪካ መበቆል ጥንታዊ ወድሰብ ከምዝኾነት ተማሂርኩም ነይርኩም። ነዚ ዘረጋግፁ ዝተፈላለዩ ኳዕትታት ኣለሻ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ከምዝተኻየዱ`ውን ተማሂርኩም ነይረኩም።

ተምሃሮ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ኣብ 5ይ ክፍሊ ከምዝተምሃርኩምዎም ትዝክሩ ዶ? ነዚ ሓቂ ዘረጋግፁ መረዳእታታት እንታይ እንታይ ነይሮም? ተመያየጡሎም፣ ግለፅዎም፣ ዘርዝርዎም። ስለዚ ክፍለዓለምና ኣፍሪካ ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም ቀዲሞም ካብዝማዕበልሎም ከባብታት'ውን ሓንቲ እያ። ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ ቀዲሞም ዝማዕበልሉ ከባቢ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣፍሪካ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈላለየ ብርኪ ዕብየት ዝነበሮም ጥንታዊ ስልጣነ ነይሮም`ዮም።

**ተምሃሮ** ጥንታዊ ስልጣነ እንትበሃል ከመይ ትገልፅዎ? ጥንታውያን ሰባት ብሃደንን ብምእራይ ፍራምረን ቖፅላመፅልን ኣብዝናበሩሉ ግዘ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ኣይቕመጡን ነይሮም። ኩሉ ግዘ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይዘዋወሩ ነይሮም። ሕርሻ ምስጀመሩ ግና ኣብዝተወሰነ ቦታ ሰፊሮም መነባብሮኦም ብቀዋምነት ምምራሕ ጀሚሮም። በዚ`ውን ቑሸታት ክምስረታ ጀሚረን። እዘን ቑሸታት ድሕሪ ግዘ ናብ ከተማታት ማዕቢለን። ምምስራት ከተማታት ንምዕባለ ካልኦት ስልጣነታት መንገዲ ፀሪገን። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ማለት ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ።

ስልጣነ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩ ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበለ ዝመፀ ኣገባብ መነባብሮ ደቂ ሰብ`ዩ። ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ምምዕባል መንግስታት፣ ምዕባለ ንግድን እደ ጥበብን፣ ምዕባለ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ምዕባለ ስነ ኽርፃ ኽርፂ፣ ምዕባለ ሕርሻ፣ ሕብረተሰብ ኣብ ደርብታት ምምቃል ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምስ መነባብሮ ከተማ ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ስልጣነ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ዝማዕበለ ፅሑፍ፣ ኣብ ፅኑዕ ውዳበ ዝተመስረተ መንግስቲ፣ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ሓፂን መፂንን፣ ስርፀት ስነ ጥበብ ኽርፃ ኽርፅን፣ ኣብ ተግባር ዝውዓለ ሳይንስን ሒሳብን፣ ምትእትታው ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ ይጥቀሱ።


ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ኀሊሁ ክረአ ዝጀመረ ኣብ ከባቢ 3500 ዓመተ ዓለም እዩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ስልጣነ ብቐፃልነት እናማዕበለ ዝመፀ ታሪኻዊ ተርእዩ እዩ። ብምኽኑ`ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ እንትኸውን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕን ምብራቕ ኣፍሪካን ጥንታዊ ስልጣነታት ዝማዕበሉሎም ንኣብነት ግብፂ፣ ኑብያ፣ ሜሮዌ፣ ኩሽ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ስለዚ ሕዚ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ብፍላይ ኣብ ኑቢያን ኣኽሱምን ማዕቢሎም ዝነበሩ ስልጣነታት ክትመሃሩ ኢኹም።

## 1.2.1 ኣብ ሽንጥሮ ናይል ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ኑቢያ (ኩሽ)

ኣብ ኣፍሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ዝማዕበለሎም ከባብታት ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ዝርከብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካን ምብራቓዊ ኣፍሪካን ማእኸል ዝገበረ`ዩ ነይሩ። ካብዚኦም እቲ ሓደ ኣብ 3100 ዓመተ ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ግብፂ ማዕቢሉ ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ይርከብ። ተምሃሮ ኣብ ግብፂ ንዝነበሩ ስልጣነታት ዝግልፁ ዝተወሰኑ ስእልታት ኣብ ዝቕፅል ገፅ ስለዘለዉ ነዚኦም እናረኣይኹም ተመያየጡ።



ምስሊ ፎሮኦናዊ ንጉስ ራምሰስ 2ይ



ፒራሚዳት ፎሮኦናት ግብፃውያን



ሲፊኒክስ ጥንታዊ ግብፃውያን




ኣብ ጊዛ ዝርከብ ፒራሚድ ግብፃውያን

ስእሊ 1.1 ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነታት ግብፂ

ካብ ግብፂ ንኣንፈት ደቡብ ካብ ከባቢ 2000 ዓመተ ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ዝማዕበለ ካሊእ ስልጣነ ነይሩ። ተምሃሮ ብዛዕባ ስልጣነ ኑቢያ ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ኑቢያ ዝበሃል ከባቢ ኸ ኣበይ ከምዝርከብ ትፈልጡ ዶ? ኑቢያ ኣብ ናይሎሚ ሰሜናዊ ሱዳንን ደቡባዊ ግብፅን ማዕቢሉ ዝነበረ ጥንታዊ መንግስቲ እዩ። ተምሃሮ ኑብያ እናተብሃለ ዝፍለጥ ማእኸል ጥንታዊ ስልጣነ ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ዝማዕበለ ንምዃኑ ኣብ ካርታ ርአዩ። ኑቢያውያን ካብ ከባቢ 3000 ዓ.ዓ ጀሚሩ ኣብ ገማግም ሩባ ናይል መንደራት መስሪቶም ይነብሩ ነይሮም። ኣብ ዓለምና ብቀዳምነቶም ካብዝፍለጡ ሓደ ዝኾነ ጥንታዊ ስልጣነ 'ውን ኣማዕቢሎም። ኑቢያውያን እዚ ስልጣን ንኸማዕብሉ ሩባ ናይል ዝለገሶም ዘይነፅፍ ቀረብ ማይን ልሙዕ ሓመድን ኣስተዋፅኦ ገይሩ እዩ።

ብተወሳኺ ኑቢያ ከም ወርቂ፣ ሓፂን፣ ስኒ ሓርማዝን ዕጣንን ዝመሳሰሉ ሃፍትታት ተፈጥሮ

ነይሮምዋ። እዚኣቶምን ካልኦት ሃፍትታትን ምስ ዝተፈላለዩ ከባብታት ማእኸላይ ምብራቕ ብምንጋድ ሃፍቶምን ሓይሎምን ንምምዕባል ክኢሎም እዮም። እዚ ሃፍቲ'ዚ ተጠቒሞም ዝሃነፅዎ ከተምኦም ኣብቲ እዋን ኣዝዮም ዘደንቑ ካብዝበሃሉ ከተማታት ዝቑፀር እዩ ነይሩ። ኣብ ከባቢ 2000 ዓ.ዓ ግዝኣት ኑቢያ ኣዝዩ ሰፊሑ፣ ሓይሉን በርቲዑን ነይሩ። ስያመ መንግስቲ ኑቢያ ድማ ኩሽ ብዝብል ክፍለጥ ጀሚሩ። በዚ ምኽንያት እቲ ስልጣነ'ውን ስልጣነ ኩሽ እናተብሃለ ይፅዋዕ። ስለዚ ተምሃሮ ስልጣነ ኑቢያ ብኻሊእ ኣፀዋውዓ ድማ ስልጣነ ኩሽ እናተብሃለ ከምዝፅዋዕ ተረዲእኹም ዶ? እዚ ኣብ ከባቢ ናይ ሎሚ ሱዳን ይርከብ ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ኩሽ ይበሃል።




ካርታ 1.4 ማእኸል ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ኑቢያ (ኩሽ)ን ሽንጥሮ ሩባ ናይልን

ጥንታዊ ስልጣነ ኩሽ ካብ 2000 - 350 ዓ.ዓ ኣብ ከባቢ ሽንጥሮ ናይል ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሱዳን ማዕቢሉ ዝነበረ እዩ። መጀመርታ ርእሰ ከተማ ኩሽ ዝነበረት ናፓታ ትበሃል ነይራ። ደሓር ግብፂ ብኣሲራውያን ምስተወረረት ግና ንድሕንነት ተባሂሉ ኣብ ደቡባዊ ግዝኣት ኩሽ ትርከብ ሜሮዌ ትበሃል ከተማ ከም መማእኸሊት ተወሲዳ። ስለዚ ደሓር ርእሰ ከተማ መንግስቲ ኩሽ ዝነበረት ሜሮዌ ማእኸል ንግድን ውፅኢት ስራሕቲ ሓፂን መፂንን ነይራ። ተምሃሮ ሜሮዌ እናተብሃለት ትፍለጥ ማእኸል ጥንታዊ ስልጣነ ኩሽ ኣበይ ከምትርከብ ኣብ ካርታ ርአዩ። ሜሮዌ ካብ ውሽጣዊ ክፋል ኣፍሪካ፣ ግብፂ፣ ካብ ከባብታት ቀይሕ ባሕርን ሜዲተራንያንን

ዝመፁ ነጋዶ ዝመሓላለፉላ ቁልፊ ቦታ ነይራ። ስነ ጥበባዊ ፅባቐን ስእልታትን ቅርፃ ቕርፅታትን ኩሽ ምስ ናይ ግብፃውያን ተመሳሳልነት ነይርዎ። ተምሃሮ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ፍራስ ቤተ ፀሎት ኩሽ ብምርኣይ ምዕባለ ጥንታዊ ስልጣነታት ኩሽ በዊሑሉ ዝነበረ ብርኪ ተገንዘቡ።



ስእሊ 1.2 ኑብያውያን ዝሰርሕዎ ቤተ ፀሎት (ምኹራብ)

ኣብ ከባቢ 1500 ዓ.ዓ ካብ ኩሽ ንሰሜን ገፅ ዝነበረ ሓያል መንግስቲ ግብፂ ንኩሽ ወሪሩ። ንከባቢ 500 ዓመታት'ውን ኣብትሕቲ መገዛእቱ ፀኒሓ። ኣብ ከባቢ 1000 ዓ.ዓ ግና ኩሻውያን ኣብርእሲ ገዛእቶም ዓሚፆም ነፃነቶም ኣምሊሶም። ብተርኦም ንግብፂ ወሪሮም ብምሓዝ ንልዕሊ 50 ዓመታት ገዚኦምዋ። ኑቢያውያን ኣዝዮም ዝነኣዱ ባህላዊ ምዕባለታት ነይሮምዎም። ካብዚኣቶም ሓደ መግለፂ ስልጣነ ዝኾነ ናይዓርሶም ሜላ ፅሕፈት ምምዕባሎም እዩ። ብስነ ህንፃ መዳይ'ውን ኑብያውያን ክሳብ ሎሚ ከይፈረሱ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ፒራሚዳትን ቤተፀሎታትን መርኣያ ብርኪ ምዕባልኦም እዮም። እቶም ፒራሚዳት ነገስታቶም እንትሞቱ ዝቐበርሎም እዮም ነይሮም። ኣብ ከባቢ 350 ዓ. ም. ጥንታዊ ስልጣነ ኩሽ (ኑብያ) ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ማዕቢሉ ብዝነበረ መንግስቲ ኣኽሱም ተወሪሩ። ብምኽንያት`ዚ ወራር ድማ ስልጣነ ጥንታዊ ኩሽ ኣብቂዑ።

ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት እናረኣይኩም ብርኪ ምዕባለ ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያውያን (ኩሻውያን) ተመያየጡ። እዚኦም ብሙልኦም ቅድሚ 350 ዓ.ም ዝነበሩ ውፅኢታት ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያውያን (ኩሻውያን) ምኳኖም ተረድኡ።



ካብ ብሩር ዝተሰርሐ ዘውዲ ኑብያውያን



ብኑብያውያን (ኩሻውያን) ዝተሰርሐ ፒራሚድ


ስእሊ 1.3 ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያውያን

## ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ኣኽሱም

ተምሃሮ ኣኽሱም ብምንታይ እያ ትፍለጥ? ብዙሓት ዑደተኛታት ናብ ኣኽሱም ይኸዱ`ዮም። ንምንታይ ይመስለኩም? ኣብ ኣኽሱም ጠጠው ኢሎም ዝርከቡን ዝወደቑን ሓወልትታት ኣለዉ። እዚኦም እንታይ ዝገልፁ ይመስለኩም? ነዚኦም መበገሲ ሓሳባት መሰረት ብምግባር ተመያየጡ።

መብዛሕትኦም ጥንታዊ ስልጣነታት እንትርኣዩ ሸንጥሮታትን ሩባታትን ተኸቲሎም ሕርሻ መሰረት ገይሮም ዝማዕበሉ እዮም። መልዐሊ ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ኣኽሱም ግና ኣብ ሸንጥሮታትን ሩባታትን ዝተመስረተ ኣይኮነን። ኣብ ምዕባለ ኢደ ጥበብን ስነ ጥበብን ከምኡ`ውን ንግዲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ማእኸል ገይሩ ዝማዕበለ ስልጣነ`ዩ። ኣኽሱም ካብ ከባቢ 100 ዓ.ም ጀሚሩ እናማዕበለ ዝነበረ ማእኸል ጥንታዊ ስልጣነ ሃገርና`ውን እዩ።

ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም ኣብዝለዓለ ብርኪ በፂሑ ዝነበረሉ እዋን ኣብ 6ይ ክፍለዘመን እዩ። ኣብዚ እዋን`ዚ መንግስቲ ኣኽሱም ንቀይሕ ባሕሪ ተሳጊሩ ክሳብ ደቡባዊ ስዑድ ዓረብያ ግዝኣቱ የስፋሕፍሕን የጋፍሕን ነይሩ። ብቐይሕ ባሕሪ ይካየድ ዝነበረ ንግዲ ወፃእን ልውውጥን`ውን ብዝለዓለ ብርኪ ይቆፃፀር ነይሩ። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም ማዕቢሉ ዝነበረሉ እዋን ካብ 1ይ ክሳብ 7ይ ክፍለዘመን ኣብዝነበረሉ እዋን'ዩ። ካብ 7ይ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ መንግስቲ ኣኽሱም ብምኽንያት ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና፣ ምስዙይ ተኣሳሲሩ ዝተፈጥረ ምዝባዕ ንግዲ ቐይሕ ባሕርን ከምኡ`ውን ኣብ ውሽጢ ግዝኣታት ብዝተልዓሉ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ ዓመፃትን ዝነበረ ሓይሉ፣ ምዕባለኡን ስልጣነታቱን እናተዳኸመ ኸይዱ።




ካርታ 1.5 ግዝኣት ጥንታዊ ኣኽሱምን ከባቢኡን



ስእሊ 1.4 ሓውልትታት ጥንታዊ ኣኽሱም - ሓድግታትና



ስእሊ 1.5 ገንዘብ ጥንታዊ ኣኽሱማውያን

**ተምሃሮ** ውፅኢታት ጥንታዊ ስልጣነታት ኣኽሱም ብጉጅለ ኾይንኩም ተመያየጡ። ምስ ተመያየጥኩም ነዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ፅሟቕ ውፅኢታት መሊስኩም ርአይዎም። ብመሰረት`ዚ ድማ ኣብ ቤት ንባብ ዝርከቡ ተወሰኽቲ ፅሑፋትን ስእልታትን ኣገናዝቡ።

| ውፅኢት ጥንታዊት ስልጣነ ኣኽሱም |
|---|
| ኣብ ስራሕቲ ሓውልትታት፣ ኣብያተ መንግስትን ኣብያተ ፀሎታትን ዝተመስረተ ምዕቡል ስልጣነ ስነ ህንፃን ኢደ ጥበብን ኣማዕቢሎም። |
| ኣብ ወደብ ኣዱሊስ ዝተመስረተ ምዕቡል ንግዲ ምስ ሃገራት ህንዲ፣ ማእኸላይ ምብራቕ፣ ቻይና፣ ሃገራት ባሕሪ ሜዲተራንያንን ካልኦትን የካይዱ ነይሮም። |
| ምንቅስቓስ ንግዲ ንምስላጥ ዝጥቀሙሎም ሳናቲም ካብ ወርቅን ብሩርን ዝተሰርሑ ገንዘብ ነይርዎም። |
| ሰሜን ኢትዮጵያ፣ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፣ የመንን ስውድ ዓረብያን ዘመሓድሩሉ ጥንኩር ሰራዊት ነይርዎም። |
| ፊደል ኣብ እምኒ ደሓር ድማ ኣብ ብራና ይፅሕፉሉ ዝነበሩ ናይ ባዕሎም ፊደላትን ስነ ፅሑፍን ነይርዎም። |
| ኣብ ከባቢ 330 ዓ.ም ብንጉስ ኢዛና ተቐባልነት ዝረኸበ ሃይማኖት ክርስትና ተኣታትዩ ነይሩ። |
| ኢደ ጥበብን ቅርፃ ቕርፅን ማዕቢሎም። |

ተምሃሮ ኣብ ኣኽሱም ዝርከቡ ሓድግታት ጥንታዊ ስልጣነ ዘርዝርዎም። ሓወልትታት ኣለዉ። ቤተ መንግስትን ቤተ መቅደስን ኣለዉ። ብኣፅቲ ዝተረኽቡ መቓብር ነገስታት ኣለዉ። ካልኦት ናውቲ`ውን ኣለዉ። እዚኦም ብሙልኦም ሓድግታት'ዮም።


## መልመዲ 1.2

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ 'ሓቂ' ትኽክል ንዘይኾኑ ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሲ ሃቡ፣**

1. ጥንታውያን ሰባት ብሃደን፣ ብምእራይ ፍራምረን ቖፅላ መፅልን ኣብዝነበሩሉ ግዘ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ሰፊሮም መነባብረኦም ብቀዋምነት ይመርሑ ነይሮም።
2. ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ጎሊሁ እናማዕበለ ዝመፀ ካብ ካባቢ 3500 ዓመት ዓለም ጀሚሩ'ዩ።
3. ደቂ ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩን ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበሉ ዝመፁ ኣግባብ መነባብረኦም ዝተመስረቱሎም ዝተፈላለዩ ስነ ጥበባውን ሳይንሳውን ምህዞታት ዝማዕበሉሎም ከይዲ ታሪኽ ጥንታዊ ስልጣነ ተባሂሉ ይፍለጥ።
4. ስልጣነ ጥንታዊ ግብፂ ኣዝዩ ማዕቢሉ ኣብዝነበረሉ እዋን ናብ ደቡባዊ ግብፅን ምዕራባዊ እስያን ወተሃደራዊ ወፍርታት የካይዱ ነይሮም።
5. ፈላማይ ጥንታዊ ስልጣነታት ኣህጉር ኣፍሪካ ኣብ ከባቢ ሽንጥሮ ሩባ ናይል'ዩ ተጀሚሩ።
6. ሩባ ናይል መሰረት ህይወት ግብፃውያንን ኑብያውያንን እዩ ነይሩ።
7. ጥንታውያን ግብፃውያን፣ ኑብያውያንን ኣክሱማውያንን ድሕሪ ሞት ህይወት ኣሎ ኢሎም ይኣምኑ ነይሮም።

## 1.3 ምክልኻልን ምዕቃብን ስፍራታት ሓድግን ኣብ ስፍራታት ሓድጊ ዘጋጥሙ ፀገማትን

**ተምሃሮ** ሓድጊ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? እትፈልጥዎ ሓድጊ ወይድማ ሓድግታት እንተልዮም ግለፅዎም። እምበኣርከስ ንቕድም ሓድጊ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ክንገልፀልኩም። ሓድጊ ንሓደ ወይድማ ንነፃላ መግለፂ እዩ። ሓድግታት ድማ ንብዙሕ መግለፂ ቃል`ዩ። ሓድግታት ዝበሃሉ ንነዊሕ እዋን ታሪኽ ዘለዎምን ውፅኢት ስራሕቲ ጥንታውያን ወለዲ ዝኾኑን እዮም። ሓድጊ ብኣሰራርሕኡ ዘደንቕ ውፅኢት ስራሕ ሕሉፍ ሕብረተሰብ እዩ። ሓድግታት ወለድና ድልየቶም ንኸማልኡ ኢሎም ኣብ ዝፍፅምዎም ምንቅስቓሳት ዝተፈጠሩን ሓዲጎምልና ዝኸዱን እዮም። ሓድግታት ቁሳውን መንፈሳውን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ዝምደቡ እንትኾውን ሕዚ ግና ብዛዕባ ቁሳዊ ሓድግታት ጥራሕ ኢኹም ትመሃሩ። ስለዚ ሓድግታት ሕሉፍ ሕብረተሰብ ቁሳውን መንፈሳውን ድልየቶም ንምምላእ ኢሎም ዝሰርሕዎም ወይድማ ዝመሃዝዎም ቁሳቁስ፣ ናውቲ ወዘተ እዮም።



ውፅኢት ሓፂን መፂን ስራሕቲ ኣክሱማውያን



ቤተ ጊዮርጊስ (ላሊበላ)



ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ፋሲል - (ጎንደር)





ሓውልትታት ኣኽሱም

ስእሊ 1.6 መርኣያ ሓድግታት ጥንታውን ማእኸላይን ዘበን ኢትዮጵያ

ኣብ ዓለም ብጣዕሚ ኣገደስትን ክዕቀቡ ኣለዎምን ተባሂሎም ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትካል ትምህርትን፣ ሳይንስን ባህልን (ዩኔስኮ)ዝተመዝገቡ ልዕሊ 800 ዝኾኑ ዓበይቲ ታሪኻዊ ሓድግታት ኣብ 137 ሃገራት ኣለዉ። ኣብ ዝተፈላለዩ ካባብታት ኣፍሪካ ብዙሓት ዘደንቑ ሓድግታት ኣለዉ። መብዛሕትኦም ሓድግታት ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነ ኣዝዮም ማዕቢሎም ኣብዝነበሩሎም ከባብታት እዮም። ተምሃሮ ካብ ታሪኻዊ ሓድግታት ኣፍሪካ እንታይ ትፈልጡ? ጥንታዊ ስልጣነታት ኑቢያን (ኩሽ) ኣኽሱምን እንትትመሃሩ ብስእላዊ መግለፂ ዝተሓበሩ ብሙልኦም ሓድግታት ምዃኖም ግለፁ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካን ሞዛምቢክን ወዘተ መርኣያታት ጥንታዊ ስልጣነ ዝኾኑ ሓድግታት ኣለዉ። ኣብ ሃገርና ካብዝርከቡ ሓድግታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም።

ኣብ እዋን ጥንቲ ብበዝሒ ካብዝተሰርሑ ህንፃታት እቶም ቀንዲ ኣብያተ ፀሎት እዮም። ኣብ ሃገርና ንኣብነት ካብ ከተማ ዓድዋ ንምብራቕ ኣንፈት 18 ኪ.ሜ ውዕእ ኢ.ልካ ቅድሚ 500 ዓ.ዓ ዝተሃንፀ ኣብ ይሓ ዝርከብ ቤተ መቅደስ ኣሎ። ቤተ መቅደስ (ምኹራብ) ይሓ ብዘይጭቃ ዝተነደቐ ኣዝዩ ዘደንቕ ህንፃ ጥንታውያን እዩ። ኣብ ሃገርና ዘለዉ ታሪካዊ ሓድግታት ኣብያተ ፀሎታት ብኽልተ መልክዕ ዝተሰርሑ እዮም። እቲ ሓደ ዓይነት ብመንደቕ ዝተሰርሐ እንትኾውን በዚ መልክዕ ካብተሰርሑ ኣብያተ ፀሎት እቲ ዝነውሐ ዕድመ ዘለዎ ኣብ ደብረ ዳሞ ዝርከብ ገዳም ኣቡነ ኣረጋዊ እዩ። ኾይኑ ኣብ 6ይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝተሰርሐ እዩ። እቲ ካልኣይ ዓይነት ስራሕ ኣብያተ ፀሎት ካብ ከውሒ እናተወቐሩ ዝወፁ ዓይነታት ህንፃ እዮም።




## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ኣብ ትግራይ ካብዝርከቡ ውቅር ኣብያተ ክርስትያን ክንደይ ትፈልጡ? ኣብ ከባቢኹም ኸ ውቅር ኣብያተ ክርስትያን ወይድማ ታሪካዊ ገዳማት ኣለዉ ዶ? ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ክልልና ዝርከቡ ሓድግታት እናረኣይኩም ተመያየጡ።

ብተመሳሳሊ ኩነታት ሃይማኖት እስልምና ኣቐዲሙ ኣብ ዝተስፋሕፈሐለን ከባብታት ኣፍሪካ ብዙሓት መስጊዳት ተሰሪሖም ነይሮም። ንኣብነት ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ጀኔ ኣብ እትበሃል ከተማ ማሊ ኣብ ከባቢ 1300 ዓ.ም ዝተሰርሐ ክሳብ ሎሚ ከይፈረሰ ዝፀንሐ መስጊድ ኣሎ። ኣብ ሃገርና ድማ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ ትግራይ ነጋሽ ኣብዝተብሃለት ንእሽተይ ከተማ ዝርከብ መስጊድን ኣብ ጥንታዊት ከተማ ሃረር ዝርከብን ከም ኣብነት ዝጥቀሱ እዮም። ኣብ ትግራይ ዝርከብ ታሪኻዊ መስጊድ ነጋሽ ኣብ መበል 7ይ ክፍለ ዘመን ናብ መንግስቲ ኣኽሱም ክዕቀቡ ዝመፁን ብነብዩ መሓመድ ዝተልኣኹን ስዱዳት ዝነበሩሉን መራሒኦም ዝተቐበረሉን ብምዃኑ ዓብዪ ትርጉም ዘወሃቦ ሓድጊ እዩ።

ተምሃሮ ኣብ ትግራይ ብጣዕሚ ብዙሓት ታሪኻዊ ሓድግታት ዝርከቡ እንትኾኑ ካብዚኦም ውሽጢ ውቅር ኣብያተ ክርስትያናት እቶም ብዙሓት ጎብነይቲ ዝሪኦዎም ይርከቡ። ኣብ ውቕሮን ከባቢኣን፣ ኣፅቢ ወምበርታ፣ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ፣ ገርዓልታን ተምቤንን ውቅር ኣብያተ ክርስትያናት ብበዝሒ ዝርከቡሎም ከባብታት ትግራይ እዮም። ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝርከብ ኤጀንሲ ቱሪዝምን ባህልን ዘሐተሞ 'ሓድግታት ትግራይ' ዝብል መፅሓፍ ካብ ቤተ ንባብ ወሲድኩም ብዛዕባ ውቅር ኣብያተ ክርስትያናትን ካልኦት ታሪካዊ ሓድግታት ትግራይ ብዝምልከት ፅሑፍ ሒዝኩም ቕረቡ። እቲ ፅሑፍ ብባዕልኹም ክእለትን ዓቕምን ተፃሒፉ


ዝቖርብ ኾይኑ ኣብ ክፍሊ`ውን ዝቖርብ ይኸውን። ዝተወሰኑ ውቅር ኣብያተ ክርስትያናትን ኣብ ሙዝየም ዝርከቡ ሓድግታት ታሪኽን ካብዚ ንታሕቲ ኣለዉ።




ደብረ ዳሞ



ኣብ ደብረ ዳሞ ዝርከብ ገዳም እንዳ ኣቡነ ኣረጋዊ



ቤተ መቕደስ የሓ




መስጊድ ኣል ነጋሺ

ስእሊ 1.7 ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ መርኣያ ታሪካዊ ሓድግታት



ኣኽሱም ፅዮን ማርያም ቤተ ክርስትያን




ውቕሮ ጨርቆስ



ዛሬማ ጊዮርጊስ - ኣፅቢ



ሚኪኤል እምባ - ኣፅቢ





መድሃኒኣለም ዓዲ ቓሾ - ፃዕዳ እምባ

ስእሊ 1.8 ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ መርኣያ ታሪካዊ ሓድግታት - 5 ውቅር ኣብያተ ክርስትያናት



ኣብርሃ ወ/ኣፅብሃ




ሚካኤል ባርካ - ከባቢ ኣፅቢ



ደብረፅዮን እንዳ ኣቡነ ኣብርሃም

**ኣስተውዕሉ ተምሃሮ!**

ብዘይካ ቤተ ክርስትያን ፅዮን ማርያም ኣኽሱም እቶም ዝተረፉ ብሙሉኦም ካብ ከውሒ ተወቒሮም ዝተሰርሑን ውቅር ኣብያተ ክርስትያን እናተብሃሉ ዝፍለጡ ታሪካዊ ሓድግታት ክልልና'ዮም፡፡



ኣባ ገብረሚካኤል - ገርዓልታ




ሚኪኤል ምልሃይ ዘንጊ - ፃዕዳ እምባ


ስእሊ 1.9 ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ መርኣያ ታሪካዊ ሓድግታት - 5 ውቅር ኣብያተ ክርሰትያናት




ዙፋን ሃፀይ ዮሃንስ 4ይ



ማርያም ውቕሮ - ወርዒ ለኸ



እንዳ ኣባ ዮሃኒ - ቴምቤን



ገብርኤል ፅላል ምያ - ከባቢ ፍረወይኒ

### ዕዮ ጉጅለ ፩

1. ሓድግታት እንታይ'ዮም?
2. ስፍራታት ሓድጊ እንብሎም ከመይ ዝመሰሉ'ዮም?
3. ኣብ ስፍራታት ሓድጊ እንታይ ፀገም ከጋጥሙ ይኽእሉ ትብሉ?

### ዕዮ ጉጅለ ፪

1. ኣብ ውቕሮን ከባቢኣን ከምኡ'ውን ገርዓልታን ዝርከቡ ውቅር ኣብያተ ክርስትያን ፍለዩ፡፡
2. ኣብዚኦም ስፍራታት ሓድግታት ዝበፅሕ ፀገም ሓቲትኩም ፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡

### ዕዮ ጉጅለ ፫

1. ኣብ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ፣ ኣፅቢ ወምበርታን ቴምቤንን ከባቢኦምን ከምኡ'ውን ወርዒ ለኸ ዝርከቡ ውቅር ኣብያተ ክርስትያን ፍለዩ፡፡
2. ኣብዚኦም ስፍራታት ሓድግታት ዝበፅሕ ፀገም ሓቲትኩም ፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡

ስእሊ 1.10 ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ መርኣያ ታሪካዊ ሓድግታት - 3 ውቅር ኣብያተ ክርሰትያናት

## 1.3.1 ረብሓ ሓድግታትን ክግበረሎም ዝግባእ ክንክንን

**ተምሃሮ** እዞም ኣብ ላዕሊ ዝገለፅናዮም ሓድግታት ታሪኽን ባህልን እንታይ ረብሓ ኣለዎም? ብጉጅለ ተመያይጥኩም መልሲ ሒዝኩም ቅረቡ። ሓድግታት ንዝርከቡሉ ሃገርን ህዝብን ጥራሕ ዘይኮነስ ንኹሉ ረብሓ ኣለዎም። ብዛዕባ ኩነታት መነባብሮ ቀዳሞት ወለድና መረዳእታ ዝህቡና እዮም። ጥንታዊ ስልጣነታት ዝነበሮም ትሕዝቶን ምዕባለን እንመሃረሎም እዮም። ባህልን ሃይማኖትን ከምኡ`ውን ሃፍቲ ሃገርን ኩርዓትን ዝዕቀበሎም እዮም። ሓድግታት መግለፂ መንነት ህዝብን መለለይን`ውን እዮም። ሓድግታት መግለፂ ስልጣነን ባህልን እዮም። ስለዝኾነ ድማ ፍልፍል ታሪኽን ባህልን ጥራሕ እዮም ዘይኮነስ ብግቡእ እንትዕቀቡ ፍልፍል እቶት ሃገር`ውን እዮም። ብዙሓት ጎብነይትታን በፃሕትን ይመፁ፣ መዘናግዒ ኾይኖም የገልግሉ።



ስእሊ 1.11 ፍራስ ቤተ መንግስቲ ንግስተ ሳባ



ስእሊ 1.12 መንጫዕጫዕታ ጢስ ኣባይ

ሓድግታት ትግራይ ዝብል መፅሓፍ ብዛዕባ ረብሓ ሓድግታትና እንትገልፅ ከምዚ ይብል፣ “ሓድግታት ትግራይ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም ብምዃኖም ጥንታዊ ስልጣነ ሃገርና ዝምስክሩ እዮም። ሕዚ`ውን እናመስከሩ ይርከቡ። ኣብ ኣኽሱም ካብ ሓደ እምኒ ተሃኒፆም ጠጠው ኢሎም ዘለዉ ሓውልትታት ፍሉይ መለለይ ሃገርና እዮም። እቶም ሓድግታት መግለፂ ምዕባለ፣ ስልጣነ፣ ጥንታውነትን ውፅኢት ክእለትን ቀዳሞት ወለድና እዮም። ካበይ ናበይ ንዝብል ሕቶ ስልጣነን ታሪኽን ሃገርና ዝምልሱ እዮም። ኣብ ቱሪዝም ኢንዳስትሪ ዓብዪ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ዘለዎም ጥንታውያን ታሪኻውያንን ስፍራታት መስሕባትናን መግለፂ መንነትናን ስለዝኾኑ ክንሕልዎምን ክንዕቅቦምን ይግባእ። ሓድግታት ምዕቃብን ናብ መፃኢ ወለዶ ክመሓላለፉ ምግባር ታሪኻዊ ግደ ኩሉ ዜጋ እዩ። ኣብዞም ሓድግታት መፅናዕትን ምርምርን ምክያድ`ውን ሓላፍነት ሕዚ ዘሎ ወለዶ`ዩ። ስለዚ ተምሃሮ ነዞም ሓድግታት ታሪክናን ባህልናን ዝኾኑ ብሙልኦም ምዕቃብ ይግብአኩም።



ስእሊ 1.13 መስጊድ ሐረር



ስእሊ 1.14 ትኹል እምኒ ጢያ



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይንኩም ሓድግታት ንምዕቃብን ንምክንኻንን ክግበሩ ዘለዎም ኣገደስቲ ስራሕቲ ተመያየጡ። ከም ኣብነት ድማ ኣብ ሓወልቲ ኣኽሱም ይግበር ዘሎ ክንክንን ዕቀባን ሓድጊ ብዝምልከት ኣብ ገፅ 12 ዝርከብ ስእሊ 1.6 መሰረት ብምግባር ተመያየጡ። ውፅኢት ምይይጥኩምን ዝበፃሕኹሙሉ ምርድዳእን ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ።

## መልመዲ 1.3

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ትሕቲ 'ሀ' ዝርከቡ ዝርዝራት ምስ ኣብ ትሕቲ 'ለ' ዝርከቡ ኣዛምዱ።


| ሀ | | ለ | |
|---|---|---|---|
| 1. | ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ ግብጺ | ሀ. | ብዘይጭቃ ዝተሰርሐ ጥንታዊ ቤተፀሎት |
| 2. | ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም | ለ. | ሓድጊ ሰዓብቲ ነብይ መሓመድ ዝተዓቐቡሉ |
| 3. | ወደብ ኣዱሊስ | ሐ. | ሬሳ ንኸይፈርስ መከላኸሊ ዝነበረ መድሓኒት |
| 4. | ምኹራብ የሓ | መ. | ካብ 2000 - 350 ዓመተ ዓለም |
| 5. | ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ ኑቢያ (ኩሽ) | ሰ. | ካብ 3500 - 2000 ዓመተ ዓለም |
| 6. | ፒራሚድ | ረ. | ካብ 1ይ - 6ይ ክፍለ ዘመን |
| 7. | ሄሮይግሎፊክስ | ሸ. | ስሉስ ኩርናዕ መቓብር ነገስታት |
| 8. | ፓፒረስ | ቀ. | ስእላዊ ስነ ፅሑፍ ግብፃውያን |
| 9. | መሚ | በ. | ወደብ ንግዲ ኣክሱማውያን |
| 10. | መስጊድ ነጋሽ | ተ. | ንመፅሓፊ ከም ወረቐት ዘገልገለ |

# 1.4 ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ

## 1.4.1 በዝሒን ዝርግሐን ህዝቢ

ተምሃሮ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እንመን ከምዝኾና ትፈልጥወን ዶ? ኣብዚ ምዕራፍ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ተማሂርክምዎ ከም ዝነበርኩም ትዝክሩ ዶ? ብተወሰነ መልክዑ ንምዝኽኻር ነዚ ዝስዕብ ካርታ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ርአዩ።

ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ተባሂለን ብሕብረት ኣፍሪካ ተመዝጊበን ዝፍለጣ 10 እየን። ዝርዝር እዘን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብዝስዕብ ሰደቓ ተሓቢሩ ኣሎ። እዚ ኣብ ገፅ 22 ዘሎ ሰደቓ ከምዘርእየና ኣብ 2009 ዓ.ም.ፈ. (2001 ዓ.ም) ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ 271.9 ሚሊዮን ህዝቢ ኣብ 10 ሃገራት ከምዝነበሩ ንርዳእ። እዚ ማለት ድማ ኣፍሪካ ካብዘለውዋ ክፍለዓለማዊ በዝሒ ህዝቢ ውሽጢ ናብ 25 ሚኢታዊ ዝፅግዑ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዝርከባ ሃገራት'የን ዝርከቡ። ስለዚ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብደረጃ ኣህጉር ክፍለዓለም ብዙሕ በዝሒን ፃዕቕን ህዝቢ ዘለወን ከምዝኾና ንርዳእ። ካብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ውሽጢ ብዙሕ ህዝቢ ዘለዋ ቀዳመይቲ ሃገር ኢትዮጵያ እንትትከውን ካልአይቲ ሃገር ድማ ታንዛንያ እያ። ብሳልሳይ ደረጃ ትስራዕ ሃገር ድማ ኬንያ እያ። ተምሃሮ ኣብ ካርታ ሰለስቲአን ሃገራት ርአይወን። ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ስፍሓት መሬት፣ በዝሒ ህዝብን ፃዕቒ ህዝቢ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ምስ ባንደሪአን እዩ ዘሪአና። ተምሃሮ ኣብ ገፅ 22 ዘሎ ሰደቓ ኣፀቢቕኩም ርአይዎ።




ካርታ 1.6 ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ

እዚ በዝሒ ህዝቢ ምስ ስፍሓት መሬት እዘን ሃገራት ብትርብዒት ኪ.ሜ. (ኪ.ሜ$^2$) እንትገናዘብ ድማ ቀዳመይቲ ትስራዕ ሃገር ሱዳን እንትትኸውን ካልኣይቲ ትስራዕ ሃገር ድማ ኢትዮጵ እያ። ብሳልሳይ ደረጃ ትስራዕ ሃገር ግና ታንዛኒያ እያ። ኬንያ ዘለዋ ስፍሓት መሬት 582,650 ኪ.ሜ$^2$ እንትኸውን በዝሒ ህዝባ ድማ 39.1 ሚሊዮን እዩ። ጇቡቲ ዘለዋ ስፍሓት መሬት 23,170 ትርብዒት ኪ.ሜ. (ኪ.ሜ$^2$) እንትኸውን በዝሒ ህዝባ ድማ ትሕቲ ሓደ ሚሊዮን እዩ (900,000)። ዝነኣሰ ስፍሓት መሬት ዘለወን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እንትርኣይ ጇቡቲ (23170 ኪ.ሜ$^2$)፣ ሩዋንዳን (26338 ኪ.ሜ$^2$) ቡሩንዲን (27830 ኪ.ሜ$^2$) ብቕደም ሰዓብ ዝርከባ እየን። ስፍሓት መሬትን በዝሒ ህዝብን ሃገራት ምስ ተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣን ሃፍትን ተኣሳሲሩ ንኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ዝሕብር'ዩ።

ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርግሐ በዝሒ ህዝብን ኣሰፋፍራን ሓደ መልክዕ ቅጥዒ ዘለዎ ኣይኮነን። ነዚ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ዝኸውን ስርዓት ኣሰፋፍራን ዝርግሐን ህዝብታት እዩ። ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ኣብ ገለገሊኡ ከባቢ ፅዑቕ ይኸውን ኣብ ገለገሊኡ ድማ ስሑው ይኸውን። ስለዚ ዓፅቒ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪ.ሜ (ኪ.ሜ$^2$) ውሽጢ ክንደይ ከምዝኾነ ምርኣይ ኣገዳስነት ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝለዓለ ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪ.ሜ (ኪ.ሜ$^2$) ዘለወን ብቕደም ሰዓብ እንትርኣያ ሩዋንዳ (397.6)፣ ቡሩንዲን (322.9) ኡጋንዳ (137.1) እየን።

| ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካን ባንደሬአንን | ስፍሓት ብትርብዒት ኪ.ሜ. | በዝሒ ህዝቢ ብሚሊዮን ኣብ 2001 ዓ.ም | ፃዕቂ ህዝቢ ብትርብዒት ኪ.ሜ. | ርእሰ ከተማ |
|---|---|---|---|---|
| ቡሩንዲ | 27,830 | 8.3 | 322.9 | ቡጁምቡራ |
| ጂቡቲ | 23,170 | 0.9 | 22.4 | ጂቡቲ |
| ኤርትራ | 121,320 | 5.1 | 46.5 | ኣስመራ |
| ኢትዮጵያ | 1,127,127 | 82.8 | 75.6 | ኣዲስ ኣበባ |
| ኬንያ | 582,650 | 39.1 | 66 | ናይሮቢ |
| ሩዋንዳ | 26,338 | 9.9 | 397.6 | ኪጋሊ |
| ሶማሊያ | 637,657 | 9.1 | 15.4 | ሞቃዲሹ |
| ታንዛኒያ | 945,087 | 43.7 | 43.3 | ዳሬሰላም |
| ኡጋንዳ | 236,040 | 30.7 | 137.1 | ካምፓላ |
| ሱዳን | 2,505,813 | 42.3 | 16.9 | ካርቱም |
| **ድምር** | **6,233,032** | **271.9** | **43.62** | |

ሰደቓ 1.1 ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ምስ ሰንደቓ ዓላማአን፣ ስፍሓተን ብትርብዒት ኪ.ሜ. (ኪሜ$^2$)፣ በዝሒ ህዝበንን ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪ.ሜ. (ኪሜ$^2$)

እዚአን ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜትር ብጣዕሚ ዝለዓለን ብዙሕን ፃዕቒ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት እየን። ብተፃራሪ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜትር (ኪ.ሜ$^2$) ስሕው ዝበለን ውሑድ ፃዕቒ ህዝብን ዘለወን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብቕደም ሰዓብ እንትንርእይ ሶማሊያ (15.4)፣ ሱዳን(16.9) ጂቡቲን (22.4) እየን። እሞ ተምሃሮ ንምንታይ'ዩ ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ ሓደ ዓይነት ቅጥዕን መልክዕን ዘይብሉ?

ቀንዲ ምኽንያታት ዝርግሐ ህዝቢ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ክልተ ባእታታት መቒልካ ክርኣይ ዝኽእል'ዩ። እዚኦም ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ዝበሃሉ'ዮም።

1. ተፈጥሮኣዊ ባእታታት፤ እዚኦም ከም ጠባይ ኣየር፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ ብራኸ፣ ልምዑነት መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባብያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርከቦ፣ ወዘተ ዝመሳሰሉ እዮም።
2. ሰብኣዊ ባእታታት፤ እዚኦም ኣብ ላዕሊ ንዝተሓበሩ ተፈጥሮኣዊ ንዘይኮኑ ባእታታት ዝምልከት'ዩ። ማእኸል ምምሕዳር፣ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን፣ ማሕበራዊ መሰረተ ልምዓት፣ ስርዓት ምንቅስቓስ ህዝቢ ዝመሳሰሉ ዝጥቀሱ ቀንዲ ሰብኣዊ ባእታት ዝርግሐ ህዝቢ ዝበሃሉ'ዮም።

ስለዚ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ ዝርከቡሎም ከባብታት ኣብ ደጉዓታትን ከበሳን እዩ። ከበሳታትን ደጉዓታትን ንምንባርን መነባብሮን ኣዝዩ ምችው ዝኾነ ጠባይ ኣየር ኣለዎም። ንልምዓት ሕርሻን ዘራእትን ከምኡ'ውን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳት ምችው ዝኾነ ዛሕሊ ዘለዎ ዝሰማማዕ ኩነታት (ባእታታት) ኣየር ዝርከበሉ'ዩ። ዛሕሊ፣ እኹል መጠን ዝናብን ንመነባብሮ ምችውን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ካብዝኾኑ ከም ዓሶ፣ ረስኒ፣ ዓሶ ሓንጎል፣ ሕማም ድቃስ፣ ኢንፉሉዌንዛን ወዘተ ካብዝመሳሰሉ ሕማማት ነፃ እዩ።

ስለዚ ኣብ ደጉዓታትን በረኻቲ ቦታታትን ኢትዮጵያ፣ ኣብ ከባቢታት ዓበይቲ ቃላያት ደጉዓታትን ብራኸታትን ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲን ኬንያን ብዙሕ ፀቕጥን ፃዕቕን ህዝቢ ይርከብዎም። ብተፃራሪ ድማ ኣብ ቆላን መታሕትን ቦታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣዝዩ ሓያል ሙቐትን ሃሩርን ደረቕን ኩነታት ጠባይ ኣየር ስለዘሎ ዝተፈላለዩ ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ይርከቡ። ስለዚ ኣብከምዚ ዝመሳሰሉ ቆላ፣ መታሕትን ደረቕ ጠባይ ኣብዘለዎም ከባቢታትን ውሑድ በዝሒ ህዝቢ ይርከብ።

ይኹን ደኣ'ምበር ከምዚ ዓይት ሓያል ፀቕጢ ኣየር ዘለዎም ደረቕ ጠባይ ኣየር እናሃለዎም ቆላን መታሕትን ከባቢ ኾይኖም'ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ሃፍታም ከባቢታት ሩባታትን ውቅያኖሳትን ዝርከቡ ብሙልኦም ብዙሕ ህዝቢ እዩ ዝነብረሎም። ንኣብነት ጂቡቲ፣ ዓሰም፣ ሞምባሳ፣ በርበራ፣ ዳሬሰላም ወዘተ ፃዕቒ በዝሒ ህዝቢ ዘለወን እየን። ኣብ ከባቢ ዓበይቲ ቃላያት'ውን ዝለዓለ በዝሕን ፀቕጥን ህዝቢ ኣለዎም። ንኣብነት ኣብ ዓበይቲ ቃላያት ዝርከቡለን ከባቢታት ምርኣይ ይከኣል። ኣብ ሃገርና ቃላይ ጣና ዝርከበሉ ባህርዳርን ቃላይ ሃዋሳ ዝርከበሉ ከተማ ሃዋሳ ምርኣይ ዝከኣል እንትኸውን ኣብ ከባቢ ቃላይ ቪክቶሪያን ካልኦትን ዘሎ በዝሕን ፀቕጥን ህዝቢ'ውን ዝለዓለ'ዩ። ከባቢታት ዓበይቲ ቃላያት ምብራቕ ኣፍሪካ እንተሪእና ዋላ'ውን ኣብ መላእ ኣፍሪካ እቲ ብጣዕሚ ዝለዓለ ፀቕጥን ፃዕቕን ህዝቢ ዝርከበሎም እዮም።

## 1.4.2 ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ



### ንጥፈት

ተምሃሮ መንቀሊ ፍልሰትን ስደትን እንታይ ከምዝኾኑ ትፈልጡ ዶ? ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ህዝብታት ናብ ካሊእ ከባቢ ብበዝሒ ዝፈልሱ፣ ዝንቀሳቐሱን ዝስደዱን ንምንታይ ይመስለኩም? ነዚ ሕቶ ንዓበይቲ ሰባት'ውን ሓቲትኩም መልሲ ሒዝኩም ምስመፃእኹም ምስ መምህርኩም ተመያየጡ።

ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ልሙድ ተርእዮ'ዩ። ብተፈላለዩ ምኽንያታት ህዝብታት ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ይንቀሳቐሱ'ዮም። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ንዘመናት ዝፀንሐ'ዩ። ህዝቢ ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ብበዝሒ ዝገብሮ ምንቅስቓስ "ፍልሰት ህዝቢ" ይበሃል። ህዝቢ ሓደ ከባቢ ብተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ትውልዲ ዓዶም ናብ ካሊእ ከባቢ ይፈልሱ፣ ይስደዱን ይንቀሳቐሱ ነይሮም። መንቀሊ እዞም ተርእዮታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ከባብያዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ምኽንያታት ኣለዉ።

ስለዚ ምንቅስቓስ፣ ፍልሰትን ስደትን ህዝቢ ሓደ ከባቢ ወይድማ ሃገር ኣብ ኣርባዕተ ባእታታት መቒልካ ክርአይ ይከኣል'ዩ። እዚኦም ዝስዕቡ'ዮም፤ (1) ህዝባውን ተፈጥሯውን መሰረት ዘበግስዎም፣ (2) ውልቃዊ ድልየት ዘንቀድዎም፣ (3) ፖለቲካዊ ውሳነ መንግስቲ ዘበግስዎምን (4) ኲናትን ቅልውላዋትን ዘበግስዎም እዮም። ተምሃሮ ነዞም ዓርባዕተ ባእታታት መሰረት ገይርኩም ንቕድም ተመያየጡ።

ብምኽንያት ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ድርቂ (ሓሪ) ኣብ ሓደ ከባቢ ዝርከብ ህዝቢ ምግብን ማይን ኣለሻ ናብ ካሊእ ከባቢ ክፈልስን ክንቀሳቐስን ይኽእል'ዩ። መደብ ሰፈራ'ውን ህዝቢ ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ክንቀሳቐስ ኣብምግባር ምኽንያት ተገይሩ ዝውሰድ'ዩ። ንኣብነት፤

- ብ1977 ዓ.ም ብዘመነ ኣገዛዝኣ ስርዓት ደርጊ ዝተርአየ ዓብዪ ድርቂ ካብ ትግራይ ናብ ወለጋን ጋምቤላን ብምኽንያት ሽዑ ዝነበረ መደብ ሰፈራ ዝኸዱ ብዙሓት ኣለዉ። ኣብዚ ሎሚ እዋን ደቂ ዓዲ ኾይኖም ኣብ ወለጋን ጋምቤላን እናሓረሱን እናነገዱን ይነብሩ ኣለዉ።

- ብ1995 - 1997 ዓ.ም ድማ ካብ ወረዳ ጉሎምኻዳን ናዕዴር-ዓዴትን ብፍላይ ብመደብ ሰፈራ ናብ ምዕራብ ትግራይ ወረዳታት ወልቃይት፣ ፀገዴን ቃፍታ ሑመራን ብድልየቶም ከይዶም ዝሰፈሩን ኣብዚ ሎሚ እዋን ደቂ ዓዲ ኾይኖም ናብርኦም ዝመርሑ፣ ዝሓርሱን ዝንግዱን ህዝቢ ኣለዉ። ድልዱል ናብራ'ውን መስሪቶም ይነብሩ ኣለዉ።

ስለዚ ብምኽንያት ዝገጠመ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ድርቂ ጥራሕ ዘይኮነስ ብምኽንያት ዝነበረ ህፅረት ተሓራሳይ መሬት ናብ ልሙዕ መሬት ዘለዎ ህዝቢ ክንቀሳቐስ ዝግበረሉ ተርእዮታት'ውን ኣሎ። ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ህዝቢ ብፖለቲካዊ ውሳነ መንግስቲ ዝፍፀም እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ዝሓሸ ዕድል ስራሕ ብምድላይ፣ ንዝበለፀ ዕድል ትምህርትን ንዝሓሸ ዕዉትነት ማሕበራዊ ግልጋሎትን እንትበሃል ዝተወሰኑ ሰባት ከባቢኦም ሓዲጎም ናብ ካሊእ ከባቢ ይኸዱ'ዮም። እዚ ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ኣብ ድልየት ህዝቢ ዝተመስረተ እዩ። ብምኽንያት ድርቂ (ሓሪ)፣ ጥምየት፣ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን ካልኦት ተመሳሰልቲ ሳዕቤናት ሓደጋታት ተፈጥሮ መሰረት ብዝገበሩ ከባብያዊ ፀገማት ድማ ህዝቢ ካብ ከባቢኦም ለቒቖም ናብ ካሊእ ከባቢ ይስደዱ፣ ይፈልሱን ይንቀሳቐሱን እዮም። ብተፃራሪ ድማ ብምኽንያት ፖለቲካዊ ፀገማት፣ ፀጥታን ደሕንነትን፣ ህዝባዊ ዓመፅን ኲናት ሕድሕድን፣ ኲናት ክልተ ሃገራት፣ ከምኡ'ውን ከምዚኦም ብዝመሳሰሉ ምስ ምንባርን ዘይምንባርን ዝተኣሳሰሩ ሰብኣውን ኩነታት ብዝተኣሳሰሩ ደቂ ሰባት ከባቢኦም ገዲፎም፣ ንብረቶምን ጥሪቶምን ሓዲጎም ናብ ካሊእ ከባብታት ክስደዱ፣ ክባረሩ፣ ክፈልሱን መረበቶም ሓዲጎም ክንቀሳቐሱን ዘኽእል ኩነታት ክህልው ዝኽእለሉ ተርእዮ ይፍጠር'ዩ።

ንኣብነት ዝስዕቡ ክልተ ተርእዮታት ምርኣይ ይከኣል'ዩ። ብ1977 ዓ.ም ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ድርቂ፣ ጥምየት፣ ኲናት ሕድሕድን ፖለቲካዊ ፀገማትን ብጣዕሚ ብዙሓት ኣሽሓት ህዝቢ ብዓብዪ ፀገም እናሓለፉ ናብ ሱዳን ይስደዱ ነይሮም። ደርጊ ናብ ጋምቤላን ወለጋን እናሓፈሰ ኣገዲዱ ይሰድድ ነይሩ። ኣብ ሓራ መሬት ምምሕዳር ህወሓት ዝነበሩ ድማ ናብ ሱዳን ይስደዱ ነይሮም። ህዝብታት ካብ ናብርኦም ተፈናቒሎምን ተመዛቢሎምን እዮም። ኣብዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ውሽጢ ከምዚ ዓይነት ተርእዮታት ኣብ ሶማሊያ፣ ሱዳን፣ ሩዋንዳ፣ ኡጋንዳ፣ ኮንጎን ብተደጋጋሚ ዝተርአዩ እንትክውንን ብምኽንያት ኲናት ኢትዮጵያን ኤርትራን'ውን ካብ 1990 ዓ.ም ክሳብ 1993 ዓ.ም ብገፊሑ ይርአይ ዝነበረ እዩ። እዚ ድማ ምፍንቓልን ምዝንባልን ናብራ የስዕብ።



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ንዝተገለፀ መበገሲ ብምግባር ብዛዕባ መንቀሊ ስደትን ፍልሰትን ህዝቢ ብዝምልከት ተመያየጡ። ተጋሩ ብ1977 ዓ.ም ናብ ጋምቤላን ወለጋን ተሰዲዶም ከምዝነበሩን ኣብዚ ሕዚ እዋን ድሕሪ ኲናት ኢትዮ-ኤርትራ ብዙሓት ኤርትራውያን እናተሰደዱን እናፈለሱን ናብ ኢትዮጵያ ይመፁ ከምዘለዉን ማእኸል ገይርኩም ተመያየጡ። ኣብ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ዝርከቡ ሽመልባን ማይ ዓይ ዓይንን ዝመሳሰሉ ማእከላት መዕቆቢ ስደታኛታት ኤርትራ ከም ኣብነት ብምውሳድ ተመያየጡ።

ካብ ታሪኽ ኢትዮጵያ እንመሃሮ ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ምንቅስቓስ ህዝቢ ነይሩ'ዩ። ኣብ መበል 16 ክፍለዘመን ህዝቢ ኦሮሞ ዓብዪ ምንቅስቓስ ገይሩ'ዩ። ከም ቀንዲ ምኽንያታት ዓብዪ ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ኦሮሞ ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ተገይሮም ዝውሰዱ ልሙዕ መሬት ደልዮምን ቀለብ ሃፍቲ እንስሳት (ከፍቲ) ዝረኽቡሉ ሰውሒ (ጋህዒ መሬት - መግሃጫ) ቦታታት ንምእላሽ ከምዝነበረ ይግለፅ። ከምዚ ዓይነት ልሙዕ መሬትን ቀለብ ከፍቲ ዝረኽቡሉ ጋህዒ መሬት (መግሃጫ) ንምርካብን ብሓፈሽኡ ናብ ደጉዓታት ስደትን ፍልሰትን ተኻይዱ ነይሩ። ህዝቢ ኦሮሞ ካብ ከባቢ ኬንያን ደቡብ ምብራቕ ኢትዮጵያን ናብ ሰሜን፣ ሰሜን ምዕራብን ሰሜን

ምብራ'ቕን ምንቅስቓስን ፍልሰትን ስለዘካየዱ ኣሰፋፍራን ዝርግሐን ህዝቢ ኦሮሞ ለዊጥዎ'ዩ። ሕዚ ዘሎ ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ኦሮሞ ውፅኢት እዚ ኣብ መበል 16 ክፍለዘመን ዝነበረ ምንቅስቓስን ፍልሰትን እዩ። ህዝቢ ኦሮሞ ምስ ኬንያ ካብዘዳውብ ደቡባዊ ምብራቕ ካባቢ ባሌ ናብ ሃረር፣ ኣርሲ፣ ሃረርጌ፣ ወለጋ፣ ኢሉባቦርን ሸዋን ኣንፈት ብገፊሑ ምስተንቀሳቐሱ ክሳብ ናብ ወሎ፣ ቤጌምድርን ትግራይን በጺሖም ነይሮም። ብምኽንያት ከምዚ ዝመሰለ ዓብዪ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኣብ ወሎ ከም ቦረናን ከምሴን ዝመሳሰሉ ቦታታት ከምኡ'ውን ኣብ ትግራይ ከባብታት ራያን ዓዘቦን ዝርከቡ ብገፊሑ እንትርአይ ናብ ሰሚቲካዊ ዝተለወጡ ዘርኢ ደቂ ኦሮሞ ንረክብ። እዚ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኦሮሞ ህዝባውን ተፈጥሮኣውን ባእታታት ዘንቀልዎ ታሪካዊ ተርእዮን ፍፃመን እዩ። ይኹን'ምበር ማሕበራውን ባህላውን ተፃብኦታት ነይሮምዎ።

እዋ ተምሃሮ ምንቅስቓስ ህዝብን ስደትን ኣሉታውን ኣዎንታውን ፅልዋ ከምዘለዎ ተረዲኣኹም ዶ? ምፍንቓልን ምዝንባልን ናብራ፣ ምብትታን ስድራ፣ ዘይምርግጋፅ፣ ሻቕሎት፣ ጎንፂ ባህልታትን ልምድታትን፣ ቅልውላው ማሕበራዊ-ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን፣ ቅልውላው መንነት፣ ስእነት መፅለልን ምግብን እዐርዩ ስለዘስዕብ ንውልቀን ንሓባርን ዝፀልው **ኣሉታዊ** ጎኑ ሓያል'ዩ። ብካሊእ መልክዑ ድማ ስደት፣ ፍልሰትን ምንቅስቓስን ህዝቢ ዕድል ስራሕ ንምርካብ፣ ትምህርትን ክእለትን ንምጥራይ፣ ምግብን መፅለልን ንምርካብ፣ ተሓራሳይ ልሙፅ መሬት ንምውናን፣ መነባብሮ ሕርሻ ንምድንፋዕ፣ ካብ ስቅያት ጥምየትን ድርቕን ንምንጋፍ፣ ካብ ሓደጋ ኲናት ዕቑባ ንምርካብን፣ ዝተመዛበለን ዝተፈናቐለን ናብራ ንምድልዳልን ወዘተ እንትኾውን ዜጋታት ናብዝሓሸ ኩነታት መነባብሮ ንምስግጋር ዝዓለመ ብምዃኑ **ኣዎንታዊ** ፅልዋ ኣለዎ።



## ንጥፈት

እምበኣርከስ ተምሃሮ ስደትን ፍልሰትን (ምንቅስቓስ ህዝቢ) ዘለዎን ዝህልዎን ኣዎንታውን ኣሉታውን ፅልዋታት ብዝምልከት ኣብ ክልተ ጉጅለ ተመቒልኩም ተመያየጡ፣ ተኻትዑ።

### 1.4.3 ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ? ከመይ ትርድእዎ? መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 139 ብዛዕባ ስነ ህዝብን ልምዓትን ተገሊፁ ዘሎ ናብ ቤት መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኻድ ኣንብቡ። ክተንብቡ እንትለኹም ድማ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት ኣብ ስነ ህዝብን ልምዓትን፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ዝብሉ ዛዕባታት እናተመያየጥኩም ኣንብቡ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ምስ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ሃገርን ኣጠቓቕማን ክጠዓዓም ብምግባር መነባብሮ ምምሕያሽ እንትበሃል እንታይ ማለት ከምዝኾነ ተመያየጡ። ነዚ ዕሑፍ ምስ ትምህርትኹም ኣተኣሳስርዎ'ሞ መምህርኩም'ውን ክሕግዙኹም ሕተትዎም። ዝበፃሕኹምዎ ምርድዳእ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ።

ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖፂሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለፂ በዝሒ ህዝቢ'ዩ። ኣብ ሃገርና በዝሒ ህዝቢ ቖፂሩ ብፆታ፣ ብዕድመ፣ ብከተማን ገጠርን፣ ብኣካላዊ ብቕዓት፣ ብደረጃ ትምህርቲ፣ ምስ ጥዕና ብዝተኣሳሰረ ኩነታት፣ መጠን ውልደትን ሞትን፣ በብዓመቱ'ውን እናወሰኸ ዝኸይድ ክንደይ ከምዝኾነን

ብደረጃ ክልልን ሃገርን መረዳእታ እናፀብፀበ ዕላዊ ዝገብር መንግስታዊ ትካል'ዩ። ኤጀንሲ ብሄራዊ ማእከላዊ ስታቲስቲክስ ይበሃል። እዚ ትካል ቆፀራ በዝሒ ህዝብን ኣባይትን ዘካይድን ብሳይንሳዊ መንገዲ ተንቲኑ ዕላዊ ዝገብር'ዩ። ተምሃሮ ንምዃኑ ኣብ ሃገርና ክሳብ ሎሚ ክንደይ ግዘ ቆፀራ በዝሒ ህዝቢ ከምዝተኻየደ ትፈልጡ ዶ?

ኣብ ሃገርና ንፁር ፀብፃብ በዝሒ ህዝብን ምስዚ ዝተኣሳሰሩ ካልኦት መረዳእታታት ንምእካብን ንምትንታንን ሰለስተ ግዘ ሃገራዊ ወፍሪ ስነ ህዝቢ ተኻይዱ'ዩ። ፈለማ ዝተኻየደ ብእዋን ደርጊ ኣብ 1977 ዓ.ም ነይሩ። ቀፂሉ ንካልኣይ ግዘ ዝተኻየደ ኣብ እዋን መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ1987 ዓ.ም እዩ (ኢህወደግ ስልጣን ምስሓዘ ድሕሪ ሰለስተ ዓመትን መንፈቅን)። ኤጀንሲ ብሄራዊ ማእከላዊ ስታቲስቲክስ ንሳልሳይ ግዘ ዘካየዶ ሃገራዊ መረዳእታታት ስነ ህዝቢ ብ1999 ዓ.ም እንትኸውን ነዚ መፅናዕታዊ መረዳእታ ዕላዊ ዝገበሮ ብ2002 ዓ.ም እዩ። ንዝስዕብ ሰደቓ እናረኣይኩም ተመያየጡ።

| ዝርዝር መግለፂ መረዳእታ | ከተማን ገጠርን | | | ከተማ | | | ገጠር | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ድምር | ደቂ ተባዕትዮ | ደቂ ኣንስትዮ | ድምር | ደቂ ተባዕትዮ | ደቂ ኣንስትዮ | ድምር | ደቂ ተባዕትዮ | ደቂ ኣንስትዮ |
| መረዳእታ በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ | 73,750,932 | 37,217,130 | 36,533,802 | 11,862,821 | 5,895,916 | 5,966,905 | 61,888,111 | 31,321,214 | 30,566,897 |
| | | 50.46% | 49.54% | 16.08% | 49.70% | 50.30% | 83.92% | 50.61% | 49.39% |
| በዝሒ ህዝቢ ትግራይ | 4,316,988 | 2,126,465 | 2,190,523 | 844,040 | 398,795 | 445,245 | 3,472,948 | 1,727,670 | 1,745,278 |
| | 5.85% | 49.26% | 50.74% | 19.55% | 47.25% | 52.75% | 80.45% | 49.75% | 50.25% |

ሰደቓ 1.2 ብ1999 ዓ.ም ዝተኻየደ ሃገራዊ መፅናዕታዊ ዳህሳስ ስነ ህዝቢ

ብ1977 ዓ.ም ዝተኻየደ ሃገራዊ መፅናዕቲ ዳህሳስ ስነ ህዝቢ ዘርእየና በቲ ሽዑ ግዘ ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ 42 ሚሊዮን ዝነበረ እንትኸውን ኣብ 1987 ዓ.ም ዝተኻየደ መፅናዕቲ ናብ 56 ሚሊዮን ከምዝበፅሐ'ዩ ተሓቢሩ። ኣብ 1999 ዓ.ም ዝተኻየደ ሃገራዊ መፅናዕቲ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናብ 73,750,932 ከምዝበፅሐ ተገሊፁ'ዩ። በዚ እዋን በዝሒ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍሉይ እንትርኣይ 4,316,988 ነይሩ። ተምሃሮ በብዓመቱ በዝሒ ህዝቢ ሃገርና እናወሰኸ ከምዝኸይድ'ሎ ሪኢኹም ዶ? ኣብ 2002 ዓ.ም ናብ 82.8 ሚሊዮን ከምዝበፅሐ'ዩ ኤጀንሲ ብሄራዊ ማእካላዊ ስታቲስቲክስ ዝገለፆ። ስለዚ ኣብ ሃገርና ካብ ዓመት ናብ ዓመት በዝሒ ህዝቢ ይውስኽ'ሎ።



## ንጥፈት

ተምሃሮ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰደቓ ብምርኣይ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፤

- ኣብ ኢትዮጵያ ደቂ ተባዕትዮ ዶ ይበዝሑ / ደቂ ኣንስትዮ ይበዝሓ?
- ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ደቂ ተባዕትዮ ዶ ይበዝሑ / ደቂ ኣንስትዮ ይበዝሓ?
- ኣብ ከተማታት ትግራይ ዝነብር ህዝቢ ዶ ወይድማ ኣብ ከተማታት ሃገርና ዝነብር ህዝቢ ብሚኢታዊ ይዛይድ?
- ኣብ ከተማታት ትግራይ ደቂ ተባዕትዮ ዶ ይበዝሑ / ደቂ ኣንስትዮ ይበዝሓ?
- ኣብ ገጠራት ትግራይ ደቂ ተባዕትዮ ዶ ይበዝሑ / ደቂ ኣንስትዮ ይበዝሓ?
- ኣብ ገጠራት ኢትዮጵያ ደቂ ተባዕትዮ ዶ ይበዝሑ / ደቂ ኣንስትዮ ይበዝሓ?
- በዝሒ ህዝቢ ከተማን ገጠርን ኣነፃፂርኩም ግለፁ።
- ንፅፅር በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያን ትግራይ ኣካይዱ።

ኣብ ዓለም በዝሒ ህዝቢ ብቕልጡፍ እናዓበየ ዝርአየሎም ኣብ ዘይማዕበሉ ሃገራት እንተኾነውን ብፍላይ ሃገራት ኣፍሪካ ድማ ብዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ቅድሚት ይስርዓ። በዝሒ ህዝቢ ዝግበዋ ኣብ ሞንጎ ዝውለዱ ህፃናትን ዝሞቱ ሰባትን ዘሎ ኣፈላላይ ብምንፅፃር እዩ። ብመሰረት'ዚ ኣብዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ውሽጢ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብደረጃ ክፍለዓለም ዝለዓለን ቅልጡፍን በዝሒ ህዝቢ ኣርእየን'የን። በዝሒ ዝውለዱ ህፃናትን መጠን ምውላድ እኖታትን እናነከየ ከምዝመፅእ ዘሎ ዝፍለጥ እንተኾነ'ውን ብኸልተ ምኽንያታት በዝሒ ህዝቢ ይውስኽ'ሎ እዩ።

1. መጠን ሞት ብሂወት ዝነብሩ ሰባት እናነከየ ምምፅኡ
2. ደቂ ሰባት ብህይወት ዝነብሩን ዝፀንሕሉን ዕድመ እናወሰኸን እናዓበየን ምምፅኡ

ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ዝማዕበሉ ሃገራትን ካልኦት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን እንትርአይ ኣብ ኣፍሪካ ዘለዋ እኖታት ሕዚ'ውን ብዙሕ ህፃናት እናወለዳ ከምዘለዋ ንርዳእ። ስለዚ ምስ ኩነታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እንትንገናዘብ ፅሩይ ውፅኢት ምንካይ መጠን ምውላድ እኖታት፣ ምንካይ መጠን ሞት ብህይወት ዝነብሩ ሰባትን ምውሳኽ (ምምሕያሽ) ብህይወት ዝንበረሉ ዕድመን በዝሒ ህዝቢ ካብ ምውሳኽ ኣይዓገቶን። በዝሒ ህዝቢ ምውሳኽ ዝምልከት መጠን ብሚኢታዊ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናነከየ ክኸይድ ይኽእል'ምበር ምውሳኹ ዘይተርፍ ተርእዮ'ዩ። ስለዚ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ 2009 ዓ.ም.ፈ ዝነበረን መጠን ምውሳኽ በዝሒ ህዝቢ ካብዚ ንታሕቲ ኣብዘሎ ሰደቓ ተሓቢሩ'ሎ።

| ቁ.ተ | ስም ዝርዝር ሃገራት | መጠን ዕብየት ህዝቢ | ቁ.ተ | ስም ዝርዝር ሃገራት | መጠን ዕብየት ህዝቢ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ብሩንዲ | 2.1 | 6 | ሩዋንዳ | 2.5 |
| 2 | ጂቡቲ | 1.9 | 7 | ሶማሊያ | 3.0 |
| 3 | ኤርትራ | 2.9 | 8 | ታንዛኒያ | 2.3 |
| 4 | ኢትዮጵያ | 2.7 | 9 | ኡጋንዳ | 3.4 |
| 5 | ኬንያ | 2.7 | 10 | ሱዳን | 2.6 |
| ማእከላይ መጠን ዕብየት ህዝቢ | | 2.6 | ማእከላይ መጠን ዕብየት ህዝቢ | | 2.6 |

ሰደቓ 1.3 መጠን ተፈጥሯዊ ዕብየት ህዝቢ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ (2009 ዓ.ም.ፈ)



## ንጥፈት

ተምሃሮ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰደቓ ብምርኣይ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፤

- ዝለዓለ መጠን ዕብየት ህዝቢ ዘለዋ ሃገር መን እያ?
- ዝተሓተ መጠን ዕብየት ህዝቢ ዘለዋ ሃገር መን እያ?
- ትሕቲ ማእኸላይ መጠን ዕብየት ህዝቢ ዘለወን ሃገራት ፍለይ።
- ልዕሊ ማእኸላይ መጠን ዕብየት ህዝቢ ዘለወን ሃገራት ፍለይ።
- ብመሰረት መጠን ዕብየት ህዝቢ ኣብ 2015 ዓ.ም.ፈ በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክንደይ ይበፅሕ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ረብሓ ኣለዎ ድዩ ወይስ የብሉን?
- ኣብ ጣብያኹም ዘለዉ በዝሒ ህዝቢ ብዖታን ብዕድመን ከምኡ'ውን መጠን ዝውለዱ ህፃናትን ዝሞቱን ሓቲትኩም ዝረኸብክምዎመልሲ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ረብሓ ኣለዎ ከምዝበሃለሉ ኹሉ ጉድኣት'ውን ኣለዎ'ዩ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ባህላውን ድሕረባይታ ንዘይማዕበሉ ሃገራት ኣፍሪካ ብፍላይ ድማ ንሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣዝዩ ዝለዓለ ጉድኣት ኣለዎ። ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ካብዘስዕብዎም ጉድኣታትን ኣሉታዊ ፅልዋታትን ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም።

## 1 ፀቕጢ ማሕበራዊ ግልጋሎታት፤

ሀ. **ግልጋሎት ትምህርቲ፤** ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ እንተኸይድ ብዙሓት ህፃናት ይውለዱ ከምዘለዉ ስለ ዘመላኽት በብዓመቱ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝመፁ በዝሒ ተምሃሮ ክውስኽ ግድን'ዩ። ምስ ጠለብ በዝሒ ተምሃሮ ዝሳነይ ኣብያተ ትምህርቲ እናተሃነፁ ብቑዓት መምህራን እንተዘይተቖፂሮም ግልጋሎት ትምህርቲ ብምብዛሕ ይኹን ብፅርየት ክንድቲ ዝድለይ ክማላእ ኣይኽእልን። በዝሒ ህዝቢ ንሕፀረት ግልጋሎት ትምህርቲ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል።

ለ. **ግልጋሎት ጥዕና፤** ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ እንተኸይድ ግልጋሎት ጥዕና ዝጠልብ በዝሒ ተገልጋላይ'ውን ይውስኽ'ሎ ማለት'ዩ። ዕብየት ህዝቢ ኣብ ጠለብ ግልጋሎት ጥዕና ዓብዪ ፀቕጢ ይፈጥር'ዩ። ብዙሓት ትካላት ጥዕና፣ ብዙሓት ሰብ ሞያ ጥዕና፣ ብዙሓት ግልጋሎት ላቦራቶሪን መድሓኒታትን ይጠልብ። እዚ ድማ ብዙሕ ፋይናንሳዊ ወፃኢ ይሓትት'ዩ።

ሐ. **ግልጋሎት መጓዓዝያ፤** ብተፈጥሮኡ ወዲሰብ ተንቀሳቓሳይ እዩ። ንተፈላለዩ ምኽንያታት ሰባት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካሊእ ቦታ፣ ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ይንቀሳቐሱ'ዮም። ንምንቅስቓስ ሰባት ግልጋሎት መጓዓዝያ የድልይ። ይኹን ደኣ'ምበር ህዝቢ እናበዝሐ እንተኸይድ ብኡ መጠን ድማ ምንቅስቓስ ይዓብይ ስለዝኾነ ምስ ቀረብ መጓዓዝያን ኣወሃህባ ግልጋሎትን ዘይሳነዩ ፀቕጥታት ይፍጠሩ። እዚ ምስ ቴክኖሎጂ መጓዓዝያ ዝሳነይ ቀረብን ግልጋሎት ኣወሃህባን ዝጠልብ ስለዝኾነ ብምኽንያት ዕብየት በዝሒ ህዝብ ይፃበብ'ዩ።

መ. **ግልጋሎት ኣባይቲ፤** ደቂ ሰባት ንምንባር ካብዝሓትዎም መሰረታዊ ኣገደስቲ ጉዳያት ሓደ መፅለልን መዕቖብን ዝኾኑ ኣባይቲ ክህልዎም ምድላይ'ዩ። ህዝቢ እናወሰኸን በዝሑ እናዓበየን እንተኸይድ ብኡ መጠን ድማ ጠለብ ኣባይቲ ይውስኽ። ስለዚ ሰባት ኣብዘደልይዎ እዋን ደረጅኡ ዝሓለወ መንበሪኦም ዝኸውን ኣባይቲ ብእዋኑ ከይረኽቡ ዝኽእልሉ ኣጋጣሚ ዝዓበየ ተጓንፎ'ዩ።

2 **ሕፀረት ልሙዕ መሬት ሕርሻን መግሃጫን፤** ምስ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ተኣሳሲሩ ዝርአይ ካሊእ ኣገዳሲ ዝበሃል መሬት'ዩ። ኣብ ገጠር ምህርቲ ዝርከብ ካብ መሬት'ዩ። ኣብ ከተማ'ውን መንበሪ ኣባይትን ትካላትን ዝትከሉሉ ሃፍቲ መሬት እዩ። ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ብዝሑ እናዓበየ ምኽያዱ ኣብ ምጥቃምን ልምዓትን መሬት ዝህልው ምጉያይ እናሓየለ'ዩ ዝኸይድ። ስለዚ መሬት ምምንጣል፣ ምቁርራስን ሕፀረት ተሓራሳይ መሬትን ካልኦት ፀገማት የጋጥሙ። መነባብሮ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ሕርሻ ዝተመስረተ'ዩ። ስለዚ ዘጋጥም ሕፀረት መሬት ንነበርቲ ናብ ስደት ዘብፅሕ'ዩ። መሰረት ኢኮኖሚ ሃገር ሕርሻ ኣብዝኾኑሉ ሃገራት ፅሒረት መሬትን በዝሒ ህዝቢ እናዓበየ ምምፃእን ዓበይቲ ፀገማት'ዩ። ጎሲሁ ዝርአይ ካሊእ ፀገም ድማ ፀቕጢ ህዝቢ ኣብ ውሑድን ንእሽተይን መግሃጫ መሬት ይህልው።

3 **ምጉሕጓሕን ብርሰትን ከባብያዊ ተፈጥሮን ኣየርን፤** ብምኽንያት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣፅርዩ ዝጉዳእን ዝሳቐይን ከባቢያዊ ኩነታት እዩ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ ብዝኸደ ቑፅሪ ከባብያዊ ኩነታት ሃፍቲ ተፈጥሮ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ይጉሕጓሕን ይምዝበርን'ዩ።

ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ይኸውን። ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ተፈጥሮን ከባብያዊ ኩነታትን ካብ ዕቅን ንላዕሊ ምጉሕጓሕን ብርሰትን ስለዘስዕብ እዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ፀገማት የጋጥሙ፧

- ፍግረ መሬት
- ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ
- ልዕሊ ዓቐን ምግሃፅ መሬት
- ብክለት ኣየር
- በረኻነት

4 **ስእነት ስራሕ፧** በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ እንትኸይድ ብዙሕ ህዝቢ ናብ ስራሕ ክኣትዉ ይኽእሉ ማለት'ዩ። ንብዙሕ ሰብ ዕድል ስራሕ ዝፈጥርን ናብ ስራሕ ከዋፍር ዝኽእልን ኣጋጣምታት ሓቢሩ እናጎልበተ ክኸይድ ይግባእ። እዚ ማለት ጎና ጎኒ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንብዙሕ ሓይሊሰብ ናብ ስራሕ ዕድል ከእቱ ዝኽእል ሰፊሕ ልምዓት ዝተላበሰ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ይጠልብ። እዚ ድማ ዕድል ስራሕ ምፍጣር ማለት'ዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ምዕቡል ኢኮኖሚያዊ መሰረት ኣብዘይብሉ ሃገር ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንዝለዓለ ስእነት ስራሕ ዘቃልዕ'ዩ። ንኣብነት ቻይና ኣብ ዓለም ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር እያ። ህዝባ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን እዩ። ኩሉ ህዝባ ግና ሰሪሑ ዝሓድርን ካብ ሃገሮም ሓሊፎም'ውን ኣብ ዓለም ፍሉጣት እናኾኑ ይርከቡ። ሃገርና እንተሪእና ድማ ምስ በዝሒ ህዝቢ ዝመጣጠን ሃገራዊ ሃፍቲ፣ መሬትን ምዕቡል ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ስለዘየለ ስእነት ስራሕ ዝለዓለ'ዩ። ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ካብ ዝርአዩ ሓደ ዓብዪ ማሕበራዊ ፀገም ዝበሃል ድማ ስእነት ስራሕ'ዩ።

5 **ድኽነት፧** ህዝቢ እናወሰኸ እንትኸይድን ናብ ልምዓት ዝኣትው በዝሒ ሰብ ውሑድ እናኾነ ብምኸያዱ ኣብ ሃገር ዘሎ ሃፍቲ ጥራሕ እናበልዐን እናተቐለበን ዝኸይድ ይኸውን። ኢኮኖሚያዊ ልምዓት እንተዘይሃልዩ፣ ንብዙሓት ዝተርፍ ሃፍቲ ተፈጥሮ እንተዘይሃልዩ፣ መጓዓዝያን ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለ እንተዘይሃልዩ፣ ዕድል ስራሕ ንዝጠልቡ ዜጋታት ብሙልኦም ናብ ስራሕ ከእትው ዝኽእል ኢኮኖሚ ሕርሻን ቴክኖሎጂን እንተዘይሃልዩ ወዘተ ኣብ ውሽጢ ሃገር ድኽነት ክህልው ግድን'ዩ። ስለዚ ብስሉጥ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ልምዓት ሃገርን ዘይተደገፈ (ዘይተሓገዘ) ቅልጡፍ ዕብየት ህዝቢ ውፅኢቱ ድኽነት እዩ።



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ እንትኸይድ ዝፈጥሮ ፀቕጢ ብዝምልከት ኣብ ሸውዓተ ጉጅለ ተመቒልኩም ተመያየጡ፣ ዝበፃሕኩምዎ ምርድዳእ ድማ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

**ጉጅለ ፩፧** በዝሒህዝቢኣብግልጋሎትትምህርትንጥዕናንዘብፅሕዎፀቕጢብዝምልከትተመያየጡ።

**ጉጅለ ፪፧** በዝሒ ህዝቢ ኣብ ቀረብ ማይ፣ ግልጋሎት መጓዓዝያን ኣባይትን ዘብፅሕዎ ፀቕጢ ብዝምልከት ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፫፧** በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሕፀረት ልሙዕ መሬት ሕርሻን መግሓጫን ዘብፅሕዎ ፀቕጢ ብዝምልከት ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፬፧** በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምጉሕጓሕን ብርሰትን ከባብያዊ ተፈጥሮን ኣየርን ዘብፅሕዎ ፀቕጢ ብዝምልከት ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፭፧** በዝሒ ህዝቢ ኣብ ስእነት ስራሕ ዘብፅሖ ፀቕጢ ብዝምልከት ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፮፧** በዝሒ ህዝቢ ኣብ ድኽነት ዘብፅሖ ፀቕጢ ብዝምልከት ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፯፧** በዝሒ ህዝቢ ፀጋን ሃፍትን ድዩ ወይድማ ፀገምን መንቀሊ ምኽንያት ድኽነትን ኣብዝብል ኣርእስቲ ተኻትዑ።

## መልመዲ 1.4

ሀ. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፅታት ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁሎም።*

1. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሕ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር መን'ያ?

   ሀ. ኢትዮጵያ  ለ. ታንዛንያ
   ሐ. ሱዳን  መ. ኬንያ

2. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ውሑድ በዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር መን'ያ?

   ሀ. ኢትዮጵያ  ለ. ጂቡቲ
   ሐ. ሶማሊያ  መ. ሱዳን

3. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝገፍሐን ዝለዓለን ስፍሓት መሬት ዘለዋ ሃገር መን'ያ?

   ሀ. ኬንያ  ለ. ታንዛኒያ
   ሐ. ኢትዮጵያ  መ. ሱዳን

4. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝነኣሰ ስፍሓት መሬት ዘለዋ ሃገር መን'ያ?

   ሀ. ጂቡቲ  ለ. ቡሩንዲ
   ሐ. ታንዛኒያ  መ. ሩዋንዳ

5. ካብ 2,505,813 ትርብዒት ኪ.ሜ. (ኪሜ²) ስፍሓት መሬት ዘይነኣሰን 16.9 ፃዕቂ በዝሒ ህዝቢ ዘለዋን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ትርከብን ሃገር መን እያ?

   ሀ. ኡጋንዳ  ለ. ኢትዮጵያ
   ሐ. ሱዳን  መ. ታንዛኒያ

6. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝለዓለ ፃዕቒ ህዝቢ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪ.ሜ (ኪ.ሜ2) ዘለዋ ሃገር መን እያ?

   ሀ. ታንዛኒያ  ለ. ኢትዮጵያ
   ሐ. ሱዳን  መ. ሩዋንዳን

7. ካብዘን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ስሕው ዝበለን ውሑድ ፃዕቒ ህዝብን ዘለዋ ሃገር መን እያ?

   ሀ. ሱዳን  ለ. ኤርትራ
   ሐ. ሶማሊያ  መ. ጂቡቲ

ለ. *ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣንቢብኩም ትኽክል ኮይኑ ንዝረኸብካዮ "ሓቒ" ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ "ጌጋ/ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ።*

1. ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብደረጃ ኣህጉር ካብዘለዋ ሃገራት ውሽጢ ኣዝዩ ብዙሕ (ዝለዓለ) በዝሕን ፃዕቕን ህዝቢ ኣለወን።
2. ኬንያ ዘለዋ ስፍሓት መሬት 582,650 ኪ.ሜ2 እንትኸውን በዝሒ ህዝባ ድማ 39.1 ሚሊዮን እዩ።

3. ተፈጥሮኣዊ ባእታታት ዝገልፁ ኣብነታት ከም ጠባይ ኣየር፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ ብራኽ፣ ልምዑነት መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባቢያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርከቦ፣ ወዘተ ዝመሳሰሉ እዮም።
4. ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ከባቢ ዓበይቲ ሃይቃት፣ ገማግም ባሕሪ፣ ሃፍታም ከባብታት ሩባታትን ውቅያኖሳትን ዝለዓለ በዝሕን ፀቕጥን ህዝቢ ይርከብ።
5. ሰብኣዊ ባእታታት ዝገልፁ ኣብነታት ከም ጠባይ ኣየር፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ ብራኽ፣ ልምዑነት መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባቢያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርከቦ፣ ወዘተ ዝመሳሰሉ እዮም።
6. ከበሳታትን ደጉዓታትን ንምንባርን መነባብሮን ወዲሰብን ኣዝዩ መፀግማይን ከቢድን ዝኾነ ጠባይ ኣየር ስለዘለዎም ትሑትን ስሑውን በዝሒ ህዝቢ ይነብረሎምን ይርከበሎምን።

## 1.4.4 ሳዕቤናት ምኽታምነት ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን

ምስ ምንቅስቓስ ህዝብን ቕልጡፍ ዕብየት ህዝብን ተኣሳሲሩ ዝመፅእ ዝተፈላለዩ ከተማታት ምጥያሽ'ዩ። ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ስሉጥ ምዕባለ ከተማታትን ምኽታምን ልሙድ ተርእዮ ነይሩ። መንቀሊ ምኽንያት'ዚ ተርእዮ በዝሒ ህዝቢ፣ ኣሰፋፈራን ምንቅስቓስ ህዝብን እዩ። ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብምንቅስቓስ ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማን ካብ ከተማ ናብ ገጠርን ዝፍለጣ'የን። ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝርአይ ተርእዮ ምኽታምነት ዝግለፅ ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምንቅስቓሶምን ምፍላሶምን ዝፍጠሩ'ዮም። እዚ ምንቅስቓስ ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምኽንያት ድልየት ትምህርቲ፣ ዕድል ስራሕ፣ ሓዱሽ ኣገባብ መነባብሮን ንግዳዊ ስራሕትን'ዩ።



ስእሊ 1.15 ከተማ ዳሬሰላም (ታንዛኒያ) - 2.44 ሚሊዮን ህዝቢ



ስእሊ 1.16 ከተማ ናይሮቢ (ኬንያ) - 2.57 ሚሊዮን ህዝቢ

ይኹን ደኣ'ምበር ክፍለዓለም ኣፍሪካ ኣብ ዓለም ካብዘለዋ ሃገራት ብደረጃ ምኽታምነት ኣብ ትሑት ብርኪ ዕብየት'ያ ትርከብ። ብመሰረት መረዳእታ 2009 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማታት ኣፍሪካ ዝነብሩ ነበርቲ ዳርጋ ናብ 38% ዝፅጋዕ ጥራሕ'ዩ። ዋላ'ውን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እንተወሲድና ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ዝተሓተን ድሑር ዝኾነን ምኽታምነት ዝርአየለን እየን። ዳርጋ ናብ 22% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር። ነዚ መሰረት ገይርና ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት እንተሪእና ዋላ'ኳ ብዙሓት ሓደሽቲ ከተማታት ዝማዕበላ እንተሃለዋ ናብ 16.08% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር። ብተመሳሳሊ ኣብ ክልልና ትግራይ እንተወሲድና ድማ ዋላ'ኳ ብዙሓት ሓደሽቲ ከተማታት ዝማዕበላ እንተሃለዋ ናብ 19.55% ዝፅጋዕ ህዝቢ ጥራሕ'ዩ ኣብ ከተማታት ዝነብር። ስለዚ ምስ ምንቅስቓስን ኣሰፋፍራን ህዝቢ

ተኣሳሲሩ እንትርአይ ምኽታምነት ብግልፂ ዝርአይ እንተኾነ'ውን ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝቢ ግና ብመጠንን ብበዝሕን ብዙሕ ለውጢ ዘለዎ ኣይኮነን።



ስእሊ 1.17 ከተማ ካምፓላ (ዩጋንዳ)



ስእሊ 1.18 ከተማ ጂቡቲ









ስእሊ 1.19 ከተማ ኣዲስ ኣበባ - 2.72 ሚሊዮን ህዝቢ

ተምሃሮ ምኽታምነት ከመይ ይግለፅ? እስኪ ብጉጅለ ኮይንኩም ኣብ ክፍሊ ተመያየጡ። ምኽታምነት እንትበሃል ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባብያዊ ሓለዋን ፅርየት ምስ ፅባቐ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ሰለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፆ'ዩ። ምኽታምነት ብመንፅር መሰረተ ልምዓት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ነዞም ስእሊ ከተማታት ብምርኣይ ተመያየጡ።

ተምሃሮ ቅልጡፍን ስሉጥን ልምዓትን ዕብየትን ከተማታት (ምኽታምነት) ዝመፅእ ብሓደ መልክዑ ብምኽንያት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ እዩ። ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ናብ ከተማታት ንክፈልስ (ክስደድ) ዝደፋፍእዎ ነገራት ኣለዉ። ደፋኢቲ ባእታታት ይበሃሉ። ኣብ ከተማታት ድማ ካብ ገጠር ብዙሕ ህዝቢ ንክፈልስ (ንክስደድ) ዝስሕቡ ነገራት ኣለዉ። ሰሓብቲ ባእታታት ይበሃሉ። እዞም ዝደፍኡን ዝስዕቡን ባእታታት ብዙሓት እዮም። ተምሃሮ እዚኦም እንታይ ከምዝኾኑ ትፈልጡ ዶ? ንኣብነት ኣብ ገጠር ንዘለዉ ሰባት ናብ ከተማ ንክስደዱን ክፈልሱን ዝደፍእዎም ኩነታት እንተሪኢና ከም

- ሕፀረት ተሓራሳይ መሬት፣
- ሕፀረት ንእንስሳት ዘቤት ዝኸውን ጋህዊ መሬት (መግሃጫ)፣
- ምጉሕጓሕን ብርሰትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ከባብያዊ ኩነታትን፣
- እኹል ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘይምህላዉ ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከቡ

ደፋኢቲ ኩነታት (ባእታታት) ዝበሃሉ'ዮም፡፡

ተምሃሮ እስኪ ነዚኦም ምስ ከባቢኹም ብምዝማድ ብጉጅለ ተመያየጡሎምን ዝበፃሕኩምሉም ምርድዳእ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ። ንኣለሻ ስራሕን ዝሓሸ መነባብሮን እንትብሃል ናብ በብከባቢኡ ዝርከባ ከተማታት፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ናይሮቢን ደቡብ ኣፍሪካን፣ ኣዕራብ ሃገራት (ስዑዲ ዓረቢያ፣ የመን፣ ኩዌት፣ ዱባይ፣ ሕቡራት ዓረብ ኢሜሬት፣ ሶርያን ካልኦትን ሃገራት) ዝስደዱን ዝፈልሱን ወገናት ብዝምልከት ንምንታይ ነዚ ኣጋጣሚ ከምዝመርፅዎን ኣብመወዳእታ ድማ ሳዕቤናቶምን ብዝምልከት ተመያየጡ።



ስእሊ 1.20 ኣብ ከተማታት ሃገርና ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝስሓቡ ሰባት ብገፊሑ ዝዋፈሩሉ ስራሕቲ መንደቕን ምንፃፍ ዕሩብ እምንን

ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ሰሓብቲ ሃይሊሰብ ገጠራት እንትንርእይ ድማ

- ዝለዓለ ጠለብ ጉልበት ስራሕ፣
- ኣለሻ ስራሕን ዝሓሸ መነባብሮን
- ዕድል ስራሕ፣
- ንግዲ፣
- ዝሓሸ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም።

ሰሓብቲ ኩነታት (ባእታታት) ዝበሃሉ'ዮም፡፡

## ኣስተውዕሉ!

ቐልጡፍ ዕብየት ከተማታትን ምኽታምነትን ኣብ ምልዋጥን ምምሕያሽን ኣግባብ መነባብሮ ህዝቢ ይኹን ከባብያዊ ሂወት መነባብሮ ህዝቢ ዓብዪ ተራ ኣለዎ። ምስ ምኽታምነት ዝርአይ ምትሕውዋስን ምትሑምዛዥን ባህልን ልምድታትን ስለዝህልው ኣብ ከይዲ ለውጢ ይምዕብል'ዩ። ምኽታምነት ለውጥን ምዕባለን ባህሊ የስዕብ'ዩ። ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈልሱ ሰባት ኣብ ከተማ ብዘሎ ባህሊ ይፅለዉ'ዮም። ኣብ ከተማ ዝነብር ሕብረተሰብ ምስ ካብ ገጠር ዝመፁ ብባህልን ልምድን ብቐሊሉ ዝተሓዋወስ ኣይኮነን። ኣብ ከተማ ዝነብር ሕብረተሰብ ዘማዕብሎ ባህሊ ስልጡን'ዩ።



## ንጥፈት

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ሓቲትኩም ዝርዝር መብርሂ ፅሓፉ።

1. ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈልሱ ሰባት ኩሉ ነገር ምችው ዝኾነሎም ዶ ይመስለኩም?
2. ኣሰፋፍራን ምንቅስቓስን ህዝቢ ምስ መነባብሮን ከባብያዊ ህይወት ኣገናዚብኩም ዶ ትፈልጡ?
3. ስሉጥ ምዕባለ ከተማታትን ምኽታምነትን ካብ ገጠር ናብ ከተማ ንዝፈልሱ (ንዝስደዱ) ሰባት እንታይ ዓይነት ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ ከምዝኽእል ምስ መሓዙትኩም ተመያየጡ። ዝርዝር ነጥብታት ኣብ ወረቐት ፅሓፉ።
4. ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ወይድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማ እንትትግበር ሰባት ካብ ዝነበሩሉን ዝለመድዎን መንበሪ ገዝኦም ሪሒቖም'ዮም ዝኸዱ።
5. ካብ መንበሪ ገዛ ሪሕቕኻ ምንባር እንታይ ሳዕቤን ክህልዎ ከምዝኽእል ተመያየጡሉ።
6. ምኽታምነት'ውን ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ክህልዎ ዝኽእል ሳዕቤን ግለፁ።

እምበኣርከስ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣብ ከይዲ ምይይጥን ዕዮ ጉጅለን ብዝርዝር ርኢይዎም። ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝፈለሱን ዝተሰደዱን ሰባት ኩሎም ፅቡቕ ኣይገጥሞምን።

- ዝተወሰኑ ሰባት ዝተደላደለን ምችውን ዝኾነ መንበሪ ገዛ፣ ንፁህ ዝስተይ ማይ፣ ፅቡቕ ክፍሊት ዘለዎ ስራሕ ኣብ ምርካብ ይፅገሙ።
- ምችው ዝኾነ ኩነታትን ስራሕን መንበሪ ብምስኣን ይሳቐዩ።
- ብምኽንያት ኣብ ገጠር ዝለመድዎን ዝዓበይሉን ባህሊ ኣግባብ መነባብሮ ምስ ኣብ ከተማ ዝርከብ ባህሊ ስርዓት መነባብሮ ስለዝጓነፅ'ውን ይሳቐዩ።
- ብምኽንያት ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምፍላሶምን ምስዳዶምን ድማ ኣብ ከተማታት ዝህልው ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ግልጋሎት መጓዓዝያ፣ ቀረብ ማይን መንበሪ ኣባይትን ብዝምልከት ሕፅረትን ምፅባብን የጋጥም'ዩ።

ብካሊእ መልክዑ ድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝመፁ ስዱዳት ፅቡቕ ዕድል ዝገጥሞም ኣለዉ። ብጣዕሚ ፅቡቕ መጠን ገንዘብ ዝረኸቡን ፅቡቕ ምችው መነባብሮን ዝመስረቱን'ውን ብዙሓት ኣለዉ። ስለዚ ምኽታምነትን ልምዓት ከተማታትን ኣዝዩ ዝነኣድን ዝሕፈስን ፀጋታት ሃፍቲ ከምዘለዎም ኹሉ ብተፃራሪኡ ድማ መስካሕከሓይ ዝኾነ ድኽነት'ውን ዘለዎም እዮም። እዚኦም ክልተ ተፃረርትን ተፃበእትን ተርእዮታት ዝፋረቑለን ብምዃነን ከተማታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ'ውን ካብዚ ሓቒ'ዚ ዝተፈለየ ተርእዮ ኣይህልወንን። ስለዚ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ እንትንርእይ ዝርግሐ በዝሒ ህዝቢ፣ ኩነታት ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣብ

ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ምንቅስቓስን ፍሰትን ህዝብታት ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ቕልጡፍ ዕብየት ህዝብን ሳዕቤናቱን፣ ሳዕቤናት ምኽታምነት ኣብ ሕብረተሰብን ባህልን ብዝምልከት ብዝርዝር ተገሊፁ እዩ። ተምሃሮ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ክልስ ሓሳባትን ጭቡጥ ተርእዮታትን ተረዲእኩም ዶ?

ሳዕቤናት ምኽታምነት ኣብ ባህልን ሕብረተሰብን ህዝቢ ዘለዎ ኣሉታውን ኣዎንታውን ፅልዋ ተመያየጡ።

## 1.5 ቐፅፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ



### ንጥፈት

ተምሃሮ ብዛዕባ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን ህዝቢ ኣመልኪቱ ኣብ 5ይ ኽፍሊ ዝተምሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? ህዝቢ ኣብ ከተማን ኣብ ገጠርን እንትሰፍሩ እንታይ ረቛሓ መሰረት ዝገብሩ ይመስለኩም? ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ማለት'ዩ? መነባበሮ ህዝቢ ኸ እንታይ ማለት'ዩ?

ኣሰፋፍራ ማለት ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኦም ንምክያድ ተኣኪቦም ነናይ ባዕሎም መንበሪ ሰሪሖም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣግባብ ዝግለፀሉ ኣምርን ክልስ ሓሳብን'ዩ። ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ እንትነብሩ ብሓደ መልክዕ ስሕው ኢሎም መንበሪኦም ሰሪሖም ንርኢ ወይድማ ፅዕቕ ኣብዝበለ ኩነታት መንበሪኦም ሰሪሖም እንትነብሩ ንዕዘብ። ህዝቢ ኣብ ከባቢ መንበሪኦም ካብ ጉጂ፣ ግድግዳ ቀላሚጦስ፣ ህድሞ፣ መንደቕ ወይድማ ዘመናዊ ህንፃ ሰሪሖም ብሓባር እንትነብሩ ንዕዘብ። ከከም ኩነታት ጠባይ ኣየር ድማ ምስሓውን ምፅዓቕን ወይድማ መንበሪ ዝስርሑሎም ባእታታት ይፈላለዩ'ዮም።

ኣሰፋፈራ ህዝቢ ምስ ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ከባቢ፣ ስነ መሬታዊ ኣቀማምጣ፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ባህልን መነባብሮን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ትካላት ምህላዎም ወዘተ ዝመሳሰሉ ጉዳያት ዝውስንዎ ስርዓት'ዩ። ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብምኽንያት ጠለብ፣ ደጉዓን ቆላን፣ ብራኸን መታሕትን፣ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት'ውን ኣብ ግምት ብምእታው ኣፈላላይ ይግበር'ዩ። ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ክልተ መልክዕ ሰሊዕኻ ምርኣይ ይከኣል'ዩ።

1. ገጠርን ከተማን ኢልካ ብተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ምርኣይ
2. ከበሳን (ደጉዓን) መታሕትን (ቆላን) ኢልካ ውን ብኣቀማምጣ ይርኣይ።

ስለዚ ተምሃሮ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝብን ብጣዕሚ ይፈላለይ'ዩ። ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ከበሳን መታሕትን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣዐርዩ ይፈላለይ'ዩ። ኣብ ከተማ ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብትልምን ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዝተቐየደ ኾይኑ ፅዑቕ ኣቀማምጣ ዝጠልብ'ዩ። ኣብ ገጠር ዝርኣይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ድማ ምስ ውልቀ ትሕዝቶ መሬት ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ ስሕው ዝበለን ዝተረሓሓቐን'ዩ።

መነባብሮ ህዝቢ ድማ ስድራ ዝናበሩሉ መሰረት ኢኮኖሚን ፍልፍል እቶትን፣ ብደረጃ ስድራ ዝህልው ሃፍተ-ንነትን ንከይዲ ዕለታዊ ህይወት ፍልፍል ዝኾነ ፀጋታትን ዝምልከት'ዩ። መነባብሮ ምስ ዕለታዊ ዓቕሚ ምግቢ፣ ንቕልዑ ዝግበር ክንክንን ሓለዋ ጥዕናን፣ ፋይናንሳውን ኢኮኖሚያውን ዓቕሚ ወዘተ ዝምልከት'ዩ። ንኣብነት መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ እዩ። ኣብ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ እንታይ ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ?



ስእሊ 1.21 መነባብሮ ህዝቢ ከተማ ኣብ ትግራይ



ስእሊ 1.22 መነባብሮ ህዝቢ ዓፋር ዝተመስረተሎም

መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይከኣልዩ። እዚኦም ድማ ዝስዕቡዮም፤

1. ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት፤ ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን ኣፈላላይ ንምፍጣር መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ንኣብነት ኣቀማምጣ መሬት፣ ሃፍትታት ተፈጥሮ ውሽጢ መሬትን ልዕሊ መሬትን፣ ጠባይ ኣየር፣ ቀረብ ማይ፣ ልምዑነት መሬት፣ ግድሚ መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ወዘተ ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም።

2. ሰብ ስራሕ ባእታታት፤ ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ሰብ ስራሕ ዝኾኑውን ኣለዉዮም። ሰብ ባዕሉ ዝፈጥሮም ኩነታት መንቀሊ ምኽንያታት ተገይሮም ይውሰዱዮም። ብምኽንያት ደቂ ሰባት ዝውሰዱ ስጉምትታት። እዚ ዝኾነሉ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ፤

   ሀ. ካብ ፀላኢ፣ ካብ ሓደጋታት ተፈጥሮን እንስሳትንውን ንምክልኻል ብዝግበር ፃዕሪ ደቂ ሰባት ኣብ ሓደ ከባቢ ክሰፍሩ ይኽእሉዮም።

   ለ. ኣብ ከባቢ ብዝርከቡ ግልጋሎታት ንኣብነት ሹቕ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ትካል ግልጋሎት ጥዕና፣ ዕዳጋ፣ መጓዓዝያን መንገዲ መኪናን ወዘተ ተኸቲሎም ሰባት ይሰፍሩዮም።

ኣብ ከባብታት መዕረፊ ኣውቶቡሳትን ዕዳጋን ዘሎ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ከተማ ኣስተውዒልኩም ዶ ትፈልጡ? ፅዑቕ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ምስ ዝተፈላለዩ ንግዳዊ ምንቅስቓሳት ትዕዘቡ። ዕሽላት ከተማታት እንትክትሙ ኸ ኣስተውዒልኩም ዶ ትፈልጡ?






ስእሊ 1.23 ኣብ ከተማታት ትግራይ ዘሎ ፃዕቂ ኣሰፋፍራ

ሓደሽቲ ዝጣየሹን ዕሽላት ከተማታትን ትግራይ እንተሪእና ኣውራ መንገዲ መኻይንን ኣውቶቡሳትን (ኣውራ ጎደናታት) ተኸቲሎም ይኸትሙ። ኣብ ገጠር ዝርከብ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ድማ ኣብ ጎቦታትን ግድምታትን ይበዝሕ ምኽኑ ኽ ተዓዚብኩም ዶ? እቲ ማይዳ መሬትን ልሙዕ መሬትን ንማሕረስ ስለዝድለይ'ዩ። ጎቦታትን ግድምታትን ኣብዘይብሉ ከባቢ ግና ኣብ ማይዳ'ውን ህዝቢ ከምዝሰፍር ምርድኡ ፅቡቕ'ዩ። ንኣብነት "ዓዲ ጎሹ" ዘለዉ ሰፈርቲ ኣብ ማይዳን ልሙዕ መሬትን እዮም ሰፊሮም። ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ስለዘገድዱ ማለት እዩ። ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኩናማ እንተወሲድና ካብ ካልኦት ከባቢ ትግራይ ይፍለይ'ዩ። ብኹሉ መዳዩ ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንትርኢይ ምስ መነባብሮን ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዝተኣሳሰረ ይኸውን።

ስለዚ ኣሰፋፍራ ህዝብታት ጥራሕ ዘይኮነ መነባብሮን ባህልን'ውን ከም ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣፈላላይ ኣለዎ'ዩ። ባህሊ እንታይ ማለት'ዩ? ባህሊ መግለፂ ኣነባብራን መነባብሮን ህዝቢ'ዩ። ባህሊ ልምድታትን እምነታትን ህዝቢ ዝግለፀሉ እዩ። ዝተፈላለዩ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ባህሊ ኣለዎም። ንኣብነት ባህሊ ህዝቢ ትግራይ፣ ባህሊ ህዝቢ ኦሮሞ፣ ዓፋር፣ ኣምሓራ፣ ሶማል፣ ኩናማ፣ ኢሮብ፣ ጉራጌ፣ ሲዳማ ወዘተ ተባሂሉ ዝግለፀሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብ ኣግባብ መነባብሮ፣ ኣመጋግባ፣ ኣከዳድና፣ ስነ ፅባቐ፣ መርዓ፣ ሓዘን፣ ቀብሪ፣ እምነትን ልምድታትን፣ ኣከባብራ በዓላት፣ ኣሰራርሓ ፀጉሪ ወዘተ ዝተፈላለዩ'ዮም። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣሰፋፍራን ባህልን ዘለዎም ህዝብታት ድማ ብመንፅር ከተማን ገጠርን ተመሳሳልቲ ባህልታት ከምዘለዉ ኹሉ ኣፈላላይ ዘለዎም ኩነታት ድማ ይርኣይ'ዩ።

ስለዚ ኣፈላላይ ባህሊ ምስ መነባብሮ ህዝብን ድሕረ ባይትኦምን ዝተኣሳሰር'ዩ። መነባብሮ ብደረጃ ስድራ ዝርአይ ስለዝኾነ ምስ ባህልን ኣሰፋፍራን ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ'ዩ። ባህልን መነባብሮን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት እዮም። መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ሕርሻ፣ ንግዲ፣ ምርባሕ ከፍትን ካልኦት ኣግባብ ምእላሽ እቶት ስድራን መሰረት ተገይሩ ዝርአይ'ዩ። ንኣብነት መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ እንተኾውን መነባብሮ ህዝቢ ከተማ ድማ ኣብ ንግድን ካልኦት ፍልፍል እቶትን ዝተመስረተ'ዮም። ብምኽንያት ከምዚ ዝመሰለ ኩነታት መነባብሮን ባህልን ከተማን ገጠርን ዘተኣሳስሮም፣ ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን ብዙሕ ጉዳይ'ሎ። ገጠርን ከተማን እንትንብል ኣሰፋፍራ ህዝቢ ዘመላኸት ኾይኑ እዚ ኣሰፋፍራ ገጠርን ከተማን ብብዙሕ መንገዲ ይፈላለይ'ዩ።

ስለዚ ኣብዝስዕብ ሰደቓ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣብ ከተማን ገጠርን ብዝምልከት መነፃፀሪ ቐረቡ'ሎ። ተፈጥሮኣዊ ሃፍተ-ፀጋ፣ እኹል ዝናብ፣ ማእድናትን ልሙዕ መሬትን ዘለዎም ከባብታት መነባብር ህዝቢ ፅቡቕ መሰረት ዘለዎ'ዩ ዝኸውን። ኣብ ዓፋር ሃፍቲ ተፈጥሮ ጨውን እንስሳት ዘቤትን ከምኡ'ውን ሰፊሕ ልምዓት ሕርሻን ኣግማልን መሰረት ህይወት መነባብሮ ህዝቢ ዓፋር ዝውስኑ'ዮም። ኣብ ምዕራብን ደቡብን ትግራይ እንተሪእና ድማ መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ሕርሻ፣ ንግድን ሃፍቲ እንስሳትን ዝተመስረተ ኢኮኖሚ ንርእይ። እዚ መነባብሮ ህይወት ስድራ ዝገልፅ'ዩ።



ስእሊ 1.24 ኣሰፋፍራ ህዝቢ ገጠርን መነባብሮን - ትግራይ

| ገጠራት ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት | ከተማታት ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት |
|---|---|
| ✔ ኣብ ገጠር ዘለዉ መንበሪ ገዛውቲ ብጣዕሚ ዝተረሓሓቑ'ዮም።<br>✔ ኣብ ሕርሻን ምርባሕ ከፍትን ዝተመስረተ መነባብሮ ኣሎ።<br>✔ መንበሪ ገዛውቲ ካብ ዕንጨይትን እምንን ዝተሰርሑ'ዮም።<br>✔ ጎረባብቲ ብጣዕሚ ኣብ ዝተረሓሓቑ ቦታታት እናነበረ ግና በብመዓልቱ ይጠያየቑ'ዮም።<br>✔ ሰብን ናውትን ንምጉዕዓዝ ኣዕዱግን ካልኦት እንስሳታትን ይጥቀሙ።<br>✔ መንበሪ ገዛውትን ህንፃታትን ተቐራሪቦም ብፃዕቑ'ዮም ተሰሪሖም ዝርከቡ። | ✔ ነበርቲ ኣብ ኣብያተ ዕዮ፣ፋብሪካታት፣ ሹቓትን ውልቀን መንግስታውን ትካላት እናሰርሑ ብዝረኽብዎም እቶታት መነባብረኦም ይመርሑ።<br>✔ መብዛሕትኦም መንበሪ ገዛውቲ ካብ ብሎኬትን እእማንን ዝተሰርሑ'ዮም።<br>✔ ጎረባብቲ ብጣዕሚ ተቐራሪቦም ብፃዕቒ ዝነብሩ እንተኾነ'ውን ኣይጠያየቑን። ኣይፋለጡን።<br>✔ ነበርቲ ንመጓዓዝያ ብሽክለታ፣ ሞተር ብሽክለታ፣ ታክሲ፣ መኪና ይጥቀሙ። |

መነባብሮን ባህልን ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ)ን መታሕት (ቆላ)ን ብዝምልከት ድማ ካብዚ ንታሕቲ ኣብዘሎ ሰደቓ ብሓፂር ተገሊፁ'ሎ።

| ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ) ብዝምልከት | ነበርቲ መታሕት (ቆላ) ብዝምልከት |
|---|---|
| መብዛሕትኡ ግዘ ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ)<br>✔ ስገም፣ ስርናይን ጣፍን የምርቱ<br>✔ ዛሕሊ ኣብዘለዎ ከባብታት ደጉዓ ይነብሩ<br>✔ ቀላሚጦስ፣ ዕሕድን ዓርቃይን ይትኽሉ<br>✔ ኣባጊዕ የጥርዩ፣ የራብሑ<br>✔ ካብ ጣፍ፣ ስርናይን ስገምን እንጀራን ሕምባሻን ይስንክቱ፣ ይምገቡ<br>✔ ፀባ ካብ ላሕሚ ይጥቀሙ<br>✔ ዛሕልን ቁርን ካብዘለዎ ጠባይ ኣየር ንባዕሎም ንክከላኸሉ ካብ ጡጥ ዝተሰርሑ ክዳውንቲ (ከም ሻማ፣ ብሉኮ፣ ጋቢ፣ ኩታ፣ ኮበርታ ዝመሳሰሉ) ይኸደኑ | መብዛሕትኡ ግዘ ነበርቲ መታሕት (ቆላ)<br>✔ ዕፉን (ምሽላ ባሕሪ)፣ ዳጉሻን ምሻላን የምርቱ<br>✔ ሃሩርን ሙቐትን ኣብዘለዎ ከባቢ ኣየር ይነብሩ<br>✔ ሽባኻ፣ ሳግላ፣ ሰራውን ጭዓን ዝመሳሰሉ ዝርያ ኣካሺያ ይትኽሉ<br>✔ ኣግማልን ኣጣልን የጥርዩ፣ የራብሑ<br>✔ ካብ ዕፉን (ምሻላ ባሕሪ)ን ምሽላን እንጀራን ሕምባሻን (ቅጫ) ይስንክቱ፣ ይምገቡ<br>✔ ፀባ ካብ ኣጣልን ኣግማልን ይጥቀሙ<br>✔ ንነብሶም ካብ ሙቐትን ሃሩርን ኩነታት ኣየር ንምክልኻል ቅልል ዝበሉን ፎኩስትን ክዳውንቲ ይኸደኑ |



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ እስኪ ኣብ ሽዱሽተ ጉጅለታት ተመቒልኩም ዝተፈላለዩ ኣሰፋፍራ፣ መነባብሮን ባህልን ህዝቢ ብዝምልከት ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፩፡** ኣብ በረኽ ቦታታት (ብራኽ ኣብ ዘለዎ ወይድማ ከበሳ) ገጠር ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራን መነባብሮን ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፪፡** ኣብ መታሕት (ቆላ) ከባብታት ገጠር ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራን መነባብሮን ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፫፡** ኣብ በረኽ ቦታታት (ብራኽ ኣብ ዘለዎ ወይድማ ከበሳ) ከተማ ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራን መነባብሮን ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፬፡** ኣብ መታሕት (ቆላ) ከባብታት ከተማ ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራን መነባብሮን ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፭፡** ባህልን መነባብሮን ዘለዎም ምትእስሳር ብዝምልከት ብኣብነት እናገለፅኩም ኣረድኡ። ባህሊ ከመይ'ዩ ዝግለፅ? መግለፅታት ባህሊ ብዝምልከት ብዝርዝር ኣረድኡ።

**ጉጅለ ፮፡** ባህሊ ህዝቢ ትግራይ፣ ባህሊ ህዝቢ ኩናማ፣ ባህሊ ህዝቢ ኢሮብ፣ ባህሊ ህዝቢ ዓፋርን ባህሊ ህዝቢ ኣምሓራን ብዝምልከት ተመያየጡ። ኣከባብራ በዓል፣ ኣከዳድናን ኣሰራርሓ ፀጉርን፣ እምነትን መነባብሮን መመያየጢ ዛዕባ ግበርዎ። ኣብ ትግራይ ዝፍለጥ ኣሸንዳን ኣብ ክልል ኣምሓራ ዞባ ዋግ ይምራ ዝፍለጥ "ሻደይ"ን ዘለዎም ምምስሳል ሓቲትኩም ተመያየጡሉ።

ኣብ ትግራይ መታሕት (ቆላ) ከባብታት ከተማን ገጠርን ኣብ ወረዳታት ቃፍታ ሑመራ፣ ኣድያቦን ጣንቋ ኣበርገለን ምውሳድ ይከኣል'ዩ። ደጉዓ ከባብታት ትግራይ ብዝምልከት ድማ ሃገረሰላም፣ ኦፍላን እንዳ መኾኒን ምውሳድ ይከኣል'ዩ። ኣብ ኣሰፋፍራን ባህልን ዘለዉ ኣፈላላይ ብዕሙቐት ፈትሹ።

እምበኣርከስ ተምሃሮ ብዛዕባ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብዝበለፀ ብምርዳእ ኣብ ከባቢኹም ዳህሳስ ኣካይዱ። ኣሰፋፍራ ነበርቲ ህዝቢ ከባቢ ቤት ትምህርትኹም ርአዩ። ምስ ወለድኹም ድማ ኣብ ኣግባብ መነባብሮን ምምራሕ ህይወት ስድራን ብዝምልከት ምስ ባህላዊ ትሕዝቶታት ኣመልኪትኩም ተመያየጡ። ካብ ወለድኹም ዝረኸብክምዎ ሓበሬታ ናብ ክፍሊ ሒዝኩም ትመፁ'ሞ ምስ ተምሃሮን ወለድን ተመያየጡሉ።

# መጠቓለሊ

ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዓሰርተ'የን። ሱዳን፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲ፣ ሶማል፣ ኬንያ፣ ኡጋንዳ፣ ቡሩንዲ፣ ሩዋንዳን ታንዛንያን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እየን። ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝበሃላ ኣብ ውሽጢ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከባ። ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሓት ኳዕቲ ኣለኻ ኣሰረ ሂወት ጥንታዊ ወዲሰብ ተኻይዶም'ዮም። ጥንታውያን ሰባት ብሃደንን ብምእራይ ፍራምረን ቖፅላመፅልን ኣብዝናበሩሉ ግዘ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ኣይቕመጡን ነይሮም። ኩሉ ግዘ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይዘዋወሩ ነይሮም። ሕርሻ ምስጀመሩ ግና ኣብዝተወሰነ ቦታ ሰፊሮም መነባብሮኦም ብቀዋምነት ምምራሕ ጀሚሮም። በዚ`ውን ቑሸታት ክምስረታ ጀሚረን። እዘን ቑሸታት ድሕሪ ግዘ ናብ ከተማታት ማዕቢለን። ምምስራት ከተማታት ንምዕባለ ካልኦት ስልጣነታት መንገዲ ፀሪገን። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ማለት ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ።

ስልጣነ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩ ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበለ ዝመፀ ኣገባብ መነባብሮ ደቂ ሰብ`ዩ። ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ምምዕባል መንግስታት፣ ምዕባለ ንግድን እደ ጥበብን፣ ምዕባለ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ምዕባለ ስነ ኾርፃ ኾርፂ፣ ምዕባለ ሕርሻ፣ ኣብ ደርብታት ምምቃል ሕብረተሰብ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምስ መነባብሮ ከተማ ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ስልጣነ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ዝማዕበለ ፅሑፍ፣ ኣብ ፅኑዕ ውዳበ ዝተመስረተ መንግስቲ፣ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ሓፂን መፂንን፣ ስርፀት ስነ ጥበብ ኾርፃ ኾርፅን፣ ኣብ ተግባር ዝውዓለ ሳይንስን ሒሳብን፣ ምትእትታው ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ ይጥቀሱ።

ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ጎሊሁ ክረአ ዝጀመረ ኣብ ከባቢ 3500 ዓመተ ዓለም እዩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ስልጣነ ብቐፃልነት እናማዕበለ ዝመፀ ታሪካዊ ተርእዮ እዩ። ብምኳኑ`ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ እንትኸውን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕን ምብራቕ ኣፍሪካን ጥንታዊ ስልጣነታት ዝማዕበሉሎም ንኣብነት ግብፂ፣ ኑብያ፣ ሜሮዌ፣ ኩሽ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ኣብ ኣፍሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ዝማዕበለሎም ከባብታት ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ዝርከብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካን ምብራቓዊ ኣፍሪካን ማእኸል ዝገበረ`ዩ ነይሩ። ካብዚኦም እቲ ሓደ ኣብ 3100 ዓመተ ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ንሽንጥሮ ሩባ ናይል ተኸቲሉ ኣብ ግብፂ ማዕቢሉ ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ይርከብ። ካብ ግብፂ ናብ ኣንፈት ደቡብ ድማ ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያን ኣኽሱምን ማዕቢሎም ነይሮም።

ኑቢያውያን ካብ ከባቢ 3000 ዓ.ዓ ጀሚሩ ኣብ ገማግም ሩባ ናይል መንደራት መስሪቶም ይነብሩ ነይሮም። ኣብ ዓለምና ብቀዳምነቶም ካብዝፍለጡ ሓደ ዝኾነ ጥንታዊ ስልጣነ 'ውን ኣማዕቢሎም። ኑቢያውያን እዚ ስልጣን ንኸማዕብሉ ሩባ ናይል ዝለገሶም ዘይነፅፍ ቀረብ ማይን ልሙፅ ሓመድን ኣስተዋፅኦ ገይሩ እዩ። ጥንታዊ ስልጣነ ኩሽ ድማ ካብ 2000 - 350 ዓ.ዓ ኣብ ከባቢ ሽንጥሮ ናይል ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሱዳን ማዕቢሉ ዝነበረ እዩ። መብዛሕትኦም ጥንታዊ ስልጣነታት እንትርኣዩ ሽንጥሮታትን ሩባታትን ተኸቲሎም ሕርሻ መሰረት ገይሮም ዝማዕበሉ እዮም። መልዐሊ ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ኣኽሱም ግና ኣብ ሽንጥሮታትን ሩባታትን ዘተመስረተ ኣይኮነን። ኣብ ምዕባለ ኢደ ጥበብን ስነ ጥበብን ከምኡ`ውን ንግዲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ማእኸል ገይሩ ዝማዕበለ ስልጣን`ዩ። ኣኽሱም ካብ ከባቢ 100 ዓ.ም ጀሚሩ እናማዕበለ ዝነበረ ማእኸል ጥንታዊ ስልጣነ ሃገርና`ውን እዩ። ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም ኣብዝለዓለ ብርኪ በፂሑ ዝነበረሉ እዋን ኣብ 6ይ ክፍለዘመን እዩ። ኣብዚ እዋን`ዚ መንግስቲ ኣኽሱም ንቀይሕ ባሕሪ ተሳጊሩ ክሳብ ደቡባዊ

ስዑድ ዓረብያ ግዝኣቱ የስፋሕፍሕን የጋፍሕን ነይሩ። ብቐይሕ ባሕሪ ይካየድ ዝነበረ ንግዲ ወፃእን ልውውጥን`ውን ብዝለዓለ ብርኪ ይቆፃፀር ነይሩ። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም ማዕቢሉ ዝነበረሉ እዋን ካብ 1ይ ክሳብ 7ይ ክፍለዘመን ኣብዝነበረሉ እዋን'ዩ።

ሓድግታት ዝበሃሉ ንነዊሕ እዋን ታሪኽ ዘለዎምን ውፅኢት ስራሕቲ ጥንታውያን ወለዲ ዝኾኑን እዮም። ሓድጊ ብኣሰራርሕኡ ዘደንቕ ውፅኢት ስራሕ ሕሉፍ ሕብረተሰብ እዩ። ሓድግታት ወለድና ድልየቶም ንኽማልኡ ኢሎም ኣብ ዝፍፅምዎም ምንቅስቓሳት ዝተፈጠሩን ሓዲጎምልና ዝኸዱን እዮም። ሓድግታት ቁሳውን መንፈሳውን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ዝምደቡ እንትኾውን ሕዚ ግና ብዛዕባ ቁሳዊ ሓድግታት ጥራሕ ኢኹም ትመሃሩ። ስለዚ ሓድግታት ሕሉፍ ሕብረተሰብ ቁሳውን መንፈሳውን ድልየቶም ንምምላእ ኢሎም ዝሰርሕዎም ወይድማ ዝመሃዝዎም ቁሳቁስ፣ ናውቲ ወዘተ እዮም። ኣብ ዓለም ብጣዕሚ ኣገደስትን ክዕቀቡ ኣለዎምን ተባሂሎም ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትካል ትምህርትን፣ ሳይንስን ባህልን (ዩኔስኮ)ዝተመዝገቡ ልዕሊ 800 ዝኾኑ ዓበይቲ ታሪካዊ ሓድግታት ኣብ 137 ሃገራት ኣለዉ። ኣብ ዝተፈላለዩ ካባብታት ኣፍሪካ ብዙሓት ዘደንቁ ሓድግታት ኣለዉ። መብዛሕትኦም ሓድግታት ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነ ኣዝዮም ማዕቢሎም ኣብዝነበሩሎም ከባብታት እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ግና ኣብ ደቡብ ኣፍሪካን ሞዛምቢክን ወዘተ መርኣያታት ጥንታዊ ስልጣነ ዝኾኑ ሓድግታት ኣለዉ። ኣብ ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ኣዝዮም ብዙሓት ሓድግታት ይርከቡ። ሓድግታት ንዝርከቡሉ ሃገርን ህዝብን ጥራሕ ዘይኮነስ ንኹሉ ረብሓ ኣለዎም። ብዛዕባ ኩነታት መነባብሮ ቀዳሞት ወለድና መረዳእታ ዝህቡና እዮም። ጥንታዊ ስልጣነታት ዝነበሮም ትሕዝቶን ምዕባለን እንመሃረሎም እዮም። ባህልን ሃይማኖትን ከምኡ`ውን ሃፍቲ ሃገርን ኩርዓትን ዝዕቀበሎም እዮም። ሓድግታት መግለፂ መንነት ህዝብን መለለይን`ውን እዮም። ሓድግታት መግለፂ ስልጣነን ባህልን እዮም። ስለዝኾነ ድማ ፍልፍል ታሪኽን ባህልን ጥራሕ እዮም ዘይኮነስ ብግቡእ እንትዕቀቡ ፍልፍል እቶት ሃገር`ውን እዮም። ብዙሓት ጎብነይትታን በፃሕትን ይመፁ፣ መዘናግዒ ኾይኖም የገልግሉ።

ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ልሙድ ተርእዮ'ዩ። ህዝቢ ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ብበዝሒ ዝገብሮ ምንቅስቓስ “ፍልሰት ህዝቢ” ይበሃል። ብተፈላለዩ ምኽንያታት ህዝቢ ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ ይንቀሳቐሱ'ዮም። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ንዘመናት ዝፀንሐ'ዩ። ህዝቢ ሓደ ከባቢ ብተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ትውልዲ ዓዶም ናብ ካሊእ ከባቢ ይፈልሱ፣ ይስደዱን ይንቀሳቐሱ ነይሮም። መንቀሊ እዞም ተርእዮታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ከባብያዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ምኽንያታት ኣለዉ። ስለዚ ምንቅስቓስ፣ ፍልሰትን ስደትን ህዝቢ ሓደ ከባቢ ወይድማ ሃገር ኣብ ኣርባዕተ ባእታታት መቒልካ ምርኣይ ይከኣል'ዩ፤

1. ህዝባውን ተፈጥሯውን መሰረት ዘበግስዎም፣
2. ውልቃዊ ድልየት ዘንቅድዎም፣
3. ፖለቲካዊ ውሳነ መንግስቲ ዘበግስዎምን
4. ኲናትን ቅልውላዋትን ዘበግስዎም እዮም።

ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖፂሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለፂ በዝሒ ህዝቢ'ዩ። ኣብ ዓለም በዝሒ ህዝቢ ብቕልጡፍ እናዓበየ ዝርአየሎም ኣብ ዘይማዕበሉ ሃገራት እንትኾውን ብፍላይ ሃገራት ኣፍሪካ ድማ ብዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ቅድሚት ይስርዓ። በዝሒ ህዝቢ ዝግበጥ ኣብ ሞንጎ ዝውለዱ ህፃናትን ዝሞቱ ሰባትን ዘሎ ኣፈላላይ ብምንፅፃር እዩ። ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ረብሓ ኣለዎ ከምዝበሃለሉ ኹሉ ጉድኣት'ውን ኣለዎ'ዩ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ባህላውን ድሕረባይታ ንዘይማዕበሉ ሃገራት ኣፍሪካ ብፍላይ ድማ ንሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣዝዩ ዝለዓለ ጉድኣት ኣለዎ።

# ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ምብራቕ ኣፍሪካ | ንሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ወሲኹ ብድምር ዓሰርተ ሃገራት ዝርከቡሉ ከባቢ ኣህጉርና (ክፍለዓለምና) እዩ። ሱዳን፣ ኤርትራ፣ ጂቡቲ፣ ኢትዮጵያ፣ ሶማልያ፣ ኬንያ፣ ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲ፣ ኡጋንዳን ታንዛንያን። |
| 2 | ዶብ | ወሰን፣ ንኽልተ ሃገራት ወይድማ ቦታታት ዝፈልይ ተፈጥሮኣዊ ወይድማ ሰብ ስራሕ መስመር። |
| 3 | ክፍለዓለም | ንፁር ዶብ ዘለዎን ብዙሓት ሃገራት ዝሓቖፈን ኣዝዩ ሰፊሕ ክፋል መሬት ዓለምና። |
| 4 | ውቅያኖስ | ዝለዓለ ስፍሓት ዘለዎ ማያዊ ኣካል ክፋል ዓለምና። |
| 5 | እምባ | ካብ ከባቢኡ ብዝተፈለየ መንገዲ ልዕል ኢሉ ካብ ፀፍሒ ባሕሪ ዝለዓለ ብራኽ ዘለዎ ቅርፂ መሬት። |
| 6 | ጎቦ | ካብ እምባ ትሕት ዝበለ ብራኽ ዘለዎ ቅርፂ መሬት። |
| 7 | ኽበሳ | ዝባኑ ሜዳ ዝኾነ እምባ። |
| 8 | ጥንታዊ ስልጣነ | ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ። |
| 9 | ሩባ ናይል | ካብ ቃላይ ቪክቶርያን ቃላይ ጣናን ዝብገሱ ክልተ ሩባታት ኣብ ከተማ ካርቱም ተራኺቦም ሓደ ምስኮኑ ብግብፂ ገይሩ ናብ ባሕሪ ሜዲተራንያን ዝኣትው ነዊሕ ርሕቐት ዝጓዓዝ ሩባ እዩ። |
| 10 | ሓድጊ /ሓድግታት | ሓድግታት ዝበሃሉ ናይ ነዊሕ እዋን ታሪኽ ዘለዎምን ውፅኢት ስራሕቲ ጥንታውያን ወለዲ ዝኾኑን እዮም። |
| 11 | ኑቢያ | ካብ ግብፂ ንኣንፈት ደቡብ ይርከብ ዝነበረ ግዝኣት። እዚ ኣብ ናይ ሎሚ ሱዳን ዝነበረ ጥንታዊ ግዝኣት እዩ። |
| 12 | ጥንታዊ ኣኽሱም | ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ካብ 100 ዓ.ዓ ክሳብ ዓስራይ ክፍለዘበን ዝነበረን ማእኸል ስርወ ንግስንኡ ኣብ ኣኽሱም ዝነበረን ምዕቡልን ውሩይን መንግስቲ'ዩ። |
| 13 | ውቅር ኣብያተ ክርስትያን | ኣብ ግድሚ ወይድማ እምባታትን ጎቦታትን ካብዝርከቡ ክውሕታት ተፈልፊሎምን ተፀሪቦምን ዝተሰርሑ ኣብያተ ክርስትያናት። |
| 14 | ተፈጥሯዊ ባእታታት | ኩነታትን ጠባይን ኣየር፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ ብራኽ፣ ልምዑነት መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባብያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርከቦ፣ ወዘተ ዝመሳሰሉ። |

| | | |
|---|---|---|
| 15 | ሰብኣዊ ባእታታት | ማእኸል ምምሕዳር፣ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን፣ ማሕበራዊ መሰረተ ልምዓት ወዘተ ዝመሳሰሉ'ዮም። |
| 16 | ፍልሰት ህዝቢ | ምንቅስቓስ ህዝቢ ማለት'ዩ። ብተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ዝነበሩሉ ትውልዲ ዓዶም ናብ ካሊእ ካባቢ ምስዳድን ምንቅስቓስን እዩ። ብምኽንያት ድርቂ ምግብን ማይን ኣለሻ ህዝብታት ካብ ከባቢኦም ናብ ካሊእ ቦታ ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ። |
| 17 | በዝሒ ህዝቢ | ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖጺሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለጺ'ዩ። |
| 18 | ፍግረ መሬት | ዝናብ እንትወቅዕ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መሬት ዝርከብ ሓመድ እናንሕጎሐ ፅርግርግ ኣቢሉ እንትወስዶ ማለት'ዩ። |
| 19 | ምኽታምነት | ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባብያዊ ሓለዋን ዕርየት ምስ ዕባቐ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ሰለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፅ'ዩ። |
| 20 | ኣሰፋፍራ ህዝቢ | ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኦም ንምክያድ ተኣኪቦም ነናይባዕሎም መንበሪ ሰሪሖም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣግባብ ዝግለፀሉ ኣምርን ክልስ ሓሳብን'ዩ። |
| 21 | ከበሳ | ኣብ ዝለዓለ ብራኸ ከባብታት ዝርከብ መይዳ |
| 22 | መታሕት | ኣብ ዝተሓተ ብራኸ ከባብታት ቆላ ዝርከብ |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፅታት ዝበለፀ ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ።**

1. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሕ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር መን'ያ?
   - ሀ. ኬንያ
   - ለ. ታንዛንያ
   - ሐ. ሱዳን
   - መ. ኢትዮጵያ
2. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ውሑድ በዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር መን'ያ?
   - ሀ. ሶማሊያ
   - ለ. ሱዳን
   - ሐ. ኢትዮጵያ
   - መ. ጂቡቲን
3. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝገፍሐን ዝለዓለን ስፍሓት መሬት ዘለዋ ሃገር መን'ያ?
   - ሀ. ሱዳን
   - ለ. ታንዛኒያ
   - ሐ. ኢትዮጵያ
   - መ. ኬንያ
4. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝነኣሰ ስፍሓት መሬት ዘለዋ ሃገር መን'ያ?
   - ሀ. ሩዋንዳ
   - ለ. ቡሩንዲ
   - ሐ. ታንዛኒያ
   - መ. ጂቡቲ
5. ካብ 2,505,813 ትርብዒት ኪ.ሜ. (ኪሜ$^2$) ስፍሓት መሬት ዘይነኣሰን 16.9 ፃዕቂ በዝሒ ህዝቢ ዘለዋን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ትርከብን ሃገር መን እያ?
   - ሀ. ታንዛኒያ
   - ለ. ኢትዮጵያ
   - ሐ. ሱዳን
   - መ. ኡጋንዳ
6. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝለዓለ ፃዕቂ ህዝቢ ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪ.ሜ (ኪ.ሜ$^2$) ዘለዋ ሃገር መን እያ?
   - ሀ. ታንዛኒያ
   - ለ. ኢትዮጵያ
   - ሐ. ሱዳን
   - መ. ሩዋንዳን
7. ካብዘን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ስሕው ዝበለን ውሑድ ፃዕቂ ህዝብን ዘለዋ ሃገር መን እያ?
   - ሀ. ኬንያ
   - ለ. ጂቡቲ
   - ሐ. ሶማሊያ
   - መ. ኤርትራ
8. ካብዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ከበሳታትን ደጉዓታትን ብትኽክል ዘይምልከት "ጌጋ" ሓሳብ ፍለይ።
   - ሀ. ንልምዓት ሕርሻ፣ ዘራእትን ምርባሕ ሃፍቲ እንስሳት ምችው ዝኾነ
   - ለ. ዛሕሊ፣ እኹል መጠን ዝናብን ንመነባብሮ ምችውን እዩ
   - ሐ. ካብ ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ነፃ እዩ።
   - መ. መልሲ የለን።
9. ንቆላን መታሕትን ከባብታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝምልከት "ትኽክል ዘይኮነ" ወይድማ "ጌጋ" ሓሳብ ዝኾነ ፍለይ።
   - ሀ. ሓያል ሙቐት፣ ሃሩርን ደረቕ ጠባይ ኣየር ኣለዎም።
   - ለ. ዝተፈላለዩ ሕማማት ቆላን ትሮፒካልን ብበዝሒ ይርከቡ።

ሐ. ዓሶ፣ ትኩሳት (ረስኒ)፣ ዓሶ ሓንጎል፣ ሕማም ድቃስ፣ ኢንፉሉዌንዛ ወዘተ ካብዝመሳሰሉ ሕማማት ነፃ እዮም።

መ. ኩሎም ትኽክል መልሲ እዮም።

10. ንምንቅስቓስ፣ ፍሰትን ስደትን ህዝቢ ሓደ ከባቢ ወይድማ ሃገር ምኽንያት ዝኾነ ፈሊኹም ኣመልክቱ

ሀ. ህዝባውን ተፈጥሯውን መሰረት　ለ. ኩናትን ቅልውላዋትን

ሐ. ፖለቲካዊ ውሳነ መንግስቲ　መ. ኩሎም ትኽክል መልሲ እዮም።

11. ህዝቢ ትግራይ ብ1977 ዓ.ም. ዝተሰደደሎም ከባብታት ፍለይ?

ሀ. ወለጋ　ለ. ጋምቤላ

ሐ. ሱዳን　መ. ኩሎም መልስታት'ዮም

12. ኣብዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ብዝኾነ ዓይነት ፖለቲካውን ተፈጥሮኣውን ወይድማ ብዘስገድድ ኩነታት ህዝቢ ዓምደ ሰፊሕ ምንቅስቓስ ዘይገበረላ ሃገር ኣመልክት።

ሀ. ታንዛኒያ　ለ. ሶማሊያ　ሐ. ሱዳን

መ. ሩዋንዳ　ሰ. ኡጋንዳ

13. መንቀሊ ምኽንያት ምንቅስቓስ (ፍልሰት) ህዝቢ ኦሮሞ

ሀ. ጠለብ ልሙዕ ተሓራሳይ መሬት　ለ. ሕድሕድ ኩናትን ቅልውላውን

ሐ. ኣለሻ መግሃጫ (ጋህዲ) መሬት　መ. ሀን ሐን መልሲ እዮም

ለ. ካብዞም ዝስዕቡ መንቀሊ ምኽንያታት ምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ ብምርኣይ ብኣዎንታውነት ንዝግለፁ "1" ብኣሉታውነት ንዝግለፁ ድማ "2" ፅሓፉ፣

___ ዕድል ስራሕ ንምርካብ፣
___ ትምህርትን ክእለትን ንምጥራይ፣
___ ምፍንቓልን ምዝንባልን ናብራ
___ ምግብን መፅለልን ንምርካብ፣
___ ካብ ስቅያት ጥምየትን ድርቅን ንምንጋፍ፣
___ ቅልውላው ማሕበረ-ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን
___ ካብ ሓደጋ ኩናት ዕቑባ ንምርካብን፣
___ መነባብሮ ሕርሻ ንምድንፋዕ፣
___ ምብትታን ስድራ፣
___ ዘይምርግጋዕን ሻቕሎትን
___ ጎንፂ ባህልታትን ልምድታትን፣
___ ተሓራሳይ ልሙዕ መሬት ንምውናን፣
___ ቅልውላው መንነት፣
___ ስእነት መፅለልን ምግብን
___ ዝተመዛበለን ዝተፈናቐለን ናብራ ንምድልዳልን

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ 'ሓቒ' ትኽክል ንዘይኾኑ ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሲ ሃቡ፣

1. ኣብ ዓለም ብጣዕሚ ኣገደስትን ክዕቀቡ ኣለዎምን ተባሂሎም ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትካል ትምህርትን፣ ሳይንስን ባህልን (ዩኔስኮ) ዝተመዝገቡ ልዕሊ 800 ዝኾኑ ዓበይቲ ታሪካዊ ሓድግታት ኣብ 137 ሃገራት ኣለዉ።

2. ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብደረጃ ኣህጉር ካብዘለዋ ሃገራት ውሽጢ ኣዝዩ ብዙሕ (ዝለዓለ) በዝሒን ፃዕቕን ህዝቢ ኣለወን።

3. ተፈጥሮኣዊ ባእታታት ዝገልፁ ኣብነታት ከም ጠባይ ኣየር፣ ኣቀማምጣ መሬት፣ ብራኽ፣ ልምዑነት መሬት፣ ቀረብ ማይ፣ ከባብያዊ ጥዕና፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ማእድን፣ ስነ መሬታዊ መርከቦ፣ ወዘተ ዝመሳሰሉ እዮም።
4. ቀንዲ ሰብኣዊ ባእታት ንዝበሃሉ ዝገልፁ ኣብነታት ከም ማእኸል ምምሕዳር፣ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ንጥፈታትን፣ ማሕበራዊ መሰረተ ልምዓት፣ ስርዓት ምንቅስቓስ ህዝቢ ዝመሳሰሉ ዝጥቀሱ እዮም።
5. ከበሳታትን ደጉዓታትን ንምንባርን መነባብሮን ወዲሰብን ኣዝዩ ምቹው ዝኾነ ጠባይ ኣየር ስለዘለዎም ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ ይነብረሎምን ይርከበሎምን።
6. ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ከባቢ ዓበይቲ ሃይቃት፣ ገማግም ባሕሪ፣ ሃፍታም ከባብታት ሩባታትን ውቅያኖሳትን ዝለዓለ በዝሕን ፀቕጥን ህዝቢ ይርከብ።
7. ብመሰረት ሃገራዊ መረዳእታ ኤጀንሲ ብሄራዊ ማእኸላይ ስታቲስቲክስ 49.54 ሚኢታዊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ደቂ ተባዕትዮ እዮም።
8. ካብ ሞንጎ ህዝቢ ኢትዮጵያ 16.08 ሚኢታዊ ዝኸውን ኣብ ከተማታት ዝነብር'ዩ።
9. ብመሰረት ሃገራዊ መረዳእታ ኤጀንሲ ብሄራዊ ማእኸላይ ስታቲስቲክስ 49.26 ሚኢታዊ ህዝቢ ትግራይ ደቂ ተባዕትዮ እዮም።
10. ካብ ሞንጎ ህዝቢ ትግራይ 19.55 ሚኢታዊ ዝኸውን ኣብ ከተማታት ዝነብር'ዩ።
11. ኣብ ከተማታት ትግራይ ካብዝነብሩ በዝሒ ህዝቢ ውሽጢ 52.75 ሚኢታዊ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ እየን።
12. ካብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝለዓለ መጠን ዕብየት ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ኢትዮጵያ እያ።
13. ካብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተሓተ መጠን ዕብየት ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ኤርትራ እያ።
14. ድልየት ትምህርቲ፣ ዕድል ስራሕ፣ ሓዱሽ ኣገባብ መነባብሮን ኣብ ስራሕ ንግዲ ንምውፋርን ዝመሳሰሉ ምኽንያታት ንምንቅስቓስን ፍልሰትን ህዝቢ መሰረታዊ ጉዳያት'ዮም።
15. ምዕቡል ኢኮኖሚያዊ መሰረት ንዘይብሎም ሃገራት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንዝለዓለ ስእነት ስራሕ ዘሳጥሕን ንመሰክሕ ማሕበራዊ ቅልውላው ዘቃልዕን እዩ።

## መ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክለኛን ዘየማትእ ቅኑዕን መልሲ ሃቡ።

1. መግለፂ ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ ዝኾኑ ብሙልኦም ብዝርዝር ግለፁ።
2. ጥንታዊ ስልጣነታት ማዕቢሎም ዝነበሩሎም ከባብታት ኣፍሪካ ብዝርዝር ግለፁ።
3. ነገስታት ጥንታዊ ግብፂ ዝነበሮም መፀውዒ እንታይ ይበሃል?
4. ስሉስ ኩርናዕ ቅርፂ ሒዙ ዝተሃነፀ መቓብር ነገስታት ግብፂ እንታይ ይበሃል?
5. ጥንታዊ ግብፃውያን ዘማዕበልዎ ስእላዊ ስነ ፅሑፍ እንታይ ይበሃል?
6. ማእኸል ጥንታዊ ስልጣነ ኑብያ (ኩሽ) ዝነበሩ ክልተ ከተማታት ግለፁ።
7. ማእኸል ዘደንቕ ሓድግታት ታሪክን ባህልን ሃገርና ዝኾኑ ኣርባዕተ ከተማታት ግለፁ።
8. ኣብ ትግራይ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ታሪካዊ ቤተክርስትያን መን'ዩ?
9. ካብ ዘደንቕ ሓድግታት ታሪክን ባህልን ክልልና እንተወሓደ ሰለስተ ግለፁ።
10. ኣብ ሃገርና ካብዝርከቡ ውቅር ኣብያተ ክርስትያናት ሓሙሽተ ጥራሕ ግለፁ።

11. ኣብ ሃገርና በዝሒ ህዝቢ ብዕሊ ቖጺሩ ብፆታ፣ ብዕድመ፣ ብከተማን ገጠርን ብኣካላዊ ብቕዓት፣ ብደረጃ ትምህርቲ፣ ምስ ጥዕና ብዝተኣሳሰረ ኩነታት፣ መጠን ውልደትን ሞትን፣ በብዓመቱ'ውን እናወሰኸ ዝኸይድ ክንደይ ከምዝኾነን መረዳእታ እናዕብፀበ ዕላዊ ዝገብር መንግስታዊ ትካል መን ተባሂሉ ይፍለጥ?

12. ኣብ ታሪክ ሃገርና ክንደይ ግዘ ብብሄራዊ ደረጃ ቖፀራ ህዝቢ ተኻይዱ? መዓዝን መዓዝ'ዩ ተኻይዱ ነይሩ?

13. በዝሒ ዝውለዱ ህፃናትን መጠን ምውላድ እኖታትን እናነከየ እንተኾነ'ውን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ይውስኽ'ሎ። ንምንታይ?

14. ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብን ሃገርን ዘስዕብዎ ዓበይቲ ጉድኣትን ዕዕንቶን ነቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ብዝርዝር ግለፅ።

15. ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገር ካብዝፈጥርዎም ፀቕጢ ማሕበራዊ ግልጋሎታት ነቶም መሰረታዊ ዝበሃሉ መግለፅታት ግለፅ።

16. መግለፂ (መርኣያ) ፀገማት ምጉሕጓሕን ብርሰትን ተፈጥሮኣውን ከባብያውን ሃፍታት ንዝኾኑ ሑሙሽተ ግለፅ።

17. መግለፂ ምኽታምነትን ምዕባለ ከተማን ዝኾኑ ኣብነታት ጥቐስ።

18. ኣብ ገጠራት ንዝነብሩ ሰባት ናብ ከተማ ንክስደዱን ንክፈልሱን ምኽንያት ምንቅስቓሶም ዝኾኑ ደፋእቲ ኩነታት ገጠር ግለፅ።

19. ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ሰሓብቲ ሓይሊሰብ ገጠራት ዝኾኑ ኣብነታት ግለፅ።

20. ካብ ገጠራት ናብ ከተማ ምስተሰደዱ ሰባት ክገጥሞም ዝኽእል ዕቡቕ ዝኾኑን ዕቡቕ ዘይኮኑን ኩነታት መነባብሮ ብዝርዝር ግለፅ። ኣረድእ።

ሰ. ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ትሕቲ 'ሀ' ዝርከቡ ዝርዝራት ምስ ኣብ ትሕቲ 'ለ' ዝርከቡ ኣዛምዱ።

| ሀ | | ለ | |
|---|---|---|---|
| 1. | ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ ኣኽሱም | ሀ. | ብዘይጭቃ ዝተሰርሐ ቤተፀሎት |
| 2. | ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ ግብፂ | ለ. | ሰዓብቲ ነብይ መሓመድ ዝተዓቖቡሉ |
| 3. | ዘመነ ጥንታዊ ስልጣነ ኑቢያ (ኩሽ) | ሐ. | ሬሳ ንኸይፈርስ ዝከላኸል መድሓኒት |
| 4. | ፒራሚድ | መ. | ካብ 2000 - 350 ዓመተ ዓለም |
| 5. | ሂሮይግሎፊክስ | ሰ. | ካብ 3500 - 2000 ዓመተ ዓለም |
| 6. | ፓፒረስ | ረ. | ካብ 1ይ - 6ይ ክፍለ ዘመን |
| 7. | መሚ | ሸ. | ስሉስ ኩርናዕ መቓብር ነገስታት |
| 8. | መስጊድ ነጋሽ | ቀ. | ስእላዊ ስነ ፅሑፍ ግብፃውያን |
| 9. | ምኹራብ የሓ | በ. | ወደብ ንግዲ ኣክሱማውያን |
| 10. | ወደብ ኣዱሊስ | ተ. | ንመፅሐፊ ከም ወረቐት ዘገልገለ |

# ምዕራፍ ክልተ

# መንበሪና ዝኾነት ምድሪ




## ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም:-

- ክፍለ ዓለማትን ማያዊ ኣካላትን ዓለምና ተለልዩ፣
- ጨው ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን ተነፃፅሩ፣
- ቀንዲ መፍለዪ ገፅታት መሬት ምብራ'ቕ ኣፍሪካ ትገልፁ፣
- ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ተለልዩን ኣካላት ታሕተዋይ ቐፀላ ከባቢ ኣየር ትገልፁን፣
- ዝተፈላለዩ ገፅታት መሬት ንምምልካት ካርታ ትነድፉ፣ ከምኡ'ውን ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ትጥቀሙ።

## ብ'ቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም:-

- ክፍለ ዓላማት ትዝርዝሩ።
- ውቅያኖሳት ዓለም ትፀርሑ።
- ቀንዲ ፊዚካዊ ገፅታት ምብራ'ቕ ኣፍሪካ ተለልዩ።
- ረብሓ ዓብዩ ሓንፍ ሽንጥሮ ትገልፁ።
- ቃላያት፣ ሩባታትን ባሕርታትን ምብራ'ቕ ኣፍሪካ ትፀርሑ።
- ባህርያት ጨውነት ዘይብሉ ማይን ማይ ባሕርን ተነፃፅሩ።
- ቁጠባዊ ረብሓታት ማይ ኣብ ምብራ'ቕ ኣፍሪካ ትርድኡ።
- ሓደ ሓደ ኣብነታት ቑጠባዊ ረብሓታት ማይ ተለልዩ።
- ማይ ስትራቲጂካዊ ረብሓ ከምዘለዎ ትርድኡ።
- ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ተለልዩ።
- ኣካላት ታሕተዋይ ቐፀላ ከባቢ ኣየር ትገልፁ።
- ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ትስእሉን ትምድቡን።
- ሕብሪ ኣብ ካርታ ዘለዎ ረብሓ ተድንቑ።
- ኣብ ካርታ እትጥቀምሉም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ተለልዩ።
- ሓበሬታ ንምውካል ነቶም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ትጥቀሙ።
- ቀሊል ቁልፊ ካርታ ተዳልዉ።

## መእተዊ

ኣብዚ ምዕራፍ ክልተ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ ኣብ ሽዱሽተ ንኡስ ኣርእስትታት ዝተኸፈለ ኾይኑ ብቐንዱ ግና ኣብ ክልተ ዓበይቲ ቁምነገራት ዝጠመተ'ዩ። ንሳቶም ድማ ኣብታ መንበሪና ዝኾነት ምድርን ኣብ ምንባብ ካርታን ጠመተ ዝገበሩ'ዮም። እቲ ብዛዕባ መንበሪና ዝኾነት ምድሪ ዝምልከት ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣብ ክፍለ-ዓለማት፣ ማያዊ ኣካላት፣ ቅርፅታት መሬትን ሃፍትታት ማይን ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየርን ዝመሳሰሉን ዝጠመተ'ዩ። እቲ ብዛዕባ ምንባብ ካርታ ዝምልከት ትሕዝቶ ትምህርቲ ድማ ብቐንዱ ኣብቶም ኣብ ዝኾነ ካርታ እትርእይዎም ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ዘድሃበ ኾይኑ ብተወሳኺ'ውን ቁልፊ-ካርታ ኣዳሊኹም ካርታ ናይ ምስኣል ክእለትኩም እተማዕብልሉን'ዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ኣዝዮም ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ንተምሃሮ ዘተባብዑ'ዮም።

## 2.1 ገፀ - ምድሪ

ተምሃሮ ምድሪ እንታይ ዓይነት ገፅ ወይ መልክዕ ኣለዋ? ኣቀማምጣ፣ ኣመሓዉራን ቅርፅን ምድርና ብሓፈሻ ገፀ-ምድሪ ተባሂሉ ይፅዋዕ። እዚ መልክዕ ወይድማ ገፀ-ምድሪ ብትሕዝትኡ ማይን ደረቕ መሬትን እዩ። ኮይኑ ግና ናይ ክልቲኦም ስፍሓት ማዕረ ወይ ተቐራረቢ ኣይኮነን። ስፍሓት ምድሪ 510 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎ ሜትሮ እዩ። ካብዚኡ ኣስታት 29% ደረቕ መሬት እንትኾን እቲ 71% ድማ ብማያዊ ኣካላት ዝተሸፈነ እዩ። ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ኽቢ መጠን ደረቕ መሬትን ማይን ዳርጋ ማዕረ እዩ። ኣብ ደቡባዊ ንፍቀ ኽቢ ግና እቲ ብማይ ዝተሸፈነ ክፋል ምድሪ ካብቲ ብመሬት ዝተሸፈነ ኣዝዩ ዝሰፍሐ እዩ። ኩሎም ዓይነታት ገፀ-ምድሪ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይከኣል'ዩ። ንሳቶም ድማ ክፍለ ዓላማትን ማያዊ ኣካላትን እዮም።

ተምሃሮ እስቲ ደረቕ መሬትን ማያዊ ኣካላታን ብኢድኩም እናኣመላኸትኩም ኣብ ካርታ ዓለም ኣለልዩ?


### 2.1.1 ክፍለ ዓላማት

ተምሃሮ እቲ ደረቕ መሬት ምድርና ብኽፍለ ዓለማት ዝተሸፈነ እዩ። ክፍለ ዓለም እንታይ ማለት እዩ? ክንደይ ክፍለ ዓለማት ትፈልጡ? እስቲ ዘርዝሩወን?

ተምሃሮ ካርታ 2.1 በምርኣይ ሸውዓተ ክፍለ ዓላማት ከምዘለዋ ተገንዘቡ። ንሳተን ድማ ብስፍሓተን ቅደም ሰዓብ ከምዚ ዝስዕብ ተዘርዚረን ኣለዋ።

1. እስያ
2. ኣፍሪካ
3. ሰሜን ኣሜሪካ
4. ደቡብ ኣሜሪካ
5. ኣንታርክቲካ
6. ኣውሮፓ
7. ኣውስትራልያ እየን።

ተምሃሮ ነዚ ዝስዕብ ካርታ ኣብ ደፍተርኩም ስኢልኩም ስም ሕድሕድ ክፍለዓለም ኣብ ትኽክለኛ ቦትኡ ፅሒፍኩም ኣቐምጡ።




ካርታ 2.1 ክፍለ ዓለማት

ተምሃሮ እስቲ ስፍሓት ደረቕ መሬት ናይዘን ክፍለዓላማት ብመንፅር ሰሜናውን ደቡባውን ንፍቀ-ኽብታት ምድሪ ኣነፃፅሩ። እንታይ ተገንዚብኩም? እወ! ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት መሬት ክፍለ ዓላማት እቲ ክልተ ሲሶ ዝኾን ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ-ኽቢ ምድርና ዝርከብ እዩ።

## 2.1.2 ማያዊ ኣካላት ምድሪ

ተምሃሮ ማያዊ ኣካላት ምድሪ እንታይን እንታይን ዘጠቓለሉ እዮም? እስቲ ካርታ ዓለም እናረኣኹም ተመያየጡሉ።


ማያዊ ኣካላት ዝበሃሉ ብቐንዱም ውቕያኖሳት እዮም። ካልኦት ኣናእሽቲ ማያዊ ኣካላት ድማ ባሕርታት፣ ቓላያትን ሩባታትን እዮም። ካልኦት ካብዚኦም ፍልይ ዝበሉ ንኣብነት፣ ኣብ ከርሰ ምድሪ ዝርከቡ ማያዊ ኣካላት እውን ኣለዉ እዮም።

### ውቅያኖሳት ዓለም

ተምሃሮ እስቲ ካብ ካርታ ዓለም ክፍለ ዓለማትን ውቅያኖሳትን ፈሊኹም ኣለልዩ? ክንደይ ውቅያኖሳት ኣለሊኹም? ንብዙሕ ዓመታት ኣርባዕተ ውቅያኖሳት ከምዝነበሩ እዩ ዝፍለጥ፣ ዳሓር ግና ደቡባዊ ውቅያኖስ ዝበሃል ሓምሻይ ውቅያኖስ ተለልዩ ተነፂሩ ኣሎ። እቶም ሓሙሽተ ውቅያኖሳት ዓለምና ብመሰረት ስፍሓቶም ብቐደም ሰዓብ ኣብዚ ዝስዕብ ተዘርዚሮም ኣለዉ፡-

1ይ ሰላማዊ ውቅያኖስ /ፓሲፊክ/
2ይ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ (ሰሜናውን ደቡባውን ኣትላንቲክ)
3ይ ውቅያኖስ ህንዲ
4ይ ደቡባዊ ውቅያኖስ (ኣንታርክቲክ)
5ይ ውቅያኖስ ኣርክቲክ እዮም።

ካብዚኣቶም እቲ ዝሰፍሐ ሰላማዊ ውቅያኖስ እዩ። ደቡባዊ ውቅያኖስ ዝበሃል ካብ 60° ደቡብ ጀሚሩ ንደቡብ ኣንፈት ዘሎ ሰፊሕ ማያዊ ኣካል እዩ። ገለገለ ክፋል ደቡባዊ ውቅያኖስ ብበረድ ዝተሸፈነ እዩ።




ካርታ 2.2 ውቅያኖሳት ዓለም



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ! ብጉጅለ ኾይንኩም ካርታ ዓለም ብምርኣይ እቶም 5 ውቅያኖሳት ኣበይ ከምዝርከቡ ኣነፅሩ። ብድሕሪ'ዚ ካርታ 2.2 ኣብ ደፍተርኩም ብምስኣል ሓሙሽቲኦም ውቅያኖሳት ኣለሊኹም ትኽክለኛ ስሞም ኣብ ቦትኦም ፀሓፉዎም። ብምቕፃል ነዞም ዝስዕቡ ሓቅታት ኣብ ካርታ ሪኢኹም ብኢድኩም እናኣመላኸትኩም ብምምይያጥ ኣረጋግፁ።

- ሰላማዊ ውቅያኖስ ንኽፍለ ዓላማት እስያን ኣውስትራልያን ካብ ክፍለ ዓላማት ደቡብን ሰሜንን ኣሜሪካ ዝፈሊ እዩ።
- ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ንኽፍለ ዓላማት ደቡብን ሰሜንን ኣሜሪካ ካብ ኣውሮፓን ኣፍሪካን ይፈሊ።
- ውቅያኖስ ህንዲ ኣብ መንጎ ደቡባዊ እስያ፣ ኣፍሪካን ኣውስትራልያን ይርከብ።
- ደቡባዊ ውቅያኖስ ካብ ሰላማዊ ውቅያኖስ፣ ውቅያኖሳት ኣትላንቲክን ህንድን ዝፈልዮ መሬት ዘይብሉ ኣብ ዙርያ ክፍለ ዓለም ኣንታርክቲካ ዝርከብ እዩ።
- ውቅያኖስ ኣርክቲክ ኣብ ሰሜን ኣውሮፓ፣ እስያን ሰሜን ኣሜሪካን ዝርከብ እዩ።

ተምሃሮ! ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ብትኽክል ኣረጋጊፅኩምዶ? ብተወሳኺ ድማ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ደቡብን ሰሜንን ኣትላንቲክ ተባሂሉ ኣብ ክልተ ከምዝምቀልከ ተዓዚብኩምዶ? እስቲ ሰሜን ኣትላንቲክን ደቡብ ኣንትላንቲክን ኣበይ ከምዝርከቡ ኣብ ካርታ ደጊምኩም ኣነፅሩ?

### ዓይነታት ማይ

ተምሃሮ ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ማያዊ ኣካላት ብኬሚካላዊ ትሕዝተኦም ብሕልፊ ብጣዕሞም ኣብ ክንደይ ክትመቕልዎም ትኽእሉ? እስቲ ተመያየጥሉ። ተምሃሮ ጨው ጨው ዝጥዕም ማይዶ ስቲኹም ትፈልጡ?

ብሓፈሻ ኣብ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ዝርከብ ማይ ወድሰብ ዝስትዮ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ድማ ብኬሚካዊ ትሕዝትኡ ጨውነት ዘለዎ ስለዝኾነ'ዩ። ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ክፍለ ዓላማት ዝርከብ ማይ ንኣብነት ኣብ ሩባታት፣ ኣብ ቃላያትን ከርሰ ምድርን ዝርከብ ማይ መብዛሕትኡ ጨውነት የብሉን። ስለዙይ ኣብ ምድርና ክልተ ዓይነታት ማይ ኣለዉ። ንሳቶም ድማ ጨውነት

ዘይብሎምን ዘለዎምን እዮም። እቶም ጨውነት ዘለዎም ኣካላት ማይ እውን ብትሕዝቶ ጨውነቶም ይፈላለዩ'ዮም። ንኣብነት ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ማይ ቀይሕ ባሕሪ እቲ 4.1% ጨው እዩ። ኣብ ካልኦት ውቅያኖሳት ብማእኸላይ ደረጃ ጨውነት ማይ 3.5% እዩ።

ኣብ ክፍለ ዓላማት ዝርከቡ ማያዊ ኣካላት መብዛሕትኦም ጨውነት ዘይብሎም ወይ ኣዝዩ ትሑት ጨውነት ዘለዎም'ዮም። ፈሰስቲ ሩባታትን ቃላያትን ጨውነት የብሎምን ንወድሰብ ይኹን ንኻልኦት እንስሳታትን ተኽልታትን ዝጠቕሙ'ዮም።

## ጨውነት ዘለዎም ቃላያት

ተምሃሮ ካብቶም ካልኦት ቃላያት ዓላምና ብዝተፈለየ መልክዑ ጨውነት ዘለዎም ቃላያት ትፈልጡዶ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ኣብ ዓለም ጨውነት ዘለዎም ቃላያት ኣለዉ እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ብትሕዝቶኦም ብዙሕ ጨው ዘለዎም ክልተ ቃላያት

1. ዓብዩ ቃላይ ጨውን
2. ቃላይ ምውት ባሕርን እዮም።

1. **ዓብዩ ቃላይ ጨው :-** እዚ ኣብ ምዕራባዊ ሰሜን ኣሜሪካ 'ዩታህ' ኣብ ዝተባህለ ግዝኣት ዝርከብ እዩ። ተምሃሮ እስቲ ካርታ ሰሜን ኣሜሪካ ተጠቒምኩም "ግሬት ሶልት ሌክ" ዝብል ቃላይ ኣለልዩ? እዚ ቃላይ ኣብ ምዕራባዊ ንፍቀ ክቢ ዓለምና ዝሰፍሐ ጨውነት ዘለዎ ቃላይ እዩ። ብትሕዝቶ ጨውነቱ ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ዝለዓለ ጨውነት ዘለዎም ማያዊ ኣካላት ሓደ እዩ። እዚ "ዓብዩ ቓላይ ጨው" ብዝብል ስም ዝፍለጥ ቃላይ ብትሕዝቶ ጨውነቱ ካብ ገለገለ ውቅያኖሳት ብሸሞንተ ዕፅፊ ዝዓበየ እዩ። መጠን ትሕዝቶ ጨውነት ናይዚ ቃላይ ካብ 15% ክሳብ 27% ስለዝበፅሕ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብዚ ብዘይካ እቶም ኣዝዮም ደቀቕቲ ነፍሳት ካልኦት ዝኾኑ ዓይነታት እንስሳት ይኹን እፅዋት ኣይነብሩን።




ካርታ 2.3 ዓብዩ ቃላይ ጨው

2. **ምወት ባሕሪ:-** ተምሃሮ! እዚ ስሙ ባሕሪ ይበሃል እምበር ብመሬት ዝተኸበበ ቃላይ እዩ። ተምሃሮ! ካርታ ብምርኣይ እዚ ቃላይ ኣብ ከባቢ ማእኸላይ ምብራቕ ኣበይ ከምዝርከብ ኣነፅሩ? ምወት ባሕሪ ኣብ ከባቢ ዶብ እስራኤልን ዮርዳኖስ ዝርከብ ቃላይ እዩ። ገማግም ምወት ባሕሪ

ካብ ዓለምና እቲ ዝተሓተ ብራኽ ዘለዎ እዩ። ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ሓንፍ ሽንጥሮ ድማ ይርከብ። እዙይ ቓላይ ካብቶም ኣዝዩ ልዑል ትሕዝቶ ጨውነት ዘለዎም ማያዊ ኣካላት ሓደ እዩ። ትሕዝቶ ጨውነቱ ካብ ካልኦት ውቅያኖሳት ብትሻዓት ዕፅፊ ዝዓበየ እዩ። ብዙይካ እቶም ኣዝዮም ደቀቕቲ ነፍሳት ዝኾነ ዓይነት ህይወት ዘለዎ ነገር ኣይርከብን። ዝኾነ ዓሳ ወይ ካልእ እንስሳ ናብቲ ማይ እንተነኢትዎ ነዊሕ ከይፀንሐ ይመውት።



ስእሊ 2.1 ካብ ምዉት ባሕሪ ጨው እንትወፅእ

## መልመዲ 2.1


**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብትኽክለኛ መልሲ ምልእዎም።**

1. ስፍሓት ምድሪ ______________________________ ትርብዒት ኪሎሜትር እዩ።
2. በዝሒ ክፍለዓለማት ______________________________ እየን።
3. ኣብ ከባቢ ማእኸላይ ምብራቕ ዝርከብ ዝለዓለ ጨውነት ዘለዎ ቃላይ __________ ይበሃል።
4. እቲ ዝሰፍሐ ውቅያኖስ _________________________________ ይበሃል።
5. ካብ ዓለምና ____________________% ብማይ ዝተሸፈነ እዩ።

## 2.2 ቀንዲ ቕርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ

ተምሃሮ! ኣብ ምዕራፍ ሓደ ብዛዕባ ኣንፃራዊ መርከቦ ምብራቕ ኣፍሪካ ተማሂርኩም ኢኹም፣ እስቲ ስም እተን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘርዝሩ?

ተምሃሮ እስቲ ሕዚ ድማ ፊዚካዊ ካርታ ኣፍሪካ ተመልከቱ። ብመሰረት ሓበሬታ ህዳግ ካርታ ምልክት ሕብርታት እቲ ካርታ በርኽቲ ቦታትን መታሕትን ኣለልዩ። ኣብቲ ካርታ ነቶም በረኽቲ ቦታታትትን መታሕትን ብኢድኩም እናዳህሰስኩም ኣመላኽቱ። ቅርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተፈለለየ እዩ። ጥቕልል ኣቢልካ እንትረአ ኣብ ኣርባዕተ ምምቃል ይካኣል እዩ። ንሳቶም ድማ እምባታት፣ ከበሳታት፣ መታሕትን ሓንፍ ሽንጥሮን እዮም።




ካርታ 2.4 ቅርፂ መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ

## ሀ እምባታት

እቶም ዝለዓለ ብራኽ ዘለዎም እምባታት ክፍለዓለም ኣፍሪካ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ እዮም ዝርከቡ። እቲ ካብ ኣፍሪካ ብብራኽኡ ቐዳማይ ደረጃ ዝሓዘ እምባ ኪሊማንጀሮ ኣብ ታንዛንያ ዝርከብ እዩ። ብራኽኡ ድማ 5,895 ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ እዩ። ብሓፂሩ ዓበይቲ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ቐሪቦም ኣለዉ።

ተምሃሮ ካርታ እናረኣኹም መርከቦ ናይዞም እምባታት ኣነፅሩ። ብዝተኸኣለ መጠን ንሕድሕዲኦም ኣለልዩዎም፣ ብጉጅለ ኮይንኩም ድማ ተመያየጥሎም።

| ተ.ቁ | እምባ | ብራኽ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ | ዝርከበሉ ሃገር |
|---|---|---|---|
| 1 | ኪሊማንጀሮ | 5,895 ሜትር | ታንዛንያ |
| 2 | ኬንያ | 5,200 ሜትር | ኬንያ |
| 3 | ሩዌንዞሪ | 5,109 ሜትር | ኡጋንዳ |
| 4 | ራስ ዳሽን | 4,620 ሜትር | ኢትዮጵያ |
| 5 | ሜሩ | 4,565 ሜትር | ታንዛንያ |
| 6 | ኤልጎን | 4,320 ሜትር | ኡጋንዳን ኬንያን |

ሰደቓ 2.1 ዓበይቲ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ

ተምሃሮ ብዛዕባ እዞም ዓበይቲ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ እንታይ ትፈልጡ? ብሓፈሻ እንትረአ ቐንዲ መግለፂ ቕርፅታት ምድሪ ምብራቕ ኣፍሪካ እዞም እምባታትን እቲ ዓብይ ሓጓፍ ሽንጥሮ ብዝብል ሽም ዝፀዋዕ መታሕትን እዮም። ቐፂሉ ብዛዕበኦም ሓፂር መግለፂ ቐሪቡ ኣሎ ካርታ እናረኣኹም ተመያየጥሉ።


### 1. እምባ ኪሊማንጀሮ:-

እምባ ኪሊማንጀሮ ኣብ ሰሜን ምብራቕ ታንዛንያ ጥቓ ዶብ ኬንያ ዝርከብ እዩ። ተምሃሮ እስቲ ነዚዩ እምባ ኣብ ካርታ ኣለልዩዎ? እምባ ኪሊማንጀሮ ካብ ቅናት ምድሪ ብዙሕ ከምዘይርሕቕ ተገንዚብኩምዶ? እምባ ኪሊማንጀሮ እሳተ ጎመራ ምትፋእ ካብ ዝገድፎ ኣሽሓት ዓመታት ኮይኑዎ

እዩ። ቐርፂ መሬት እምባ ኪሊማንጀሮ ብሰለስተ ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎም ጫፍ እምባታት እዩ ዝግለፅ። እቶም ሰለስተ ጫፍ እምባ ኪሊማንጀሮ ኪቡ፣ ማዌንዚ ከምኡ እውን ሺራ እዮም ዝበሃሉ። ብራኸኦም ኣስታት 5,895 ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ እዩ። ጫፍ ኪሊማንጀሮ ብበረድ ዙተሸፈነ እዩ። ብቛንቋ ስዋሂሊ ኪሊማንጀሮ ማለት **"ፃዕዳ እምባ"** ማለት እዩ። ኣብ ብራኸ ኣስታት 3,000 ሜትር እምባ ኪሊማንጀሮ ብፅዑቕ ኣግራባት ዱር ዝተሸፈነ እዩ።



ስእሊ 2.2 **እምባ ኪሊማንጀሮ**




ካርታ 2.5 **ሰንሰለታዊ እምባታት ሜሩ፣ ሩዌንዞሪን ራስ ዳሸንን**

## 2. እምባ ኬንያ፡-

እምባ ኬንያ ብብራኸኡ ካብ ኬንያ 1ይ ካብ ኣፍሪካ ድማ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ እዩ። እምባ ኬንያ ኣብ ማእኸል ሃገረ ኬንያ ጥቓ ርእሰ ከተማ ናይሮቢ ዝርከብ ኮይኑ ካብ ቕናት ምድሪ ብዙሕ ዝረሓቐ ኣይኮነን። እምባ ኬንያ ዋላ'ኳ ኣብ ከባቢ ቕናት ምድሪ ይሃሉ እምበር ዝባኑ ኩሉግዜ ብበረድ ዝተሸፈነ እዩ። እምባ ኬንያ ልዑል መጠን ዝናብ ስለ ዝርከብን ከምኡ እውን እቲ በረድ ስለዝመኽኽን እዚ እምባ ፍልፍል ብዙሓት ሩባታት እዩ። እምባ ኬንያ መስሕብ ቱሪዝም እዩ።

## 3. እምባ ሩዌንዞሪ፡-

መርከቦ እምባ ሩዌንዞሪ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ምብራቕ ኣፍሪካ እዩ። ሩዌንዞሪ ኣብ ምዕራባዊ ኡጋንዳ ዝርከብን ክሳብ ዴሞክራቲክ ሪፐብሊክ ኮንጎ ዝበፅሕን ሰንሰለታዊ እምባ እዩ። እምባ ሩዌንዞሪ ኣብ ልዕሊ ቕናት ምድሪ እዩ ዝርከብ ኮይኑ ግና ወትሩ ዝባኑ ብበረድ ዝተሸፈነ'ዩ።



ስእሊ 2.3 ሰንሰለታዊ እምባ ሩዌንዞሪ

## 4. እምባ ራስ ዳሽን፡-

እዙይ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝርከብ ካብ ሃገርና ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎ እዩ። እምባ ራስ ዳሽን ኣካል ናይ እምባታት ሰሜን ኮይኑ ኣብ ምብራቓዊ ኣንፈቱ ዝርከብ እዩ።



ስእሊ 2.4 እምባ ራስ ዳሽን

### 5. እምባ ሜሩ:-

እዚ እምባ ኣብ ሰሜን ምብራቕ ታንዛንያ ካብ እምባ ኪሊማንጀሮ 70 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ዝርከብ እሳተ-ጎመራዊ እምባ እዩ። ብብራኸኡ ካብ እምባታት ኣፍሪካ ኣብ ዓስራይ ደረጃ ዝስራዕ'ዩ። ቕርፂ ምድሪ ጫፍ እምባ ሜሩ ብምኽንያት ትፋእ ጎመራ ብዙሓት ክሬተራት ዘለውዎ'ዩ።

### 6. እምባ ኤልጎን:-

እዚ ኣብ ዶብ ኡጋንዳን ኬንያን ዝርከብ እምባ እዩ። መርከቦ እምባ ኤልጎን ኣብ ከባቢ ሞሮ ሓደ ዲግሪ ሰሜን ስለ ዝርከብ ካብ ቅናት ምድሪ ዝረሓቐ ኣይኮነን።

## ለ. ኸበሳታት

ተምሃሮ ኸበሳ እንታይ ዓይነት ቕርፂ ዘለዎ መሬት እዩ? ኸበሳታት ዝበሃሉ ካብ ፀፍሒ ባሕሪ ኣዝዩ ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎም ኮይኖም ዝባኖም ሜዳ ዝኾኑ እዮም። ከበሳታት ምብራቕ ኣፍሪካ መብዛሕተኦም ኣብ ኬንያን ኢትዮጵያን ዝርከቡ እዮም። ልዑል ብራኸ ዘለዎም ከበሳታት ኣለዉ እዮም። ከምኡ'ውን ትሕት ዝበለ ብራኸ ዘለዎም ኸበሳታት እውን ኣለዉ እዮም። ንኣብነት ታሕተዎት ከበሳታት ኬንያ ብራኸኦም ክሳብ 1000 ሜትሮ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ዝበፅሕ እዩ። መብዛሕተኦም ድማ ኣብ ምብራቓውን ሰሜናውን ኬንያ ይርከቡ። እቶም ልዑል ብራኸ ዘለዎም ከበሳታት ድማ ኣብ ምብራቓዊ እምባ ኬንያ ዝርከቡ እዮም። ብራኸኦም ድማ ክሳብ 2000 ሜትሮ ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ይበፅሕ።

ኸበሳታት ኢትዮጵያ ኣብ ማእኸል እታ ሃገር ዝርከቡ እዮም። ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ኢትዮጵያ ኣስታት 50% ዝኸውን ብኸበሳታት ዝተሸፈነ እዩ። ኸበሳታት ኢትዮጵያ በቲ ዓብዪ ሓጓፍ ሸንጥሮ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ኣብ ክልተ ዝተሰንጠቑ እዮም። ሰሜናውን ምብራቓውን ጫፍ ከበስታት ኢትዮጵያ ናብ መታሕት ደንከል (ዳናኪል) ብዝጥምቱ ኣፃድፍ ዝተሃነፀ እዩ። መብዛሕትኡ ቅርፂ መሬት ታንዛንያ እውን 1000 ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ዘለዎ ኸበሳ እዩ።

## ሐ. መታሕት


ተምሃሮ መታሕት እንታይ ዓይነት ቅርፂ መሬት እዩ? ኣብ ሃገርና ኸ ኣበይ ከባቢ ይርከብ?

መታሕት ማለት ሜዳ ወይ ሸንጥሮ ኮይኑ ትሑት ብራኸ ዘለዎ ማለት እዩ። መታሕት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝርከቡ ሜዳታት እዮም። ብራኸኦም ካብ ፀፍሒ ባሕሪ ብዙሕ ዝለዓለ ኣይኮነን። ገለገሊኦም እውን ብራኸኦም ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ እዩ። ብቐንዱ መታሕት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ገማግም ውቅያኖስ ህንድን ይርከብ። ብተወሰኺ እውን ኣብ ምብራቓውን ምዕራባውን ኢትዮጵያን ደቡብ ሱዳንን ይርከብ። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ብራኸኦም ካብ ፀፍሒ ባሕሪ ዜሮ ሜትር ንታሕቲ ዝኾኑ ዓሞቕቲ ቦታታት መታሕት እውን ኣለዉ እዮም። ካብዞም ዓሞቕቲ መታሕት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ደቡብ ምብራቕ ኤርትራን ሰሜን ምብራቕ ኢትዮጵያን ከባቢ ዳሉል ኣብ ዓፋር ዝርከብ ኮባር -ሲንክ ሓደ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ጅቡቲ ዝርከብ ቃላይ ዓሳል ኣዝዩ ትሑት ብራኸ ዘለዎ እዩ። ኮባር ሲንክ ንቃላይ ዓሳልን ኣብ ውሽጢ ዓብዩ ሓጓፍ ሸንጥሮ እዮም ዝርከቡ። ብራኸ ኮባር-ሲንክ 120 ሜትር ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ /ትሕቲ ዜሮ/ እንትኾነ ብራኸ ቓላይ ዓሳል'ውን 150 ሜትር ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ እዩ። ኣብ ሞንጎ ኮባር ሲንክን ቐይሕ ባሕርን እሳተ ጎመራ ዝተፍእ እምባ ዳናኪል /ደናኪል ኣልፕስ/ ኣሎ እዩ። ኮባር ሲንክ ዝርከበሉ ሰጣሕ መታሕት ደንከል ኣዝዩ ልዑል መጠን ረስኒ ኣለዎ። ከምኡ እውን እሳተ ጎመራ ዝተፍእ እዩ። ኮባር ሲንክ ኣብ ሓደ እዋን ባሕሪ እዩ ኔሩ። ኮይኑ ግና ብልዑል ሙቐት እቲ ማይ ሃፊፉ (ተኒኑ) ሕዚ ብፖታሽን ብጨውን ካልእ መዓድንን ዝተመልአ እዩ።

## መ. ዓብዪ ሓንፍ ሽንጥሮ

**ተምሃሮ ሃንፍ ሽንጥሮ እንታይ እዩ? ከመይ ይፍጠር? እስቲ ካብ ሕሉፍ ትምህርትኹም ተመያየጥሉ?**

ኣብ ውሽጢ መሬት ተፃረርቲ ሓይልታት እንትሳሓሓቡ እቲ ኣብ መንጎ ዘሎ መሬት ንታሕቲ ይሰምጥ፣ ይሃምም። እዚ ኣብ መንጎ በረኽቲ ቦታታት ዝሰመጠ መሬት ድማ ሓንፍ ሽንጥሮ ይኸውን። ዓብዪ ሓንፍ ሽንጥሮኸ እንታይ እዩ? ሓንፍ ሽንጥሮ ብውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ዝፍጠር እዩ። ብመሰረቱ ሓንፍ ሽንጥሮ ኣካል መታሕት እዩ። ይኹን እምበር ዓብይ ሓንፍ ሽንጥሮ ዝበሃል ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ፍሉይ ቅርፂ መሬትን ጎሊሁ ዝረአን ስለዝኾነ ንበይኑ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ዓበዪ ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ዓለምና ዝዓበየ ሓንፍ ሽንጥሮ እዩ። ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣካል እቲ ካብ ሞዛምቢክ ክሳብ ሶርያ ዝተዘርገሐ ሓንፍ ሽንጥሮ እዩ። (ካርታ 2.6 ተመልከቱ)።




ካርታ 2.6 ዓብዪ ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ

**ተምሃሮ እስቲ ብዛዕባ ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ካርታ 2.6 ብዝግባእ ርኢኹም ተሙያየጥሉ? እቲ ሓንፍ ሽንጥሮ ክልተ ጨንፈራት ከምዘለውዎ ተገንዚብኩም ዶ?**

እቲ ሓደ ምዕራባዊ እቲ ካልኣይ ድማ ምብራቓዊ ሓንፍ ሽንጥሮ ይበሃሉ። ተምሃሮ ብሃገርና ኢትዮጵያ፣ ብቀይሕ ባሕሪ፣ እስራኤልን ምዉት ባሕርን ኣቢሉ ክሳብ ሶርያ ዝበፅሕ ኣየናይ ጨንፈር እዩ? ምዕራባዊ ጨንፈር ሓንፍ ሽንጥሮኸ ኣበይ ከባቢ ዝተሓፀረ እዩ? ሓንፍ ሽንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ውሽጡ ይኹን ኣብ ከባቢኡ እሳተ ጎመራዊ እምባታት ኣለዉ እዮም። ንኣብነት እምባታት ኡጋንዳ ብዘይካ እምባ ሩዌንዞሪ ካልኦት ኩሎም እሳተ ጎመራዊ እዮም። ካልኦት ከም እምባ ኪሊማንጀሮ፣ ኬንያን፣ ራስዳሽንን እሳተጎመራዊ እምባታት እዮም። ተምሃሮ ካርታ 2.6 ብዝግባእ ተመልኪትኩም ነቶም ብኣናእሽቱ ስሉስ ኩርናዕ ብወይናዋይ ሕብሪ ተመልኪቶም ዘለዉ እሳተ-ጎመራ ዝተፉኡ ኸባብታት ኣነፅሩ?

ዓብዪ ሓጓፍ ሸንጥሮ ብዙሕ ረብሓታት ዘለውዎ እዩ። ብዝተፈላለዩ ማዕድናት ዝማዕበለ'ዩ። ብቐንዱ ድማ ብዙሓት ቓላያት ዝሓዘ እዩ። ተምሃሮ! ዓበይቲ ቓላያት ብዝብል ስም ዝፅውዑ ቓላያት ከም ቓላይ ታንጋኒካ፣ ኣልበርት፣ ኣዋሳ፣ ላንጋኖ፣ ኪቩ፣ ኤድዋርድን ካልኦትን ኣብ ካርታ ኣለልዩ። ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ እንስሳት ዘገዳም ስለ ዘለዎ ካብ ቱሪዝም ዝርከብ እቶት ኣዝዩ ብዙሕ ገንዘብ እዩ። ቃላያት ዓብዪ ሓጓፍ ሸንጥሮ ንምዝፋፍ ዓሳ፣ ንመጓዓዝያ፣ ንመዘናግዒ ስለዝጠቕሙ ዓብዪ ረብሓ ኣለዎም። ቓላይ ቪክቶርያ ካብ ውሽጢ ሓጓፍ ሸንጥሮ ወፃኢ ኣብ መንጎ ምብራቓውን ምዕራባውን ጨናፍር ሓጓፍ ሸንጥሮ እዩ ዝርከብ። ሓጓፍ ሸንጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ በዓል ሉሲ ዝተረኸቡሉ መበቆል ወዲሰብ እዩ። ካልእ መግለፂ ሓጓፍ ሸንጥሮ ድማ ርእደ መሬት ብበዝሒ ዝረኣየሉ ምኽኑ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ወርሒ ሰነ 2003 ዓ.ም ኣብ ሓጓፍ ዓፋር ዝተርአየ ርእደ መሬትን ትፋእ እሳተ ጎመራን እንታይ ትፈልጡ?

## 2.3 ሃፍትታት ማይ ምብራቕ ኣፍሪካ

ተምሃሮ እስቲ ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም ማያዊ ኣካላት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣለልዩ? ክንደይ ዝኾኑ ኣለዊኹም? እንታይ ዓይነት ማያዊ ኣካላት እዮም? ብምቕፃል ድማ ሕድሕድ ቃላይ፣ ሩባ፣ ባሕሪ፣ ውቅያኖስ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣበይ ከም ዝረከብ ኣብ ዓበይቲ ካርታታት ኣለዊኹም ኣመልክቱ? ብምቕፃል ነዞም ብዛዕባ ቓላያት፣ ሩባታት፣ ባሕርን ውቅያኖስን ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝምልከቱ መበገሲ ሓሳባት መሰረት ጌርኩም ምይይጥ ኣካይዱ?

### 2.3.1 ቓላያት ምብራቕ ኣፍሪካ

ቓላይ ብምድሪ ዝተኸበበ ማያዊ ኣካል እዩ። ካብ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ብበዝሒ ቓላያት ኣብ ቐዳማይ ብርኪ ዝስራዕ ክልል ምብራቕ ኣፍሪካ እዩ። ቓላያት ምብራቕ ኣፍሪካ ብመሰረት መርክበኦም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ንሳቶም እውን ቃላያት ሓጓፍ ሸንጥሮን ካብ ሓጓፍ ሸንጥሮ ወፃኢ ዝርከቡን ቃላያት እዮም።



## ዕዮ ጉጅለ

1. ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝርከቡ ቃላያት ሓጓፍ ሸንጥሮ ክንደይ እዮም? ሽሞምከ? ካብ ሓጓፍ ሸንጥሮ ወፃኢ ዘለዉ ቃላያት ከ ክንደይ እዮም? እቶም ቀንዲ መነመን ይበሃሉ? ኣበየናይ ክልል ይርከቡ?

2. ተምሃሮ ፊዚካዊ ካርታ ኣፍሪካ ብጉጅለ ኮይንኩም ብምርኣይ ነዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ቓላያት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣበይ ከምዝርከቡ ኣነፅሩ። ብምቕፃል ቃላያት ሓጓፍ ሸንጥሮን ካብ ሓጓፍ ሸንጥሮ ወፃኢ ዘለዉን ኢልኩም ኣብ ክልተ መድብዎም።

| | | |
|---|---|---|
| 1. ቓላይ ኪቩ | 5. ቓላይ ታንጋኒካ | 9. ቓላይ ላንጋኖ |
| 2. ቓላይ ቪክቶርያ | 6. ቓላይ ማላዊ | 10. ቓላይ ሓሸንገ |
| 3. ቓላይ ቱርካና | 7. ቓላይ ኣልበርት | 11. ቃላይ ዝዋይ |
| 4. ቓላይ ጣና | 8. ቓላይ ኤድዋርድ | 12. ቃላይ ሻላ |

### 2.3.2 ሩባታት ምብራቕ ኣፍሪካ

ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሓት ኣናእሽቲ ሩባታታት ዝሓዘ እዩ። ተምሃሮ ካብቶም ዓበይቲ ሩባታት ክንደይ ትፈልጡ? እስቲ ተመያየጥሉ? ካርታ ምብራቕ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም ዝተፈላለዩ ሩባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣለልዩ?



**ንጥፈት**

ተምሃሮ! እቲ ካብ ዓለም ዝነውሐ ሩባ መን ምዃኑ ትፈልጡ ዶ? ካበይ ከ ይብገስ? ሩባ ኣባይ ከ ካበይ ከምዝብገስ ትፈልጡ ዶ?

እስቲ ሕዚ ድማ ሩባ ናይል ካበይ ከምዝብገስን ነየነኦም ገባር ሩባታት ሒዙ ናይል ከምዝበሃልን ካርታ ኣፍሪካ እናተጠቐምኩም ምስ መምህርኩም ተመያየጥሉ? ተምሃሮ! ካብ ገባራት ናይል እቲ ዝለዓለ መጠን ማይ ዝሓዘ መን ይበሃል? ብጉጀለ ኾይንኩም ካርታ ብምርኣይ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ሩባታት ኣባይ፣ ተከዘ፣ ጁባ /ገናሌ/፣ ሸበሌ፣ ኣብ ኬንያ ዝርከቡ ሩባታት ታና፣ ጋላና ከምኡ'ውን ኣብ ቡሩንዲ ዝርከብ ሩባ ሩሲዚ ኣለሊኹም ኣብ ደፍተርኩም ካርታ ስኢልኩም ኣብ ትኽክለኛ መርከቦኦም ኣስፍሩ?

### 2.3.3 ውቅያኖሳትን ባሕርታት

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ሓደ ባሕሪ ጥራይ እዩ ዘሎ። ተምሃሮ እዚ ባሕሪ መን ይበሃል? እስቲ ኣብ ካርታ ኣብ ከባቢ ሰሜን ምብራቕ ክፋል ምብራቕ ኣፍሪካ ኣሊሽኩም ኣለልዩዎ? ካብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ሱዳን፣ ኤርትራን ጅቡቲን ምስ ቀይሕ ባሕሪ ይዋሰና /ይዳወባ/። ከምኡ'ውን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ሓደ ውቅያኖስ ኣሎ። ንሱ ድማ ውቅያኖስ ህንዲ ይበሃል። ተምሃሮ ካርታ ተጠቒምኩም ምስ ውቕያኖስ ህንዲ ዝዋሰና /ዝደወባ/ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘርዝሩ? ብቑፅሪ ኽ ክንደይ ሃገራት እየን? ከምኡውን ካብተን ሃገራት ምስ ቀይሕ ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ህንዲ ዘይዋሰና ሃገራት ኣብ ካርታ ኣመልክቱ?

## 2.4 ማይን ቑጠባዊ ረብሕኡን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ

ተምሃሮ! ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ማያዊ ኣካላት እንመን ይበሃሉ? ናይ ከባቢኹም ሕብረተሰብከ ንምንታይ ይጥቀመሎም? ብሓፈሽኡ ማያዊ ኣካላት ንወድሰብ ዝህብዎ ረብሓ እንታይ እዩ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመየያጥሉ? ማያዊ ኣካላት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ኣለዎም። ውቅያኖስ ህንድን ቀይሕ ባሕርን ከም ሞምባሳ፣ ሞቓዲሾ፣ ጂቡቲ፣ ፓርት-ሱዳን፣ ምፅዋዕን ዝመሰሳሉን ዓበይቲ ወደባት ዘለዉዎም እዮም። እዞም ወደባት ኣብ መጓዓዝያ ባሕሪ ዓብይ ረብሓ ዝህቡ እዮም። ዝተፈላለዩ ዓበይትን ናእሽቱን መራኽብን ጃልባታትን ዘዕርፉሉ፣ዘራግፉሉን ዝፅዕናሉን እዮም። እዞም ክልተ ማያዊ ኣካላት ዝተፈላለዩ ኣቑሕት ንግድን ሰባትን ዝመላለሱሎምን ህዝብታት ዝራኽቡሎምን እዮም። ውቕያኖስ ህንድን ቐይሕ ባሕርን ብብዝሒ ዓሳ ዝፍረየሎም ስለዝኾኑ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሃገራት ሱዳን፣ ኤርትራ፣ ጂቡቲ፣ ሱማልያ፣ ኬንያን ታንዛንያን ዓብይ ረብሓ ኣለዎም። ካብዞም ማያዊ ኣካላት ዓሳ ብምዝፋፍ ዝርከብ ሃፍቲ ፍልፍል ምግቢ ህዝብታት እዞም ሃገራት እውን እዩ።

ቓላያት ምብራቕ ኣፍሪካ እውን ዓበይቲ ረብሓታት ይህቡ እዮም። ንኣብነት ቃላይ ቪክቶርያ ኣብ መንጎ ሃገራት ኬንያ፣ ኡጋንዳን ታንዛንያን በዝሒ ዘለዎም ሰባትን ኣቁሑትን ብዓበይቲ መራኽብን

ጃልባታትን ይጓዓዓዙ እዮም። ካብ ቓላይ ቪክቶርያ ንምግብነት ዝውዕሉ ዓሳታት ይርከቡ እዮም።


ሩባታት ምብራቕ ኣፍሪካ እውን ክንድቲ ዝድለ ኣብ ረብሓ ኣይወዓሉን እምበር ብዝተወሰነ መልክዑ ዝተፈላለዩ ጥቕምታት ኣለውዎም እዮም። ኣብ ኢትዮጵያን ኡጋንዳን ፍልፍል ሓይሊ ማያዊ ኤለክትሪክ እዮም። ኣብ ኩለን ሃገራት ኣብ ስፋሕቲ ሕርሻታት መስኖ ዓብይ ረብሓ ኣለዎም። ሩባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ብዝተወሰነ መልክዑ ንመጓዓዝያ ጃልባታት እውን ይውዕሉ እዮም።



## ንጥፈት

ተምሃሮ ንወለድኹምን ዝፈልጡ ሰባትን ብምሕታትን ጋዜጣታት ብምንባብን ኣብ ኢትዮጵያ ክንደይ ሩባታት ንሓይሊ ኤለክትሪክ ከምዝወዓሉን ስሞምን ግለፁ።

ብሓፈሻ እንትረአ ማይ ካብ ንመስተ እንስሳትን ሰባትን ሓሊፉ ክሳብ ንመጓዓዝያ፣ ንሓይሊ ኤለክትሪክ፣ ንመስኖን ንቱሪዝምን ዘለዎ ስትራተጂካዊ ረብሓ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዓብይ ግደ ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ኣብ ቃላያት ሓጓፍ ሽንጥሮ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዊዎም ኣዕዋፋትን መዛናግዕታትን መሳሕባት ቱሪስትታት እዮም።



ስእሊ 2.5 ወደብ መጓዓዝያ ማይ

## መልመዲ 2.2

ሀ. ንዝስዕቡ ሕድሕድ ሕቶ ተዋሂቡ ኣብዘሎ ባዶ ቦታ ትኽክለኛ መልሲ ምልኡ።

1. ኣቀማምጣ፣ ኣመሓውራን ቅርፅን ምድሪ ብሓፈሻ __________ ይበሃል።
2. ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ምድሪ _____ % ደረቕ መሬት እንትኾን _____ % ድማ ብማያዊ ኣካላት ዝተሸፈነ እዩ።
3. ሓሙሽተ ውቅያኖሳት ዓለምና ዝበሃሉ ________፣ ________፣ ________፣ ________ን ________ን እዮም።
4. እምባ ኪሊማንጀሮ ዝርከበሉ ሃገር __________ ይበሃል።
5. ኣብ ገማግም ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ውቅያኖስ __________ ይበሃል።

# 2.5 ከባቢ ኣየር

ተምሃሮ ከባቢ ኣየር እንታይ እዩ? ክሳድኩም ንላዕሊ ኣንቃዕሪርኩም ናብ ሰማይ ከተማዕድዉ እንተለኹም እንታይ ኢኹም ትርእዩ? ሓደሓደ ግዜኸ ኣውሮኘላን ክትበርር ትርእዩዶ? እንታይ እናሰንጠቐት ትበርር? እስቲ ተመያየጥሉ?

ከባቢ ኣየር ንምድርና ከም ኮበርታ ሸፊንዋን ኸቢቡዋን ዝርከብ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጋዝ እኩብ እዩ። ከባቢ ኣየር እንተዘይህሉ ኔሩ ኣብ ምድርና ህይወት ዘለዎ ነገር ኣይምነበረን። ተምሃሮ እስቲ ምኽንያቱ ተመያየጥሉ? ኸባቢ ኣየር ኣብ መነባብሮ ደቂ ሰባት እውን ዓብዪ ፅልዋ ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ናብ ምድሪ ዝመፅእ ኣዝዩ ሓያል ጉልበት ፀሓይ ሂወት ዘለዎም ነገራት ንኸየሕርር ዝከላኸል ኣብ ፅፍፃፍ ኣየር ስትራቶስፈር ዝርከብ ከባቢ ኣየር ኦዞን እዩ። ኦዞን ጋዝ ዝርከብ ኣብ ከባቢ ኣየር እዩ። ዝናብ ዝፍጠር ብምኽንያት ምህላው ከባቢ ኣየር እዩ። እፀዋት ምግቦም ንምስራሕ ዘኽእሎም ቀንዲ ጋዝ ዝረኽብዎ ካብ ከባቢ ኣየር እዩ።

## ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር

ካብ ምድሪ ንዓቕብ እናለዓልና ብዝኸድና ቁፅሪ ዝተፈላለዩ ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ንረክብ። ብሓፈሻ እንትርአዩ ኣርባዕተ ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ኣለዉ። ንሳቶም ድማ ትሮፖስፌር፣ ስትራቶስፌር፣ ሜዞስፌርን ቴርሞስፌርን ይባሃሉ።

1. ትሮፖስፌር፡- እዙይ ፅፍፃፍ ኸባቢ ኣየር እቲ ንምድርና ዝቐረበ እዩ። ትሮፖስፌር ካብ ምድሪ ጀሚሩ ንላዕሊ ክሳብ ከባቢ 10-15 ኪሎሜትር ዘሎ ኸባቢ ኣየር ዝሓቖፈ እዩ። ትሮፖስፌር ኣብ ልዕሊ ኸባቢ ቅናት ምድሪ ዝሰፍሐ እንትኾን ኣብ ልዕሊ ኸባቢ ዋልታ ድማ ፅብብ ኢሉ ኣስታት 9 ኪሎ ሜትር ጥራይ እዩ ስፍሓቱ። ኩነታት ኣየር ዓለምና ዝውሰን ብመሰረት ኩነታት ትሮፖስፌር እዩ። እዙይ ማለት መጠን ረስኒ ዓለምና ይኹን ኩነታት ዝናብ፣ ደበና፣ በረድ፣ ፀቅጢ ኣየር ወዘተ ዝኸስት ብኹነታት ከባቢ ኣየር ትሮፖስፌር እዩ።

   ተምሃሮ ብቴሌቪዥን ይኹን ብሬድዮ ትንበያ ኩነታት ኣየር ከባቢና ክንገር ትስምዑዶ? ኣብ ዝቕፅሉ መዓልታት ወይድማ ሰሙናት እንታይ ዓይነት መጠን ረስኒ፣ ደበና፣ ዝናብ፣ ፀቕጢ ኣየር ከምዝኸሰት ዝፍለጥ እዩ። እዙይ ዝፍለጥ ድማ ብሰብሙያ ሜትዩሮሎጂ ንትሮፖስፌር ብምፅናዕ እዩ። ኣብ ትሮፖሰፌር መጠን ብራኸ እናወሰኸ እንትኸድ መጠን ረስንን ፀቕጢ ኣየርን እናነከየ እዩ ዝኸይድ። ከምኡ ኢሉ እውን ካብ ትሮፖሰፌር ወፃኢ ኣብ ዘለዉ ስለስተ ፅፍፃፋት ከቢቢ ኣየር ኣዝዩ ስሕው ትሕዝቶ እዩ ዘለዎም። ብመጠን ትሕዝቶ ጋዛት እንትረኣ ስትራቶስፌር 75% ዝሓዘ እንትኾን እቲ ዝተረፈ 25% ድማ ኣብቶም ካልኦት ሰለስተ ፅፍፃፋት ተመቓቂሉ ይረአ።


### ትሮፖስፌርን ኣካላቱን

ተምሃሮ ኣብ ትሮፖስፌር እንታይ ኣሎ? ከባቢ ኣየር ትሮፖሰፌር ካብቶም ካልኦት ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ዝለዓለ ትሕዝቶ ዘለዎን ፅዑቕን እዩ። ከባቢ ኣየር ብሓፈሻ ትሮፖሰፌር ድማ ብፍላይ መብዛሕትኡ ትሕዝትኡ ናይትሮጅን እዩ። ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ጋዛት ትሮፖሰፌር 78% ናይትሮጅን እዩ። ብኻልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ኦክሲጅን ኮይኑ ልዕሊ 20% እዩ። ካልኦት ጋዛት ትሮፖሰፌር ከም ካርቦን ዳይኦክሳይድን ኣዝዩ ትሑት መጠን ዘለዎ ኦዞንን እዮም። ትሮፖሰፌር ብተወሰኺ እውን ሃፋ-ማይን ዶሮናን ዝሓዘለ እዩ። ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ሃፋ-ማይ ከባቢ ኣየር እቲ 99% ኣብ ትሮፖስፌር እዩ ዝርከብ።

2. **ስትራቶስፌር፡-** እዚ ኣብ ልዕሊ ትሮፖስፌር ዝርከብ ፅፍፃፍ (ቀፀላ) ከባቢ ኣየር እዩ። ኣስታት 35 ኪሎ ሜትር ዝሸፈነ እዩ። እዙይ ማለት ኣብ ልዕሊ ምድሪ ካብ 15 ኪሎ ሜትር ክሳብ 50 ኪሎ ሜትር ዘሎ ከባቢ ኣየር ዝሓዘ እዩ ማለት እዩ። ኣብ ስራቶስፌር መጠን ለውጢ ረስኒ ከም ትሮፖስፌር ኣይኮነን። ኣብ ታሕታዋይ ክፋል ስትራቶሰፌር ብራኸ እንትውስክ መጠን ረሰኒ ኣይውስኽን። ከምኡ'ውን መጠን ረስኒ ኣይንክን። ኣብ ላዕለዋይ ክፋሉ ግና ብራኸ እናወሰኸ እንትኸይድ መጠን ረስኒ እውን እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ። ተምሃሮ እስቲ እዚ ለውጢ መጠን ረስኒ ምስ ትሮፖስፌር ኣነፃፅርዎ? ብኻሊእ መዳይ ድማ ስትራቶሰፌር ብትሕዝቱኡ ስሕው ዝበለ ስለ ዝኾነ ብኣወሮፕላን ንዝግበር ጉዕዞ ምችው እዩ። ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቐፀላ ከባቢ ኣየር ስትራቶሰፌር ኦዞን ዝበሃል ጋዝ ኣሎ። ኦዞን ካብ ፀሓይ ንዝመፅእን ንጥዕና ወድሰብ ሓደገኛ ዝኾነን ጨረር ናብ ምድሪ ንኸይበፅሕ ዓፌኑ ዝሕዝ ጋዝ እዩ። ኦዞን እንተዘይህሉ ኣብ ምድሪ ህይወት ዘለዎ ነገር ኣይምሃለወን።

3. **ሜዞስፌር፡-** እዙይ ብቐጥታ ኣብ ልዕሊ ስትራቶሰፌር ዝተነፀፈ ኸባቢ ኣየር እዩ። ሜዞስፌር ካብ ምድሪ ኣብ መንጎ 50 ኪሎ ሜትሮን 80 ኪሎ ሜትርን ዝርከብ ከባቢ ኣየር እዩ። ብሓፈሻ እንትርእ ኣብ ሜዞስፌር ብራኸ እናወሰኸ እንትኸድ መጠን ረሰኒ እናነከየ ይኸይድ። እቲ ዝለዓለ ክፋል ሜዞሰፌር እቲ ኣብ ምድርና ኣዝዩ ዝተሓተ መጠን ረስኒ ዘለዎ ከባቢ ኣየር እዩ።

4. **ቴርምስፌር፡-** እዙይ እቲ ካብ ምድሪ ኣብ ዝለዓለ ብራኸ ዝርከብ ከባቢ ኣየር እዩ። ቴርሞሰፌር ካብ ምድሪ ኣብ መንጎ 80 ኪሎ ሜትርን 1000 ኪሎ ሜትርን ዝርከብ ስሑው ፅፍፃፍ ከባቢ ኣየር እዩ። ቴርሞ ማለት ውዑይ ማለት እዩ። ኣብ ቴርሞሰፌር ብራኸ እንትውስኽ መጠን ረሰኒ እውን እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ቴርሞሰፌር መጠን ረሰኒ ልዕሊ $1500^0$ ሴንትግሬድ ይበፅሕ እዩ። ቴርሞሰፌር ብመዳያት ሳታላይት ኣብ ምዕባለ መራኸቢ ሜላታት ሬድዮን ቴለቪዥንን ዓብዩ ረብሓ ዘለዎ እዩ። ቴርሞሰፌር ናይ መወዳእታ ቐፀላ ኸባቢ ኣየር እዩ። ብድሕሪ ቴርሞሰፌር ዝመፅእ ህዋ እዩ።




ስእሊ 2.6 ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር

## 2.6 ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ካርታ

ተምሃሮ ኣብ መፃሕፍቲ፣ መፅሄታት ኣብ መንደቕ ክፍልኹም ዝተሰቐሉን ካልኦትን ብዙሓት ካርታታት ሪኢኹም ኢኹም። እዞም ካርታታት ገለገለኦም ብዝተፈለለዩ ሕብርታት ዝተሰኣሉ እንትኾኑ ገሊኦም ድማ ብፃዕዳን ፀሊምን ጥራይ እዮም ተሳኢሎም። ተምሃሮ ነየንኦም ኢኹም ተድንቑ? ኣየነኦም ዝበለፀ ሓበሬታ ይህብኹም? ንምንታይ? እስቲ ተመያየጥሉ?

ኣብ ዝኾነ ካርታ ቁልፊ ወይ መፍትሕ ዝብል ፅሑፍ ኣሎ እዩ። ተምሃሮ እስቲ ቁልፊ ካርታ ዝብል ኣብ ካርታ ረኣዩእሞ እንታይ ከምዝገልፅ ተመያየጥሉ? ፅቡቕ ካርታ ዝበሃል ብሕብርታት ዘጌፀ ጥራይ ዘይኮነስ ቁልፊ ወይ መፍትሕ ካርታ እንትህልዎ ጥራይ እዩ። ብመሰረት መፍትሕ ካርታ ሕድሕድ ሕብሪ፣ ምስሊ ወይ ምልክት እንታይ ከምዝውክል ንፁር ይኸውን። በዙይ ኣቢሉ ድማ ዝኾነ ሰብ ካብ ካርታ ንፁር ሓበሬታ ይረክብ። ሓደ ካርታ ኣዝዮም ብዙሓት ሓበሬታትን ተርእዮታትን ዝሓዘ እዩ። እዞም ኩሎም ሓበሬታታት ብዝርዝር ብፅሑፍ ወይድማ ብስእሊ ኣብ ካርታ ምቕማጥ ኣይክኣልን። ኣብ ካርታ ዘሎ ቦታ ኣዝዩ ውሱን እዩ። ስለዚ ካርታ ብቐሊሉ ተቐሚጦም ክገልፁ ዝኽእሉ ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ክህልዉዎ ናይ ግድን እዩ።

ተምሃሮ ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ካርታታት ንሓደ ዓይነት ሕብሪ ወይ ምልክት ብተመሳሳሊ መንገዲ ዝጥቀምሉ ዶ ይመስለኩም? ልክዕ እዩ ልሙዳት ምልክታት፣ ሕብርታትን ምስልታትን ኣለዉ እዮም። ኮይኑ ግና ኩሎም ብተመሳሳሊ መንገዲ እዮም ዝጥቀሙሎም ክንብል ኣይንኽእልን። ዝተቐመጠ ሕጊ ወይ ስምምዕ የለን። ገለገለ ግን ከም ሕጊ ጌርና እንወስዶም ኣለዉ። ንኣብነት ሰማያዊ ሕብሪ ንቃያት፣ ንውቅያኖሳትን ባሕርታትን ብቐዋሚ እንጥቀመሉ ሕብሪ እዩ።

እቶም ካርታታት ዝጥቀሙሎም ልሙዳት ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን እውን እንተኾኑ ብመሰረት ዓይነት ካርታ ዝቕመጡ እዮም። ፊዚካዊ ካርታ ዝተፈላለዩ ሕብርታትን ምልክታትን ተጠቒሙ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገፀ-ምድሪ ዘርእይ እዩ። ፓለቲካዊ ካርታ ድማ ብዝተፈላለዩ ምልክታትን ሕብርታትን ዝተፈላለዩ ዶባት፣ ከተማታት፣ ዓበይቲ መንገድታት፣ ኣሰፈፍራ ሕብታትን ብሂረሰባትን፣ ዓበይቲ ህንፃታት ወዘተ የርእይ።




### ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ! ብጉጅለ ኮይንኩም ዝተፈላለዩ ፊዚካዊ ካርታታት ምስ መፍትሑም ተመልከቱ። ነቲ ኣብ ካርታ2.7 ተገሊፁ ዘሎ መፍትሕ ካርታ ብዝግባእ ተመልከቱ። ትርጉም ሕብሪ፣ ምልክትን ምስልን መሰረት ጌርኩም እዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ገፀ-ምድሪ ኣብ ካርታ ብምንታይ ዓይነት ሕብሪ፣ ምልክትን ምስልን ከምዝተወከሉ ኣብ ደብተርኩም ኣስፊርኩም ብጉጅለ ንክፍሊ ኣቕርቡ?

1. እምባታትን በረኸቲ ቦታታትን ከመይ ተሓቢሮም ኣለዉ?
2. ቑፅሪ ብራኸ ጫፍ እምባ ካብ ፀፍሒ ባሕሪ /ብሜትር/ ከመይ ተገሊፁ?
3. መታሕት ብምንታይ ዓይነት ሕብሪ ተገሊፁ?
4. ማያዊ ኣካላት እንታይ ዓይነት ሕብሪ ይገልፆም? እዚ ሕብሪ ድሙቕን ሃሳስን እንተኾይኑ እንታይ የርእይ?
5. ምድረበዳ ከመይ ተገሊፁ?
6. ብበረድ ዝተሸፈነ ቦታ እንታይ እዩ ምልክቱ?
7. ሳዕሪ ምድሪ ከመይ ተገሊፁ ?
8. ነባሪ ኣየር ቅናት ምድሪ ብምንታይ ተመልኪቱ ኣሎ?

ተምሃሮ ካብቲ ነፍስወከፍ ጉጅለ ዘቕረበቶ ርእይቶ እንታይ ተገንዚብኩም?




ካርታ 2.7 ካርታ ማእኸል ሓደ ከተማ

ብሕድሕድ ጉጀለ ዝቐረቡ ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታት ተመሳሳሊ መግለፂ ድዮም ዘርእዩ ወይስ ዝተፈላለዩ እዮም? ዝተወሰኑ ልሙዳት ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ከምዘለው'ኸ ተገንዚብኩም ዶ? እስቲ ኣብነታት ኣቕርቡ?

መብዛሕትኡ ግዜ ካርታታት ልሙዳት ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታታትን ይጥቀሙ እዮም። ንኣብነት ማያዊ ኣካላት ብሰማያዊ ሕብሪ፣ በረኻቲ ቦታታት ብቡኒ፣ መታሕት ብብጫ ወይ ቆፅለዋይ ሕብሪ ከምኡ እውን ጫፍ እምባታት ብፃዕዳ ሕብሪ፣ ብራኸ ብሜትሮ ኣብ ጎኒ ንእሽተይ ሰለስ ኩርናዕ ቁፅሪ ብምፅሓፍ ይግለፁ እዮም። ብቐንዱ ነዚ ዝውስኖ ግን ቁልፊ ካርታ ወይ መፍትሕ ካርታ እዩ።



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይንኩም ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ካርታት ተመልከቱ። ነቲ ኣብ ቁልፊ / መፍትሕ/ ካርታ ታሓቢሩ ዘሎ መግለፂ መሰረት ጌርኹም እዞም ዝስዕቡ ሰብ ሰራሕ ነገራት ኣብቲ ካርታ ብምንታይ ዓይነት ሕብሪ፣ ሕንፃፅ፣ ምስሊ፣ ምልክት ከምዝተገለፁ ኣብ ደፍተርኩም ፅሓፉ። ቐፂልኩም ፀብፃብ ጉጅለኹም ንክፍሊ ኣቕርቡ።

1. ኢንዱስትርያዊ ኸባቢታት ከመይ ተመልኪቶም ኣለዉ?
2. ዓበይቲ ዕርግያ መንገድታት ከመይ ተመልኪቶም ኣለዉ?
3. መንገዲ ባቡር ከመይ ተመልኪቶም ኣለዉ?
4. ኣብያተ ትምህርቲ ከመይ ተመልኪቶም ኣለዉ?
5. ኣብያተ ክርስትያን ከመይ ተመልኪቶም ኣለዉ?
6. ኣብያተ መስጊድ ከመይ ተመልኪቶም ኣለዉ?

ተምሃሮ! መብዛሕትኡ ግዜ ፖለቲካዊ ካርታታት ልሙዳት ምልክታትን ምስልታትን ይጥቀሙ እዮም። ንኣብነት ኣብ ልዕሊ ሓደ ርቡዕ ኩርናዕ ዝተሰቐለ ሰንደቕ ዓላማን ቤት ትምህርትን የማላኽት። ከምኡ እውን ዝተፈላለዩ ዓይነታት መንገድታት ብዝተፈላለዩ ዓይነት ሕንፃፃታት ይግለፁ። ሕዚ እውን እቲ ወሰናይ ግና እቲ ኣብ ቁልፊ ካርታ ዝግለፅ እዩ።

ተምሃሮ! ካርታ ዓብይ ጥቕሚ ከምዘለዎ ተገንዚብኩም ኣለኹም። ይኹን እምበር ካብ ካርታ ጥቕሚ ዝርከብ ቑልፊ ካርታ እንትንጥቀም ጥራሕ እዩ። ብመሰረት ቁልፊ ካርታ እቶም ኣብ ካርታ ዘለዉ ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን እንታይ ከምዝውክሉ ተገንዚብና ካብ ካርታ እንደለዮም ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ንረክብ። ቐፂልኩም በብውልቕኹም ነዚ ዝስዕብ ንጥፈት ሰሪሕኹም ንኽፍሊ ኣቕርቡ፡-

1. ዝተፈላለዩ ፊዚካውን ፖለቲካውን ካርታታት ብምርኣይ ካርታታት ብዙሕ ግዜ ዝጥቀሙሎም ልሙዳት ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ኣለልዩ።
2. ናይ ሓደ ሓሳባዊ ሃገር ካርታ ሰኣሉ። ኣብቲ ካርታ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኣቐምጡ።ንኣብነት ቓላይ፣ ሩባ፣ ዶብ-ሃገር፣ ቤተ ክርስትያን፣ መሰጊድ፣ ኢንዱስትርያዊ ኸባቢ፣ ነዳዲ ዝወፀሉ ቦታ፣ መንገዲ ባቡር፣ ዕርግያ ወዘተ ኣቐምጡ።

እቶም ዝተቐመጡ ቦታታት በቶም ልሙዳት ሕብርታት፣ ምልክታትን ምስልታትን ተወኪሎም ይቀመጡ። ቀሊል ቁልፊ ካርታ ኣዳሊኹም ነፍሰወከፎም እንታይ ከምዝውክሉ ኣርእዩ። ዝኾነ ተምሃራይ ነቲ ቑልፊ ርእዩ ንውር ሓበሬታ ከምዝረኽበ ኣረጋግፁ።

ብተመሳሰሉ መንገዲ ንድፊ ካርታ ወረዳኹም ወይ ከተማኹም ወይ ጣቢያኹም ሰኣሉ። ነቶም ኣብ ካርታ ዝሰኣልኩምዎም ቦታታት መብርሂ ዝህብ ቁልፊ ካርታ ኣብ ጉኒ እቲ ካርታ ኣቕምጥዎ። ምስ መሓዝትኩም ተመያየጥሉ።

## መጠቓለሊ

ብሓፈሻ እንትረአዩ ኩሎም ዓይነታት ገፀ ምድሪ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይከኣል'ዩ። ንሳቶም ድማ ክፍለዓለማትን ማያዊ ኣካላትን እዮም። ኣብ ምድርና ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት እንትህልዉ ሓሙሽተ ውቅያኖሳት ድማ ኣለዉ። ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ማያዊ ኣካላት ብኬሚካላዊ ትሕዝተኦም ብሕልፊ ድማ ብጣዕሞም ጨውነት ዘለዎምን ዘይብሎምን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ኣብ ክፍለዓለማት ዝርከቡ ቃላያት፣ ሩባታትን ካልኦት ማያዊ ኣካላትን መብዛሕትኦም ጨውነት የብሎምን። ኮይኑ ግና ሓድ ሓደ ጨውነት ዘለዎም ቃላያት ኣለዉ። ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከብ **'ዓብዪ ቃላይ ጨው'** ዝበሃልን ኣብ ዶብ እስራኤልን ዮርዳኖስን ዝርከብ **"ምዉት ባሕሪ"** ዝበሃል ቃላይን ከም ኣብነት ዝጥቀሱ እዮም።

ኩሎም ቅርፅታት መሬት ምብራቕ ኣፍሪካ ብሓፈሻ እንትረአዩ ኣብ ኣርባዕተ ይምደቡ። ንሳቶም ድማ እምባታት፣ ከበሳታት፣ መታሕትን ሓጓፍ ሽንጥሮን እዮም። ካብ እምባታት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝለዓለ ብራኽ ዘለዎም እምባታት ክሊማንጃሮ፣ ኬንያ፣ ሩዌንዞሪ፣ ራስ ዳሸን እንትኾኑ እምባ ክሊማንጃሮ ድማ ካብ ክፍለ ዓለም ኣፍሪካ ዝለዓለ ብራኽ ኣለዎ።

ከበሳታት ምብራቕ ኣፍሪካ መብዛሕትኦም ኣብ ኬንያን ኢትዮጵያን ዝርከቡ ኮይኖም ልዑል ብራኽ ዘለዎም ሜዳታት እዮም። መታሕት ምብራቕ ኣፍሪካ ብቐንዱም ብ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ውቅያኖስ ህንድን ዝርከቡ ኮይኖም ብራኽኦም ካብ ፀፍሒ ባሕሪ ብዙሕ ዝለዓለ ኣይኮነን። እኳደኣስ ገለገሊኦም ብራኽ ኦም ካብ ፀፍሒ ባሕሪ (ካብ ዜሮ ሜትር) ንታሕቲ እዩ። ንኣብነትብራኽ ኮባር ሲንክ 120 ሜትር ትሕቲ ዜሮ እዩ። ዓብዪ ሓጓፍ ሽንጥሮ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ፍሉይ ቅርፂ መሬት ዘለዎን ኣዝዩ ጎሊሁ ዝረኣን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓጓፍ ሽንጥሮ ኣዝዮም ብዙሓት ቃላያት ኣለዉ። ካብዚኣቶም ቃላያት ታንጋኒካ፣ ኣልበርት፣ ኪቩ፣ ሃዋሳ፣ ኤድዋርድን ላንጋኖን ይርከቡዎም።

ከባቢ ኣየር ንምድርና ከም ኮበርታ ሸፊኑዋን ከቢቡዋን ዝርከብ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጋዝ እኩብ እዩ። ብሓፈሻ እንትረአዩ ኣርባዕተ ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ኣለዉ። ንሳቶም ድማ ትሮፖስፌር፣ ስትራቶስፌር፣ ሜዞስፌርን ቴርሞስፌርን እዮም። ፅፍፃፍ ከባቢ ኣየር ትሮፖስፌር ንምድርና ዝቐረበን ካብ ኩሎም ካልኦት ፅፍፃፋት ዝለዓለ ትሕዝቶ ጋዛት ዘለዎን እዩ። ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ትሮፖስፌር ኣስታት 78% ዝሽውን ናይትሮጅን እዩ። ስራቶስፌር ኣብ ልዕሊ ትሮፖስፌር ዝርከብን ብትሕዝትኡ ስሑው ዝበለ ስለዝኾነን ብኣውሮፕላን ንዝግበር ጉዕዞ ምችው እዩ። ሜዞስፌር ካብ ምድሪ ኣብ መንጎ 50ን 80ን ኪሎሜትር ዝርከብ ከባቢ ኣየር እዩ። ቴርሞስፌር ካብ ምድርና ኣብ ዝለዓለ ብራኽ ዝርከብን ሳብ 1000 ኪሎሜትር ዝበፅሕን እዩ። ኣብ ቴርሞስፌር ብራኽ እንትውስኽ መጠን ረስኒ'ውን እናወሰኸ ይኸይድ። ብድሕሪ ቴርሞስፌር ዝመፅእ ህዋ'ዩ።

## ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ሕምባበ - ምድሪ | ምንቅስቓስ ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ። |
| 2 | ዑደት ምድሪ | ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትገብሮ ዙረት። |
| 3 | ምህዋር ምድሪ | ምድርና ዑደት ምድሪ ከተካይድ እንተላ እትኽተሎ መስመር ጉዕዞ። |
| 4 | ክረምቲ | ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ትርከበሉ ወቕቲ። |
| 5 | እፅዋት ተፈጥሮ | ብዘይ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ብተፈጥሮ ጥራይ ዝበቑሉ። |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ ሓቂ ንዘይኮኑ ድማ ሓሶት ብምባል መልሱ።**

1. ዝዓበየ ክፋል ገፀ-ምድሪ ብማያዊ ኣካላት ዝነኣሰ ክፋሉ ድማ ብደረቕ መሬት ዝተሸፈነ እዩ።
2. ካብ ውቅያኖሳት እቲ ዝሰፍሐ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ እዩ።
3. ኣብ መብዛሕተኦም ፈሰስቲ ሩባታትን ቓላያትን ዝርከብ ማይ ጨውነት የብሉን።
4. ሩባ ናይል ካብ ኣፍሪካን ዓለምን ብንውሓቱ ቀዳማይ እዩ።
5. ኩነታት ኣየር ዓለምና ዝውሰን ብመሰረት ኩነታት ትሮፖስፌር እዩ።

**ለ. ንነፍስወከፍ ሕቶ ካብ ዝቐረቡ መማረፅታት ዝበለፀ ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ።**

1. ብትርብዒት ኪሎ ሜትር እንትዕቀን ስፍሓት ምድሪ ኣስታት ክንደይ ይኸውን?

   ሀ. ፍርቂ ሚልዮን　　ለ. ሓደ ሚልዮን

   ሐ. ፍርቂ ቢልዮን　　መ. ዓሰርተ ቢልዮን

2. መጠን ደረቕ መሬትን ማያዊ ኣካላትን ዳርጋ ማዕረ ዝኾነሉ ቦታ ኣበይ እዩ?

   ሀ. ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ኸቢ　　ለ. ኣብ ደቡባዊ ንፍቀ ክቢ

   ሐ. ኣብ ምብራቓዊ ንፍቀ ክቢ　　መ. ኣብ ምዕራባዊ ንፍቀ ክቢ

3. ኣብ መንጎ ክፍለ ዓለማት ኣሜሪካን ኣውሮፓን ዝርከብ ውቅያኖስ መን ይባሃል?

   ሀ. ህንዲ　　ለ. ኣርክቲክ

   ሐ. ፓሲፊክ　　መ. ኣትላንቲክ

4. ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎ ኾይኑ ዝባኑ ሜዳ ዝኾነ ቕርፂ መሬት እንታይ ይበሃል?

   ሀ. እምባ　　ለ. ኸበሳ

   ሐ. ሓጓፍ ሸንጥሮ　　መ. መታሕት

5. ኮባር ሲንክ ብምባል ዝፍለጥ

   ሀ. ኸበሳ እዩ　　ለ. ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎ እምባ እዩ

   ሐ. ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ ብራኸ ኣለዎ　　መ. ገምገም ባሕሪ እዩ

6. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዘይትዋሰን ሃገር መን እያ?

   ሀ. ኤርትራ　　ለ. ጂቡቲ

   ሐ. ሱዳን　　መ. ኢትዮጵያ

7. ኣብ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከብ ውቕያኖስ

   ሀ. ህንዲ　　ለ. ኣትላንቲክ

   ሐ. ፓሲፊክ　　መ. ቀይሕ ባሕሪ

## ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብዝተውሃበ ባዶ ቦታ ትኽክለኛን ቅኑዕን መልሲ ምልኡ

1. እታ ዝሰፍሐት ክፍለ ዓለም_________እንትኾን ዝነኣሰት ድማ____እያ።
2. ________ ዝተበሃለ ቃላይ ብትሕዝቶኡ ብዙሕ ጨው ዘለዎ እዩ።
3. ኣብ ኣፍሪካ ዝለዓለ ብራኸ ዘለዎ እምባ __________ይበሃል።
4. ዓብይ ሓጓፍ ሽንጥሮ ዝበሃል ካብ ሃገር ____ ክሳብ ሃገር_________ ዝተዘርገሐ እዩ።
5. ብመሰረት መርክቦኦም ቃላያት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ክልተ ይምቀሉ። ንሳቶም ድማ
   ሀ. ________________
   ለ. ________________
6. ኣብ መንጎ ኬንያ፣ ታንዛንያን ኡጋንዳን ዝርከብ ቃላይ __________እዩ።
7. ንምድርና ከም ኮበርታ ሸፊንዋን ኸቢቡዋን ዝርከብ ናይ ጋዛት እኩብ__________ እዩ።
8. ንምድርና ዝቐረበ ቐፀላ ከባቢ ኣየር_________ እንትኾን ዝረሓቐ ድማ ________ እዩ።

## መ. ሓፂር መልሲ ሃቡ

1. ስም ክፍለ ዓለማት ዘርዝሩ?
2. ካብቶም ሓሙሽተ ውቕያኖሳት ዓለም ናይቶም ኣርባዕተ ስሞም ዘርዝሩ?
3. ምዉት ባሕሪ ዝበሃል ኣበይ ከባቢ ዓለም ዝርከብ እዩ?
4. ነቶም ኣርባዕተ ቐንዲ ፊዚካዊ ገፅታት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘርዝሩ?
5. ካብ ረብሓታት ሓጓፍ ሽንጥሮ ክልተ ግለፁ።
6. ካብ ሩባታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ሰለስተ ፅርሑ።
7. ስም ኣርባዕተ ፅፍፃፋት ከባቢ ኣየር ዘርዝሩ።
8. ቐንዲ ቑጠባዊ ረብሓታት ማያዊ ኣካላት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘረዝሩ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ከባቢና



## ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም

- ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘለዉ ዓይነታትን ዝርገሐን እፅዋት ተፈጥሮ ተለልዩ፤
- ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ንእፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝፀልዉ ቀንዲ ምኽንያታት ተለልዩ፤
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ኢድ እኣታውነት ሰባት ኣብ ከባቢ ትርድኡ፤
- ሜላታት ዕቀባን ረብሓን ብሄራዊ ፓርክታት ትግንዘቡ፤
- ብርሰት ከባቢኹም ንምክልኻል ድሌት ተርእዩ።

## ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ተማዕብሉን ትውኑን

- ሃለዋት እንስሳት ዘገዳም ምስ ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ተዛምዱ፤
- እንስሳት ዝለምዱን ዝዓብዩን ምስ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ተሰማሚዖም ከምዝኾነ ተረድኡ፤
- ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝፀልዉ ቐንዲ ምኽንያታት ትፈልዩ፤
- መንበሪ ከባቢ እንስሳት ዘገዳም ብሰባት እንትትጉዳእ እቶም እንስሳት እውን ከምዝጉድኡ ተረድኡ፤
- ዕባዋ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ተድንቑ፤
- ካብ ቱሪዝም ዝርከብ እቶት ንሓለዋ እንስሳት ዘገዳምን መንበሪኦምን ኣስተዋፅኦ ከገብር ከምዝኽእል ተረድኡ፤
- ብሰንኪ ደቂ ሰባት ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ዝበፅሑ ዝተፈላለዩ ብርሰታትን መንቀሊኦምን ትግምግሙ፤
- ሳዕቤን ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ ትፈልዩ፤
- ሜላታት ዕቀባ ሓመድ ተብርሁ፤
- ማይ ከመይ ከምዝዕቀብ ተብርሁ፤
- ዕላማን ረብሓን ብሄራዊ ፓርክታት ተብርሁ፤
- ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ ተመልክቱ፤
- ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ ተለልዩ።

## መእተዊ


እዚ ምዕራፍ ሰለስተ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ ኣብ ከባቢና ዝብል ርእሲ ዝጠመተ ኾይኑ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ማእኸል ዝገበረ'ዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ምዕራፍ ዘለዉ ትሕዝቶታት ድማ ብዛዕባ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከቡ ዓይነታትን ዝርገሐን እፀዋት ተፈጥሮ፣ ኢድ ኣእታውነት ደቂ-ሰባት ኣብ ምዝባዕ ከባቢና፣ ሜላታት ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝጠመቱ እዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ተምሃሮ ብዛዕባ እቶም ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ኣብ ሃገርናን ዝርከቡ ብሄራዊ ፓርክታት ግንዛበ ረኺብኩምን ኣለሊኹምን ኣብ ካርታ እተመላኽትሉን ምዕራፍ'ዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ንተምሃሮ ዘተባብዑ'ዮም።

# 3.1 እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ

## 3.1.1 ዓይነታትን ዝረገሐን እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

ተምሃሮ! ቅድሚ ናብዚ ንኡስ ርእሲ ምስጋርኩም እስቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ዓይነትን ዝርገሐን እፅዋት ተፈጥሮ እንታይ ከምዝመስል ተመያየጥሉ?

ተምሃሮ እስቲ ነቲ ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ቐንዲ እፅዋት ተፈጥሮ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝተማሃርኩምዎ ብምዝካር እንታይ እንታይ ከምዝበሃሉ ዘርዝሩ ? ብምቕፃል ድማ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ካርታ 3.1 ብዝግባእ ተመልኪትኩም እቶም ቀንዲ እፅዋት ተፈጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ እንታይ እንታይን ኣበይ ከምዝርከቡን ዘርዝሩ።ቓ




ካርታ 3.1 ዝረገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ምብራቕ ኣፍሪካ

## ሀ. እፅዋት ተፈጥሮ

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተፈላለዩ ዓይነት እፅዋት ይርከቡ። ኣብ ሰለስተ ድማ ይምደቡ። ንሳቶም እውን ዱር፣ ሳዕሪ መሬት፣ እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ይበሃሉ።

### ዱር (ደኒ)

ተምሃሮ! ኣብ ክልልና ትግራይ ከም ሕጉምብርዳ ዝመሰሉ ዱር ኣበይ ከባቢ ይርከቡ? ዱር እንታይ እዩ? ኣበይ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከብ?

ዱር ብፃዕቒ ኣእዋም ተሸፊኑ ዝርከብ ከባቢ እዩ። ኣድዋር በረኸቲ ቦታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ከባቢ ገምገም ቃላይ ቪክቶሪያ፣ በረኸቲ ቦታታት ምብራቕን ምዕራብን ኢትዮጵያ፣ በረኸቲ ቦታታት ደቡብ ሱዳን ይርከቡ። ኣብ ዓበይቲ ጕቦታት ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ብራኽ እናውሰኸ እንትኸይድ ዓይነት እቶም ኣድዋር እናተቐየረ ይኸይድ። ንኣብነት ኣብ እምባ ኪሎማንጀሮ ኣብ ታንዛኒያ ዝርከብ ኣብ እግሪ እቲ እምባ ሳዕሪ መሬት፣ ብራኽ እናወሰኸ እንትኸይድ ድማ ዓይነት እቲ እፅዋት ናብ ዱር ይቕየር። ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኣድዋር ኣብ ክልተ ይምደቡ። ንሳቶም እውን ኣድዋር በረኸቲ ቦታታትን ኣድዋር መታሕትን እዮም። ኣድዋር በረኸቲ ቦታታት ኢትዮጵያ ከም ፅሕዲ፣ ኣውሊዕ፣ ታምቡኽን ዝመሳሰሉን ኣእዋም ይርከብዎም። ኣድዋር መታሕት ድማ ከም ሳግላ፣ ጭዓ፣ መቐር፣ መቒዕን ዝመሳሰሉን ይርከብዎም።



ስእሊ 3.1 ዱር

### ሳዕሪ መሬት

ሳዕሪ መሬት እንታይ እዩ? ኣበይ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከብ? ሳዕሪ መሬት መብዛሕትኡ ነዋሕቲ ሳዕሪ ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ድማ ኣእዋም ተሓዊሶም ዝርከብሉ ከባቢ እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሳዕሪ መሬት ዝርከብ ኦም ሰራው እዩ። ኣብ ታንዛኒያ ከባቢ ሰረንጌቲ፣ ክፋል ደቡባዊ ኡጋንዳ፣ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያን ኣብ ሱዳን ድማ መብዛሕትኡ ኣብ ሜዳን ዋልካን ዝኾነ ከባቢ ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ብዝቦቕሉ ኣእዋም ዝተሸፈኑ ሳዕሪ መሬት እዮም።



ስእሊ 3.2 ሳዕሪ መሬት

## እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምደረበዳን

እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን እንታይ እዩ? ኣበይ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከብ? እፅዋት ምድረ በዳ ሓልሓሊፎም ዝርኣዩ ከም ቆልቋል ዝበሉ ዓቛኽ እፅዋት ጥራሕ ዝርከቦ ከባቢ እዩ። እፅዋት ሓውሲ ምድረ በዳ ግና ደርቂ ዝፃወሩ ከም ቁልቋል፣ ቑጥቋጥን ሓፀርቲ ሳዕርን ዝርከቦ ከባቢ እዩ። ዝሰፍሐ እፅዋት ምድረበዳ ኣብ ሰሜናዊ ሱዳንን ገምገም ቀይሕ ባሕርን ይርከብ። እፅዋት ሓውሲ ምድረ በዳ ድማ ኣብ ስፊሕ ከባቢ ታንዛኒያ፣ ኬንያ፣ ምብራቕን ደበብዊ ምብራቕን ኢትዮጵያን ማእኸላይ ክፋል ሱዳንን ይርከብ። ንዞም ከባቢ ምደረበዳን ሓውሲ ምደረበዳን ኣቋሪፆም ኣብ ዝውሕዙ ገምገም ሩባታት ኣብነት ገምገም ሩባ ኣዋሽ፣ ዋቢ-ሸበሌ፣ ገናሌ፣ ጁባ፣ ዝበቑሉ ሩባ በቆል እፅዋት ተፈጥሮ ይርከቡ።



ስእሊ 3.3 እፅዋት ምድረበዳ



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ! በብጉጅለ ኮይንኩም ናይ ጣብያኹም ንድፊ ካርታ ሰኣሉ። ስኢልኩም ድማ ኣብ ውሽጢ ጣብያኹም ዝርከቡ ቐንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮን ዝርገሐኦምን ኣቐምጡ። ብምቕፃል ነቲ ንድፊ ካርታ ኣዕብይ ኣቢልኩም ብምስኣል ኣብ መንደቕ ክፍልኹም ስቐልዎ።

## ለ. እንስሳት ዘገዳም

ተምሃሮ! ኣብ 5ⁿ ክፍሊ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ዝምልከት ተማሂርኩም ኢ.ኹም። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ኣብ መብዛሕተን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከቡ እዮም። ብመሰረት እዚ.ይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም እንታይ እንታይ ትፈልጡ? ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሓት ዓይነት እንስሳት ዘገዳም ይርከቡ። ኣብነት ሓርማዝ፣ ኣንበሳ፣ ጉማሬ፣ ዓርዓር ነብሪ፣ ነብሪ፣ ዓጋዘን፣ ዝብኢ፣ ኣድጊ በረኻ፣ ዋልያ፣ ቡኳርያ፣ ህበይ፣ ዋዓግ፣ ማንትለ፣ ዘራፍ፣ ሚዳቛ ወዘተ ይርከቡ። ተፈጥሮኣዊ መንበሪ እንስሳት ዘገዳም እንታይ እዩ? መንበሪ እንስሳት ዘገዳም እፅዋት ተፈጥሮ እዩ። ኣብ ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ምብራቕ ኣፍሪካ ካብ ዝነብሩ እንስሳት ዘገዳም እንታይ እንታይ ትፈልጡ?

ኣብ ዱር ዝነብሩ ህበይ፣ ወዓግ ዝመሰሳሉን ኣብ ሳዕሪ መሬት ዝነብሩ ድማ ከም ኣንበሳን ሓርማዝን ዝበሉ እንትኾኑ ኣብ ሓውሲ ምድረበዳ ዝነብሩ ድማ ኣድጊ በረኻ፣ ቡኳርያ ማንትለ ዝመሳሰሉን እዮም። ገሊኦም እንስሳት ግን ካብ ሓደ ንላዕሊ መንበሪ ከባቢ ውሽጢ ዝርከብሉ ኩነታት ኣሎ። ንኣብነት ኣድጊ በረኻ፣ ቡኳርያ ኣብ ሳዕሪ መሬትን ሓውሲ ምድረበዳን ይርከቡ።

ኣብ ዱር ዝነብሩ መብዛሕትኦም እንስሳት ዘገዳም ኣናእሽተይን ኣብቲ ዱር እናተንጠላጠሉ ወይ እናተሽለኹለኹ ክንቀሳቐሱ ዝኽእሉ እንትኾኑ መብዛሕትኦም ዓበይቲ እንስሳት ዘገዳም ግና ኣብ ሳዕሪ መሬትን ሓውሲ ምድረበዳን ይነብሩ። ስለዚ እንስሳት ዘገዳም ዝለምዱን ዝዓብዩን ወይ ካዓ ህልውንኦም ዝረጋገፅ ምስ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ከባቢኦም ብምልምማድ እዮም።



### ንጥፈት

ኣብ ኡጋንዳ ኣብ ዱር ዝነብሩ፣

ኣብ ኬንያ ኣብ ሳዕሪ መሬት ዝነብሩ፣

ኣብ ሓውሲ ምደረበዳ ኢትዮጵያ ካብዝነብሩ እንስሳት ዘገዳም ኣብነታት ብምዝርዛር ንክፍሊ ፀብፃብ ኣቕርቡ።

## 3.1.2 ንዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ዝፀልዉ ምኽንያታት

ልዕል ክብል ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተፈላለዩ እፅዋት ተፈጥሮ ከምዝርከቡ ተማሂርኩም። ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝፀልዉ ምኽንያታት እንታይ እንታይ እዮም?

ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝፀልዉ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት እዮም። ንሳቶም እውን፡

- ኩነታት መጠንን ዝናብን ረስንን፣ ዓይነታት ሓመድ፣
- ሜላታት ንጥፈት ሕርሻ፣
- መንበሪ ገዛ ንምስራሕ ዝምደብ መሬት፣
- ሰብ ሰራሕን ተፈጥሮኣውን ባርዕ ሓዊ፣
- መስርሒ ናውቲ ሕርሻን ገዛን ከምኡውን ዕንፀይቲ፣ ፈሓምን ዝመሳሰሉን ንምርካብ ዝካየድ ብርሰት እፅዋት እዮም።

ስለዚ ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝፀልዉ ቀንዲ ምኽንያታት ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ምኽንያታት እዮም። ዝሓሸ መጠን ዝናብ፣ ልሙዕ ሓሙድን ትሑት ኢድ ኣእታውነት ወዲ ሰብን ኣብ ዘለዎ ከባቢ

ዝርግሓእፅዋት ይዓቢ። ሕፅረት ዝናብ፣ደርቅን ልዑል ኢ.ድ ኣዕታውነት ወዲሰብን ኣብ ዘለዎ ድማ ይንኪ።

ዝርግሐ እንስሳት ዘገዳም ምብራቕ ኣፍሪካ ዝፀልዉ ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ምኽንያት ከ እንታይ እንታይ እዮም?

ዝርግሐ እንስሳት ዘገዳም ካብ ዝፀልዉ ተፈጥሮኣዊ ምኽንያታት ሓደ ምውሳኽ ዋዒ ዓለም ዘስዕቦ ምዝባዕ ነባሪ ኣየር እዩ። ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ኣብ ብሄራዊ ፓርክታትን ከባቢኡን ድርቅን ባርዕ ሓውን ስለዝፈጥር እንስሳት ዘገዳም ይስደዱ፣ ይሞቱ፣ ቁፅሮም ተመናሚኑ ዝጠፍእሉ ብርኪ ይበፅሑ።

ዝርግሐ እንስሳት ዘገዳም ዝፀልዉ ሰብኣዊ ምኽንያታት ድማ ወዲሰብ ዘካይዶም ንጥፈታት እዮም። ወዲሰብ ናብቲ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ዝኾነ እፅዋት ጠ.ሒሱ ብምእታው እፅዋት የብርስ። እፅዋት እንተብርሱን ዘይሕጋዊ ሃደን እንትካየድን እንስሳት ዘገዳም ይስደዱ፣ይሞቱ፣ ቁፅሮም ይምናመንን ጨሪሶም ይጠፍኡን።

እንስሳት ዘገዳም ካብ ዘይሕጋዊ ሃደን ክሕለዉ ኣለዎም። ምኽንያቱ ድማ ተፈጥሮኣዊ ሓድግታት ዓለምን መስሕብ ዑደተኛታትን ፍለብዝኾኑ እዮ። ቱሪዝም ንኽምዕብልን እቶት ንኽዓብን ይጠቕሙ። ካብ ቱሪዝም ዝርከብ እቶት ተመሊሱ ንሓለዋ ክንክን እንስሳ ዘገዳም ኣስተዋፅኦ ይገብር።



## ንጥፈት

ዝፈልጡ ሰባት ብምጥያቕ ኣብ ከባቢኹም ይኹን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ምጥፍእ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ዘርዝሩ። ምኽንያቱ ብምፅናዕ ድማ ፀብፃብ ንክፍሊ ኣቕርቡ።

## መልመዲ 3.1

**ሀ. ትኽክል ንዝኾነ ሓቂ ልክዕ ንዘይኮነ ድማ ሓሶት እናበልኩም መልሱ።**

1. ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝጠቓለል ከባቢ እዩ።
2. ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ኣብ ኩለን ካልኦት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከቡ።
3. ዱር ምብራቕ ኣፍሪካ መብዛሕትኡ ብሳዕሪ ዝተሸፈነ ከባቢ እዩ።
4. ንጥፈት ወዲሰብ ኣብ ዝርገሐ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ፅልዋ ኣየሕድርን።
5. ሃለዋት እንስሳት ዘገዳም ምስ ዝረገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝተተሓሓዘ እዩ።

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፅታት ነቲ ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ።**

1. ኣብ ዝርገሐ እፅዋት ፅልዋ ዘሕድር ተፈጥሮኣዊ ምኽንያት ዘይኮነ።
   - ሀ. ዝናብ
   - ሐ. ንጥፈት ሕርሻ
   - ለ. ሓመድ
   - መ. ረሰኒ
2. ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ብስፍሓት ዝርከብ እፅዋት ተፈጥሮ
   - ሀ. እፅዋት ሳዕሪ መሬት
   - ሐ. እፅዋት ምድረ በዳ
   - ለ. እፅዋት ዱር
   - መ. እፅዋት በረኸቲ ቦታታት

3. እንስሳት ዘገዳም
   ሀ. መስሕብ ዑደተኛታት እዮም
   ሐ. ተፈጥሮኣዊ ሓድግታት እዮም
   ለ. ፍልፍል እቶት እዮም
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም
4. ኣብ ኢትዮጵያ እፅዋት ሓውሲ ምደረበዳ በስፍሓት ዝርከብ
   ሀ. ኣብ በረኸቲ ጐበታት ኢትዮጵያ
   ሐ. ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ
   ለ. ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ
   መ. ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ
5. ዝርገሓ እንስሳት ዘገዳም ዝፀሉ ሰብኣዊ ምኽንያት ኣየናይ እዩ?
   ሀ. ሃደን
   ለ. ድርቂ
   ሐ. ዝናብ
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሕፅር ዝበለን ትኽክለኛን መልሲ ሃቡ።

1. ዱር፣ ሳዕሪ መሬት፣ ምደረበዳን ሓውሲ ምደረበዳን እንታይ እዮም? ኣበይ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከቡ?
2. ኣብ ዝርገሓ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ፅልዋ ዘሕድሩ ቀንዲ ምኽንያታት እንታይ እንታይ እዮም? ብኸመይ?

## 3.2 ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባትን ምዝባዕ ከባብን ምብራቕ ኣፍሪካ



### ዕዮ ጉጅለ

ልዕል ክብል ዝርገሓ ሃፍቲ ተፈጥሮ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ምብራቕ ኣፍሪካ ተማሂርኩም ኣለኹም። እስቲ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ እንታይ ከምዝመስልን ብኸመይ ምዝባዕ ተፈጥሮ ከባቢ ከምዘስዕብን ኣብ ጉጅለኹም ተመያይጥኩም ንክፍሊ ኣቕርቡ?

ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ማለት ደቂ ሰባት ደሌቶም ንምምላእ ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘካይድዎ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘስዕብ ንጥፈት እዩ። ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝፍፀም እዩ።

ንኣብነት፡- በዝሒ ህዝቢ ሓደ ከባቢ እናወሰኸ እንትኸይድ ሃብቲ ተፈጥሮ ዘብርስ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት'ውን ብኡ መሰረት እናበዝሐ እዩ ዝኸይድ። ኣእዋምን ካልኦት ዓይነታት እፅዋትን-

- ሓዱሽ ዝሕረስ መሬት ንምርካብ ይቘረፁ፣
- ንህንፀት መንበሪ ኣባይቲ ዝኾን መሬት ንምርካብ ይቘረፁ
- ብስደት ንዝመፁ ሰባት መስፈሪ ቦታ ንምርካብ ተባሂሉ ለበዳ ይካየደሎም።
- ንሓዊ ዝኾን ዕንጨትን ፍሓምን ንምርካብ ይጭፍጨፉ።

ስለዚ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ መንቀሊኡ ውልቀ ደሌት ንምምላእ ዝግበር ጨፍጫፍን ብርሰትን እዩ። ብተወሳኺ ድማ ንሃፍቲ ተፈጥሮ ዘይምግዳስ እዩ። እዚ ድማ ምዝባዕ ከባቢ የስዕብ።



## ንጥፈት

**ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት በረኸቲ ቦታታት ኢትዮጵያ ብዱር ዝተሸፈነ ነይሩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ግን ኣብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ተወሲኑ ይርከብ። ምኽንያቱ ብምዕናዕ ፀብፃብ ንክፍሊ ኣቕሪብኩም ተመያየጥሉ።**

ተምሃሮ! ጨፍጫፍ እፅዋት እንታይ የስዕብ? እስቲ ተዘራረቡሉ?

እፅዋት ብምጭፍጫፍ ዝፍጠር ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮ ዝተፈላለዩ ፀገማት የስዕብ። ንሳቶም እውን

- እንስሳት ዘገዳም መንበሪኦም ይስእኑን ይስደዱን።
- ሓመድ እናተባሕጎገ ፍግረ መሬት ስለዝፍጠር ልሙዕነቱ ይንኪ።
- ካብ እፅዋት እናሃፈፈ ዝርከብ ዝናብ ኣዝዩ ስለዝንኪ ድርቂ ይፍጠር። ብሰንኪ ድርቂ ድማ ጥሜት፣ ስደትን ሞት ሰባትን እንስሳትን ይስዕብ።
- ከባቢ ኣየር ይዛባዕ።

ስለዚ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ልዕሊ ኩሎም ሃፍቲታት ተፈጥሮ ምዝባዕ ዝፈጥር መዕነዋይን ውጉዝን ተግባር እዩ።



## ንጥፈት

ተምሃሮ፣ በብ5 ተጐጂልኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ርእስታት ተመያየጡ። ናይ ሕድሕዲኦም መንቀልን ሳዕቤንን ብኣብነት እናደገፍኩም ንኽፍሊ ኣቕርቡ።

| | |
|---|---|
| ጉጅለ 1 | ድርቂ፣ |
| ጉጅለ 2 | ፍግረ መሬት፤ |
| ጉጅለ 3 | ብርሰት እፅዋት (ዱር)፣ |
| ጉጅለ 4 | ኣዝዩ ዝተጋሃፀ መሬት፣ |
| ጉጅለ 5 | ሕፅረት ማይ፣ ድርቂ፣ ጥምየትን ስደትን፣ |
| ጉጅለ 6 | ዝተጋሃፀ መሬትን ፍግረ መሬትን ካብ ኢትዮጵያን ኬንያን ከም ኣብነት ብምውሳድ ኣነፃፅሩ። |

## 3.3 ሜላታት ዕቀባ ማይን ሓመድን

ልዕል ክብል ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮን ብርሰት ሓመድን ምንካይ መጠን ዝናብ ከምዘስዕብ ተማሂርኩም። ብርሰት ሓመድን ማይን ምክልኻል ዝከኣል ዕቀባ ማይን ሓመድን ብምክያድ እዩ።

ሜላታት ዕቀባ ሓመድን ማይን እንታይ እንታይ እዮም? ኣብ ከባቢኹም ኣየናይ ዓይነት ሜላ ዕቀባ ሓመድን ማይን ይካየድ? ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ሃፍቲ ተፈጥሮ ብምኻድ ሓመድን ማይን ንምዕቃብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ተረዲእኹም ፀብፃብ ንኽፍሊ ኣቕርቡ?

ካብዞም ዝስዕቡ ስእልታት ኣግድም ምሕራስ፣ ግደባ፣ ግረባ ዘርእይ ኣየናይ እዩ?



ስእሊ 3.4 ሜላታት ዕቀባ ሓመድ

**ሓመድ ይኹን ማይ ህይወት ሰብን እንስሳትን ስለዝኾኑ ብዝግባእ ክንከናኸኖምን ክንዕቅቦምን ኣለና።**



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ! ብጉጅለ ኮይንኩም ኣብዚ ዝስዕብ ኣገባብ ዐቀባ ሃፍቲ ተፈጥሮ ምይይጥ ኣካይዱ። ካብቶም ቀንዲ ኣገባባት ዕቀባ ሓመድን ማይን እዞም ኣብ ትሕቲ “ሀ” ዝተዘርዘሩ ይርከቡዎም። ድሕሪ ምይይጥኩም ነቶም ኣብ ትሕቲ ሀ ዘለዉ ምስቶም ኣብ ትሕቲ “ለ” ዘለዉ ብምግናዝብ ኣዛምድዎም።

| ሀ | | ለ | |
|---|---|---|---|
| 1. | ግረባ | ሀ. | እፅዋት ተፈጥሮ እንትቑረፁ መተካእታ ተኽሊ ምትካል ሱር እቲ ተኽሊ ንሓመድ ብስሩ ሓቑፍ ምሓዝ ፍግረ መሬት ክንኪ ይገብር |
| 2. | ዳግመ ግረባ | ለ. | ኣብ ግድሚ ዝኾነ ከባቢ ንጋድም ምሕራስ ሓይሊ ወሕጅ ብምችናስ ፍግረ መሬት ክንኪ ይገብር |
| 3. | ዱር ሕርሻ | ሐ. | ኣብ ክንዲ ኬሚካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ድኹዒ ብስባስሰ ዓኾር እንስሳትን እፅዋትን ምጥቃም ልሙዕነት ሓመድ ክውስኽ ይገብር |
| 4. | ግደባ | መ. | ካብ መፈለምትኡ እፅዋት ተፈጥሮ ኣብ ዘይነበሮ ብወሕጅ ዝጥቃዕ ከባቢ ተኽሊ ምትካል ፍግረ መሬት ክንኪ ይገብር |
| 5. | ኣግዳም ምሕራስ | ሰ. | ኣብ ሓደ ግራት በብዓመቱ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዘራእቲ እናለዋወጥካ ምዝራእ ልሙዕነት ሓመድ ክውስኽ ይገብር |
| 6. | ኣባሪኻ ምዝራእ | ረ. | ኣብ ዙርያ እምባታትን ጎቦታትን ዛላታት ምስራሕ ሓመድ ተሸርሺሩ ከይኸይድን ማይ ናብ ውሽጢ መሬት ሰሪፁ ክኣቱን ይገብር |
| 7. | ምንካይ ኬሚካዊ | ቀ. | ንኢንዱስትሪ ጥረ-ኣቕሓ ዝወፅሉ ኣድዋራት ድኹዕ ምጥቃም ምትካልን ምልማዕን ንሓመድ ብሱሮምድኹዒ ተፈጥሮ ሓቑፎም ብምሓዝ ፍግረ መሬት ይንኪ |

## ሃፍቲ ማይ

ተምሃሮ ማይ ህይወት እዩ ዝበሃል ንምንታይ እዩ? ብፍላይ ንመስተን ምግብን ንጥቀመሉ ማይ ምስ ህይወትና ዝተተሓሓዘ ስለዝኾነ ፅሬቱ ዝተሓለወ ክኸውን ኣለዎ። ሜላታት ሓለዋ ፅሬት ማይ እንታይን እንታይን እዮም?

ፅሬት ማይ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ምሕላው ይካኣል። ንሳቶም እውን


- ብምፅራይ፣
- ብኽለትታት ብምንካይን
- ፅሬት ፍልፍላትን ዒላታትን ብምሕላውን እዮም።

### 1. ምፅሬይ ማይ

ምፅራይ ማይ እንታይ እዩ? ብኸመይ ይትግበር?

ምፅራይ ማይ እቲ ማይ ካብ ረሳሕ ነገራትን ታህዋስያን ነፃ ክኸውን ምግባር እዩ።

- ማይ ንምፅራይ ዘድልዩ ነገራት
    - መፃረይ ማይ
    - ሐፃ
    - ደቂቕ ፀፀር
    - ፍሩይ ፀፀር
    - ጡጥ




ስእሊ 3.5 ምፅራይ ማይ

↳ ኣገባብ ምፅራይ ማይ

ዘይተፃረየ ማይ ኣብ ልዕሊ እቲ ጡዋ እንትግበር ዓበይቲ ዝኾኑ ረሳሕ ነገራት ኣብ ልዕሊ እቲ ጡዋ ይተረፉ። በቲ ጡዋ ዝሓለፉ ረሳሕ ነገራት ብቐደም ሰዓብ በቲ ፍሩይ ፀፀር፣ ደቒቕ ፀፀር፣ ሑፃን ናይ መጨረሻ ጡዋን ደረጃ ብደረጃ ብምሕላፍ ማይ ይፃረይ።

## 2. ምንካይ ብኽለታት ማይ

ብኽለታት ማይ እንታይ እዮም? ማይ ብኸመይ ካብ ብኽለታት ምፅራይ ይከኣል?

ብመፃረይ ዘይተፃረየ ማይ ብዓይንና ክንሪኦ ፅሩይ ዝመስል ማይ ዝተፈላለዩ ተህዋስያንን ጀርምታትን ክህልውዎ ይኽእል እዩ። ጀርምታት ሕማም ዘስዕቡ ብዓይንና ክንሪኦም ዘይንኽእል ሂወታውያን እዮም። ጀርምታት በከልቲ ማይ እዮም። ማይ ብምፍላሕን ኬሚካል ብምውሳኽን ካብ ብኽለታት ምፅራይ ይከኣል።

ምፍላሕ ማይ፡- ጀርምታት ካብቲ ማይ ንምጥፍእ እቲ ማይ ን20 ደቒቓ ዝኣክል ክፈልሕ ኣለዎ።

ኬሚካል ምውሳኽ፡- ፅሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ጀርምታት ዝቐትሉ ኬሚካላት ብምውሳኽ ምፅራይ ይካኣል። ንኣብነት ክሎሪን ዝበሃል ኬሚካል ብምውሳኽ ማይ ፅሩይ ክኸውን ይግበር።ተማሃሮ ኣብ ከባቢኹም ዉሃ-ኣጋር ዝበሃል መፃረይ ኬሚካል ኣሎ ዶ?

## 3. ምሕላው ፅሬት ዓይኒ-ማይን (ፍልፍላት) ዒላታትን

ዓይኒ-ማይን (ፍልፍላት) ዒላታትን  እንታይ እዮም? ብኸመይ ፅሬቶም ይሕሎ?


ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ህዝቢ ማይ ካብ ምንታይ ይጥቀም? ፅሬቱ ንምሕላውከ እንታይ ንጥፈታት ይካየዱ? ተመያይጥኩም ኣብ ሓደ መደምደምታ ንምብፃሕ ፈትኑ።

ዓይኒ ማይ (ፍልፍል) ካብ መሬት ፈልፊሉ ዝውሕዝ ፅሩይ ማይ እዩ። ስለዚ ፍልፍል ማይ ብእንስሳት እናተረገፀ ከይበላሾ ክሕፀር ኣለዎ። ሰባትን እንስሳትን ዝስተዩሉ ዝተፈለየ ቦታ ክህሉ ኣለዎ። ማይ ዒላ ካብ መሬት ተኳዒቱ ዝወፅእ ማይ እዩ። ማይ ዒላ ብግቡእ እንተተታሒዙ ፅሩይ እዩ። ማይ ዒላ ፅሬቱ ንምሕላውን ንኸይብከልን ካብቲ ሽቓቕ ዘለዎ ቦታ ኣስታት 25 ሜትሮ ሪሑቑ ክኳዓት ኣለዎ። ማይ ዒላ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ሽቓቕ ድማ ኣብ ትሕት ዝበለ ቦታ ክስርሑ ኣለዎም። ዙርያ ማይ ዒላ ካብ መሬት ልዕል ኢሉ ክንደቕ ኣለዎ። መኽደን ክግበረሉን ክሕፀርን ኣለዎ።

# 3.4 ብሄራዊ ፓርክታትን ረብሐኦምን ኣብ ኢትዮጵያን ምብራቕ ኣፍሪካን

### ፓርክታት እንታይ እዮም?

ኣብ 5ይ ክፍሊ እፅዋት ተፈጥሮ መንበሪ እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ምዃኖም ተማሂርኩም ኢኹም። እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ዝዕቆብሎም እፅዋት ተፈጥሮ ጉቦታት፣ ቃላያትን ዝመሰሳሉን ፓርክ ይባሃሉ። ኣብ ኢትዮጵያ ኮነ ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሓት ፓርክታት ኣለዉ። ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝርከቡ ብሄራዊ ፓርክታት ንመን ትፈልጡ? ኣበይ ክልል ይርከቡ?




ካርታ 3.2 ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ

ተምሃሮ! ካርታ 3.2 ተጠቒምኩም ኣብዚ ቐጺሉ ቐሪቡ ዘሎ ሰደቓ ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያን ዝርከብሉ ክልልን ኣቐምጡ።

| ስም ብሄራዊ ፓርክ | ዝርከበሉ ክልል |
|---|---|
| | |
| | |
| | |
| | |
| | |
| | |
| | |

ሰደቓ 3.1 ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ

ፓርክታት ኣብ ውሽጦም ዝተፈላለዩ እንስሳት ዘገዳም፣ ኣዕዋፍን እፅዋት ተፈጥሮን ሓቑፎም ዝሓዙ እዮም። ስለዝኾነ መስሕብ ዑድተኛታት፣ ፍልፍል እቶትን ንምዕባለ ቱሪዝም ዝጠቕሙን እዮም። ካልእ ረብሓ ፓርክ እንታይ እንታይ ትፈልጡ?

ኣብ ኢትዮጵያ ኮነ ኣብ ካልኦት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከቡ ፓርክታት ካብዞም ዝተጠቐሱ ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለዎም።

1. *መዕቆቢ፡-* ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም፣ ኣዕዋፍን እፅዋት ተፈጥሮን ካብ ኢድ ኣእታውነት ወዲሰብ ዝስዕብ ብርሰት ንምክልኻል ይጠቕሙ፣
2. *ንምርምር፡-* ኣብቲ ፓርክ ዝርከቡ እፅዋት እንስሳት ዘገዳምን ብምጥቃም ምርምር መድሓኒት ንምክያድ ርክብ ዓይነት እፅዋት እንስሳት ዘገዳምን ነባሪ ኣየርን እቲ ከባቢ ንምፅናዕ ይጠቕሙ።
3. *ንሓድጊ፡-* ኣብቲ ፓርክ ጥራሕ ዝርከቡ ብርቂ እንስሳትን እፅዋት ተፈጥሮን ብምልላይ ከም ሓድጊ ንምክንኻን ዓለምለሽ ኣፍልጦ ክርኽቡ ንምግባርን ይጠቕሙ።

ልዕል ክብል ከመዝተማሃርኩምዎን ኣብ ካርታ 3.2 ከምዝረኣኹምዎን ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ሸሞንተ ቐንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ኣለዉ። ኣብ ካልኦት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዝርከቡ ብሄራዊ ፓርክታትከ ንመን ንመን ትፈልጡ?

ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሓት ፓርክታት ኣለዉ። ከም ኣብነት ዝጥቀሱ..

ኣብ ኬንያ ማሳይ ማራ፣ ኖኩሩ፣ ኣምቦሲል፣ ቱርካና፣ ሳቮ፣ ጐቦ ኬንያ
ኣብ ታንዛኒያ ድማ ሰረንጀቲ፣ ንጎሮንጎሮ፣
ኣብ ኡጋንዳ ንግስቲ ኤልሳቤጥ፣
ኣብ ብሩንዲ፣ ሙርቺዚዘን፣
ኣብ ሩዋንዳ ቪሩናጋ እዮም።

ቀንዲ ዕላማ ብሄራዊ ፓርክታት ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ ተፈጥሮ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ካብ ጥፍኣትን ብርሰትን ብምዕቃብ ንረብሓ ሃገር ምውዓል እዩ። እዚ ንኸፍጠር ድማ ጥንኩር ዝኾነ ሓለዋ እንስሳትን መንበሪኦም እንትህሉ እዩ። ተምሃሮ ካብ ብሄራዊ ፓርክታት ምብራቕ ኣፍሪካ ዕዉት ዝኾነ ታሪኽ ዘለዎም ፓርክታት መን መን ትፈልጡ?

ኣብ ኬንያ ዝርከብ ማሳይ ማራ ብሄራዊ ፓርክ ምስቶም ዝለዓለ ተፈላጥነት ዘለዎም 10 ፓርክታት ኣፍሪካ ዝስራዕ እዩ። ጥንኩር ዝኾነ ሓለዋ እንስሳት ዘገዳምን መንበሪኦምን ዝካየደሉ ፓርክ እዩ። በዚ ምኽንያት ብፍላይ ካብ ሓምለ ክሳብ ጥቅምቲ ኣብ ዘለዉ ኣዋርሕ ብዘድንቕ ኩነታት ብሚሊዮን ዝቑፀሩ ከም ዓጋዘንን ዝመሳሰሉን ዓበይቲ እንስሳት ዘገዳም ዝንቀሳቐስሉ ፓርክ እዩ። ብተወሳኺ "ሓሙሽተ ዓበይቲ" ካብ ዝባሃሉ እንስሳት ዘገዳም ገሊኦም ኣብ ማሳይመራ ብሄራዊ ፓርክ ይርከቡ። እዚ "ሓሙሽተ ዓበይቲ" ዝብል ስያመ ዝተውሃቦም ንኽትሃድኖምን ክትሽከሞምን ብዘለዎም ኣፀጋምነት ብሃደንቲ ዝተዋህበ ስያመ እዩ። ተምሃሮ "ሓሙሽተ ዓበይቲ" ዝበሃሉ እንስሳት ዘገዳም መን መን እዮም? እስቲ ነዚ ስእሊ ብምርኣይ ሓርማዝ፣ ነብሪ፣ ኣውራሪስ፣ ጉማረን ኣንበሳን ኣለልዩ?



ስእሊ 3.3 ሓሙሽተ ዓበይቲ እንስሳት ዘገዳም

ብዞም ልዕል ክብል ዝተገልፁ ምኽንያት ብሂራዊ ፓርክ ማሳይመራ በብዓመቱ ብኣሽሓት ዝቆፀሩ ዑደተኛታት ዑደት ዘካይድሉን ዝለዓለ እቶት ዝርከበሉን ዕዉት ታሪኽ ዘለዎ ብሂራዊ ፓርክ እዩ።ካብ ብሂራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ዕዉት ታሪኽ- ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ዘለዎ ኣየናይ እዩ? ፓርክታት ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ዓይነት እንስሳት ዘገዳም ካብ ጥፍኣት ዓቂቦም ይርከቡ። ብፍላይ ኣብ ሰሜን ብሂራዊ ፓርክ ጭላዳ፣ ቀይሕ ቡኻርያን ዋልያን ኣብ ባሌ ብሂራዊ ፓርክ ድማ ኒያላ ዝብሃሉ ኣብ ሃገርና ጥራሕ እምበር ኣብ ዝኾነ ካልእ ሃገር ዘይርከቡ ብርቂ እንስሳት ዘገዳም ተዓቂቦምሎም ይርከቡ። እዞም ብርቂ እንስሳት ንምርኣይ ካብ ዝመፁ ዑደተኛታት ሃገርና እቶት ትረክብ። ስለዚ ፓርክታት ሰሜንን ባሌን እዞም ብርቂ እንስሳትና ዓቂቦም ብምፅንሖም ዕዉት ታሪኽ ዘለዎም እዮም።

## መጠቓለሊ

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ይርከቡ። ብሓፈሻ እንትረአዩ ድማ ኣብ ሰለስተ ይምደቡ። ንሳቶም ድማ ዱር (ደኒ)፣ ሳዕሪ መሬትን ከምኡ'ውን እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን እዮም። ዱር ብፃዕቒ ኣእዋም ተሸፊኑ ዝርከብ ከባቢ'ዩ። ኣድዋር በረኽቲ ቦታታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ከባቢ ገማግም ቃላይ ቪክቶርያ፣ በረኽቲ ቦታታት ምብራቕን ምዕራብን ኢትዮጵያን በረኽቲ ቦታታት ደቡብ ሱዳንን ይርከቡ። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ከም ሳግላ፣ ጫዓ፣ መቐር፣ መቒዕን ዝመሳሰሉን ኣድዋራት መታሕት'ውን ይበቕሉ እዮም።

መብዛሕትኡ ምብራቕ ኣፍሪካ ብሳዕሪ ዝተሸፈነ እዩ። ሳዕሪ መሬት ዝበሃል መብዛሕትኡ ብሳዕሪ ዝተሸፈነ ኮይኑ ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ኣእዋም ዝርከቡሉ እዩ። ዕፀዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ድርቂ ብዝፃወሩ ዓሻኽ እፅዋት ጥራይ ዝበቕለሉ እዩ። ከም ቁልቋል፣ ቁጥቋጥን ሓፀርቲ ሳዕርን ጥራይ እዮም ዝበቕሉ። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝሰፍሐ እፅዋት ምድረበዳ ኣብ ሰሜናዊ ሱዳንን ገማግም ቀይሕ ባሕርን ይርከቡ። እፅዋት ሓውሲ ምድረበዳ ድማ ኣብ ከባቢ ታንዛንያ፣ ኬንያ፣ ጂቡቲ፣ምብራቕን ደቡባዊ ምብራቕን ኢትዮጵያን ማእኸላይ ሱዳንን ይርከቡ።

ምብራቕ ኣፍሪካ ብብዙሓት ዓይነታት እንስሳት ዘገዳም ዝተዓደለ ከባቢ እዩ። ንኣብነት ሓርማዝ፣ ኣንበሳ፣ ጉማሬ፣ ዓርዓር ነብሪ፣ ዓጋዘን፣ ዝብዒ፣ ኣድጊ በረኻ፣ ዜብራ፣ ዋልያ፣ ቡኻርያ፣ ህበይ፣ ዋዓግ፣ ማንቲለ፣ ዘራፍ፣ ሚዳቕ ወዘተ ይርከብዎም።

መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ብቐንዱ እፅዋት ተፈጥሮ እዩ። ስለዚ እፅዋት ተፈጥሮ ብኢድ -ኣእታውነት ደቂ ሰባት እንተበሪሶም እንስሳት ዘገዳም ኣይህልዉን ማለት እዩ። ኢድ -ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ማለት ደቂ ሰባት ድሌቶም ንምምላእ ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘካይድዎ ብርሰት ማለት'ዩ። ደቂ ሰባት ሓዱሽ ዝሕረስ መሬት ንምርካብ፣ ንመስርሒ ህንፀት ኣባይቲ፣ ንሓዊ ዝኾን ዕንጨይትን ፈሓምን ንምርካብ ለበዳ የካይዱን እፅዋት ይቖርፁን። እዚ ጨፍጫፍን ብርሰትን እፅዋት ተፈጥሮ ድማ ብግዲኡ ምዝባዕ ከባቢ የስዕብ። ምዝባዕ ከባቢ እንትኽሰት ድማ እንስሳት ዘገዳም ይስደዱን ይሞቱን፣ ሓመድ ብፍግረ-መሬት እናተሸርሸረ ልሙዕነቱ ይንኪ፣ ዝናብ ይንኪ፣ ድርቂ ይኽሰት፣ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰባት ጥሜት፣ ስደትን ሞትን የስዕብ።

ከምዚ ዓይነት ምዝባዕ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ንኽይክሰት ደቂ ሰባት ብዝተፈላለዩ ሜላታት ብርሰት እፅዋት ክከላኸሉ፣ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከካይዱ፣ ብኽለት ማይ ክከላኸሉን ብዕሬትን በቑጠባን ክጥቀሙን፣ ከምኡ'ውን እንስሳት ዘገዳም ዝዕቀቡሎም ብሄራዊ ፓርክታት ከማብሉን ይግባእ።

## ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ዱር | ብዕፁቕ ኣእዋም ዝተሸፈነ ቦታ። |
| 2 | ቱሪስት | መንፈሱ ንምህዳስ ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ወይድማ ቦታታት ብምዝውዋር ዑደት ዘካይድ ሰብ። |
| 3 | ምድረበዳ | ዓመታዊ መጠን ዝናቡ ትሕቲ 250 ሚሊሜትር ዝኾነን ዝባደመ ቦታ። |
| 4 | ዳግመ ግረባ | ተኽልታት ኣፍሊስካ ዳግም ብምትካል ንዝተቖረፁ ኣእዋማት ምትካእ። |
| 5 | ብሄራዊ ፓርክ | እንስሳት ዘገዳም ዝዕቀቡሉ ሰፊሕ ዝተኸለለ ቦታ። |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም 'ሓቒ' ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ 'ሓሶት / ጌጋ' ብምባል መልሱ።**

1. ምዝባዕ ከባቢ ካብ ዘስዕቦም ሓደ ስደት እንስሳት እዩ።
2. ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ዝረጋገፅ ሓለዋ መንበሪኦም እንትረጋገፅ ጥራሕ እዩ።
3. ብመፃረይ ማይ ዝተፃረየ ማይ ካብ ብክለት ነፃ እዩ።
4. ኣብ ሓደ ግራት በብዓመቱ ዝተፈላለዩ ዘርእታት እናለዋወጥካ ምዝራእ ልሙዕነት ሓመድ ይሕሉ።
5. ማይ ዒላ ካብ ማይ ምንጪ ዝፀረየ እዩ።

**ለ. ንሕድሕድ ሕቶ ካብ ዝቐረቡ መማረፅትታት ነቲ ዝበለፀ ቅኑዕን ትኽክለኛን ዝኾነ መልሲ ምረፁ።**

1. ሜላ ዕቀባ ሓመድ ዘይኮነ
   - ሀ. ግረባ
   - ለ. ግደባ
   - ሐ. ኣግድም ምሕራስ
   - መ. ቁልቁል ምሕራስ
2. ብርሰት እፅዋት እንታይ የስዕብ
   - ሀ. ልሙዕነት ሓመድ
   - ለ. ፍግረ መሬት
   - ሐ. ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ
   - መ. ልምዓት ከባቢ
3. ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከብ ብርቒ እንስሳ ዘገዳም
   - ሀ. ሓርማዝ
   - ለ. ዝብኢ
   - ሐ. ዋልያ
   - መ. ዓጋዘን
4. ኢድ ኣእታውነት ወዲሰብ ዘይኮነ ምዝባዕ ከባቢ ዘስዕብ ኣየናይ እዩ?
   - ሀ. ምንቅጥቃጥ መሬት ዝፈጥሮ ብርሰት
   - ለ. ንመንበሪ ኣባይቲ ዝኾን መሬት ንምርካብ ምቁራፅ ኣድዋር
   - ሐ. ዝሕረስ መሬት ንምርካብ ዝካየድ ለበዳ ዱር
   - መ. ንሓዊ ዝኸውን ዕንጨይቲ ንምርካብ ዝካየድ ብርሰት
5. ማሳይማራ ኣበይ ዝርከብ ፍሉጥ ብሄራዊ ፓርክ እዩ?
   - ሀ. ኢትዮጵያ
   - ለ. ኡጋንዳ
   - ሐ. ኬንያ
   - መ. ታንዛኒያ

6. ማይ ንምፅራይ ኣብ መፃረይ ማይ እንጥቀመሎም ነገራት ትኽክለኛ ኣቀማምጥኦም ብቕደም ሰዓብ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ

ሀ. ጡጥ → ሑፃ → ፍሩይ ፀፀር → ደቂቕ ፀፀር → ጡጥ

ለ. ጡጥ → ሑፃ → ደቂቕ ፀፀር → ፍሩይ ፀፀር → ጡጥ

ሐ. ጡጥ → ደቂቕ ፀፀር → ሑፃ → ደቂቕ ፀፀር → ጡጥ

መ. ጡጥ → ፍሩይ ፀፀር → ደቒቕ ፀፀር → ሑፃ → ጡጥ

7. ኒያላ ዝርከበሉ ፓርክ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ኣዋሽ ፓርክ

ለ. ሰሜን ፓርክ

ሐ. ባሌ ፓርክ

መ. ነጭሳር

8. ሜላ ሓለዋ ፅሬት ማይ ዘይኮነ

ሀ. ምፅራይ ማይ

ሐ. ምንካይ ብክልትታት ማይ

ለ. ምግዳብ ማይ

መ. ምሕላው ፅሬት ዒላታት

9. ረብሓ ብሄራዊ ፓርክ

ሀ. እንስሳትን እፅዋትን ንምፅቃብ

ለ. ሓድግታት እፅዋትን እንስሳትን ንምክንኻን

ሐ. ምርምር ንምክያድ

መ. ኩሎም መልሲ እዮም

10. ሳዕቤን ብርሰት እፅዋት ዘይኮነ

ሀ. ጥሜት

ለ. ስደት

ሐ. ዕብየት

መ. ሞት

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ውራያት ህዝቢ



## ውፅኢት እዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም:

- ምትሕብባር ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ረብሓ ተረድኡ።
- ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስዝተትሓዙ ወገናትን ስድርኦምን ከመይ ተሳኒካ ምንባርን ምምሃርን ከምዝከኣል ኣዎንታዊ ኣረኣእያ ተማዕብሉ።
- ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ትንቀሳቐሱ፣ ተድህቡ።
- ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት ህዝቢ ዘለዉ ፀገማት ትዝርዝሩ።
- መሰል ህፃናት ኣብ ቤት ትምህርቶም ከመይ ይትግበር ከምዘሎ ተረድኡ።
- ምግሃስ መሰል ህፃናትን መምስጢ (መከላኸሊ) ሜላታትን ብዝምልከት ኣብነታት ትህቡ።
- ንኡስ ከባብያዊ ውድባትን ኣባል ሃገራትን የስልዩን ዕላማታት ኣጋርነት ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ ተብርሁ።
- ኣህጉራዊ ትካላት ፈልዮም ይፈልጥወን፣ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝተርአዩ ትገልፁ።

## ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ተማዕብሉ፣ ትውንኑ።

- ረብሓ ሕብረት ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ተረድኡ።
- ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስዝተትሓዙ ሰባትን ስድረኦምን ንምምሃርን ንምንባርን ዝንባለ ተማዕብሉ።
- ንሓላፍነት ዜጋታት ይድግፉ፣ ኣድልዎን ምግላልን የወግዱ፣ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነብን ስድረኦምን ይከናኸኑን ትድግፉን።
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተፈጥሯውን ማሕበረሰባውን ከባብታት ምብራቕ ኣፍሪካ ተብርሁ።
- መግለፂ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ኣብ ኢትዮጵያ ተብርሁ።
- ካብ ምግሃስ መሰላት ህፃናት መምስጢ ሜላታት ትትግብሩ።
- ሓደጋ ንምውጋድ ስጉምትታት ደሕንነት ትትግብሩ።
- ንኡስ ከባብያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ ትገልፁ።
- ጂኦግራፊያዊ ሽፋን ንኡስ ከባብያዊ ውድባት ምብራቕ ኣፍሪካ ተመልክቱ።
- ሽቶታት ሕድሕድ ውድብ ኣጋርነት ትፈልዩ።
- ኣድላይነት ሽቶታት ኣጋርነት ትገልፁ።

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ ዝድህስስ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት ክትመያየጡን እናሓተትኩም ክትመሃሩን ትፅቢት ይግበር። ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ አዐርዩ ዝጠቕሞም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። ስለዚ ሕድሕዲኡ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቅኩም ክትርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ። ስለዚ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክትመሃሩ ኢኹም። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ትምሃርዎም ኣርእስትታት ብዛዕባ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ክህልዉ'ዮም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ብዋናነት ጠመተ ዝተገበረሎም ቀንዲ ኣርእስትታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡ።

ስለዚ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ጉዳያት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ቕልጡፍ ዕብየት ህዝቢ፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን ምስዚኦም ዝተኣሳሰሩ ዓበይቲ ቁምነገራት ክትመሃሩ ኢኹም።

## 4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት

ተምሃሮ ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብሉ? ንሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘጋጥሞም ምግላልን ምፅያፍን እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ንሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ክወሃብ ዝግብኦ ድጋፍን ክንክንን ከ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብሉ? ንሕሙማት ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ሕብረተሰብ እንታይ ዜግነታዊ ሓላፍነት ክወስድ ኣለዎ ትብሉ? ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ጥዕናውን ማሕበራውን ፀገም ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? ነዞም ሕቶታት ምምላስ ብዛዕባ ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ክትግንዘቡ ይሕግዘኩም።

➲ ብምትሕብባር ማሕበረሰብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዜግነታዊ ሓላፍነት ምውሳድ እዩ። ካብዚኦም ውሽጢ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ክልተ ስጉምትታት እንትንወስድ

1. ኣድልዎን ምግላልን ምውጋድ
2. ክንክንን ደገፍን ምሃብ ዝብሉ ይርከብዎም።

### 4.1.1 ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምትሕብባር ማሕበረሰብ ዝህልዎ ዜግነታዊ ሓላፍነት



**ዕዮ ጉጅለ**

ተምሃሮ ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተምሃርኩምዎ እንታይ ትዝክሩ? መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኣመልኪቱ ኣብ ገፅ 134 - 136 ዝተገለፀ ኣብ ቤተ መፅሓፍ ቤት ትምህርትኹም ኸይድኩም እስኪ ኣንብቡ። ጠመተ ዝተገበረሎም ኣንፈታት፣

ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂታት (ሜላታት) ኣፈፃፅማ ብዝምልከት ኣብዚ ትልሚ ዝተፅሓፈ ተመያየጡሉ። ነዚ ፅሑፍ'ዚ ትልሚ መሰረት ብምግባር ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከብ ትካል ጣብያ ጥዕና ከይድኩም መብርሂ ኣምፅኡ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንስሉጥን ቅልጡፍን ዕብየት ሃገር ከምኡ'ውን ድኽነት ንምንካይ ንዝግበር ፃዕሪ ዝፈታተንን ዓንቃፋይን'ዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት ንምንታይ'ዩ? መልስኹም ብፅሑፍ ተዳልዩ ናብ ክፍሊ ብምቕራብ ተመያየጡሉ።

## ሀ. ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

ተምሃሮ ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተምሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ብዝተኣሳሰረ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝርአይ ሓደገኛ ፀገም ምግላልን ምፅያፍን እዩ። ምግላልን ምፅያፍን እንትበሃል ነቲ ዝሓመመ ከም ሓጢኣተኛ ገይርካ ብምርኣይ ከምኡ'ውን መመሓላለፊ መንገዲ'ቲ ሕማም ካብ ዘይምርዳእ ነቶም ሕሙማት ዝግበር መድልዎን ግፍዕን እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብ ብሰንኪ ኣብቲ ሕማም ዘሎ ግጉይ ኣረዳድኣ ዝፈጠሮ መበገሲ ምኽንያት ኣብቶም እቲ ቫይረስ ዘለዎም ሰባት ብስነ ኣእምሮ ፀቕጢ ይፈጥሩሎም። ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ዝተዛብዐ ኣረዳድኣ ዝተበገሰ ኾይኑ ዓርሱ ዝኸኣለ ምኽንያት'ውን ኣለዎ። ካብዚኦም ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ብዋናነት ይጥቀሱ፤

- ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ቁጠዐ ኣምላኽ ዝመፀ ተገይሩ ስለዝውሰድን ከም መርገም ስለዝሕሰብን በዚ መንገዲ እቲ ሕሙም ከም ሓጢኣተኛ ብምኹናን፣
- እቲ ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ሰሪሑ ክበልዕ ኣይኽእልን ዝብል ግጉይ ኣረዳድኣ ነቲ ሕሙም ዋጋ ዘይብሉ ገይርካ ምርኣይ፣
- መመሓላለፊ መንገዲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዘይምፍላጥ እቲ ሕማም ክሓልፈና ይኽእል'ዩ ኢሎም ክቐርብዎም ዘይምድላይን ምፍንፋንን
- እቲ ሕሙም'ውን ካብ ናይ ባዕሉ ገምጋም ተበጊሱ ይፀልኡኒ'ዮም ኢሉ ብምሕሳብ ካብ መሳርሕቱን ጎረባብቱን ምህዳም ዝብሉ'ዮም።

ስለዝኾነ ኣብ ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘጋጥም ምግላልን ምፅያፍን ብዝተፈላለየ መልክዑ ዝርአይ እንትኾን እቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ መግለፅታት ካብዚ ንታሕቲ ቐሪቦም ኣለዉ።

1. **ብስድራ ዝርአይ ምግላልን ምፅያፍን፤** እዚ መግለፂኡን ብኣብዝሓ እቲ ስድራ ነቲ ዝሓመመ ሰብ ብኻልኦት ማለት ብጎረቤት፣ መሳርሕቱ ወዘተ ንኸይረአ ዝግበር ከለላ'ዩ። እዚ ዝግበረሉ መንገዲ ድማ በቲ ሕብረተሰብ ኣዋሪዱናን ኣፀሪፉናን ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ እንትኾን እዚ ድማ እቲ ሕሙም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ናብ ዝገደደ ናይ ስነ ኣእምሮ ፀገም ከምዘውድቖ ይእመን። ስለዚ ንሰላምታ እግዚሄር ምትፍናን፣ ሓቢርካ ምብላዕን ምስታይን ዘይምድላይ፣ ምፅያፍ፣ ናውቲ ብሓባር ዘይምጥቃምን ሓቢርካ ምኽያድ'ውን ዘይምድላይን፣ ፍርሕን ስግኣትን ዝወለድዎም ምርሓቕን ምግላልን ይርአዩ።

2. **ኣብ ስራሕ ቦታ ዝርአይ ምግላልን ምፅያፍን፤** ኣብዚ ዘሎ ምግላል ካብ ስድራ ብዝተፈለየ መልክዑ ዝግለፅ ኮይኑ ብኣብዝሓ ግና እቶም መሳርሕትኡ ይኹኑ ሓለፍቲ ዝተውሃቦ ስራሕ ንምፍፃም ዘኽእል ዓቕሚ የብሉን ካብ ዝብል ኣረዳድኣ ስለዘናእስዎን ናብ ስራሕ ስለዘየዋፍርዎን ካብቶም መሳርሕቱ ክግለልን ክሕባእን ይገብሮ። ብተወሳኺ እቲ ሕማም ከይሓልፍ ብምሕሳብ ካብቲ እዚ ቫይረስ ዘለዎም ሰባት ንምህዳም ብተደጋጋሚ ዝረአይ ሰራሕተኛታት ክጠቓቀሱሉ ስለዝኽእሉ ይግለል። ይሃድም፣ ይሕባእ።

3. **ኣብ ማሕበረሰብ ዝርአይ ምግላልን ምፅያፍን፣** ኣብዚ እቲ ተግባር ብዝተፈላለዩ ኣግባባት ብስፍሓት ዝንፀባረቕ እንትኾን ካብቶም መግለፂታት ዝተወሰኑ ነዚ ይመስሉ።

   - ካብ ዝተኻረዮ ገዛ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምፍጣር ክወፅእን ካሊእ ዝካረ ገዛ ከይረክብን ምግባር፣
   - ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ርክባት ንኸይሳተፍ ኮነ ኢልካ ምግዳፍን (ምፍላይን) ዕንቅፋት ምፍጣርን፣
   - ኣብ ባህላዊ ድግሳት ብሓባር እንትካየድ እዚኦም ከይሳተፉን ምስኦም ብሓባር ዘይምብላዕን፣
   - ኣብ መንገዲ ይኹን ኣብ ካልኦት ጉዳያት ነቲ ሕሙም ኣመልኪቶም ሕሹኽሽኽ ምባልን ምሕማይን ብገፊሑ ዝርአዩ እዮም።

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ጥዕናውን ማሕበራውን ፀገም እዩ። →

➲ ኣብ ምግላልን ምፅያፍን … ዕሙቕ ምይይጥ ይግበሩ

- ብኣረኣእያ፣ ቁጠዐ ኣምላኽ፣ መርገም፣ ሰሪሑ ከምዘይበልዕ፣ ተመሓላላፉይ ሕማም፣ መንፈስ ዕልኢ፣ ውርደትን ፀርፍን፣ ስራሕ ንምፍፃም ዓቕሚ የብሉን፣ ህድማን፣ ሰብ ከይሪኦ ምሕባዕ …
- ብተግባር፣ ክራይ ገዛ ምኽልካል፣ ማሕበራዊ ተሳትፎ ምድራት፣ ካብ ማሕበራዊ ውራያት ምፍላይ፣ ሕሹኽሹኽ፣ ሕሜትን ንሰላምታ ምትፍናንን፣ ሓቢርካ ዘይምብላዕን ዘይምኻድን …

## ለ. ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤድስ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ፅልዋ

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብቲ ሕማም ንላዕሊ ብማሕበራውን ባህላውን መዳይ ዘጋጥሙ ፀገማት ኣዝዮም ዝለዓለ ጠመተ ዝውሃቦም'ዮም። እዚ ድማ ፀገም ጥዕናን ማሕበራውን ከምዝኾነ ይእመን። በዚ መንፅር ኣብ ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝግበር ምግላልን ምፅያፍን ከም ሓደ ኣካል ማሕበራዊ ፀገም ተገይሩ ይውሰድ። ስለዚ ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ምግላልን ምፅያፍን ዝስዕቡ ኣሉታዊ ፅልዋ ኣለዉዎ።

1. እቶም ሕሙማት ነፃ ኾይኖም ነቲ ሕብረተሰብ ንኸየምህርዎ እቲ ሕማም 'ብኣና የብቅዕ' ዝብል ጭርሖ ሒዞም ከይንቀሳቐሱ ይገብር።
2. ነቲ ዘግልሎም ሕብረተሰብ ንምብቃል ኢሎም እቲ ቫይረስ ኣብ ምግፋሕ ይዋፈሩን ነዚ ድማ ጥንቓቐ ዝጎደሎ ፆታዊ ርክብ ይፍፅሙ።
3. ነቲ ሕማም ብኣግባቡ እናተኸታተሉ ዕድመኦም ከናውሑ እናተኽኣለ ብሕርቃንን ተስፋ ብምቑራፅን ቀልጢፎም ክሞቱ ይገብር።
4. ኣብ ሞንጎ ስድራ ዝነበረ ርክብ ይበጣጠስን ናብ ዘየድሊ ጎንፂ ክኣትዉ ይገብር።
5. ብሓፈሻ እቲ ምክልካልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝተጠናኸረ ኣገባብ ንምክያድ ማሕለኻ ይኾውን።

ስለዚ ምግላልን ምፅያፍን ዘለዎ ሓደጋን በሰላን ብምርዳእ ከምኡ'ውን እዚ ጉዳይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ከምዝኾነ ብምፍላጥ ነዚ ተግባር ምቅላስ ካብ ኩሉ ዜጋ ትፅቢት ዝግበረሉ ዋኒን'ዩ። ብፍላይ በዘይምፍላጥ ካብ ምክራይ ገዛ ጀሚሩ ዝፍፀም በደልን ግፍዕን ጊዜ ዘይውሃቦን ክፍታሕ ከምዘለዎን ነዚ ዝፍፅሙ ዜጋታት ክትትል ብምግባር ትምህርቲ ክረኽቡ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ። ኣብዚ ተራ መናእሰያት ዝለዓለ ይኾውን። መናእሰያት ንደኸታማት ህፃውንትን ሽማግለታትን ከምኡ'ውን ንሕሙማት ኤድስ ጥንቃቐ ብዘለዎ መንገዲ ምሕብሓብን ምድጋፍን ዜግነታዊ ግቡእ ከምዘለዎም ክፈልጡ ይግባእ።

## ሐ. ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ማሕበራውን ኣካላውን ፀገም ስለዘለዎ ነዚ ዝኸውን ፍታሕ ድማ ካብ ኩሎም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ሕብረተሰብን ዝተዋደደ ፃዕሪ የድሊ። ዝተዋደደ ፃዕሪ ሕብረተሰብ ድማ ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ቫይረስ ሕሙማት ዝኾኑ ግቡእ ክትትል፣ ድጋፍን ክንክንን ክግበረሎም ወሳናይ ተራ ኣለዎ። ብመሰረት'ዚ ካብ ሕብረተሰብ ክግበሩ ዝግበኦም ድጋፍ፣ ክትትልን ክንክንን ዝምልከቱ ኣገደስቲ ነጥብታት ዝስዕቡ'ዮም።



ስእሊ 4.1 ምይይጥ ኣብ ዙሪያ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

1. **ማሕበራዊ ዘተ ምክያድ፣** ህዝቢ በብዝነብረሉ ስፍራ ኣብ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘሎ ግንዛበ ንምዕባይ ዝዓለመ ስራሕ ምክያድ። እዚ ጉዳይ ድማ ብዝምልከቶም ሰብ ሙያ ጥዕና ሙያዊ ደገፍ ምግባር። ኣብዚ ጠመተ ዝወሃቦም መተሓላለፊ መንገድን ምፍላጥ ንምዕቃብን ኣብ ሓደ ምውሳንን ዘጉልህ ኣሰተምህሮ ምሃብን ኣገደስቲ ካብዝበሃሉ ውሽጢ ይምደቡ።
2. **ማሕበራዊ ውዳበታት** ማለት እድርን ካልኦት ባህላውን ሃይማኖታውን ውዳበታት ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ተዋዲዶም ክስርሑን ንሕሙማት ኣብ ዝግበር ክንክንን ደገፍን ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር።
3. ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ መናእሰያት ኣብ ኤድስ **ነፃን ግልፅን** ኮይኖም ሕቶ ክውሃቦምን ከምኡ'ውን ኣብ ዝገብርዎ ስራሕቲ መልሲ ከቕርቡን ኣድላዪ ክትትል ንኽገብሩ ምምካር።
4. ኣብዚ ጉዳይ ምስ **መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት** ተዋዲድካን ዝፀደቑ **ፖሊሲታትን ስትራቴጅን** ብምርዳእ ንተግባራውነቱ ሰጢምካ ብምስራሕ ኣብቲ ማሕበረሰብ ብሰንኪ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘጋጥሙ ማሕበራዊ ፀገማት ኣብ ምቅላል ስጡም ርክብ ምፍጣር፣
5. እቲ ማሕበረሰብ ኣብ **ምግላልን ምፅያፍን** ዘሎ ሓደጋ ብምፍላጥ ኣብዚ ዝተፈጠረ ጌጋ ብእዋኑ ክመሓየሽ ምግባርን ኣብዚ መዳይ ዝተርአዩ ጌጋታት ንዝፈፀሙ ነበርቲ ክውቀሱን ክመሃሩን ምግባር፣
6. ኣብቲ ማሕበረሰብ ኣብ ስራሕቲ ጎዳእቲ ልምድታት ዝተዋፈሩ ሰባትን ከምኡውን ነፍሰን ሸይጠን ዝናበራ ወገናት ካብዚ ተግባር ክወፁን ናብ ካሊእ ስራሕ ክዋፈሩ ምድጋፍን ግንዛበ ምዕባይን ዝብሉ ጸዮም። ኣብዞም ወገናት ብተደጋጋሚ ክትትልን ድጋፍን ብምግባር ዘምፅእዎ ናይ ባህሪ ለውጢ ህዝቢ ክፈልጦን ንዝፈፀሙ ድማ መበረታትዒ ሽልማት ክወሃቦም ብምግባር።

ተምሃሮ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ንሕሙማን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ምክትታል፣ ምቁፅፃርን ድጋፍ ምሃብን ክገብርዎም ዝግብኡን ዘለዎም ዓብዩ ግደ ተረዲእኹም ዶ?



## ዕዮ ጉጅለ

ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ንምንታይ? ተመያየጡ...



- ምትሕብባር ሕብረተሰብ ንምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ. /ኤድስ ዘለዎ ረብሓ ከመይ ትገልፅዎ?
- ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስዝተትሓዙ ወገናትን ስድርኦምን ተሳኒኻ ምንባርን ምምሃርን ከምዝከኣል ዝሕግዝ ኣዎንታዊ ኣረኣእያ ከመይ ክምዕብል ይኽእል?
- ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ መናእሰይ ተምሃሮ ከመይ ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ?
- መግለፅታት ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ከመይ ይግለፁ?
- ምኽንያታት ምግላልን ምዕያፍን፡ ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ዘበሃሉ ግለፁ።
- ሳዕቤናትን ኣሉታዊ ፅልዋታትን ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብርሁ።
- ግደ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቱ ክህልው ዝኽእል ድጋፍ፣ ክትትልን ክንክንን ብዝርዝር ግለፁ።
- ኣብ ከባቢኹም ካብዝርከብ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ወይድማ ትካል ጥዕና ብዛዕባ
- ሕዝቶን መግለፅታትን ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣
- ምኽንያታት ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣
- ሳዕቤናትን ኣሉታዊ ፅልዋታትን ምግላልን ምዕያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣
- ግደ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቱ ክህልዎም ዝኽእል ድጋፍ፣ ክትትልን ክንክንን

ብዝርዝር ሓቲትኩም ዝተውሃበኩም መልሲ ፅሒፍኩም ኣብ ክፍሊ ተመያየጡሉ።

### 4.1.2 ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ



## ዕዮ ጉጅለ

1. ንቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ መበገሲ ምኽንያታት እንታይ'ዮም?
2. ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከመይ ክንቆፃፀሮ ንኽእል?

ተምሃሮ ኣብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ናህሪ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሳዕቤናቱን ተማሂርኩም ነይርኩም። ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? በዝሒ ህዝቢ ዓለም ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብሓያል ናህሪ እናወሰኸ ይመፅእ'ሎ። እዚ ሓያል ናህሪ ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ ከምዝቕፅል ሰብ ሞያ ይትንብዩ። ሓያል ናህሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ኣብዚ ሕዚ እዋን ናብ 6 ቢሊዮን በፂሑ'ዩ። ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ሓደ ቢሊዮን ንኽበፅሕ ብጣዕሚ ብዙሕ ዓመታት ወሲዱሉ። ብድሕሪ'ዚ ድማ ሓደ ቢሊዮን ዝኣክል ህዝቢ ንምብፃሕ ዝወሰደ በዝሒ ዓመት ካብዚ ንታሕቲ ተሓቢሩ'ሎ፤

- ካብ ሓደ ቢሊዮን ናብ ክልተ ቢሊዮን ንክበፅሕ ግና 123 ዓመታት ዝወሰደ እንትኸውን ካብ ክልተ ቢሊዮን ናብ ሰለስተ ቢሊዮን ንምብፃሕ ድማ ሰላሳን ሰለስተን ዓመታት እዩ ወዲኡ።
- ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለም ካብ ሰለስተ ቢሊዮን ናብ ኣርባዕተ ቢሊዮን ንክበፅሕ ድማ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመታት ዝወሰደ እንትኸውን ካብ ኣርባዕተ ቢሊዮን ናብ ሓሙሽተ ቢሊዮን ንምብፃሕ ግን ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ጥራሕ ወዲኡ።
- ስለዚ ካብ ሓሙሽተ ቢሊዮን ናብ ሽዱሽተ ቢሊዮን ንምብፃሕ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት'ዩ ወዲኡ።

ብመሰረት'ዚ ሕዚ ይርአይ ዘሎ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንትንርእይ ድሕሪ 15 ዓመታት በዝሒ ህዝቢ ዓለም 7.83 ቢሊዮን ክበፅሕ'ዩ። ኣብ ናህሪ በዝሒ ዕብየት ህዝቢ ኣድላይ ዝበለ ቁፅፅርን ክትትልን እንተተገይሩ ግና እቲ ናህሪ በዝሒ ዕብየት ህዝቢ ናብ 7.11 ቢሊዮን ትሕት ክብል ይኽእል። ስለዚ ብደረጃ ዓለም ኣድላይን ብቑዕን ስራሕቲ ስነ ህዝቢ እንተተሰሪሑ ዳርጋ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ዝቀራረብ ክመፅእ ዝነበረ በዝሒ ህዝቢ ንቑጥብ ኣለና ማለት'ዩ። ስራሕቲ ስነ ህዝቢ ብኣግባቡ እንተዘይተሰሪሑ ግን ክንዲ ሕዚ ዘሎ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ይውስኽ። እቲ ዝዓበየ እጃም ምንሃር በዝሒ ህዝቢ ዓለም ዝሕዛ ብማሕበረ ኢኮኖሚኣን ድሑራት ዝኾና ሃገራት'የን። ንኣህጉርና ኣፍሪካ እንተሪእና ብ1996 ዓ.ም.ፈ ከባቢ 748.1 ሚሊዮን ዝነበረ በዝሒ ህዝባ ኣብ 1998 ዓ.ም.ፈ ናብ 778.5 ሚሊዮን ደይቡ'ዩ። እዚ ማለት ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት 30.4 ሚሊዮን ህዝቢ ወሲኹ ማለት'ዩ። በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ብ1987 ዓ.ም 56.7 ሚሊዮን ዝነበረ እንትኸውን ኣብ 2001 ዓ.ም ድማ ናብ 82.7 ሚሊዮን በፂሑ'ሎ። ኣብ 2009 ዓ.ም.ፈ በዝሒህዝቢ ኣፍሪካ ናብ 800 ሚሊዮን ዝበፅሐ እንትኸውን ንዝመፅእ 2025 ድሕሪ 15 ዓመት ድማ እዚ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ናብ 1453.9 ሚሊዮን ክድይብ እዩ። ስለዚ ዓቐን ዘይብሉ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ምውሳኽ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት እቲ ዝዓዘዘ እጃም እንትሕዛ ኣህጉር ኣፍሪካ'ውን ካብኣተን ሓንቲ እያ። ተምሃሮ ሳዕቤናት ናህሪ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ተመያየጡ።

## ሓፈሻዊ ዕላማ ፖሊሲ ስነ-ህዝቢ ኢትዮጵያ

- ህንፀት ኢኮኖሚ ብምጥንኻር ቑፅሪ በዝሒ ህዝቢ ብትልሚ ብምንካይን ኣብ ሞንጎ ዘይተመጣጠነ በዝሒ ህዝብን ትሑት ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዘሎ ኣፈላላይ ምውጋድ፣
- ብዝተዋደደ መደብ ልምዓት ኣቢልካ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕብየት ብምቅልጣፍ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ክሰፍሕን ዕድል ስራሕ ክፈጥርን ምግባር፣
- ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር መጠን ፍልሰት ህዝቢ ምንካይ፣
- ከባቢ ሓለዋን ክንክንን ዘጠናኽሩ ኣድለይቲ ስጉምትታት ብምውሳድ ብፍላይ ኣብ ከባቢ ገጠር ዝነብሩ ሰባት ናይ ምንባር ዓቕሞም ክሕለውን ክመሓየሽን ምግባር፣
- ደቂ ኣንስትዮ ካብ ፅዕንቶ ከቢድን ኣድካምን ስራሕ ብምንጋፍ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ መፍረይቲ ኾይነን ክሳተፋ ብምግባር ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ደረጀአን ክብ ምባል፣
- ብቐሊሉ ብሓደጋ ክጥቀዑ ንዝኽእሉ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ መናእሰይን ህፃናትን ፍሉይ ጠመተ ሂብካ ምሓጋዝ፣



ስእሊ 4.2 ዳግመ ግረባ ንምክያድን ፈልስታት ኣብ ምትካልን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮን

ቐልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያውን ከባብያውን ኩነታት ኣብዪ ዕልዋ ኣለዎ። ምስ ምጉሕጓሕን ብርሰትን ሃፍቲ ተፈጥሮ'ውን ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ እዩ። ሃፍቲ ተፈጥሮ ማለት ኣብ መሬት ዝርከቡን ንረብሓ ሰባት ክውዕሉ ዝኽእሉ ከምኒ ማዕድን፣ ደን፣ ሃፍቲ ማይ፣ ወዘተ ዝኣምሰሉ እዮም። ናይ ሓንቲ ሃገር ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ዝተፈላለዩ ቴክኖሎጂን ዝሰልጠነ ሃይሊ ሰብ የድሊ። እዙይ ድማ መሰረታዊ ግልጋሎት ወሃቢቲ ከምእኒ ቤት ትምህርቲ ጥዕና ወዘተ ዝመሳሰሉ ንክማልኡ ግድን ይኸውን። እዚኣም ንምምላእ ድማ በዝሒ ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ክመጣጠን ኣለዎ። ዕብየት ህዝቢ ካብ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ለውጥን ዕብየትን ክመፅእ ስለዘይኽእል ኣብታ ሃገር ዘሎ ሕብረተሰብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ ምብራስ ክዋፈሩ ይግብር።

## ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

ሀ. **ከባቢያዊ ብርሰት፣** ኣብ እምባታትን ጎቦታትን ዘለዉ ኣግራባት እናተቦቀሱን እናተነቐሉን እንትኸዱ ኣብ እግሮም ድማ ዝትከልን ዝትክእን ኣግራብ ዘይትከል እንትኸውን ዝመፅእ ውፅኢት ብርሰት'ዩ። ከባቢያዊ ብርሰት ማለት ናይ ሓደ ከባቢ መፍረያይነት ብዝተፈላለዩ ፀገማት እንትንክይ እዩ። እዚ ድማ ውፅኢቱ ብርሰት ደኒ፣ ፍግረ መሬት፣ ጨውነት፣ ብክለት ኣየርን ማይን ምህላው ማለት እዩ። ኣብ ዘይማዕበላ ድኻታት ሃገራት መብዛሕትኡ ህዝቢ ኣብ ገጠር ስለዝነብር መነባብሩኡ ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ዝተመሰረተ እዩ። ኣብዚ ድማ በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ እንትመፅእ ተወሳኺ ምግቢ፣ መፅለልን ከምዘድሊ ግልፂ እዩ። እዙይ ንምምላእ ተወሳኺ መሬት የድሊ። ቁፅሪ ሕዝቢ እንትውሰክ ንመናባብሮ ግልጋሎት ዝውዕላ ቁፅሪ ሃፍቲ እንስሳ እውን ይውስኽ በዚ ምኽንያት ኣብ ከባቢ ዝበፅሖ ፀቕጢ ኣዝዩ ዝለዓለ ስለዝኾነ'ውን ብርሰት ከባቢ ክጋድዶ ይገብር'ዩ።

ለ. **ብርሰት ደኒ፣** ሃገርና ዝተፈላላዩ መልክኣ ምድራዊ ኣቀማምጣን ዝተፈላለዩ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘለውዋ ሃገር እያ። ካብዙይሓደ ዝተፈላላየ ደኒ ሃፍቲ ዝነበራ ሃገር ከምዝኾነ'ዩ። ኮይኑ ግን ብሰንኪ በዝሒ ህዝብን ግጉይ ኣጠቃቅማ ሃፍቲ ኣብ ዓለም እቲ ዝኸፈአ ናይ ደን ብርሰት ዝከየደላ ሃገር ኮይና ኣላ። ካብ ሚኒስተር ተፈጥሮ ሃፍትን ከባቢ ሓለዋን ዝተረከበ መረዳእታ ከም ዝሕብሮ ልዕሊ 34% ዝነበረ ሽፋን ደኒ ኢትዮጵያ ብ1942 ዓ.ም ናብ 16% ከም ዝነከየ ብ1972 ዓ.ም ድማ ናብ 3.6% ሚኢታዊ ምውራዱን ብ1981 ዓ.ም.ፈ ድማ ናብ 2.7% ሚኢታዊ ኣዝዩ ነክዩ'ዩ። ኣብ ሃገርና 150,000 ክሳብ 200,000 ሄክታር ዝግመት መሬት ደን በብዓመቱ ከምዝበርስ ዝተፈላላዩ መረዳእታታት ይሕብሩ።

ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ሃገርና ትሑት ሽፋን ዝበፅሐ ሃፍቲ ደኒ እንትህልው በዝሒ ህዝቢ እንትውስክ ግና እዚ ድልየት'ውን ስለዝውስኽ እቲ ዝተረፈ ደን ንሓደጋ ዝተቓልዐ ይኸውን። እዚ ብርሰት ደን ዝካየድ በዚ ምክንያት ንምስፍሕፋሕ ሕርሻ፣ ንነዳዲ፣ ንኮንስትራክሽን ወዘተ ስለዝኸውን ድልየት ንምምላእ ኣብ ደኒ ዝበፅሐ ምጭፍጫፍ ደኒ ኣዝዩ ዝለዓለ'ዩ።ከም ኣገላላፃ ፀብፃብ

ሪሶርስ ዓለም ካብ 1990 ዓ.ም.ፈ ክሳብ 1991 ዓ.ም.ፈ ብርሰት ደኒ ብዓመት 88,000 ሄክታር ከምዝኾነ፣ ስራሕቲ ዳግመ ግረባ ድማ 13,000 ሄክታር ምንባሩ ብምግላፅ ከባቢ 75,000 ሄክታር መተካእታ ዘይብሉ ከምዝበርስ ገሊፁ'ሎ።



## ዕዮ ጉጅለ

**ተምሃሮ ኣብ ጣብያኹም ኣብዚ ዘለናሉ ዓመት ሽፋን ደኒ ንምውሳኽ ክንደይ ተኸሊ ተተኺሉ? ክንደይ ዝኸውን ከ ፀዲቑ? ናብ ቤት ፅሕፈት ሃፍቲ ተፈጥሮ ጣቢያኹም ብምኻድ መረዳእታ ኣክቡ። ነዚ መሰረት ብምግባር ፀብፃብ ኣቕርቡ።**

ሐ. **ብሰንኪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥም ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህዲ፤** ሃገርና ኢትዮጵያ ብርክት ዝበላ ሃፍቲ እንስሳ ኣለዋ። ሃገርና ካብ ኣፍሪካ ቀዳመይቲ እንትትስራዕ ካብ ዓለም ድማ ብሃፍቲ እንስሳ ኣስረይቲ ከምዝኾነት መረዳእታታት ይሕብሩ። መብዛሕቲኡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝነብር ብሕርሻን ብምርባሕ እንስሳን ስለዝኾነ በዝሒ ህዝቢ እንትውስኽ በዝሒ ሃፍቲ እንስሳ'ውን ከም ዝውስኽ ርዱእ እዩ። ይኹን'ምበር በዝሒ እንስሳ እንትውስኽ ነዚኣን ክፃወር ዝኽእል ናይ መግሃጫ መሬት ስለዘየለ ኣብ ከባቢ ዝበፅሕ ብርሰት ኣዝዩ ዝኸፍአ እዩ። ብፍላይ ኣብ ከባቢታት ደጉዓ ዘሎ ጋህዲ መሬት ምስዘሎ ሃፍቲ እንስሳ ዘይመጣጠን ስለዝኮነ ካብ ዕቅን ንላዕሊ ጋህዲ ከምዘሎ መረዳእታታት ይሕብሩ። እዙይ ድማ እቲ ከባቢ ናይ ምፃር ዓቕሚ ኣዝዩ ስለዝነከየ ደጉዓታት ሃገርና ዝለዓለ ከባቢያዊ ብርሰት ዘጥቅየ እዩ። እዚ ሃፍቲ ሃገራዊ ልምዓት ዓብይ ፅልዋ ከምዝሕድር ጥርጥር የብሉን።

መ. **ብርሰት እንስሳ ዘገዳም፤** ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ዓይነት እንስሳት ዘገዳም ዝርከባላ ሃገር እያ። ሃገርና ዝተፈላለዩ መልካኣ ምድሪ ማለት ቆላ፣ ደጉዓ፣ ጎቦታትን ሸንጥሮታትን ዝተፈላለየ መጠነ ብራኸ ዘለዎም ኣከራናት ይርከቡዋ። በዚ ምኽንያት ንዝተፈላለዩ ዓይነት ዓሌት ዘለዎም እንስሳ ዘገዳም መንበሪ ኮይናላ። ክሳብ ሕዚ ብዝተገብረ መፅናዕቲ ልዕሊ 103 ዓሌታት ዘለዎም መጥበውቲ፣ 835 ዓሌት እእዋፍ ከምዘለዋ ተረጋጊፁ'ሎ። ካብዚኦም ከባቢ 7 ዓሌታት ኣጥበውትን 23 ዝኾኑ ዓሌት ኣዕዋፍ መበቆሎም ኣብ ሃገርና ጥራይ ዝኮኑ ኣብ ካሊእ ዓለም ዘይርከቡ እዮም። እንስሳት ዘገዳም ፍልፍል ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር እዮም። እንስሳ ዘገዳም ብምዕቃብን ብምልማዕን ዝላዓለ ናይ ቱሪዝም እንዳስትሪ ምስሕፉሕፋሕ ከምዝካኣል ካብ ካልኦት ሃገራት ዘሎ ተሞክሮ ብቑዕ መረዳእታ ኣሎ። በዚ'ውን ብዙሓት ሃገራት በብዓመቱ ዘይናዓቕ ሸርፊ ወፃኢ ይረኽባ። ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንተሃልዩ ግን እንስሳት ዘገዳም ክስደዱን ክጠፍኡን ይገብር።

ሰ. **ፍግረ መሬት፤** ፍግረ መሬት ማለት ላዕለዋይ ልሙዕ ሓመድ ብውሕጅ ይኹን ብንፋስን ተፀሪጉ እንትጉሕጓሕ ማለት'ዩ። ሓመድ ምዕቃብ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ልምዓት ሓመድ ንከም ኢትዮጵያ ዝመሰላ ድኻታት ሃገራት መብዛሕትኡ ህዝበን ብሕርሻ ዝመሓደር ስለዝኾነ ኣዝዩ ዝለዓለ ጥቅሚ አለዎ። ኮይኑ ግን ሃገርና ኣብ ዓለም ዝርአይ ብፍግረ መሬት ካብ ዝተጎድኣ ሃገራት ካብ ህንድን ኮሎምቢያን ቀፂላ ብሳልሳይ ደረጃ ትርከብ። እዘን ሃገራት እዚኣን ብቕደም ሰዓብ 6 ሚሊዮን፣ 4 ሚሊዮንን 2 ሚሊዮንን ሜትሪክ ቶን ሓመድ ብዓመት ብፍግረ መሬት ይጉሕጓሕ'ዩ።

ብምኽንያት'ዚ ልምዕነትን ርጉደትን ሓመድ ሃገርና ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናነከየ ክመፅእ ገይርዎ'ሎ። እዙይ ድማ ኣብ ሃገርና ንዘሎ ትሑት እቶት ሕርሻ ቀንዲ መንቀሊ ከምዝኾነ ግልፂ እዩ። ስለዚ ቀንዲ መንቀሊ ፍግረ መሬት ወዲሰብ ናብርኡ ንምምሕያሽ ኢሉ ዝገብሮ ምንቅስቓስ'ዩ። ብምኽንያት'ዚ ሰፋሕቲ መሬት ደኒ ብምቑራፅ ንሕርሻ መሬት ከምዝውዕል ይገብር።

ረ. *በዝሒ ህዝብን ውሕስና ምግብን፣* ውሕስና ምግቢ ማለት ኩሎም ዜጋታት ኩሉ ጊዜ ብኣካል፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ትሕዝቶኡ ዝተማልአ፣ እኹልን ብቑዕን ምግቢ ዘለዎን ጥዕንኡ ዝተሓለወ መነባብሮ እንትህሉ'ዩ። ኣብ ውሕስና ምግቢ ፍሉይ ጠመተ ዝውሃቦም ሰለስተ ጉዳያት'ለዉ። እዚኦም'ውን ቀረብ፣ ዕድልን ኣጠቓቕማን ምግቢ'ዮም።

- ቀረብ ምግቢ እንትብሃል ብምፍራይን ብምግዛእን ነቲ ስድራ ብሙሉእነት ዘድልዮ መግቢ ክረክብ ምግባር ማለት'ዩ።
- እቶት ማለት ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ምግቢ ብምርካብ ንረብሓ ስድራ ክውዕል ምግባር ማለት'ዩ። እዚ ድማ ምስ ትራንስፖርትን ካልኦትን ተዛሚዱ ዝረአን ንውሕስና ምግቢ ኣገዳሲ ዝኾነ ውራይ 'ዩ።
- ኣጠቓቕማ፣ እቲ ስድራ ዝረኸቦ እቶት ብኣግባቡ ብምጥቃም ጥዕንኡ ዝተሓለወ መነባብሮ ንምርግጋፅ እንትከኣል'ዩ።

ብሓፈሻ ሰለስቲኦም ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅ ከምዝከኣልን እዚ ድማ ስራሕ ሓደ ትካል እንተይኮነስ ዝተፈላለዩ ትካላት ተዋዲዶም እንትሰርሑ ይኸውን። ካብዚኦም ብፍላይ ስድራ ኣብ ውራያት ስነ ህዝቢ ጠመተ ክገብርን ምስ መነባብሮኦም ዝመጣጠን ዕያል ክህልዎም ምግባር የድልይ። እዚ ናብ ጎኒ ዝግደፍ እንተኾይኑ ግና ዝስዕቡ ኣሉታ ከጋጥም ይኽእል።

1. እቲ ስድራ ጎናዊ ዝኾነ ወፃኢ ስለዝበዝሖ ብፍላይ ንጥዕና፣ ቀለብ፣ ክዳን፣ ትምህርትን ካልኦትን ስለዝህሉን እቶት ምምቕቓል ኣሎ።
2. እቲ ስድራ ዝበዝሐ ግዚኡ ኣብ ጥንስን ሕርስን ስለዝጠፍእ ካብ ምህርቲ ምፍራይ ምርሓቕ ስለዘጋጥም ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅ ክፍተት የጋጥም።
3. ምግቢ ውሕስና ንምርግጋፅ ዝተዋደደ ስራሕ ስለዘድልይ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ስራሕቲ ምጣነ ስድራ ጠመተ ምሃብ የድልይ። ስለዚ ምጣነ ስድራ ምስ ካልኦት ፕሮግራም ልምዓት ተዋዲዱ ክሰራሕ ይግባእ።

ስለዚ ካብቶም ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ካብ ዝበሃሉ ውሽጢ እቲ ሓደ ኣብ ከባቢ ሃፍቲ ተፈጥሮ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘሎ'ዩ። ብምኽንያት'ዚ ድማ ፈተንቲ ኩነታት ኣለዉ። ንኣብነት ዝተፈላለዩ ፀገማት ከም ብርሰት ዱር፣ ድርቅን ጥምየትን፣ ሕፅረትን ምብትታኽን ተሓራሲ መሬት፣ ምዝባዕ ውሕስና ምግቢ፣ ስደት ወዘተ ይርከብዎም። ደርቂ ንስደት እንተስዕብ ብርሰት ደንን ከባብን ድማ ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ክፍጠር ይገብር'ዩ። እዚኦም ብምልኦም ተደማሚሮም መነባብሮ ህዝቢ ናብ ፀገም ዘእትዉ እዮም።



## ዕዮ ጉጅለ

- *መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን* (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 139 ብዛዕባ ስነ ህዝብን ልምዓትን ተገሊፁ ዘሎ ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኻይድ ኣንብቡ። ክተንብቡ እንተለኹም ድማ ኣብ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ስነ ህዝብን ልምዓትን ዝብሉ ዛዕባታት እናተመያየጥኩም ኣንብቡ። ነዚ ፅሑፍ ምስ ትምህርትኹም ኣተኣሳስርዎ'ሞ መምህርኩም'ውን ክሕግዙኹም ሕተትዎም። ዝበፃሕኹምዎ ምርድዳእ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ።
- ኣብ ሃንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን በዝሒ ህዝብን ተመጣጣንን ተመጋጋብን ምዕባለ ከርእይ ኣለዎ እንትብሃል እንታይ ማለት'ዩ? ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ብርሰት ከባቢ፣ ብርሰት ደን፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህፂ፣ ፍግረ መሬትን ውሕስና ምግብን ብዝምልከት ዘለዎ ፅልዋ ብዝርዝር ግለፁ። በዝሒ ዕያል ኣብ ልዕሊ ስድራ ዝህልዎ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፅልዋታት ዘርዝሩ።

# 4.2 መሰላት ህፃናትን ደሕንነቶምን

## 4.2.1 *መሰላት ህፃናት*

*ተምሃሮ መሰላት ህፃናት ብዝምልከት ኣብ 5ይ ክፍሊ ዝተምሃርክምዎ ትዝክሩ ዶ? ሰብኣዊ መሰል ማለት ደቂ ሰባት ሰብ ብምኳኖም ጥራይ ዝህለዎም መሰል ማለት እዩ። ትርጉሙ ድማ ሰብ ብሰብኣዊ ኽብሩ ኣይበላለፅን፣ ኹሉ ብሰብኣዊ ተፈጥርኡ ማዕረ ክብሪ ይግብኦ፣ ካብዝብል መሰረታዊ ኣመለኻክታ ዝመንጨወ እዩ። ስለዝኾነ ሰብኣዊ መሰል ማለት ናይ ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቛንቛ፣ ብቀለም፣ ብማሕበራዊ ኣመፃፅኣ፣ ብፆታ፣ ብዓሌት፣ ብፖለቲካ ወይድማ ካልኦት ኣመለኻኽታ፣ ብኹነታት ቁጠባዊ ዓቅሚ፣ ብዕድመ፣ ኩነታት ጥዕና ይኹን ብካልእ ምኽንያት ኣፈላላይ ክይተገበረሎም ብሓባር ዝተዓደልዎም እዮም። ሰብኣዊ ዝብል ቃል ሰብ ምኳን ዘመላኽት እንትኾን እዚ ድማ ተፈጥሯዊ እዩ። እዚኦም ባህሪያት ናይ ምሕሳብ፣ ምዝራብ፣ ብነፃነት ናይ ምንባር ድልየትን ዝመሳሰሉን እንትኾኑ ንምህላው ሰብኣዊ መሰላት ኣውራ ምኽንያታት እዮም።*

*ከምቲ ዝፍለጥ መሰል ማለት ብሕጊ ወይድማ ብሞራል ደንቢ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ክቀርበሉ ዝኽእል ወናናይነት ዘለዎ ጥቕሚ እዩ። ኹሉ ግዘ መሰል እንትበሃል ብሓደ ወገን ተጠቀምቲ ብኻልእ ወገን ድማ ነዚ መሰል ንምሕላው ግቡእ ዘለዎ ወገን ኣብ ግምት ውሽጢ ዘእተወ እዩ። ገለ ሰባት ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ሰብኣዊ መሰላት ተፈጥሯዊ እንትድኣ ኾይኖም ኣፍልጦ ምሃብ ንምንታይ የድልይ ዝብል ኣለዉ። ይኹን'ምበር ብዋናነት ሰብኣዊ መሰላት ብደረጃ ሃገር፣ ኣህጉርን ዓለምለኽ ንኽድንገጉ ቀንዲ ምኽንያት ብፍላይ እዞም መሰላት ንምሕላው ግቡእ ዘለዎ ወገን ብሕጊ ምውሳን ናይ ግድን ስለዝኾነ እዩ። ብተወሳኺ እዞም መሰላት ኣብ ዝጠሓሰሉ እዋን ተፈጥሯዊ ስለዝኾኑ ጥራይ ተፈጥሯዊ ኣካል መፍትሒ ንኽውርድ ምፅባይ ዕሽነት እዩ። ስለዚ ነዞም መሰላት ሕጋዊ ኣፍልጦ ብምሃብ ኣብዝተጣሓሰሉ ወይድማ ክይተማልኡ እንትተርፉ ብዛዕባ ዝህልው ሓላፍነት ምድንጋግ ኣድላይ ይኾውን ማለት እዩ።*

*ዝተፈላለዩ ምሁራት ንሰብኣዊ መሰላት ብዝተፈላለየ መንገዲ ይኽፋፍልዎም እዮም። ገለ ገሊኦም ዝእገዱን ዘይእገዱን መሰላት ብዝብል ኣብ ክልተ ናይ ምክፋል ዝንባለ እንተርእዩ ካልኦት ድማ ቀዳማይ፣ ካልኣይን ሳልሳይን ትውልዲ ብዝብል የቐምጥዎም። ብኻልእ መልክዑ ድማ ኣብ ቤት ፍርዲ ተፈፀምቲ ክኾኑ ዝኽእሉን ኣንፈት ፖሊሲ ዘመላኽቱ መሰላት ብዝብል ኣብ ክልተ ይኽፍልዎም። ካብዚ ሓሊፉ ናይ ውልቀ ሰባት መሰላትን ናይ ሓባር /ጉጅለ/ መሰላትን ብዝብል ሰብኣዊ መሰላት ምክፍፋል ዝተለመደ እዩ። ብስፍሓት ዝስርሓሉን ዝተለመደን ክፍፍል ሰብኣዊ መሰላት ግና ኩሎም ኣርባዕተ መደባት ምቕማጥ እንትኾን ንሳቶም እውን ቀፂሎም ዘለዉ እዮም፣*

- *ናይ ሲቪልን ፖለቲካን መሰላት፣*
- *ናይ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ባህልን መሰላት፣*
- *ናይ ከባቢ ድሕንነትን ልምዓትን መሰላት፣*
- *ንፍሉይ ኣባላት ሕብረተሰብ ዝጥምቱ መሰላት፣*

*መሰል ህፃናት ኣመልኪቱ ኣብ ኮንቬንሽን ዓለምለኽ መሰል ህፃናት ብዝርዝር ዝገለፆ ጉዳይ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ዓንቀፅ 5 ነዚ ጉዳይ ብኽምዝስዕብ ይገልፅ። 'ነዚ ስምምዕ ዝተቐበላ ሃገራት ዘለዉ ስድራ ወይድማ ኣግባብ ዘለዎም ኣባላት ኣዝማድ፣ ወይድማ ናይቲ ከባቢ ባህሊ ዝፈቕዶ ማሕበረሰብ፣ ሕጋውነት ዘለዎም ሓብሓብቲ፣ ወይድማ ህፃውንቲ ንኽከታተሉ ሕጋዊ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ነዚ ስምምዕ መሰል ህፃናት ኣፍልጦ ምሃብ፣ ዓቕሚ ዘገናዘበን ኣግባብ ዝሓለወን ኣመራርሓ ምፍጣርን በብደረጆኡ ናይዚ ኣፈፃፅማ ምቁፅፃርን ንክኽበር ፃዕሪ ምግባር የድልይ።*

ኣብዚ ኮንቬንሽን ዝተቐመጡ መትከላት ኣለዉ። እዚኦም'ውን ህፃናት ፍሉይ ክንክንን ጠመተን ዘድልዮም ከምዝኾኑ፣ ስድራ መሰረት ሕብረተሰብ ብምኳኑ ንዕብየትን ድሕንነትን ህፃናት ዘድልይ ሓገዝን ክትትልን ክገብሩ ከምዝግባእን ከምኡ'ውን ህፃናት ኣብቲ ሕብረተሰብ ዓርሶም ክኢሎም ሂወቶም ንምምራሕ ዘኽእሎም ባይታ ምምችቻው የድልይ ዝብሉ ይርከብዎም። ነዞም መትከላት መሰረት ብምግባር መሰልን ደሕንነትን ክኸበር ኣለዎ። ነዚ መሰረት ዝገበሩ ሕግታት ኣለዉ። ካብዚኦም እቲ ዝለዓለ ጠመተ ዝውሃቦ ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርናን ክልልናን ኣብ ዓንቀፅ 36 ዝተቐመጡ ጉዳያት ኣብ ሓለዋ ህፃናት ዝምልከቱ ቁም ነገራት ዘሓወሰ'ዩ።

## ህፃናት ዝበሃሉ እንመን እዮም? ህፃናት ዝበሃሉ፤

- ዕድሚኦም ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ፣
- ቀፃላይ ህልውና ሕብረተሰብ ዝትክኡ፣ ንመፃኢ ዝመሓላለፉ፣ ንቕድሚት ንመንግስቲ ይኹን ንሃገር ተረከብቲ ዝኾነ እዩ፤
- ብዕሽሎም ብኣግባቡ እንተተታሒዞም ንመፃኢ ሃገራዊ ኢኮኖሚን ማሕበራዊ ዕብየትን ዝፃወትዎ ተራ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ እዩም፤
- ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘለዎም ቁፅሪ ልዑል ብምኳኑ ጉዳይ ህፃናት ጉዳይ ምሉእ ሕብረተሰብ እዩ።
- ዕድሚኦም ዕሸል ብምኳኑ ልዑል ሓገዝ ካልኦት ኣካላት ዝደልዮም ክፋል ሕብረተሰብ እዮም።

እዚ ዘመላኽተና እቲ ኣብ ስምምዕ መሰል ህፃናት ዝተወሰነ ጉዳይ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራውን ኣህጉራውን ሕግታት ወዒኦምን ጠመተ ተዋሂብዎምን ከምዘሎ ዘመላኽት'ዩ። ስለዚ ነቲ ኮንቬንሽን ዝድግፉ ተቐባልነት ዘለዎም ካልኦት ሕግታት ኣለዉ። እዚኦም'ውን

- ብ1999 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ቻርተር ሕብረት ኣፍሪካ፣
- ብ1949 ዓ.ም.ፈ ዝወፀን ብ1977 ዓ.ም.ፈ ዝተወሰኽሉ ኣብ ዓለምለኽ ሕግታት ሰብዓውነት ዝጥምት ጀኔቫ ኮንቬንሽን፣
- በብግዚኡ ዝወፁ ፖለቲካውን ሲቪል መሰላት ሕቡራት መንግስታት ዓለም፣
- ብ1973 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ዓለምለኽ ኮንቬንሽን ሽቃሎ ብዛዕባ መሰል ህፃናት ብዝተፈላለዩ ኣግባባት ንምትእትታው ተፈቲኖም ተግባራዊ እናኾኑ ዝርከቡ ሕግታት እዮም።

ብ1987 ዓ.ም ዝፀደቐ ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊት ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ምስ ኮንቬንሽን ህፃናት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝዛመድን ዝሓዘ'ዩ። ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ዝተገለፁ ዝርዝር ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዝስዕቡ እዮም፤

- ብህይወት ምንባር፣
- ድሕንነት ኣካል፣
- ዘይስብኣዊ ካብዝኾነ ኣተሓሕዛን ማእሰርትን ምሕላው መሰል፣
- መሰል ዝተትሓዙ ሰባት፣
- መሰል ዝተኸሰሱ ሰባት፣
- ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ናይ ዘለዉን ብፍርዲ ናይ ዝተኣሰሩን ሰባት መሰል፣
- ሓድሽ ብዝወፀ ገበን መቕፅዒ ሕጊ ቅድም ኢሉ ንዝተፈፀመ ገበን ተሓታታይ ንዘይምኳን መሰል፣
- ብሓደ ገበን ደጊምካ መቕፃዕቲ ንዘይምቅፃእ መሰል፣
- መሰል ክብርን ፅቡቕ ስምን፣
- መሰል ማዕርነት፣

- መሰል ምኽባር ሓለዋን ውልቀ ህይወትን፣
- ነፃነት ሃይማኖት፣ እምነትን ኣረኣእያን፣
- ኣረኣእያን ሓሳብካ ብነፃ ናይ ምሓዝን ምግላፅን መሰል፣
- ምእካብ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር፣ ነፃነት፣ ጥርዓን ምቕራብ መሰል፣
- መሰል ምውዳብ፣
- ብነፃነት ምዝውዋር፣
- መሰላት ዜግነት፣
- መሰላት ሓዳር፣ ውልቀን ስድራን፣
- መሰል ደቂ ኣንስትዮን መሰል ህፃናት፣
- ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰል፣
- ምምራፅን ተመራፃይ ምኳንን መሰል፣
- መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን፣
- መሰል ንብረት ምጥራይ፣
- ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን መሰላት፣
- መሰል ሰራሕተኛታት፣
- መሰል ልምዓት ምርካብ፣
- መሰል ከባብያዊ ድሕንነት እዮም።

## መሰላት ህፃናትን ድሕንነትን (ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 36)

፩. ዝኾነ ሕፃን ካብዚ ንታሕቲ ዝስዕቡ መሰላት ኣለውዎ፤

ሀ. ብህይወት ምንባር

ለ. ክብሪ፣ ስምን ዜግነትን ምርካብ

ሐ. ንወለዱ ወይድማ ብሕጊ ከዕብይዎ መሰል ዘለዎም ሰባት ክፈልጥን ናታቶም ምሉእ ክንክንን ሕብሐባን ምርካብ፣

መ. ጉልበቱ ብዘይኣግባብ ካብዝብዝብዝዎ ልምድታት ክሕለው፤ ኣብ ልዕሊ ትምህርቱ፣ ጥዕንኡን ድሕንነቱን ፀገም ዘብፅሑ ስራሕቲ ንክሰርሕ ዘይምግዳድን ወይድማ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ስራሕቲ ኣገዲድካ ካብ ምስራሕ (ክሰርሕ ካብምግባር) ምሕላው፣

ሠ. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ወይድማ ኣብ ትካላት መዕበዪ ህፃናት ውሽጢ ብኣካላዊ ኩነታት ወይድማ ብጭካነን ኢ-ሰብኣውን ዝኾነ መንገዲ ካብዝፍፀሙ መቕፃዕትታት ነፃ ክኸውን ምግባር፣

፪. ንህፃናት ዝምልከቱ ስጉምትታት እንትውሰዱ ኣብ ትካላት መንግስታዊ ወይድማ ዘይመንግስታዊ፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ ሰበስልጣን ምምሕዳር ወይድማ ብትካላት መውፅኢ ሕጊ ወዘተ ጉዳይ ደሕንነት ህፃናት ኣብ ቅድሚት ዝስራዕን ዓብዪ ጠመተ ዝወሃቦን ጉዳይ'ዩ።

፫. መናእሰይ ወዲኒ፣ ኣብ ቤት ህንፀት ወይድማ ትካላት እግሪ ምትካል ዝርከቡ፣ ብመንግስቲ ወይድማ ትካላት መዕበዪ ወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ወዘተ ዝርከቡ ህፃናትን መናእሰይን ካብ ዓበይቲ ተፈልዮም ብፍሉይ ኩነታት ክተሓዙ ይግባእ።

፬. ካብ ሓዳር ወፃኢ ዝውለዱ ህፃናት ምስ ብሓዳር ዝተወለዱ ህፃናት ማዕረ መሰል ኣለዎም።

፭. መንግስቲ ንወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ህፃናትን መናእሰይን ፍሉይ ሓለዋ ይገብረሎም። ብጉዲፈቻ (ምስ መዕበይቲ) ዝዓብይሉ ስርዓት ዘመቻችውን ዘስፋሕፍሑን ከምኡ'ውን ደሕንነቶምን ትምህርቶምን ዘሰጉሙሉ ትካላት ክምስረቱ የበረታትዕ።

ስለዚ መሰላት ህፃናት እንትበሃል ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ መሰረታዊ ትሕዝቶ ይሓቁፍ፤

- መለለዪ ስምን ክብርን ምስ ዜግነት (መንነት) ክህልዎም ዝገብር መሰል ምህላዉ፣
- ካብ ስድራ ዘይምፍላይን ምርግጋፅ (ምሕላው) ውልቃዊ መሰል ምርካብን፣
- ካብ ሓደጋን ዓመፅን ብሕጊ ምክልኻልን ካብ መንግስቲ ፍሉይ ሓለዋን ሓገዝን ናይ ምርካብ መሰል፣
- ንኣካል ጉዱኣት ህፃውንቲ ፍሉይ ሓገዝ ምግባር፣
- ጥዕና ምሕላውን ማሕበራዊ ውሕስና ምርካብን መሰል፣
- ትምህርትን መዘናግዕን ምርካብ መሰል፣
- ካብ ኢኮኖሚያዊ ምዝመዛ፣ ፆታዊ መጥቃዕትን መዐወኒ እፃት ምክልኻል መሰል፣
- ካብ መጭወይቲ፣ ፆታዊ ምዝውዋርን ጭካነ ዝተመልአ ኣተዓባብያ ምክልኻል መሰል፣
- ካብ ኢሰብኣውን ኢሞራላውን ማለት ኣብ ስነ ኣእምሮን ኣካላዊ ፀገም ዝፈጥሩ መቕፃዕቲ ምንጋፍ መሰል፣
- ካብ ማሕበራዊ ርክብን ግልጋሎትን ምግላልን ከይሳተፉ ዝግበር ዓፈና ብስድራ ወይድማ ብዝተፈላለዩ ትካላት ምክልኻል መሰል ዝብሉ ምስ ከባቢና ጭቡጥ ኩነታት ዝዛመዱ ስለዝኾኑ ኣብ ሕድሕድ ከባቢ ዘለዉ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ጠመተ ዝግበረሎም ጉዳያት'ዮም።

**ኣንፈት ኣፈፃፅማ ሓለዋ መሰላት ህፃናት፤** ኣብ ሓለዋ መሰላት ህፃናት ዘለዉ ስፍሓት፣ ዕምቆት፣ ባህርይ፣ ምትእስሳር፣ እዋናውነት ወዘተ ጠመተን ኣፍልጦን ብምሃብ ንምስራሕ ምቹው ባይታ ንምፍጣርን ነቲ ፃዕሪ ዋዒ ንኽህልዎ ዝለዓለ ግደ ከምዘለዎ ይእመን። ስለዚ ሓለዋ መሰላት ህፃናት ንምርግጋፅ ዝስዕቡ ኣንፈታት ክፍፀሙ ይግባእ። ንሳቶም'ውን፤

- ኣብ ሓለዋ መሰላት ህፃናት ብዝተማልአ መንገዲ ንምፍፃም መንግስቲ ዝኣተዎ ተበግሶ ብሙሉእነት ውፅኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ተግባራዊ ንክኸውን ንመንግስታውን ዘይመንግስታውን ይሕብርን ይከታተልን፤
- ኣብ ኣተሓሳስባ፣ እምነታት፣ ልምድታት፣ ተግባራትን ባህርይ ናይቲ ሕብረተሰብ ነቶም ጎዳእቲ ብምቅላዕን ነቶም መሰላት ህፃናት ዘጎልብቱ ብምግዋሕ በብደረጃኡ ምቅላስ፤
- ኣብ ሓለዋ መሰላት ህፃናት ኣመልኪቱ ሰፋሕትን ግልፅን መድረኻትን ፎረማትን ምክያድን ኣብዚ ህፃናት ናፃን ግልፅን ኮይኖም ሓሳቦም ከቕርቡን ክሳተፉን ምግባር፤
- መሰላት ህፃናት ዘጠናኽሩ ሕግታት ንኽወፁን እቶም ዝወፁ ሕግታት ኣብ ባይታ ዘለዎም ኣፈፃፅማ ምክትታልን ኣብዚ መዳይ ዝፍፀሙ ስራሕቲ ምስ ተሓታትነት ተዛሚዶም ይትግበሩ ምህላዎም ምግምጋም፤
- ኣብዚ መዳይ ንስድራ፤ ንሰብ ሙያ ጥዕና፣ ንመማህራን፣ ፖሊስ፣ ኣባላት ቤት ምኽሪ ወዘተ ስልጠና ብምሃብ ዓቕሞምን ክእለቶን ምዕባይ፤
- ህፃናት በብእዋኑ ሓበሬታ ክረኽቡን ኣብዚ መዳይ ብኽመይ ኣገባብ መሰል ህፃናት ክሕሎ ከምዝግባእ ፍልጠት ክረኽቡ ምግባር ሓሳብካ ብናፃ ምግላፅን ምስታፍን ክእለት ምጉልባት፤
- ኣብ ከይዲ ምንቅስቓስ ኣፈፃፅማ መሰላት ህፃናት ዝተጠናኸረ መስርሕ ክትትል ምጥቃምን ዝተገበረ ምንቅስቓስ በብእዋኑ ፀብፃብ ምቕራብ፤
- በብደረጃኡ ምስ ዝርከባ ኣብያተ ምኽሪ ከምኡ'ዉን ፓርላማ ተምሃሮ ተዋዲድካ ምስራሕን በብእዋኑ ሓበሬታ ልውውጥ ምክያድን ዝብሉ ኣንፈታት ብምሓዝ ስራሕቲ ይውግን።



## ዕዮ ጉጅለ

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 132 - 133 ብዛዕባ ስርዓተ ፆታን ጉዳይ ህፃናትን ኣመልኪቱ ተገሊፁ ዘሎ ትልሚ ናብ ቤት መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኸያድ ኣንብቡ። ኣብዚ ብዛዕባ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት፣ ዕላማታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂታት (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ብዝምልከት ዝተፅሓፈ ተመያየጡሎም። ነዚኦም ድማ ምስዚ ዝተምሃርክምዎን ትመሃርዎ ዘለኹምን እናገናዘብኩም ተመያየጡ። ህፃናት ድጋፍን ክንክንን (ሓለዋን) ዝግበረሎም ባይታ ምፍጣርን ህፃናት ካብ ልምዓትን ዕብየትን ሃገር ተጠቀምቲ ክኾኑ ምግባርን እንትበሃል ከ እንታይ ማለት'ዩ። ነዚኦም መሰረት ብምግባር ተመያየጡ፣ ተኻትዑ'ውን።

### 4.2.2 ኣብ ህፃናት ዝበፅሑ ሓደጋታትን መምለጢ ሜላታትን



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ብዛዕባ ኣብ ህፃናት ክበፅሑ ዝኽእሉ ሓደጋታት እስኪ ዘርዝሩ? ካብዞም ዝዘርዘርክምዎም ሓደጋታት ውሽጢ ብኸመይ ኣገባብ ንህፃናት ምድሓን ይከኣል? ኣብዚኦም ሕቶታት ተመያየጡ።

ህፃናት ክገጥምዎም ካብዝኽእሉ ሓደጋታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

ሀ. ሓደጋ መኪናን እንስሳን፣ እዚ ብኽልተ መልክዑ ዝርአይ ይኽውን። እቲ ሓደ ኣብ ከተማታት ወይድማ ኣብ ፅርግያ /መንገዲ መኪና/ ዘጋጥም ጉድኣት'ዩ። ብሰንኪ እዚ ሓደጋ ብዙሓት ህፃናት ሂወቶም ክስእኑን ኣካል ጉዱኣት ክኾኑን ዝገበረ ከምዝኾነ ኩልና ንፈልጦ'ዩ። ስለዚ ካብ ሓደጋ መኪና ነፃ ክንከውን ኣቓዲምና ዝስዕቡ ጉዳያት ጠመተ ክንህብ ይግባእ።

1. ኣብ ፅርግያ ወይድማ መንገዲ መኪና ኩዕሶ ዘይምፅዋት፣
2. ኣብዚ ካልኦት መዘናግዒ ፀወታታት ቆልዑ ዘይምክያድ፣
3. ኣብ መኻይን ዘይምንጥልጣል፣
4. ናብ ዘይትፈልጥዎ ከባቢ በይንኹም ወይድማ ካብ ስድራ ወፃኢ ዘይምኻድ፣
5. ብስድራ እንተተላኢኩም ወይድማ ናብ ቤት ትምህርቲ እንትትከዱ የማን ፀጋም ብምርኣይ መንገዲ መኪና (ፅርግያ) ምስጋር (ምቁራፅ)፣
6. ሕግታትን ምልክታትን ትራፊክ ምፍላጥ፣ ዝበሉ እቶም ቁልፊ ጉዳያት እዮም።



## ዕዮ ጉጅለ

1. ሓደጋ ትራፊክ ክንደየናይ ዝኸፍዐ ሓደጋ ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? ተመያየጡ።
2. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ በዓል ሞያ ትራፊክ ብምዝርራብ መበገሲ ሓደጋ መኪና ዝኾኑ ነገራት ብምፅራይን ኣብዚ ዓመት ዘጋጥሙ ሓደጋታት በዝሕን ዝበፅሐ ጉድኣትን ፀብፃብ ኣቕርቡ።

ለ. **ሓደጋ እንስሳት፤** ምስዚ ዝተዛመደ ኣብ ህፃናት ጉድኣት ዘብፅሑ ናይ ገዛን በረኻን እንስሳ ኣለዉ። እዚኦም ከም ዕቡድ ከልቢ፣ ዝብኢ፣ ተመን፣ ዕንቅርቢትን ወዘተ እዮም። ስለዚ ህፃናት ናብ ዘይፈልጥዎም ኣኽላባት ክቐርቡን ክፃወቱን የብሎምን። ብፍላይ ካብ ገዘኦም ወፂኦም ኣብ ጫካ ወይድማ ሰብ ኣብዘይብሉ ኸባቢ እንትፃወቱ ሓደጋ ዘብፅሑ እንስሳት ከጋጥምዎም ስለዝኽእል ኣቐዲሞም ናይቲ ከባቢ ኩነታት ክፈልጡ ይግባእ። ብተወሳኺ ብዝተፈላለዩ እንስሳት ሓደጋ እንትበፅሖም እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ክርዱእን ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክኸዱ ከመዘለዎም ክፈልጡ ኣለዎም።

ሐ. **ብሰንኪ ሕማኞ መሓዛ ዘጋጥም ሓደጋ፣** ሓልሓሊፉ ህፃናት ብመሓዛ ተደፋፊኦም ዘይደለይዎን ወለዶም ዘይፈቕዱሎምን ተግባራት እንትፍፅሙ ይረአ'ዩ። ኣብዚ ዝረአዩ ፀገማት ፈራሕ ከይበሃል ኢልካ ናብ ሓደጋ ምእታው፣ ብስምዒት ተደፋፊእኻ ናብ ጉድኣት ዘብፅሑ ስራሕቲ ወይድማ ፀዋታ እንትኣትዉ ብተደጋጋሚ ይረአ። ስለዝኾነ ህፃናት ኣቐዲሞም ናይቲ መሓዞም ወይድማ ማንዘኦም ፀባይ ክፈልጡን ናብ ዘየድሊ ቦታን ፀዋታን እንትወስዶም ድማ ክቃወሙን ኣለዎም። ህፃናት'ውን ክንድዝከኣል ጉድኣት ካብዘብፅሑ ኣግባብ ምፅዋትን ሓደጋ ከብፅሑ ካብዝኽእሉ እንስሳ ንባዕሎም ክሕልዉን ይግባእ።

## ዕዮ ጉጅለ



ምስ ከልቢ ምፅዋትን ዕንጨይቲ ሒዝካ ምስ መሓዙት ምፅዋትን ሓደጋ ከብፅሕ ከምዝኽእል ትፈልጡ ዶ? ምስ መሓዙት ኣብትፃወትሉ እዋን ኣካል ክጎድኡ ዝኽእሉ ኣግባብ ምፅዋት ከ ኣለዉ ዶ? ነዚኦም ማእኸል ገይርኩም ተመያየጡ። ዝሓዝክምዎ ዝርዝር ነጥብታት ንመምህርኩም ግለፁ።

መ. **ብኤሌክትሪክ፣ መርዚ፣ ባርዕ ሓዊ፣ ነቶግትን ዝተበከለ ማይ ብምስታይን ዘጋጥሙ ሓደጋታት ጠመተ ምሃብ።** ህፃናት ኣብ ዘይፈልጥዎ ናይ ኤሌክትሪክ ገመዳት፣ ሶኬታት፣ ካልኦት ምስዚኦም ዝተራኸቡ ነገራት ብምፍላጥን ብዘይምፍላጥን ክተነኻኽፉ የብሎምን። ከምኡ'ውን ብሓዊ ምፅዋትን ብፊልም ዝረኣኻዮ ምስ ሓዊ ዝተዛመዱ ፀወታታት ምፍፃም ኣየድልን። ብተወሳኺ ህፃናት ሓዊ ከባርዑ ዝኽእሉ ከም ቤንዚን ናፍታ ዝኣምሰሉን ኣብ ቡታ ጋዝ ቀሪብካ ነዚ ሓደጋ ካብ ምቅላዕ ክቑጠቡ ይግባእ። ኣብዚ እዋን ንዝተፈላለየ ረብሓ ተባሂሎም ዝስርሑ ኬሚካላት ስለዝርከቡን እዚኦም ድማ ንሰብ ተባሂሎም እንተይኮነስ ንኢንዱስትሪ፣ ንሕርሻ ንኻልኦት ዝውዕሉ ብምዃኖም ህፃናት እንታይ ከምዝኾኑ እንተይኣገናዘቡ እንተሰትዮም ንሂወቶም ሓደጋ ስለዘስዕብ ጥንቓቐ ክግበር ኣለዎ። ስለዚ ህፃናት ዘይፈልጥዎ ዝተኣሸገ ኬሚካል ክፃወቱሉን ክሰትዩን የብሎምን።

ሕድሕድ ውግእን ኲናትን ዘለወን ሃገራት ካብቲ ኲናት ብዘይንእስ መንገዲ ናይዚ ተረፍ ዝኾኑ ነትጉቲ ዝፈጥርዎ ሓደጋ'ውን ዝለዓለ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብፀላእቲ ተቐቢሩ ዝፀንሐን ድሕሪ ብዙሕ እዋን ብውሕጅ ስለዝወፅእ ኣብ ከይዲ ፀዋታ ህፃናት ስለዝረኽብዎ ንሓደጋ ይሳጥሑ'ዮም። በዚ ኣገባብ ካብ ዘጋጠመ ፀገም ዝተበገሰ ዝተወሰደ መረዳእታ ከምዝሕብሮ ብሰንኪ ሓደጋ ነቶግቲ 85% ሚኢታዊ ዝኾኑ ህፃናት ሆስፒታል ቅድሚ ምብፀሖም ሂወቶም ከምዝስእኑ ይሕበር። ነዚ ስለዝኾነ ድማ 143 ሃገራት ኣብ ምውጋድ ነቶግቲ ኣመልኪተን ሓበራዊ ስምምዕ በፂሐን ይርከባ።

ሰ. **ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ዘጋጥም ሓደጋ፣** እዚ ፀገም ንኹሉ ዝምልከት ኾይኑ ብዝበለፀ ግና በዚ ዝተበከለ ማይ ሓደጋ ዝበፅሖም ህፃናት እዮም። ንብኽለት ማይ ዝኾኑ ምኽንያታት ኣለዉ። እዚኦም ድማ ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ሕብረተሰብን፣ እንስሳን ካልኦትን ዝወፅእ ርስሓትን ናብቲ ማይ ዘለዎ ዝድፋእ ጉሓፍ ናይቲ ከባቢ ማይ ይብከል'ዩ።



ስእሊ 4.1ብክለት ኣየር፣ ከባብን ማይን (ፈሳሲን)

ስለዚ ህፃናት ነዚ ብዘይምግዳስ ዝረኸብዎ ማይ ስለዝሰትዩን ዕሽሽ ናይ ምባል ኩነታት ኣሎ። እዚ እንትሰትዩ ድማ ከም ኮሌራን ተቕማጥን ወይድማ ሕማም ሽሮኽን ክቃልዑ ይገብሮም። ስለዚ ህፃናት ካብዚ ሓደጋ ነፃ ክኾኑ ኣለዎም። ነዚ ኣመልኪቱ ሰፋሕቲ ኣስተምህሮ ክውሃቦም ይግባእ።

## 4.2.3 ህፃናት ሓደጋ ካብ ዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል

ተምሃሮ ህፃናት ናብ ዝተፈላለዩ ሓደጋታት ንኸይኣትዉ ወይድማ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ሓደጋታት ንኸይገጥሞም እንታይ ክግበር ኣለዎ? እዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ'ዮም፤

1. **ኣስተምህሮ ምሃብ፤** ንህፃናት ብዝምጥን መንገዲ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ትምህርቲ ክረኽቡ ምግባር። ኣብዚ ዝውሃብ ትምህርቲ ዓቕምን ድልየትን ኣብ ግምት ዘእተወን ብመዘናግዒ ዝተደገፈን ክኸውን ኣለዎ። ስለዚ ንህፃናት ዝመሓላለፉ ቁም ነገራት ዘየሰላችዉ፣ እናስተምሃሩ ዘዘናግዑ፣ ሕፅር ኢሎም ብዘይርሳዕ መንገዲ ክኸውንን ብዝተኸኣለ መጠን ናይ ባህርን ኣተሓሳስባን ለውጢ ከምፅእ ምግባር። ነዚ ዘሳልጡን ሙሉእ ሓላፍነት ዝወስዱን ምንፃርን ነዚ ስራሕ ንምፍፃም ዓቕምን ልምድን ዘለዎም ንክኾኑ ክትትል ምክያድ ይግባእ።
2. **ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ፕሮጀክታት ምህላዎም፤** እዚ ተግባር ናይ መንግስቲ ጥራሕ እንተይኮነስ ናይቲ ሕብረተሰብ ግቡእ ከምዝኾነ ዝፍለጥ'ዩ። ስለዚ እቲ ማሕበረሰብ ነዚ ጉዳይ ጠመተ ብምሃብ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት ክገብሩ ኣለዎም። ከምቲ ብባህልና ዝትግበር ሓደ ህፃን ናይ ሓደ ስድራ ውፅኢት እንተይኮነስ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ድማር ውፅኢት ስለዝኾነ ነዚ ሓቂ ንምትግባር ዘኽእል ህፃናት ካብ ሓደጋ ንምንጋፍ ዝዓለመ ስራሕ ክፍፀሙ ኣለዎም።
3. **መራኸብቲ ሓፋሽ፤** ሚድያ ኣተሓሳስባ ህፃናትን ሕብረተሰብን ኣብ ምልዋጥ ኣዝዩ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎም። በዚ መሰረት መራኸብቲ ሓፋሽን ህፃናት እናተዘናግዑ ትምህርቲ ዘሕልፉ

ፕሮግራማት ኣብ ምድላው ክነጥፉ ይግባእ። ብኻሊእ ገፅ እቲ ሚድያ ተጠናኺሩ ስርሑ ብምፍፃም ካብ ባህሊ ወፃኢ ዝመሓላለፉ ፊልም ይኹን ካልኦት ወራራት ብምምካት ንህፃናት ለዋጣይ ዝኾነ ስራሕ ክፍፅም ይግባእ።

4. **ዘይመንግስታዊ ትካላት፤** ብመሰልን ካልኦት ምስ ረብሓ ህፃናት ዝተዛመዱ ስራሕቲ ዝፍፅማ ዘይመንግስታዊ ኣካላት ከምዘለዋ ይፍለጥ። እዚኦን ድማ በብግዚኡ ኣብ ዘሳልጥኦም ስራሕቲ ኣብ ከተማን ገጠርን ዘለዉ ህፃናት ካብ ሓደጋ ንምንጋፍ ዝኽእሉ ስራሕቲ ብትልሚ ዝተመስረተ ኣገባብ ክፍፅሙ ኣለዎም። እዘን ትካላት ምስቲ ዘለወን ዓለማዊ ተሞክሮ ምስ ሃገርና ጭቡጥ ኩነታት ብምዝማድን ምስ ካልኦት መንግስታዊ ኣካላት ሕብረተሰብን ተዋዲደን ውፅኢታዊ ስራሕ ክሰርሓ ትፅቢት ይግበር። ስለዚ ንህፃናት ካብ ክገጥሞም ዝኽእሉ ሓደጋታት ምክልኻል ዝምልከቱ ስራሕቲ ግደን ሓላፍነትን ስድራ ጥራሕ እንተይኮነስ ኩሎም መንግስታዊ፣ ዘይመንግስታውን ህዝባውን ትካላት ከምዝኾነ ብምእማንን ጠመተ ኣብምግባር ተዋዲዶም ክሰርሑ ኣለዎም።

5. **ብህፃናት ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት፤** ተምሃሮ ህፃናት ሓደጋ ንኸይገጥሞም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም ትብሉ? ኣብ ሓደጋ ዘብፅሑ ጉዳያት ህፃናት ባዕሎም ብቐዳምነት ጠመተ ክህቡ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ። ነዚ ንምፍፃም ድማ እዞም ዝስዕቡ ቁም ነገራት ከም መተከል ክንርእዮም ይግባእ።

- ኣብ ህፃናት ሓደጋ ዘብፅሑ ልምድታት፣ ተግባራትን መሳርሕታት ፊልዮም ክፈልጡን ብኸመይ ኣገባብ ክኽላኸሉ ከምዘለዎም ክፈልጡ ዘግብር ምብርባርን ምልዕዓልን፣
- ነዞም ሓደጋታት ህፃናት ኣመልኪቱ ካብ ወለድን መምህራንን ዝውሃብ ምኽሪ ምቕባልን ምትግባርን የድሊ። ኣብዚ ወለዲ ይኹኑ መማህራን ካብ ሕሉፍ ተሞክሮን ልምድን ተበጊሶም ዝህብዎ ምኽሪ ስለዝኾነ ካብዚ ዝመፁ ሓሳባት ተቐቢልካ ሂወትካ ምምራሕ ዝህልዎ ረብሓ ውፅኢታዊ ስለዝኾነ ነዚ ጉዳይ ትኹረት ክህቡ ይግባእ።
- ህፃናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ኣብ መንደር መሓዛ ክህልዎም ከምዝግባእ ዝፍለጥ'ዩ። ኮይኑ ግና ኣብ ከይዲ ኣመራርፃ መሓዛ ፍሉይ ጠመተ ክውሃቦ ዝግባእን ዓቢዪ ውራይ ከምዝኾነን ይእመን። ስለዚ ህፃናት ዝመርፅዎ መሓዛ ካብ ዕውልና ናፃ ዝኾነ ንሓደጋ ካብ ዘቓልዑ ጉዳያት ናፃ ዝኾነን ክኸውን ኣለዎ። ብኻሊእ ገፅ እቲ መሓዛ ናብ ዘይኸውን ቦታ ወይ ናብ ሓደጋ ዘብፅሑ ተግባራት ክወስዶ እንተለዎ ምንፃግን ዘይምቕባልን።
- ህፃናት ዘለዉዎ ዕድመ ብትምህርቲ ዝነፍዑሉ እዋን ስለዝኾነ ነዚ ጉዳይ ሰጢሞም ክፅንዑ ኣለዎም። እዚ ንምትግባር ድማ ጊዜኦም ብኣግባቡ ክጥቀሙ ስለዘለዎምን መብዛሕትኡ ድማ ኣብ መፅናዕቲ ትምህርቶም ክነፍዑ ንምግባር ኩሉ ስራሕቶም ብትልሚ መሰረት ክፍፅሙ ይግባእ። ዝብሉ መሰረታውን ኣገደስትን ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው ዓርሶም ካብ ሓደጋታት ክኽላኸሉ ኣለዎም። ተምሃሮ ክትገብርዎም ዝግብእኹም ጥንቃቐታት ተረዲእኹም ዶ?



## ዕዮ ጉጅለ

1. ሰብኣዊ መሰል እንታይ ማለት እዩ? ከመይ ይግለፅ? ኣብርህዎ።
2. ሕገ መንግስቲ ኢ.ፌ.ዲ.ሪ ዓንቀፅ 14 - 28 ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዝገልፆም ኣንቢብካ ኣረድኡ።
3. ሰብኣዊ መሰላት ወዲሰብ ብተፈጥሮኡ ሰብ ብምዃኑ ዝተውሃብዎ እዮም። እሞ ንምንታይ ድኣ ብሕግን ሕገ መንግስትን ምርግጋፅ ኣድለየ ዝብል ኣረድኡ።
4. ኣርባዕቲኦም መደባት ሰብኣዊ መሰላት ዘርዚርካ ግለፁ።

5. ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝተዳለወ ኮንቬንሽን ንመሰላት ህፃናት ከመይ ይገልፆም? ዘርዚርካ ኣረድእ። ነዚ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ካብ ቤት ትምህርትኹም ውሰዱ።
6. ትሕዝቶ መሰላት ህፃናት ብዝርዝር ግለፁ።
7. ሕገ መንግስቲ ኢ.ፌ.ዲ.ሪ ዓንቀፅ 36 ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ከመይ ከምዝገለፆ ኣረድኡ።
8. ንኣፈፃፅማ ሓለዋ ህፃናት ብዝምልከት ኣገደስቲ ዝበሃሉ ጥቐሱ።
9. ንህፃናት ሓደጋ ከብፅሑ ዝኽእሉ ኩነታትን መምለጢ ሜላታትን ኣረድኡ።
10. ህፃናት ሓደጋ ካብዘብፅሑሎም ኣጋጣምታት (ተጓንፎታት) ንምክልኻል እንታይ ክግበር ኣለዎ? ህፃናት ክገብርዎም ዝግብኦም ጥንቃቐታት ብዝርዝር ግለፁ።

## 4.3 ጉዳይ ሻጋርነት ዘገልብቱ ከባብያዊ ውዳበታት

ተምሃሮ ኣጋርነት ዘጎልብቱ ከባብያዊ ውድባት ኣለዉ ዶ? እንመን እዮም? ነዚ ዝምልከት መብርሂ ካብ ወለድኹም ወይድማ ካልኦት ዓበይቲ ሰባት ሓቲትኩም ዝረኸብኩምዎ መልሲ ብዝርዝር ክትፅሕፍዎ ይግባእ። ብዛዕባ በይነ-መንግስታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ እንታይ ትፈልጥዎ ነገር ኣሎ? ካብ ጋዜጣ ወይድማ ካብ ማእኸናት ዜና ዝረኸብኩምዎ መረዳእታ እንተልዩ ግለፁ።

### 4.3.4 ኣጋርነት በይነ መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢ.ጋድ)

ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢ.ጋድ) እንታይ'ዩ? እዚ ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ጅቡቲ ዝገበረ ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢ.ጋድ) ብ1986 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸ ውድብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ'ዩ:: እዚ ውድብ ቅድም ክብል ድርቂ ኣብ ምክልኻልን ልምዓት ምቅልጣፍን ዝብል ተመስሪቱ ዝፀንሐ ኾይኑ ድሕሪ 1986 ዓ.ም.ፈ ካብቲ ሒዝዎ ዝነበረ ዕላማ ብምስፋሕ ደጊሙ ክውደብ ክኢሉ'ዩ:: እዚ ድማ ኣብ ንግድን ባንኪን ብስፍሐት ዝተኣተወ ሰራሕ ኾይኑ ኣሎ::




ካርታ 4.1 ኣባል ሃገራት ኢ.ጋድ

ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢ.ጋድ) ኣብ ከባብያዊ ልምዓትን ሕብረትን ማእኸል ገይሩ ዝተጣየሸ ውዳበ እንትኸውን እዘን ሃገራት ኣብ ከባቢአን ንልምዓት ክተሓባበራን ኣብ ዞባዊ ቀጠና ምብራቕ ኣፍሪካ ሰላምን ምርግጋእን ንክዓስል ዕላምኡ ዝገበረ'ዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ብምኽንያት ኣብ ሃገረ ሶማልያ ዘሎ ኩናት ሕድሕድን ፖለቲካዊ ቅልውላውን ዝተበገሰ ኣብ ሰላምን ሕድኣትን ዞባዊ ቀጠና ክልል ምብራቕ ኣፍሪካ ኣዐርዩ እናተሓመሰ ይርከብ። ተምሃሮ ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካን (ኢ.ጋድ) ተግባራቱን ተረዲእኹም ዶ?

ጅቡቲ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ፣ ሶማልያ፣ ሱዳንን ዩጋንዳን ኣባላት ኢ.ጋድ እንትኾና ኤርትራ ግና ብ1993 ዓ.ም.ፈ ኣባል ኾይና ብ2007 ዓ.ም.ፈ ካብ ኣባልነት ዝተሰናበተት ሃገር እያ።

ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢ.ጋድ) ስራሕቱ ንምፍፃም ዝስዕብ ኣወዳድባ ኣለዎ፤

- **ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት፤** ዝለዓለ ውሳነ ዝውሃበሉን ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ዝካየድ'ዩ።
- **ቤት ፅሕፈት፤** በቶም መራሕቲ ሃገራት በብኣርባዕተ ዓመቱ ዝምረፅ ዋና ፀሓፊ ዘለዎ ኾይኑ እዚ ትካል ንኣባል ሃገራት ስጡም ርክብ ንኽህሉ ዝተፈላለዩ ሞያዊ ምኽርን ግልጋሎትን ይህብ፣ ርእይቶታት እናዳለወ የቕርብ።
- **ካውንስል ሚኒስትራት፤** ሚኒስትራት ወፃኢ ጉዳይ ኣባል ሃገራት ዘለውዎ ፖሊሲን ፕሮግራምን ኣብ ምድላው፣ ናይ ስራሕ ትልሚ ኣብ ምውፃእ፣ በጀት ቤት ፅሕፈት ኣብ ምፅዳቕ ዝለዓለ ስራሕቲ ይፍፀም።
- **ብኣምባሳደራት ዝተወደበ ኮሚቴ፤** ኣብ ከይድ ስራሕቲ በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢ.ጋድ) ግልጋሎት ምኽሪ ዝህብን ንፁር ናይ ሓበሬታ ስርዓት ብምጥያሽ ነቲ ቤት ፅሕፈት ኣመራርሓ ምሃብን ምድጋፍን ዝብሉ መደባት ኣለውዎ።

ኣብዚ እዋን ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢ.ጋድ) ጠመተ ብምሃብ ይሰርሖ ዘሎ ኣብ ጉዳይ ሶማልያ'ዩ። እዛ ሃገር ንኣስታት 19 ዓመታት መንግስቲ ኣልቦ ኾይና ስለዝፀንሐትን ብሰንኪ ብዓሌትን ጎሳን ተመቓቒላ ኣብ ሕድ ሕድ ኲናትን ምንቛርን ስለዘላ ነዚ ንምፍታሕ ሰፊሕ ፃዕሪ ኣብ ምግባር ይርከባ። ናይዚ ፀገም ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኣብቲ ሰላምን ፀጥታን ናይተን ሃገራት ኣሉታዊ ፅልዋ ስለዘለዎ ኣብዚ ክሰርሓን ሶማልያ ናብ ንቡር መንግስታዊ ስራሕቲ ከእትዋ ዝኽእል ሰላምን ፀጥታን ኣብ ምርካብ ክነጥፉ ስለዝግባእ እዚ ንምትግባር በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢ.ጋድ) ሰፊሕቲ ስራሕቲ እናወገነ'ዩ።

ብተመሳሳሊ ካልኦት ኣብ ዓለም ዝርከቡ ራዕዲ ፈጠርቲ መበቆልን መኣከቢት ኮይና ስለዘላን ነዚ ጉዳይ መፈፀሚ ዝኸውን ድማ ካብ ኤርትራ ደገፍ እናረኸቡ ህውከትን ዕግርግርን ኣብተን ኣባል ሃገራት ክፍፅሙ ስለዝኽእሉ ነዚ ንምክልኻልን ንምውጋድ ዝለዓለ ሓላፍነት ናይ በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢ.ጋድ) ከምዝኾነ ብምእማን ብሓባር ይስረሓሉ ኣሎ። ተምሃሮ ኣባላት እዚ ዞባዊ ውድብ እንታይ ተራ ኣለወን ኢልኩም ትኣምኑ? ዕላማን ፀገማትን ኣገናዝብዎ።

## 4.3.2 መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል (Nile Basin Intiatives)





ስእሊ 4.2 ኣርማ መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል

ተምሃሮ ብዛዕባ መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይል እንታይ ትፈልጡ? ኣብዚ መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ኣባይ (ናይል) ዝምልከተን ተሳተፍቲ ሃገራት እንመን'የን?

ኣባል ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል ዝኾኑ ዓሰርተ ሃገራት ዝስዕቡ'ዮም፤ ግብፂ፣ ሱዳን፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ኡጋንዳ፣ ሩዋንዳ፣ ብሩንዲ፣ ታንዛኒያን፣ ኬንያን ኮንጎ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክን እዮም።



ስእሊ 4.3 ሰንደቕ ዕላማ ኣባል ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ናይል




ስእሊ 4.4 ኣባል ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል




## ንጥፈት

- ነዞም ኣብላዕሊ ዘለዉ ሰንደቕ ዕላማታት ምስ ኣባል ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል ኣዛምዱ?
- ካብ ኣባል ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል ውሽጢ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ዘይምደቡ እንመን እዮም?
- ካብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ውሽጢ ኣባል ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል ዘይኮኑ እንመን እዮም?

ኢትዮጵያ ሃገርና ብዙሓት ዓበይትን ኣናእይሽተይን ሩባታት ዘለውዋ ሃገር እያ። ካብዚኦም መብዛሕትኦም እቶም ዓበይቲ ሩባታት ዝለዓለ እጃም ዘለዎም እንትኾኑ እቶም ኣናእሽተይ ሩባታት ድማ ናብዚኦም ዝፈሱ ወይድማ ዝሕወሱን እዮም። ካብዚኦም እቲ ብንውሓቱ ካብ ዓለም ቀዳማይ ዝኾነ ሩባ ኣባይ ዘወነነት ሃገር እያ። ኾይኑ ግና ኣብዛ ሃገርን ኣህጉርን ተዛሚዱ እንትረአይ ኩነታት ኣባይ ዝተሓላላኸን ካብ ኢኮኖሚያዊ ረብሕኡን ፖለቲካዊ መዳዩን ዝዓበየ ይኸውን ኣሎ። ነዚ ዝገበሮ ድማ ከም ሃገር ዘለል ሩባ ኣብ ሞንጎ ላዕላዋይን ታሕታዋይን ተፋሰስ ዘሎ ሓርፋፍ ርክብ ወይድማ ዝምድና እዩ።

ሩባ ናይል ካብ ክልተ ላዕለዎት ተፋሰስ ሃገራት ተበጊሱ ኣብ ካርቱም ዝራኸብን ናይል እናተብሃለ ዝፅዋዕን እዩ። እቲ ሓደ ካብ ኡጋንዳ እንትኾን እቲ ካልኣይን 86 ሚኢታዊ ትሕዝቶ ዘለዎን ድማ ካብ ኢትዮጵያ ዝፈስስ ማይ ከምዝኾነ ይፍለጥ። ከምዚ እናሃለወ ግና ብዘበለፀ ናይዚ ማይ ተጠቀምቲ ኣብ ታሕተዎት መፋሰስ ዝርከባ ሱዳንን ግብፅን እየን። ነዚ ብስፍሓት ምጥቃም ሕጋዊ ንምግባር ኣብ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ እናሃለወት ብሓልዮት ባዕዳዊ ገዛእቲ ፈለማ ብ1929 ዓ.ም.ፈ ካልኣይ ብ1959 ዓ.ም.ፈ ፍትሓዊ ዘይኮነ ድልድል ኣጠቓቕማ ተወሲኑ። ግብፂ ልዕሊ 80 ሚኢታዊ፣ ሱዳን ድማ ዝተረፈ ንኽትጥቀም እንትውሰን እተን ነዚ ሩባ መበቆል ዝኾና ኢትዮጵያ፣ ኡጋንዳ፣ ኬንያ፣ ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲ፣ ታንዛንያን ዲሞክራቲክ ሪፖብሊክ ኮንጎን ምንም ተጠቀምቲ ዝኾናሉ ኣገባብ ከምዘየለ ዘነፀረ ስምምዕ ነይሩ።




ካርታ 4.2 ተፋሰስ ሩባ ናይል

ኣብ ሩባ ኣባይ (ናይል) ዘሎ ዘይፍትሓዊ ኣጠቓቕማ ኣብ ሃገርና ቅድሚ ብኢህወደግ ዝነበሩ መራሕቲ ዝነበሮም ተቓውሞ ብቃል ጥራሕ እናተገለፀ ንዓመታት ፀኒሑ'ዩ። ኢትዮጵያ ንሩባ ናይል መበቆል ብምዃና ክንዲ ክብሪ ዝውሃባ ንኹናት ስግኣት ኾይኑ ክፀንሕ ገይርዎ'ዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘሎ መንግስቲ ነዚ ዘይፍትሓዊ ኣካይዳ ተሸኪሙ ክኸይድ ስለዘይደለየን ካብ ድኽነት ቐልጢፉ ንምንጋፍ ዘኽእል ስትራቴጂ ብምሕንፃፁን ንሩባ ኣባይን ተፋሰሱን ኣካል'ዚ ስትራቴጂ ገይሩዎ። ስለዚ ነዚ ዘይፍትሓዊ ሕግታት ተሪሩ እናተቓወመ ይርከብ።

ነዚ ዘይፍትሓዊ ኣጠቓቕማ ማይ ሕጋዊ መልክዕ ንኸትሕዝ እተን መበቆል ዝኾና ላዕላዎት መፋሰስ ሃገራት ነቲ ብ1959 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ስምምዕነት ንምልዋጥ ዝዓለመ ሓዱሽ ውድብ ተጣይሹ ይርከብ፡፡ ኣብዚ ውድብ ድማ ግብፅን ሱዳንን ተሓዊሰን ንኣስታት ዓሰርተ ዓመት ተኸታታሊ ምይይጥ ምስተገበረሉ ኣብ 2010 ዓ.ም.ፈ ናብ ስምምዕነት ተበፂሑ'ዩ፡፡ እዚ ስምምዕ ድማ ኩለን ሃገራት ማዕረ ተጠቀምቲ ንክኾና ዝገብር'ዩ፡፡ ኣብዚ ግና ግብፅን ሱዳንን ዘይተቐበለኦ እንትኾና ኢትዮጵያ ነዚ ጉዳይ ብምቅዋማ ሩባ ኣባይ ተጠቃምነት ዘይገብራ ሕጊ ብምልኡ ከምዘይትቕበሎ ብግልፂ ብምቕራብ ዛጊድ ዘይንዓቕ ሰፋሕቲ ናይ ከባቢ ምሕዋይን መስኖ ሰራሕትን እናተጠቐመት ትርከብ፡፡ ቅዋም ኢትዮጵያ "ኩለን ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ኣባይ ብማዕረ ክጥቀማ ኣለወን" ዝብል እዩ። ስለዚ ብ1929ን 1959ን ዓ.ም.ፈ ዝተፈረመ ስምምዕነት ኣጠቓቕማ ሩባ ኣባይ ንሱዳንን ግብፅን ጥራሕ ተጠቃምነት ዘረጋገፀ ስለዝነበረ ሃገርና ኢትዮጵያን ካልኦት ሃገራትን ብሓባር እናተቓወመኦ መፂኤን'የን። ሕዚ ግና ብ2010 እዚ ስምምዕነት ኩለን ሃገራት እንትቅበለኦ ግብፂ ግና ኣይተቐበለቶን።

ብሓፈሻ መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል ኣብዚ እዋን ናብ ዕልባት ንምብፃሕ ዝተቐራረቡሉ እዋን ዝበፅሐ እንትኾን ኣብ ግብፅን ሱዳንን ዘሎ ዝተዛብዐ ኣረኣእያ ንኸመሓየሽ ካብተን ካልኦት ሃገራት ማለት ቅድም ካብ ዝነበረ ፍልይ ብዝበለ ኩነታት ድፍኢት እናተገበረለን ይርከብ፡፡ ብፍላይ ኣብ ሃገርና ብዝደጋገም ድርቂ ምኽንያት ዘጋጥም ሓደጋ ንምኽልኻል ድኽነት ንምውጋድ ስራሕቲ መስኖ ብስፍሓት ምጥቃም ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኣብ ሩባ ኣባይ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ክመሓየሽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተሪሩ እናተቓለሰ ይርከብ፡፡

ስለዚ እዚ ውዳበ ኣብ ሞንጎ ተፋሰስ ክልቲኡ ሩባታት ዝርከቡ ሃገራት ዝካየድ እቲ ቀንዲ ሸቶ ተገይሩ ዝውሰድ "ኣብ ሩባ ናይል ዘለዋ ሃገራት ፍትሓውን ማዕረን ብዝኾነ መንገድን ብምጥቃም ዘላቒ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ምርግጋፅ" ዝብል ሸቶ ብምሓዝ ዝተወደበ'ዩ። ኣብ 2010 ዓ.ም.ፈ "ንብሩህ መፃኢ ብሓባር ምስራሕ (Working together for a better future) ዝብል መረዳድኢ ቴማ ብምሓዝ ናብ ስራሕ ንምውፋር ከምዝተኸኣለ ይሕበር።

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ናይል ቤዚን ኢንሸቲቭ ኣብ ለካቲት 1999 ዓ.ም.ፈ ብዕሊ ምስተጣየሸ ነዚ ንምምራሕ ዘኽእል ትካላዊ ኣወዳድባ ክፍጠርን ነዚ ንምምራሕ ኣብ ንፁር ፖሊሲ ኣንፈትን መምርሕን ተመስሪቱ ስርሑ ክውግን ከምዘለዎ ተነፂሩ። ዝተነፀሩ ዕላማታት ድማ እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

- ኣብ ሩባ ናይል ዘሎ ሃፍቲ ማይ ማዕረን ዘላቕን ብዝኾነ ኣገባብ ንምጥቃም ዘኽእል ኣሰራርሓ ምፍጣር፣
- ሃፍቲ፣ ሰላምን ፀጥታን ንኹሎም ህዝብታት ምርግጋፅ፣
- ውዕኢታዊ ምምሕዳር ማይን እኹል ኣጠቓቕማ ፀጋታት ንኽህሉ ምግባር፣
- ኣብ ሞንጎ ተፋሰስ ሃገራት ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ዝተመስረተ ሓበራዊ ድሌትን ተግባርን ንኽህሉ ምዕዓር፣
- ድኽነት ኣብ ምውጋድን ዝተዋደደ ኢኮኖሚ ማእኸል ብምግባር ስራሕቲ ልምዓት ምውጋን፣
- እዚ መደብ ካብ ትልሚ ናብ ተግባር ዝሰጋገረሉ ኩነታት ምፍጣር ዝብሉ'ዮም።

ነዞም ዝስዕቡ ዓበይትን ሰፋሕትን ንምፍፃም ዘኽእል ስትራቴጂክ ትልሚ ዝተዳለወ እንትኾን እዚ ድማ ከም ቴማ ገይሩ ዝወሰዶ "ሩባ ናይል ፍትሓውን ንኹሎም ኣባል ሃገራት ረብሓን ብማዕረ ምጥቃምን" ዝብል ነይሩ። እሞ ተምሃሮ ኣባላት መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል (Nile Basin Intiatives) እንታይ ተራ ኣለዎም ኢልኩም ትሓስቡ?

ስለዚ ዕላማታት ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢጋድ) ኣብ ልምዓትን መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይልን (Nile Basin Intiatives) ኣብ ሞንጎ መንግስታት ዝተገብሩ ስምምዕነት ልምዓት ከምዝኾኑ ተረዲእኹምዶ? ዕላማታትን ኣባላት ሃገራትን እዞም ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢጋድ) ኣብ ልምዓትን መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይልን (Nile Basin Intiatives) ግለፁ።

## መጠቓለሊ

ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ደም ዝርከብ ቫይረስ እንትኾውን ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ ሰብ ተላባዳይን ተመሓላላፋይን'ዩ። ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ብደም ጥራሕ ዝመሓላለፍ ዘይኮነስ ብፆታዊ ርክብ'ውን ካብቶም ቫይረስ ተሸከምቲ ዝኾኑ ሰባት ናብቶም ጥዑያት ሰባት ዝመሓላለፍ እዩ። ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ካብ ሓደ ናብ ካሊእ ዝመሓላለፈሉ'ም ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር ብምንኽኻእን ብምትንፋስን ወዘተ ዝመሓላለፍ ኣይኮነን። ስለዚ ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ማሕበራውን ጥዕናውን ፀገም'ዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ዝተፈላለዩ ጠቐምትን ጎዳእትን ባህልታትን ልምድታትን ኣለዉ። ንኣብነት ንህፃናት ፀባ ጡብ ኣዶ ምጥዋብን ምትሕልላይን ካብቶም ዝጥቀሱ ሰናይ ማሕበራዊ ሃፍታትና ውሽጢ ይምደቡ። ኣብ ባህልና ጠቐምቲ ልማዳዊ ባህልታት ከምዘለዉ ኹሉ ብጣዕሚ ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት'ውን ኣለዉ'ዮም። እዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት ዝበሃሉ ብፍላይ ኣብ ኣዴታት፣ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ምስ ጥዕና፣ ስነ ልቦናን ማሕበራዊ ኩነታትን ዝተዛመዱ ፀገማት ይፈጥሩ ዘለዉ'ዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ምኽንሻብ ብልዕቲ ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ፣ ምኽላዕ ዓንቀር፣ ምፍልፋል ስኒ ባርካይ፣ ምጥባሕን ምውቃጥን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ድማ ንምትሕልላፍን ሓደጋን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ዘቃልዑ'ዮም። እዚኦም ጎዳእቲ ባህልታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ጎደእቲ'ውን እዮም። ኣብ ኣዴታት ዝፍፀሙ ካልኦት ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን'ውን ኣለዉ። ንኣብነት ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ ምስ ዘይማንዛ ሓዳር ምግባር፣ መዳሕንቲ ምእንታን ክወርድ ከብዲ ኣዶ ብጠስሚ ምድራዝ፣ ዘይተመጣጠነ ምግቢ ወዘተ ጎዳእቲ ልምድታትን ባህልታትን'ዮም።

ካብዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታው ውሽጢ እቲ ሓደ ብጣዕሚ ጎዳእን መስካሕካሓይን 'ምኽንሻብ' እዩ። ብፍላይ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ተዛሚዱ ንምንታይ 'ምኽንሻብ' ብሕብረተሰብና ይምረፅ ከምዝነበረ ብዝምልከት ኣብዚ መፅሓፍ ዝተመልከቱ ሓሙሽተ ምኽንያታት ኣለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣዝዮም ብዙሓት ጎዳእቲ ሳዕቤናት ኣለዉዎ። ካብዚኦም ውሽጢ ብዙሕ ደም ምፍሳሱ፣ ፅርየት ብዘጎደሎም መሳርሕታት ምጥቃም፣ ቃንዛን ስቓይን፣ ከምኡ'ውን ቀንዲ መንገዲ ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምኽላዕ ዓንቀርን ምፍልፋል ድርፃንን (ስኒ ባርካይ) ካብቶም ጎዳእቲ ዝበሃሉ ልማዳዊ ባህልታት ውሽጢ ዝምደቡ'ዮም። ትሕቲ ዕድመ መርዓ'ውን እቲ ካሊእ ጎዳኢ ልማዳዊ ባህሊ እንትኾውን ምስ ማሕበራዊ መነባብሮ ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ምስ ጥዕና ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ኢኮኖሚያዊ ፀገማትን ሕጋዊ ክፍተታትን ዝመሳሰሉ ሳዕቤናት ኣለዉዎ።

ጎዳእቲ ባህልታትን ልማዳትን ካሊእ ሳዕቤን'ውን የብፅሑ'ዮም። ንህፃናት ናብ ጎደና ሓዳርነትን ጎዳና ተመሓዳዳርነትን የቃልዖም'ዩ። ስለዚ ሕብረተሰብ ብምትሕብባር ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ብምውጋድ ከምኡ'ውን ክንክንን ደገፍን ብምሃብ ኣብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ተራ ዜግነታዊ ሓላፍነት ክፃወቱ ይግባእ። ኣድልዎ፣ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ብብዙሕ መንገዲ ዝግለፅን ዝንፀባረቕን ኾይኑ ስነ ኣእምሮኣዊ ፀቕጢ ይፈጥር'ዩ። ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ብደረጃ ስድራ፣ ኣብ ስራሕን ኣብ ማሕበረሰብን ብተፈላለየ መልክዑ ክንፀባረቕ ይኽእል'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ኣድልዎ'ውን ብምዃኑ ኣሉታዊ ፅልዋ ኣለዎ። ስለዚ ግደ ማሕበረሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ዝለዓለ'ዩ።

ምምጥጣን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሃገር ኣገዳሲ'ዩ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሃገራት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት ይፈጥር'ዩ። ብፍላይ ድማ ንሃገርና ማእኸል ገይርና እንትንርእይ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሲ መሬት ምንኣስ ንዘጋጥም ፀገም መንቀሊ'ዩ። ዓቐን ዘይብሉ በዝሒ ህዝቢ ዓለም ምውሳኽ ዓብዪ እጃም ዘለወን ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት

እንትኾና ብፍላይ ሃገራት እስያን ኣፍሪካን ዝለዓለ ተራ ኣለወን። ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያውን ከባብያውን ኩነታት ዓብዪ ዕልዋ ኣለዎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ከባብያዊ ብርሰት፣ ብርሰት ደን፣ ብሰንኪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሞ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጋህዒ፣ ብርሰት እንስሳት ዘገዳም፣ ፍግረ መሬትን ምዝባዕ ውሕስና ምግብን ብምኽንያት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥሙ ፀገማት'ዮም።

ሰናይ ምምሕዳር ኩለመዳያዊ ንጥፈትን ተበግሶን መንግስታዊ ኣካላት ዝጠልብን ብዘላቒ መልክዑ ድማ ንዝፍፀሙን ዝትግበሩን ስራሕቲ ዲሞክራሲ ዘጎልብትን ልምዓት ዘቀላጥፍን እዩ። ኣብዚ መፅሓፍ'ዚ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣርባዕተ መሰረታዊ ቁም ነገራት ዝተመስረተ ከምዝኾነ ተሓቢሩ'ዩ። ሰናይ ምምሕዳር ኣንፃር ግዕዝይና ብትረት ምንቅስቓስ፣ ንውሳነ ኣወሃህባ ምእንታን ክሕግዝ ድምፂ ካልኦት ምስማዕ፣ ንሕቶ ሕብረተሰብ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብን ማዕረ መሰል ንኹሉ (ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር) ዝበሉ ይርከብዎም። ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ካብዘለዉዎ ረብሓ እቲ ሓደ መሰላት ህፃናት ንኽክበሩ ምሕጋዝ እዩ። ልዕልነት ሕጊ ክኽበርን መሰላት ህፃናት ንኽይገሃሱን ዓብዪ መሳርሒ'ዩ።

ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ብምልኦም ህፃናት'ዮም ዝበሃሉ። ህፃናት'ውን ክንክንን ሓለዋን ክግበረሎም ይግባእ። መሰላት ህፃናት ብምልኡነት ክሕለውን ክኽበርን ይግባእ። ስለዚ ህፃናት ብመሰረት ብሕገ መንግስቲ ዝተረጋገፁሎም መሰላት ብወለዶም፣ ብመዕበይቶም፣ ብሕብረተሰብ፣ ብኣብያተ ትምህርቲ፣ ብመንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብዝለዓለ ብርኪ ሓለዋን ክንክንን ክግበረሎም ይግባእ። ድጋፍን ከለላ ሕጊ'ውን የድልዮም'ዩ። ኣብ ህፃናት ዝተፈላለዩ ሓደጋት ክበፅሑ ይኽእሉ'ዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ድማ ሓደጋ መኪናን እንስሳትን፣ ብሰንኪ ሕማቕ መሓዛ ዘጋጥም ሓደጋ፣ ብኤሌክትሪክ፣ መርዚ (ስሚ)፣ ባርዕ ሓዊ፣ ነቶግትን ዘጋጥሙ ሓደጋታት፣ ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ዘጋጥም ሓደጋ፣ ብሰንኪ ብክለት ኣየርን ከባብን ዘጋጥሙ ሓደጋታት ወዘተ ዝተወሰኑ'ዮም። ስለዚ ህፃናት ሓደጋ ካብ ዘብፅሑ ጉዳያት ምክልኻል ብዝምልከት ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ። ስለዚ ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዓለ ተራ ኣለዎም።

መሰላት ህፃናት ምኽባር ካብቶም ክትግበሩ ዝግብኦም ሰብኣዊ መሰላት ውሽጢ ዝምደብ'ዩ። ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ ደቂ ሰባት ብተፈጥሮኦም ሰባት ብምዃኖም ጥራሕ ዝህልዎም መሰል'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ደቂ ሰባት ብተፈጥሮኦም ሰባት ስለዝኾኑ ጥራሕ ዝሕለወሎም መሰል'ሎ። እዚ ማለት ደቂ ሰባት ብሰብኣዊ ክብሮም ኣይበላለፁን፣ ኩሎም ደቂ ሰባት ብሰብኣዊ ተፈጥሮኦም ማዕረ ክብሪ ይግብኦም። ሰብኣዊ መሰል ማለት ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቛንቋ፣ ብቀለም (ሕብሪ ቆርበት)፣ ብማሕበራዊ ኣመፃፅኣ፣ ብፆታ፣ ብዓሌት፣ ብፖለቲካ ወይድማ ካልኦት ኣረኣእያታት፣ ብኹነታት ቁጠባዊ ዓቕሚ፣ ብዕድመ፣ ኩነታት ጥዕና ይኹን ብካልእ ምኽንያታት ኣፈላላይ ከይተገበረሎም ብሓባር ዝተዓደልዎም እዮም።

ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢጋድ) ኣብ ከባብያዊ ልምዓትን ሕብረትን ማእኸል ገይሩ ዝተጣየሸ ውዳብ ሽዱሽተ ሃገራት እንትኸውን እዘን ሃገራት ክተሓባበራን ኣብ ዞባዊ ቀጠና ምብራቕ ኣፍሪካ ሰላምን ምርግጋእን ንክዓስል ዕላምኡ ዝገበረ'ዩ። ኣባል ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል (ናይል ቤዚን ኢኒሼቲቭ) ዓሰርተ እንትኾና እዚኣን ድማ ግብፂ፣ ሱዳን፣ ኢትዮጵያ፣ ኡጋንዳ፣ ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲ፣ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክ ኮንጎ፣ ኬንያን ታንዛንያን'ዮም። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኢትዮጵያን ካልኦት ኣባል ሃገራት'ዚ ውዳብ "ኩለን ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይል ብማዕረ ክጥቀማ ኣለወን" ዝብል ጥንኩር ቅዋም ኣለወን። ነዚ ሓሳብ መሰረት ብምግባር መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ተፋሰስ ሩባ ኣባይ 5250 ሜጋ ዋት ሓይሊ ከመንጭው ዝኽእል ዓብዪ ሓፅቢ (ግድብ) ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ቤንሻንጉል ይሃንፅ'ሎ።

# ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ HIV/AIDS | ሕማም ንምክልኻል ዘኽእል ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ወዲሰብ ዘዳኽም ቫይረስ - Human Immunio Defficiency Virus / Acquired Immunio Deficiency Syndrome |
| 2 | ምግላልን ምፅያፍን | ብሰላምታ፣ ምንኽኻእን ትንፋሽን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ ዝመሓላለፍ ስለዝመስሎም እዚ ቫይረስ ኣብ ደሞም ንዘለዎም ሰባት ንዘይምቕራብን ንዘይምልዕዓልን ዝግበር ኣካላውን ስምዒታውን ምልክታት |
| 3 | ባህላዊ ልምድታት | ምስ ሃይማኖታውን ልማዳውን ስርዓት መነባብሮ ዝተኣሳሰሩ ዝውቱር ተግባራትን ባህልታትን |
| 4 | ምኽንሻብ | ብምኽንያት ባህላዊ እምነታትን ልምድታትን ዝግበር ምትልታል ብልዕቲ (ምግራዝ) |
| 5 | ድርፃን | ስኒ ፀባ ወይድማ ስኒ ባርካይ እናተብሃለ ዝፍለጥ |
| 6 | ዓንቀር | ኣብ ጉሮሮ ላዕለዋይ ክፍሊ ንታሕቲ ተንጠልጢሉ ዝበቁል ልስሉስን ንእይሽተይን ኣካል |
| 7 | ትሕቲ ዕድመ መርዓ | ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመኦን ምምርዓው |
| 8 | ምውቃጥ | ኣብ ግንባር፣ ክሳድ፣ ድርፃን ስኒ፣ ኢ.ድን ኣካላትን ብዘይለቕቕ ፀሊም ሕብሪ ምፅብባቕ |
| 9 | ምጥባሕ | ኣብ ግንባር፣ ምዕጉርትን ቅርንብ (ቅንድብ) ዓይንን ዝግበር ምትልታል |
| 10 | ጎደና ሓደርቲ | ኣብ ጎደና ውዒሎም ኣብ ጎደና ዝሓድሩ ህፃናት |
| 11 | ጎደና ተመሓዳደርቲ | ኣብ ጎደና ውዒሎም ናብ ገዛ ዝምለሱ ህፃናት |
| 12 | ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን | መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም ንኸትግበር ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ልምዓትን |
| 13 | ሽቶ / ሽቶታት | ዝምዝገቡ ውፅኢ.ታትን ዝብፅሑ ዕላማታትን |
| 14 | ሰናይ ምምሕዳር | ብኹሉ መዳይ ዝተማልአ ሓባራዊ ምርድዳእ ማእኸል ዝገበረ ግልፂ፣ ፅሑፍ፣ ቅኑዕ፣ ፍትሓዊ፣ ማዕረ፣ ስሉጥ፣ ኣሳታፊ.ይ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት፣ ዲሞክራሲ.ያዊ፣ ተበፃሓይ፣ ተኣማንነትን ተሓታትነትን ዘንገሰ ከምኡ'ውን ልዕልነት ሕጊ ዘረጋገፀን ስርዓት ምምሕዳር ኣብ ኩሉ መዳይ መሓውር መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እንትህልው ዝግለፅ'ዩ |
| 15 | መሰላት ህፃናት | ኣብ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ዝተቐመጡ ጉዳያት እንትይተሸራረፉ ክትግበሩን ብዝበለፀ ግና ህፃናት ካብ ዓመፅ፣ ምዝመዛን ምግሃስን ክሕለዉ ምግባር |
| 16 | ደሕንነት ህፃናት | ህፃናት በደላትን ግፍዕን ከምኡ'ውን ምዝመዛን ንከይበፅሖም ዝግበር ክትትልን ምክልኻልን |

| | | |
|---|---|---|
| 17 | በዝሒ ህዝቢ | ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ከተማን ገጠርን ካብ ውልደት ጀሚሩ ብህይወት ዝነብር ጠቕላላ ህዝቢ ተቖጺሩ ዝፍለጥ በዝሒ ኣሃዝ መግለጺ'ዩ። |
| 18 | ፍግረ መሬት | ዝናብ እንትወቅዕ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መሬት ዝርከብ ሓመድ እናንሕጎሐ ዕርግርግ ኣቢሉ እንትወስዶ ማለት'ዩ። ላዕለዋይ ልሙዕ ሓመድ ብውሕጅ ይኩን ብንፋስን ተፀሪጉ እንትጉሕጎሕ ማለት'ዩ። |
| 19 | እንስሳት ዘገዳም | ኣብ ዱርን ኣግራባትን ዝርከቡ እንስሳት። ንኣብነት ኣንበሳ፣ ሓርማዝ፣ ተመን፣ ገበል፣ ዝብኢ፣ ማንትለ፣ ቡኻርያ፣ ህበይ፣ ዋዓግ፣ ኣጋዘን፣ ዘራፍ ወዘተ |
| 20 | እንስሳት ዘቤት | ኣብ መንበሪ ገዛ ደቂሰባት ክንክን እናተገበረሎም ዝነብሩ እንስሳት። ንኣብነት ብዕራይ፣ ላሕሚ፣ ጤል፣ በጊዕ፣ ደርሆ፣ ድሙ፣ ከልቢ፣ ኣድጊ፣ ፈረስ፣ በቕሊ ወዘተ |
| 21 | ውሕስና ምግቢ | ኩሎም ዜጋታት ኩሉ ጊዜ ብኣካል፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ትሕዝቶኡ ዝተማልአ፣ እኹልን ብቑዕን ምግቢ ዘለዎን ጥዕንኡ ዝተሓለወ መነባብሮ እንትህሉ'ዩ። |
| 22 | ሰብኣዊ መሰል | ደቂ ሰባት ሰብ ብምኳኖም ጥራሕ ዝህለዎም መሰል ማለት'ዩ:: ሰብ ብሰብኣዊ ኽብሩ ኣይበላለፅን፣ ኹሉ ብሰብኣዊ ተፈጥሮኡ ማዕረ ክብሪ ይግብኦ፣ ካብዝብል መሰረታዊ ኣመለኻክታ ዝፍልፍል እዩ:: ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቋንቋ፣ ብቀለም፣ ብማሕበራዊ ኣመፃፅኦ፣ ብፆታ፣ ብዓሌት፣ ብፖለቲካ ወይድማ ካልኦት ኣመለኻክታ፣ ብኹነታት ቁጠባዊ ዓቕሚ፣ ብዕድመ፣ ኩነታት ጥዕና ይኹን ብካልእ ምኽንያት ኣፈላላይ ክይተገበረሎም ብሓባር ዝተዓደልዎም እዮም:: ሰብኣዊ ዝብል ቃል ሰብ ምኳን ዘመላኽት እንትኾን እዚ ድማ ተፈጥሯዊ'ዩ:: እዚኦም ባህሪያት ናይ ምሕሳብ፣ ምዝራብ፣ ብነፃነት ናይ ምንባር ድልየትን ዝመሳሰሉን እንትኾኑ ንምህላው ሰብኣዊ መሰላት ኣውራ ምኽንያታት እዮም:: |
| 23 | ው.ሕ.መ.ዓ | ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብ1945 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም |
| 24 | ኢጋድ | ብ1986 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸን ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ጂቡቲ ዝገበረ ኣጋርነት በይነ - መንግስታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት |
| 25 | ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት | ብ1949 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ኣመልኪቱ ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝፀደቐ ሕጊ እንትኸውን ኣብ 1970ታት ኣብ ጀኔቫ ምርድዳእ ዝተገብረሉ'ዩ። |
| 26 | ኢጋድ (Intergovernmental Authority on Development -IGAD) | ሽዱሽተ ሃገራት ብኣባልነት ዝርከባሉ ኣጋርነት በይነ-መንግስታት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት (ኢጋድ) |
| 27 | መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ናይል (Nile Basin Initiative) | ዓሰርተ ሃገራት ማለት ብሩንዲ፣ ኮንጎ ዲሞክራቲክ ሪፐብሊክ፣ ግብጺ፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ፣ ሩዋንዳ፣ ሱዳን፣ ታንዛኒያን ኡጋንዳን ብኣባልነት ዝርከቡሉ'ዩ። |

## መጠቓለሊ መልመዲ

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፅታት ዝበለፀ ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ።**

1. ካብዞም ዝስዕቡ ሃገራት ኣባል ስምምዕነት ተፋሰስ ሩባ ናይል ዘይኮነት ፍለዩ።
   - ሀ. ኬንያ
   - ለ. ሶማልያ
   - ሐ. ኡጋንዳ
   - መ. ታንዛኒያ
2. ኢጋድ ካብ ዝተጣየሸሎም ዕላማታት እቲ ቀንዲ ዝበሃል ፍለዩ።
   - ሀ. ልኡኽ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ንምፍፃም
   - ለ. ኣብቲ ዞባ (ቀጠና) ልምዓትን ሰላምን ንምርግጋፅ
   - ሐ. ኣብቲ ከባቢ ንዝፍጠሩ ጎንፅታት ብሰላምን ምርድዳእን ምፍታሕ
   - መ. ብዘይካ 'ሀ' ኩሎም መልስታት ትኽክል እዮም
3. ብዘርኣየቶ ተደጋጋሚ ፀገም ካብ ኣባልነት ኢጋድ ዝወፀት ሃገር መን'ያ?
   - ሀ. ጅቡቲ
   - ለ. ኤርትራ
   - ሐ. ሶማልያ
   - መ. ኬንያ
4. ንምግላልን ምፅያፍን ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከም መበገሲ ምኽንያት ተገይሩ ብሕብረተሰብ ከባቢና ዝውሰድ ፍለዩ።
   - ሀ. እቲ ሕማም ዝመሓላለፈሉ መንገዲ ዘይምፍላጥ
   - ለ. ሕፅረት ግንዛበ
   - ሐ. እቲ ሕማም ከም መርገም ተገይሩ ስለዝውሰድ
   - መ. ኹሉ መልሲ እዩ
5. ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ዝተደንገገሉ ዓንቀፅ ክንደይ'ዩ?
   - ሀ. 34
   - ለ. 35
   - ሐ. 36
   - መ. 37

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ "ሓሶት/ጌጋ" እናበልኩም መልሲ ሃቡ።**

1. ንሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምግላልን ምፅያፍን ኣብ ስድራ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ኣለዎ።
2. ኣብ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይል ዘሎ ዘይፍትሓዊ ኣጠቓቕማ ማይ መበገሲኡ ካብ ድልየት እተን ሃገራት ዝፈልፈለ እዩ።
3. ምግሃስ መሰል ህፃናት ማለት ብቐጥታ ኣካል ናይቲ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ተገይሩ እዩ ዝውሰድ።
4. ንሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምግላልን ምፅያፍን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት እዩ።

5. ምኽባር መሰል ህፃናትን ምሕላው ድሕንነት ህፃናትን ብቐጥታ ተዛማዳይነት ዘለዎም ተግባራት እዮም።
6. ኣብ ሃገርና ዘሎ ብርሰት ኣግራብ መንቀሊኡ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘብፀሖ ኣዎንታዊ ሳዕቤን እዩ።
7. ኢ.ጋድ ዝብል ሽም ካብ ፈለማ ጀሚሩ ዝነበረ መፀውዒ'ዩ።
8. ብርሰት ኣግራብ፣ ተሓራሲ መሬት ምንኣስን ኩነታት ውሕስና ምግቢ ብቐጥታ ዝተዛመዱ ጉዳያት እዮም።
9. ንሕብረተሰብ ኣስተምህሮ ምሃብን ውዳበኦም ክጠናኸር ምግባርን ንምክልኻል ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምችው ባይታ ይፈጥር እዩ።
10. ቤት ፅሕፈት ኢ.ጋድ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እዩ ዝርከብ።

**ሐ. ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዘለዉ ሓሳባት ምስ ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ኣዛምዱ።**

| | ሀ | | ለ |
|---|---|---|---|
| 1. | ነታጒ | ሀ. | ብርሰት ከባቢ |
| 2. | ኣባይ | ለ. | ሕድ ሕድ ውግእ |
| 3. | ፍግረ መሬት | ሐ. | ሰላምን ድሕንነትን |
| 4. | ከባቢ ምሕዋይ | መ. | ናይል |
| 5. | መሰላት ህፃናት | ሰ. | ዳግመ ግረባ ምክያድ |